# መሰረታት እምነት

# *Foundations of faith*



**ዓለምለኻዊ ትኻል ምህርቲ እቶት ቀውዒ**

**እዚ ኮርስ እዚ ኣካል ዓለምለኻዊ ትካል እቶት ቀውዒ ኮይኑ፡ ንኣመንቲ ንውጽኢታዊ መንፈሳዊ ቀውዒ ንክዕጥቕ ዝተዳለወ ገበታ ትምህርቲ እዩ።**

**እቲ መሰረታዊ ቴማ ናይዚ ስልጠና፡ ነቲ የሱስ ንገፈፍቲ ዓሳ፡ ንኣከብቲ ግብሪ፡ ወ.ዘ.ተ ዝኾኑ ሰባት ወሲዱ፡ ናብ ኣብነታውያን ክርስትያናት ብምልዋጥ፡ ብተጋህደ ሓይሊ ኣምላኽ ንወንጌል ሒዞም ናብ መላእ ዓለም ክበጽሑ ዝመሃሮም ትምህርቲ ምምሃር እዩ።**

**እዚ መምርሒ ጽሑፍ፣ ሽቶ ወንጌል ንምዉቃዕ፣ ንኣመንቲ ካብ ምትሓዝ ራእዩ፡ ናብ ምውካል፣ ቀጺሉ ናብ ምብዛሕ፣ ከምኡ'ውን ምዉዳብን ንወንጌል ምልዕዓልን ምስፋሕን ዝብል ኮይኑ፡ ካብ ብዙሓት ክፋላት ስልጠና ናይ ካሪክለማት ሃርቨስታይም ባይብል ኢንስቲቱይት ሓደ እዩ።**

© Harvestime International Institute http://www.harvestime.org

ንተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ ተወሳኺ ኮርሳት ከምዚ ዝስዕብ ጽሓፉ፤

Harvestime International Institute 1

4431 Tierra Dr.

Colorado Springs, CO 80921

U.S.A

ወይ ድማ

ሃርቨስታይም ባይብል ኢንስቲቱይት

ኣስመራ ኤርትራ

Email; harvestimebibleinstituteer@gmail.com

# ትሕዝቶ

ትሕዝቶ ........ iii

ከመይ ጌርና ነዚ መምርሒ ንጥቀመሉ ........ iv

ንጉጅለ መጽናዕቲ ዝኸውን ሓሳባት ........ v

መእተዊ ........ 1

ዕላማታት ስልጠና ........ 2

ምዕራፍ ሓደ መሰረታት ........ 3

ምዕራፍ ክልተ ንስሓ ካብ ምዉት ግብርታት፡ 1ይ ክፋል ........ 10

ምዕራፍ ሰለስተ ንስሓ ካብ ምዉት ግብርታት፣ ካልኣይ ክፋይ ........ 17

ምዕራፍ ኣርባዕተ እምነት ብኣምላኽ ........ 27

ምዕራፍ ሓሙሽተ ትምህርቲ ጥምቀታት፣ ቀዳማይ ክፋል ........ 38

ምዕራፍ ሽዱሽተ ትምህርቲ ጥምቀታት፣ ካልኣይ ክፋል ........ 47

ምዕራፍ ሸዉዓተ ምምባር ኣእዳው ........ 61

ምዕራፍ ሸሞንተ ትንሳኤ ምዉታት፡ ቀዳማይ ክፋል ........ 68

ምዕራፍ ትሸዓተ ትንሳኤ ምዉታት፡ ካልኣይ ክፋል ........ 76

ዕራፍ ዓሰርተ ናይ ዘልኣለም ፍርዲ ........ 87

ምዕራፍ ዓሰርተ ሓደ ፍጽምና ........ 103

# ከመይ ጌርና ነዚ መምርሒ ንጥቀመሉ

# ኣቃዉማ መምሃሪ ጽሑፍ

**ነፍሲ ወከፍ ትምህርቲ ብኸምዚ ዝስዕብ ዝቀመ እዩ፤**

***ዕላማታት፡-*** *ነታ ምዕራፍ ብምጽናዕ ክትበጽሖም ዘለካ ዕላማታት እዚኣቶም እዮም። ትምህርቲ ቅድሚ ምጅማርካ ኣንብቦም።*

***መሪሕ ጥቕሲ፡-*** እዛ ጥቕሲ ንቑንዲ ኣምር እታ ምዕራፍ እተጉልሕ እያ። ኣብ ዝኽርኻ ሓዛ (ሸምድዳ)

**ትሕዝቶ ምዕራፍ፡-** ንነፍሲ ወከፍ ክፍሊ ኣጽንዕ። ኣብቲ *መምርሒ ዘይተሓትመ ዝኾነ ይኹን መወከሲታት ንምርኣይ መጽሓፍ* ቅዱስካ ተጠቐም።

***ርእሰ-ግምገማ፡-*** *ነታ ምዕራፍ ኣጽኒዕካ ምስ ወዳእካ፡ ነዚ መርመራ ስርሓዮ። መጽሓፍ ቅዱስካ ወይ ነዚ መምርሒ መጽሓፍ* ከይተጠቐምካ ነቶም ሕቶታት ክትምልሶም ፈትን።

***ንዝያዳ መጽናዕቲ፡-*** እዛ ኽፍሊ፡ ክእለት ኣገባብ ኣጸናንዓ *መጽሓፍ ቅዱስካ ኽተመሓይሽን ነቲ እተማሃርካዮ ኣብ ህይወትካን* ኣገልግሎትካን ኣብ ግብሪ ንኽተውዕሎን ክትሕግዘካ እያ።

***መዛዘሚ መርመራ፡-*** ምዱብ ተመሃራይ ሃርቨስት ታይም ኢንስቲትዩት ክትከውን እንተተመዝጊብካ፡ ስልጠናኻ ምስ ወዳእካ ፍልጠትካ ዝመዝን መርመራ ክትወስድ ኢኻ። መርመራ ሰሪሕካ ምስ ኣረከብካ፡ ብመምሃራን ክእረምን ውጽኢቱ ክምዝገብን እዩ።

**ተወሰኽቲ መሳለጥያ ምህሮ**

ትግርኛ ቀዳመይቲ ትርጉም መጽሓፍ ቅዱስ 1957 ከተድልየካ እያ።

# ንጉጅለ መጽናዕቲ ዝኸውን ሓሳባት
# ቀዳመይቲ ኣኼባ

***መኽፈቲ፣*** መእተዊ ጸሎት ብምግባር ጀምር። ምስ ተመሃሮ ተላለ፣ ኣስማቶም ድማ መዝግቦም።

**ኣገባብ ኣካይዳ ጉጅለ ኣቑም፦** ነቶም ኣኼባታት መን ከም ዝመርሖም፡ ሰዓት፡ ቦታን ዕለታትን ክፍለ-ጊዜታት ወስን።

**ኣምልኾን ምስጋናን፦** ኣብ እዋን ኣኼባ ህልውና መንፈስ ቅዱስ ዓድም።

**ንተማሃሮ መጻሕፍቲ ዓድል፦** ኣርእስቲ መጽሓፍ፡ ቅርጽን ዕላማታትን ስልጠና ንተማሃሮኻ ኣላሊ።

***ፈላሚት ዕዮ ገዛ ሃብ፣*** ቅድሚ እታ እትቕጽል ኣኼባ፡ ተማሃሮ ነቶም ዝተመደቡ ምዕራፋት ከንብቡን ርእሰ-ግምገማታት ክሰርሑ ኣዝዞም። ብዝሒ ዝሸፈኑ ምዕራፋት፡ ኣብ ንውሓትን ትሕዝቶን ምዕራፍ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ዓቕሚ ተማሃሮ ይምርኮስ።

### ካልኣይትን ዝስዕቡን ኣኼባታት

***መኽፈቲ፣*** ጸሎት ግበር። ሓደሽቲ ተምሃሮ እንተለዉ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም ብምባል መጽሓፍ ሃቦም። ህላወ ተማሃሮ ተቖጻጸር። ሓጺር ናይ ምስጋናን ኣምልኾን ግዜ ይሃልኻ።

**ድግማ፦** ሓጺር ጽማቕ ናይ'ቲ ኣብ ዝሓለፈ ኣኼባ ዘጽናዕካዮ ትሕዝቶ ኣቕርብ።

**ትምህርቲ፦** ነቲ ብድሙቕ ዝተጻሕፈ ኣርእስትታት ዘለዎ ክፋል ነፍስ-ወከፍ ምዕራፍ ከም መምሃሪ ንድፊ ተጠቒምካ ተመያየጥ። ንተማሃሮ ብዛዕባ እቲ ዘጽንዕዎ ሕቶታት ወይ ርእይቶታት እንተለዎም ሕተቶም። ነቲ ትምህርቲ ኣብ ህይወትን ኣገልግሎትን ተማሃሮኻ ግብራዊ ከም ዝኸውን ግበር።

**ርእሰ-ግምገማ፦** ተማሃሮ ዝወድእዎ ርእሰ-ግምገማታት ደጊምካ ርአ።

***ንዝያዳ መጽናዕቲ፦*** ነዞም መጽናዕትታት ብጉጅለ ወይ ብውልቂ ክትገብሮም ትኽእል ኢኻ።

***መዛዘሚ መርመራ፦*** ምዱብ ተመሃራይ ሃርቨስት ታይም ኢንስቲትዩት ክትከውን እንተተመዝጊብካ፡ ስልጠናኻ ምስ ወዳእካ ፍልጠትካ ዝመዝን መርመራ ክትወስድ ኢኻ። መርመራ ሰሪሕካ ምስ ኣረከብካ፡ ብመምሃራን ክእረምን ውጽኢቱ ክምዝገብን እዩ።

**ክፋል ስልጠና፡** ውክልና

**ኣርእስቲ ስልጠና፡** *መሰረታት እምነት*

# *መእተዊ*

*መዛረቢ ነጥብታት እዛ ስልጠና፡ እቶም መባእታውያን መሰረታት እምነት ክርስትና እዮም። መሰረታት እምነት ዝበሃሉ፣ እኩባት ትምህርታት ኣብ ሓደ ኣርእስቲ እዮም። መሰረታት እምነት እምነት ክርስትና ከኣ፣ እቶም ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ተጻሒፎም ዘለዉ ትምህርታት የሱስ ክርስቶስ እዮም።*

እዞም ትምህርታት እዚኦም ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ መልእኽቲ እብራውያን ተዘርዚሮም ኣለዉ።

> *"ስለዚ ናይ ክርስቶስ መጀመርታ ነገሩ ሓዲግና ብንስሓ ካብ ምውት ግብሪ፣ ብእምነት ብኣምላኽ ፣ ብትምህርቲ ጥምቐት፣ ብምንባር ኣእዳዉ፣ ብትንሳኤ ምዉታት፣ ብናይ ዘልኣለም ፍርዲ ውን ከም ብሓድሽ መሰረት ኣይንሰርት እሞ ናብ ፍጻሜ ንሕለፍ። ኣምላኽ እንተፈቐደስ ነዚ ድማ ክንገብሮ ኢና።" (እብ 6:1-3)*

ኣብዛ ጥቕሲ ክልተ *መንፈሳዊ ዕላማታት* ቀሪበን ኣለዋ፤

እታ *ቀዳመይቲ ዕላማ* መንፈሳዊ ህይወትካ ኣብቲ ቅኑዕ *መሰረት* ምህናጽ እያ። እዚ *መሰረት* እዚ እቲ *መሰረት እምነት* (ትምህርቲ) የሱስ ክርስቶስ እዩ።

እታ ካልኣይቲ *ዕላማ* ድማ ናብ ፍጻሜ ምሕላፍ እያ። ፍጻሜ ማለት ድማ *መንፈሳዊ* ብጽሕና (ብስለት) ማለት እዩ። ዕዉት ክርስትያናዊ ህይወት ካብ ምንባር ዘትርፉና ክልተ ምኽንያታት ኣለዋ።

እታ *ቀዳመይቲ* ምኽንያት፣ እቶም ከም ክርስትያን ክነብሩ ዝፍትኑ ዘለዉ ፈጺሞም ከም ብሓድሽ ዘይተወልዱ ስለ ዝኾኑ እዩ። ነቶም መባእታዉያን ትምህርትታት የሱስ ክርስቶስ ኣየስተዉዕልዎምን እዮም። እዚ ምስትዉዓል እዚ ስለ ዝጎድሎም ከኣ ንኣምላኽ ቅኑዕ ግብረ-መልሲ ካብ ምሃብ ተሪፎም ኣለዉ።

እታ ካልኣይቲ ምኽንያት ዉድቐት ድማ ናብ *መንፈሳዊ* ብጽሕና ዘይምሕላፍ እያ።

*ቀዳማይ ዕላማ`ዚ ስልጠና እምበኣር እቶም ንቅኑዕ መንፈሳዊ መሰረት ኣገደስቲ ዝኾኑ መሰረታዉያን ትምህርትታት እምነት* ክርስትና ንምቕራብ እዩ።

እቶም ሽዱሽተ *መባእታዉያን* ትምህርታት እብ 6:1-3 ክንዛረበሎም ኢና፡ ንሳቶም ከኣ፥

- ንስሓ ካብ ምዉት ግብርታት
- እምነት ብኣምላኽ
- ትምህርትታት ጥምቀት
- ምንባር ኣእዳዉ
- ትንሳኤ ምዉታት
- ናይ ዘልኣለም ፍርዲ እዮም።

ነዚ *መሰረት* እዚ ምስ ኣቐምካ፡ እቲ ካልኣይ *ዕላማ`ዚ ስልጠና* ናብ ፍጽምና (*መንፈሳዊ* ብጽሕና) ንኸብጽሓካ እዩ ...

> *"... ኣምላኽ እንተ ፈቐዶስ፣ ነዚ ድማ ክንገብሮ ኢና።"*

# ዕላማታት ስልጠና

**ነዚ ስልጠና እዚ ምስ ወዳእካ ነዚ ዝስዕብ ክትገብር ክትክእል ኢኻ:**

- **ኣብ እብ** 6: 1-3 **ተዘርዚሮም ንዘለዉ ሽዱሽተ መባእታዉያን ትምህርትታት እምነት ክርስትና ምግላጽ**
- **ኣብ ናይ ግልኻ ህይወት ጥዑይ መንፈሳዊ መሰረት ምምስራት**(**ምስራት**)
- **ናብ መንፈሳዊ ብጽሕና** (**ብስለት**) **ክትሓልፍ**

# ምዕራፍ ሓደ

# መሰረታት

***ዕላማታት፡*** *ነዛ ምዕራፍ ምስ ወዳእካ ነዚ ዝስዕብ ክትገብር ክትክእል ኢኻ።*

- *ነታ መሪሕ ጥቕሲ ዘኪርካ ክትጽሕፍ*
- *ኣብ ሞንጎ ቅኑዕን ጌጋን መንፈሳዊ መሰረት ክትፈላለ.*
- *ኣገዳስነት ኣብ ቅኑዕ መሰረት ምህናጽ ከተብርህ*
- *ንየሱስ ክርስቶስ ከም ሓቐኛ መንፈሳዊ መሰረት ክትፈልጦ*
- *ሓደ ጥዑይ መንፈሳዊ መሰረት ንምህናጽ ዘድልዩ ሰለስተ ደረጃታት ክትዝርዝር*

## *መሪሕ ጥቕሲ፦*

> *"ስለዚ ናይ ክርስቶስ መጀመርታ ነገሩ ሓዲግና ብንስሓ ካብ ምውት ግብሪ፣ ብእምነት ብኣምላኽ ፣ ብትምህርቲ ጥምቀት፣ ብምንባር ኣእዳዉ፣ ብትንሳኤ ምዉታት፣ ብናይ ዘልኣለም ፍርዲ ውን ከም ብሓድሽ መሰረት ኣይንሰርት እሞ ናብ ፍጻሜ ንሕለፍ። ኣምላኽ እንተፈቐደስ ነዚ ድማ ክንገብሮ ኢና።" (እብ 6:1-3)*

### *መእተዊ*

*መጽሓፍ ቅዱስ ንናይ ኣማኒ ህይወት ምስ ምህናጽ ሓደ ህንጻ የነጻጽሮ፡*

> *"... ህንጻ ኣምላኽ ኢኹም።" (1ቆረ 3፡9)*

*ነፍሲ ወከፍ ኣማኒ፣ ንምህናጽ እታ ማሕበር ምስ ካልኦት ክርስትያናት ብክርስቶስ ሓቢሩ ኣሎ። መጽሓፍ ቅዱስ'ውን ንማሕበር ምስ ህንጻ የመሳስላ እዩ።*

*"ንስኻትኩም'ውን ኣብኡ ማሕደር ኣምላኽ ብመንፈስ ክትኮኑ ሓቢርኩም ትህነጹ ኣሎኹም።"* (ኤፌ. 2:22)

*ሰባት ሓደ ህንጻ ኣብ ዝሰርሕሉ ግዜ፣ መጀመርታ ቅኑዕ መሰረት ከቐምጡ ኣለዎም። እዚ ኩሉ ህዝቢ ዝርድኦ ባህርያዊ መትከል ስለዝኾነ፡ ኣምላኽ ድማ ዓቢ መንፈሳዊ ሓቂ ንክምህር ተጠቂምሉ ኣሎ።*

*ሓደ ኣማኒ ጽቡቕ መንፈሳዊ ቤት ንኽሃንጽ ናይ ግድን ቅኑዕ መሰረት ክህልዎ ኣለዎ። እቲ መሰረት ከኣ ከም ንድፊ ናይ`ቲ ሃናጺ ክቕመጥ ኣለዎ። መጽሓፍ ቅዱስ ድማ ንድፊ ናይቲ ብሉጽ ሃናጺ ዝኾነ የሱስ ክርስቶስ ይህበና።*

*እዛ ምዕራፍ እዚ ኣገዳስነት ግቡእ መንፈሳዊ መሰረት ምህላዉ ትገልጽ። ከምኡ ድማ መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ እዚ መሰረት እዚ ዝምህሮ መባእታዉያን መትከላት የቕርብ።*

## *ዕላማ ምህናጽ*

*ዕላማ`ቲ ናትካ መንፈሳዊ "ህንጻ" ንኣምላኽ ዝኸውን መንበሪ (ማሕደር ኣምላኽ ዝኸውን ቦታ) ንምድላው እዩ። መንፈሱ ኣባኻ ዝሓድር ከኣ ንስኻ ኣብቲ ቅኑዕ መሰረት ምስ ተሰረትካ ጥራይ እዩ።*

*ጳውሎስ ከምዚ ክብል ይሓትት፡*

> *"ቤት መቕደስ ኣምላኽ ምዃንኩምን መንፈስ ኣምላኽ ኣባኻትኩም ሓዲሩ ምህላዉን'ዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም፧"*

*(1ቆረ 3:16)*

**ከምዚ ስለዝኾነ እዩ እምበኣር መንፈሳዊ ህይወትካ ተጠንቂቕካ ክትሃንጽ ዝተነግረካ።**

*"ነፍሰወከፍ ውን ከመይ ጌሩ ከምዝሃንጽ ይጥንቀቕ።" (1ቖረ 3፡10)*

## እቲ መሰረት

እቲ ቃል ኣምላኽ ዝዛረበሉ መንፈሳዊ መሰረት፡

**ኣብ ቃል ኣምላኽ ዝተሰረተ እዩ፥**

*"ቃል ኣምላኽ ከም ከውሒ ጸኒዑ ዝቀውም መሰረት እዩ፡ ሓደ`ኳ ከነቓንቖ ኣይኽእልን።" (2 ጢሞ 2፡19 the living bible)*

**ጽቡቕ (ጥዑይ) መሰረት እዩ፥**

*"ናይ ብሓቂ ህይወት ምእንቲ ኺረኽቡስ፡ ነቲ ዚመጽእ ዘሎ ጊዜ ጽቡቕ መሰረት ንርእሶም ኪእክቡ ኣዝዞም።" (1ጢሞ 6፡19)*

**ኣብ ጽድቂ ዝተሰረተ እዩ፥**

*"እቲ ነቕ ዘይብል ጻድቕ ግና ንዘልኣለም ዝነብር መሰረት ኣለዎ" (ምሳ 10፡25 The Amplified Bible)*

**ዘልኣለማዊ እዩ፡**

*"---- ንርእሶም ከኣ ንዘልኣለም ዝነብር ሃብቲ ክእክቡ፥ ነቲ ዝመጽእ ዘሎ ግዜ ጽቡቕ መሰረት ከንብሩ -----" (1ጢሞ 6፡19 The Amplified Bible)*

**ኣብ ክልተ መሰረታዉያን መትከላት ይዓርፍ:**

*"እቲ ጽኑዕ መሰረት ኣምላኽ ግና ቀይሙ ኣሎ፣ እዚ ማሕተም እዚ'ውን ኣለዎ፣ እግዚኣብሄር ነቶም ናቱ ዘበሉ ይፈልጦም እዩ፣ ስም እግዚኣብሄር ዚሰሚ ዘበለ ኩሉ ኻኣ ካብ ዓመጻ ይርሓቕ።" (2ጢሞ 2:19)*

እቶም እቲ መሰረት ዝቕመጠሎም ክልተ መትከላት ከኣ፦

1. ዝደሓኑ ሰባት፡ ኣምላኽ ነቶም ናቱ ይፈልጦም እዩ።
2. ድሑን ህይወት ሒዝካ ምንባር፡ ስም እግዚኣብሄር ዝሰሚ ዘበለ ኩሉ ኻኣ ካብ ዓመጻ ይርሓቕ።

**ኣብ ልዕሊ ዘይነቓነቕ ከውሒ ዝተሃንጸ እዩ**

*"ቤት ኪሰርሕ ከሎ፡ ኣዕሚቑ ዝኹዐተን መሰረቱውን ኣብ ከውሒ ዝሰረተን ሰብኣይ እዩ ዚመስል። ደምሳሲ ውሒዝ ምስ መጸ፡ እቲ ውሒዝ ነታ ቤት ደፍኣ፡ ኣብ ከውሒ ስለ እተሰረተት ከኣ፡ ምንቕናቓ ሰኣነ።" (ሉቃ 6፡48)*

**እቲ ከውሒ እቲ ከኣ የሱስ ክርስቶስ እዩ**

*"ካልእ ከውሒ የለን፤ ኣነ ዝፈልጦ የለን።" (ኢሳ 44:8፡ The Amplified Bible )*

ኢየሱስ ክርስቶስ እቲ እንኮ መሰረት መንፈሳዊ ህይወት እዩ፤

*"ብዘይ እቲ ሰሩት መሰረት፡ ንሱ ኸኣ የሱስ ክርስቶስ፡ ካልእ መሰረት ሓደ እኳ ኺሰርት ዚኽእል የልቦን --" (1ቆረ 3:11)*

## የሱስ፡ እቲ መሰረት

ኣምላኽ እዩ ንየሱስ ክርስቶስ መሰረት መንፈሳዊ ህይወት ክኸውን ዝመረጾ፡

*"... እንሆ፣ ኣብ ጽዮን እምኒ መሰረት፣ ፍቱን እምኒ፣ ድልዱል ዝመሰረቱ፣ ክቡር እምኒ ኩርናዕ ኤንብርኣለኹ ..." (ኢሳ 28:16)*

መሰረት መንፈሳዊ ህይወት ሰብ ዝሰርሖ እምነት፣ ሃይማኖት ወይ'ውን ሃይማኖታዊ ስርዓት ኣይኮነን። እቲ መሰረት የሱስ

ክርስቶስ እዩ።

ብዙሓት ኣመንቲ ኢና ዝብሉ ኣብ ህይወቶም ዓበይቲ መንፈሳዊ ኣቃውማ ክርስትና ክሃንጹ ይፍትኑ። ኣብ መደብ ቤተ ክርስቲያን ተጸሚዶም ብዙሕ ሰናይ ስራሕ ይሰርሑ። ደጋዊ መልክዕ መንፈሳዊ ህንጻቶም ጽቡቕ እዩ። ነዊሕ ከይጸንሐ ግን እቲ መንፈሳዊ ህንጻኦም ክሃምምን ክፈርስን ይጅምር። ተሰፋ ይቖርጹ፣ ይስዓሩ፣ ኣብ ሓጢኣት ይወድቁ ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ድማ ኣብ ዘይግቡእ መሰረት ክሃንጹ ስለ ዝፍትኑ እዩ።

ከምቲ ኣብዚ ባህርያዊ ዓለም'ዚ ሓደ ህንጻ ብግቡእ ንክድልድል ጽቡቕ መሰረት ኣገዳሲ ዝኾነ፣ ቅኑዕ መንፈሳዊ መሰረት ድማ ህንጻ መንፈሳዊ ህይወትካ ንኽጸንዕ ኣገዳሲ እዩ።

> *"ብዘይ እቲ ሰሩት መሰረት፣ ንሱ ከኣ የሱስ ክርስቶስ፣ ካልእ መሰረት ሓደ እኳ ኺሰርት ዚክእል የልቦን...ሓደ እኳ ኣብ ልዕሊ እዛ መሰረት እዚኣ ወርቂ፣ ብሩር፣ ክቡር እምኒ፣ ዕጨይቲ፣ ሳዕሪ ወይስ ሓሰር እንተ ሰርሔ፣ እታ መዓልቲ እቲኣ ብሓዊ ክትግለጽ እያ እሞ ክትቀልዖ እያ። ግብሪ ነፍሲ ወከፍ ክግሃድ እዩ፣ ንግብሪ ነፍሲ ወከፍ ከኣ ከመይ ምዃኑ እቲ ሓዊ ክፍትኖ እዩ።" (1ቆረ 3፡10-13)*

ኩሎም "ክርስትያናዊ" ዕዮታት ዝበሃሉ ብኣምላኽ ክፍተኑ እዮም። ኣቃውማ መንፈሳዊ ህይወትካ ኣብ ቅኑዕ መሰረት ተሃኒጹ እንተኾይኑ ክምርመር እዩ። እቲ እንኮ ዝጸንዐ መሰረት ናይ መንፈሳዊ ህይወት ድማ እቲ ኣብ የሱስ ክርስቶስ ዝተሃንጸ እዩ።

## ኣገዳስነት መሰረታት

መሰረታት ኣዝዮም ኣገደስቲ እዮም። ጸሓፊ ናይ መዝሙር ዳዊት ነዚ ዘስተዉዓለ ይመስል፡

> *"መሰረታት እንድሕር ፈሪሱ ደኣ፣ እቲ ጻድቕ እንታይ ክገብር ይክእሎ፧" (መዝ 11፡3)*

ኣብዚ ባህርያዊ ዓለም መሰረት ሓደ ህንጻ ብግቡእ እንተዘይተነቢሩ ብዘሎ ቅርጺ እቲ ህንጻ ዓነውነው ክብል ይኽእል እዩ። ኣብቲ መንፈሳዊ ዓለምውን ልክዕ ከምኡ እዩ። ዘይቅኑዕ መሰረት መንፈሳዊ ሓደጋ(ዕንወት) እዩ ዘስዕብ።

መጽሓፍ ትንቢት ሃጌ ኣብ ኣገዳስነት ጥዑይ መንፈሳዊ መሰረታት ይጸቕጥ። ኣብቲ ግዜ እቲ እስራኤላውያን ኣብዚ ባህርያዊ ዓለም ትሑት እቶት እዮም ዘእትዉ ኔሮም። ሃጌ ድማ መገድታቶም ክምርምሩ ነጊሩዎም።

> *"ንስኻትኩም ብዙሕ ዘራእኩም፣ ሒደት ኣእቶኹም። ...መንገድኹም ሕሰቡ... ንስኻትኩም ብዙሕ ተጸበኹም፣ እንሆ ከኣ፣ ሒደት እዩ ..." (ሃጌ 1፡6,7,9)*

ሃጌ ነቲ ጸገም ንምፍዋስ፣ ኣብቲ ባህርያውን መንፈሳውን ዓለማት ከም ብሓድሽ ክሃንጹ ከም ዘለዎም እዩ ንእስራኤላውያን ነጊርዎም።

ኣብዚ ባህርያዊ ዓለም ከም ብሓድሽ ምህናጽ ንእስራኤላውያን ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ ዝነበረ። እቲ ምኽንያቱ ከኣ ቤት ኣምላኽ ምህናጽ ደንጉዮም ስለ ዝነበሩ እዩ። ንሳቶም ካብ`ቲ ቤት መቕደስ ከም ብሓድሽ ክትህነጽ ኣለዋ ዝብል ትእዛዝ ኣምላኽ ናይ ገዛኹ ርእሶም ድሌታት ኣቀዲሞም ኣባይቶም ይሃንጹ ነበሩ። እቲ ኣዝዩ ኣገዳሲ ነገር ግና፣ መንፈሳዊ መሰረታት ህይወቶም ቅኑዕ ኣይነበረን።

> *"...እዚ ዓሌት እዚ ከምኡ እዩ፣ ኣብ ቅድመይ እዚ ህዝቢ እዚ ከምኡ እዩ፣ ይብል እግዚኣብሄር፣ ኩሉ ዕዮ ኣእዳዎም ከምኡ እዩ፣ እቲ ኣብኡ ዜቕርብሉይ ድማ ርኹስ እዩ።" (ሃጌ 2፡14 The Amplified Bible)*

ብዘይ ቅዱሳት ኣእዳው ዝቐርብ ጽቡቕ ዕዮ ቅቡል ኣይኮነን። መንፈሳዊ መሰረታት ህይወቶም ቅኑዕ ኣይነበረን፡ በዚ ምኽንያት እዚ እዮም ድማ ብኣምላኽ ዘይተባረኹ።

ኣብቲ ባህርያዊ ዓለም፡ ሃጌ ንህዝቢ ኣምላኽ መሰረት ቤት-መቕደስ ኣምላኽ ናይ ግድን ከም ብሓድሽ ክሃንጽዎ ከም ዝግባእ ነጊርዎም። ንመንፈሳዊ ህይወቶም`ውን እንደገና ኣብ ቅኑዕ መሰረት ክሃንጽዎ ከም ዝግባእነጊርዎም። በታ እስራኤል ኣብቲ ቅኑዕ መሰረት ክሃንጹ ዝጀመሩላ መዓልቲ ድማ እግዚኣብሄር ክባርኾም ጀሚሩ፡

> *"ሕሰቡ፣ ካብ እዛ መዓልቲ እዚኣ ... ካብታ መቕደስ እግዚኣብሄር እተሰረተትላ መዓልቲ ሕሰቡ። እኽልስ ገናዶ ኣብ*

*ቆፎ ኣሎ እዩ፣ ተኸሊ ወይንን ኦም በለስን ሮማንን ኣዉልዕን ክሳዕ ሎሚ ኣይፈረየን። ካብዛ መዓልቲ እዚኣ ጀሚረ ክባርኽ እየ።" (ሃጌ 2:18-19)*

ካብታ ቅኑዕ መሰረታት ክትሃንጽ እትጅምረላ መዓልቲ ኣትሒዙ፣ ኣምላኽ ኣብ ኩሉ መዳይ ህይወትካ ክባርኸካ እዩ።

**ትምህርቲ የሱስ** የሱስ ንኣድላይነት ኣብ ጽቡቕ መንፈሳዊ መሰረት ምህናጽ ጸቒጥሉ ኣሎ። ነዚ ሓቂ እዚ ብኽልተ ገዛዉቲ ዝሰርሑ ሰብኡት ገይሩ መሲልዎ ኣሎ። መጽሓፍ ቅዱስ ነዚ ምስላ እዚ ኣብ ክልተ ቦታ መዝጊብዎ ንረኽቦ። እቲ ሓደ ኣብ ማቴ 7:24-29 እቲ ካልኣይ ድማ ኣብ ሉቃ 6:47-49 እዩ። ምንጽጻር ክልቲኡ ሓሳብ እቲ ጽሑፍ ድማ ብኽምዚ ዝስዕብ ቀሪቡ ኣሎ፥

**ሉቃስ**

እቲ ናባይ ዚመጽእን ንቓለይ ሰሚዑ ዚገብሮን ዘበለ ኹሉ፡ ንመን ከም ዚመስል ክርእየኩም እየ፡ቤት ኪሰርሕ ከሎ፡ ኣዕሚቑ ዝኹዐተን መሰረቱውን ኣብ ከውሒ ዝሰረተን ሰብኣይ እዩ ዚመስል። ደምሳሲ ውሒዝ ምስ መጸ፡ እቲ ውሒዝ ነታ ቤት ደፍኣ፡ ኣብ ከውሒ ስለ እተሰረተት ከኣ፡ ምንቕናቓ ሰኣነ።**ሉቃስ**

እቲ ሰሚዑ ዘይገብሮ ግና ቤቱ ብዘይ መሰረት ኣብ ምድሪ ዝሰርሔ ሰብኣይ እዩ ዚመስል። ውሒዝ ደፍኣ፡ ብኡብኡ ወደቐት። ኣዋዳድቓ እታ ቤት እቲኣ ኸኣ ዓብዩ ኾነ። (ሉቃ 6:47-49)

**ማቴዎስ**

ኣብዚ ክፍሊ ጽሑፍ ሓያሎ ኣገደስቲ መትከላት ኣለዉ፡

ነዚ ነገረይ ሰሚዑ ዚገብሮ ኹሉ፡ ቤቱ ኣብ ከውሒ ዝሰርሔ ብልሂ ሰብኣይ ይመስል።ዝናም ዘነመ፡ ውሒዝ ወሐዘ፡ ንፋሳውን ነፈሰ፡ ነታ ቤት ከኣ ደፍእዋ። ኣብ ከውሒ ተሰሪታ እያ እሞ፡ ኣይወደቐትን።

**ማቴዎስ**

ነዚ ነገረይ ሰሚዑ ዘይገብሮ ኹሉ ኸኣ ቤቱ ኣብ ሑጻ ዝሰርሔ ዓሻ ሰብኣይ ይመስል።
ዝናም ዘነመ፡ ውሒዝ ወሐዘ፡ ንፋሳውን ነፈሰ፡ ነታ ቤት ደፍእዋ፡ ወደቐት፡ ኣዋዳድቓኣ ድማ ዓብዩ ኾነ።
- ኩነ ድማ፡ የሱስ ነዚ ነገርዚ ምስ ወድኤ፡ ከም ጸሓፍቶም ዘይኰነስ፡ ስልጣን ከም ዘለዎ ይምህሮም ነበረ እሞ፡ እቶም ህዝቢ ብምህሮኡ ተገረሙ። (ማቴ 7:24-29)

## ትምህርቲ፡

ቅኑዕ መንፈሳዊ መሰረት ምህናጽ ኣካል ሰረተ-እምነት [ትምህርቲ] የሱስ እዩ። እዚ እቲ ቀዳማይ መትከል እዩ። ኣብ`ቲ ጽሑፍ "እቶም ህዝቢ ብምህሮኡ ተገረሙ።" ዝብል ተመዝጊብ ኣሎ። የሱስ ኣብ ጽቡቕ መሰረት ምህናጽ ኢሉ ዝነገሮ ዛንታ ኣካል`ቲ ምህሮ እዩ።

ጳዉሎስ'ውን ኣብ ቅኑዕ መሰረት ምህናጽ ከም ኣካል ትምህርቲ ክርስቶስ ምኻኑ ይዛረብ፥

*"ስለዚ ናይ ክርስቶስ መጀመርታ ነገሩ ሓዲግና … ከም ብሓድሽ መሰረት ኣይንሰርት …" (እብ 6:1)*

ብድሕርዚ ድማ ጳዉሎስ ንትሕዝቶ ትምህርቲ የሱስ ብዝርዝር ይጠቕስ።

## እቲ ቅኑዕ መሰረት፡

ጽቡቕ መንፈሳዊ መሰረት ንምህናጽ ዘደልዩ ስጉምትታት ኣብ ሉቃ 6:47 ተዋሂቦሙና ኣለዉ፥

1. እቲ ናባይ ዝመጽእን
2. ንቓለይ ዝሰምዕን
3. እቲ ዝገብሮን

ሰለስቲኦም ስጉምትታት ኣድለይቲ እዮም። ናብ የሱስ ምምጻእ ጥራይ እኹል ኣይኮነን። ነቲ ንሱ ዝበሎ'ውን ክትሰምዖ ኣለካ። ምምጻእን ምስማዕን ጥራይ ከኣ እኹላት ኣይኮኑን። ብግልኻ ስጉምቲ ክትወስድ ኣለካ። ሓደ ሰብ ግብራዊ ስጉምቲ ከይወሰደ ናብ የሱስ ክመጽእን፡ ነቲ ንሱ ዝበሎ'ውን ክሰምዖን ይኽእል እዩ።

*"ስለምንታይ ደአ ጎይታይ ጎይታይ እትብሉኒ፡ ነቲ ኣነ ዝብሎ ግና ኣይትገብሩን፧" (ሉቃ 6:46)*

ነቲ ቃል ትፈልጦ ገና ግን ዘይትገብሮ (ኣብኡ ዘይትመላለስ) ክትከውን ትኽእል ኢኻ። ንትምህርትታቱ ኣብ ግብሪ ክሳብ እተውዕሎ የሱስ ናይ ሓቂ ጎይታ ህይወትካ ኣይኮነን። ጽቡቕ መሰረት ኣብ ቃል ኣምላኽ ዝተመስረተ እዩ። እቲ ናብ የሱስ ዝመጸ፡ ቃሉ ዝሰምዕ፡ ነቲ ዝሰምዖ ድማ ኣብ ግብሪ ዘውዕሎ ሰብኣይ ብልሂ ይበሃል። እዚ ሰብኣይ እዚ መንፈሳዊ መሰረት ህይወቱ ጽኑዕ ምዃኑ ኣረጋጊጹ እዩ።" ኣዕሚቁ ዝኾዓተን "ነቲ ኣብ መንጉኡን ኣብ መንጎ እቲ ከውሒ፡ የሱስ ክርስቶስን ዘሎ ኩሉ ነገር ድማ ዘዕሞቐን እዩ።

ቃል ኣምላኽ፣ መንፈሳዊ ህይወትካ ከመይ ጌርካ ከምትሃንጽ ዘርኢ ንድፊ እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ ከም ናይ መወዳእታ ስልጣንን ንድፊ ናይ መንፈሳዊ መሰረትካን ጌርካ ክትቅበሎ ኣሎካ፣ ምኽንያቱ ...

> *"ትንቢትሲ ቅዱሳት ሰባት እዮም ብመንፈስ ቅዱስ ተመሪሖም ካብ ኣምላኽ እተዛረብዎ እምበር፣ ከቶ ብፍቓድ ሰብ ኣይመጸን።" (2ጴጥ 1:21)*

ዕላማ ምግላጽ ኣምላኽ ኣብ 2ጢሞ 3፡6 ተዋሂቡ ኣሎ፡

> *"... መንፈስ ኣምላኽ ዝነፈሶ ዘበለ ጽሑፍ ንትምህርቲ፣ ንተግሳጽ፣ ንምቕናዕ፣ ንጽድቂ ዚኸውን ምእዳብ ይጠቅም።" (2ጢሞ 3:16-17)*

መጽሓፍ ቅዱስ፣ ኣብ መሰረታዊ ትምህርትታት የሱስ ንዘሎ መምርሒታት ዝሓቀፈ እዩ። ከምኡ'ውን ነዞም ትምህርትታት እዚኦም ዘይምስዓብካ ተግሳጽን መኣረምታን ይህብ።

**እቲ ዘይቅኑዕ መሰረት፡**

እቲ ኣብ ዘይቅኑዕ መሰረት ዝሃነጸ ሰብኣይ ንቃል ኣምላኽ ሰሚዑ ነይሩ እዩ፣ ኣብቲ ዝሰምዖ ግን ግብራዊ ስጉምቲ ኣይወሰደን። ንሱ ዓሻ ሰብኣይ ተባሂሉ፣ ምስቲ ቤቱ ብዘይ መሰረት ዝሰርሕ ሰብኣይ ከኣ ይመሳሰል (ሉቃ 6:49) ። ቤቱ ኣብ ክንዲ ኣብ ከዉሒ ኣብ ሑጻ ዝተሃንጸ እዩ (ማቴ 7:27) ።

ህይወትካ ኣብ ባህልታት ወይ ሃይማኖታዊ እምነታት ናይ ሰብ ዝተመርኮሰ እንተኾይኑ ብመንፈስ ኣብ ሑጻ ሃኒጽካ ኣሎኻ ማለት እዩ። እዚ ጽቡቕ ግብሪ ብምግባር፣ ቤት-ክርስትያን ከየብኮርካ ብምስታፍ ወይ ከኣ ሃይማኖታዊ ስርዓታት ብምፍጻም ንገዛእ ርእስኻ መንፈሳዊ ክትከውን ከምትኽእል ምሓሳብ እዩ

**ማዕበላት ህይወት፡**

የሱስ፣ ብዛዕባ እቶም ክልተ ሃነጽቲ ዝነገሮ ዛንታ ካልእ ሓቂ`ውን ይገልጽ እዩ። ንሱ ኸኣ ባህሪ ህይወት፣ ማዕበላዊ ምዃኑ እዩ። ኣጋጣሚታት ህይወት፣ ብዙሕ ዉልቃዊ ቅልዉላዋት እዩ ዘስዕብ። ሞት፣ ሕማምን ሓደጋን ከጋጥመካ እዩ። ኣመንቲ ከይተረፉ ጸገማት ከጋጥሞም እዩ። ግብ 14:22 "ናብ መንግስቲ ኣምላኽ ብብዙሕ ጸበባ ክንኣቱ ይግባእ እዩ።" ኢሉ የጠንቅቐና።

የሱስ ከኣ ከምዚ ኢሉ ኣሎ ፦

> *"...ኣብ ዓለም ጸበባ ኣለኩም። ግናኸ ኣጆኹም፣ ኣነ ንዓለም ሰዒረዮ እየ . . ." (ዮሃ16:33)*

ሓደ እኳ ነቲ ማዕበላት ከወግዶ ዝኽእል የልቦን። ኩሉ ሰብ ኣብ ዝሃለወ ይሃሉ ንማዕበላዊ ኣጋጣሚታት ህይወት ይሙኮሮ እዩ። እቶም ማዕበላት ተመሳሰልቲ እዮም፣ እቲ ፍልልይ ግን ሰባት እንታይ ዓይነት ግብረ-መልሲ ይህቡሎም እዩ። መንፈሳዊ ህይወትካ ቅኑዕ መሰረት እንተዘይብሉ ክትወድቕ ኢኻ። ከምቲ ኣብ ሑጻ ዝተሰርሐ ቤት ከኣ፡ እቲ ኣወዳድቓኣ ዓቢ ክኸውን እዩ። ህይወትካ ኣብቲ ቅኑዕ መሰረት የሱስ ክርስቶስን ኣብ ቃሉን [ትምህርቱ] እተሃንጸ እንተኾይኑ ከኣ እቲ ማዕበል ከነቓንቕካ ኣይክእልን እዩ። (እብ 12:26-27)

ናይ ምንዋጽ ተመክሮ ምስ ዝመጸኣ፡ እቲ ክነቓንቕ ዘይክእል ክጸንዕ እዩ። እቶም ደዉ ዝበሉ ድማ ቅኑዕ መንፈሳዊ መሰረት ሰሪቶም ኣለዉ።

**መሰረታት፡ እቲ ቅድመ ኩነት**

ኣብ ባህርያዊ ዓለም ጽቡቕ መሰረት ጥዑይ ህንጻ ንምህናጽ ቅድመ ኩነት እዩ። ቅድመ ኩነት ዝብል ቃል ትርጉሙ “ኣቀዲሙ ዘድሊ” ማለት እዩ። ዓንድታትን ደርብታትን ቅድሚ ምህናጹ ብግቡእ ዝተነብረ መሰረት ኣድላዪ እዩ። እቲ ደርብታት ኣብ ልዕሊ እቲ መሰረት እዩ ዝህነጽ።

ሓደ ብግቡእ ዝተነብረ መንፈሳዊ መሰረት ከኣ ቅድመ ኩነት ናይ መንፈሳዊ ብጽሕና እዩ። ኣብ እብ 6፡1-3 እቲ መንፈሳዊ መሰረት ብግቡእ እንተዘይተነቢሩ ናብ ፍጽምና ክንሓልፍ ከም ዘይንኽእል ተነጊሩና ኣሎ። መንፈሳዊ ብጽሕና ከም ኣብ ልዕሊ እቲ መንፈሳዊ መሰረት ዝቐመጥ ህንጻ እዩ። እቲ መሰረት ቅኑዕ እንተዘይኮይኑ እቲ ህንጻ ኣይጸንዕን እዩ፣ ንስኻ ከኣ ፈጺምካ መንፈሳዊ ብጽሕና ኣይክትጭብጥን ኢኻ።

እዞም ዝቕጽሉ ትምህርታት ኣካል መንፈሳዊ መሰረትካ ክኾኑ ዘለዎም ነገራት ከብርሁ እዮም። ግናኸ ከምቲ ምስላ እቶም ክልተ ሃነጽቲ ዘመልክቶ፣ ናይዞም መሰረታውያን ትምህርትታት ፍልጠት ጥራይ ክህልወካ እኹል ኣይኮነን። ንቃል ኣምላኽ ዉልቃዊ ግብረ መልሲ ክትህበሉ ኣለካ፣ ከምኡ'ውን ነዞም ሓቅታት እዚኦቶም ኣብቲ መንፈሳዊ መሰረት ህይወትካ ከተሕብሮም ኣሎካ።

ንቃል ኣምላኽ ግብረመልሲ እንተ ዘይሂብካሉ ከምቲ ብሃዋርያ ያቆብ ዝተገልጸ ሰብኣይ ኢኻ ትመስል፥

*ገበርቲ ቃል ኩኑ፣ ርእስኹም እናጠበርኩም ሰማዕቲ ጥራይ ኣይትኹኑ። ሓደ እኳ ሰማዒ ቃል ኮይኑ ገባሪ እንተዘይኮነ፣ ንሱ ነቲ ንገጽ ፍጥረቱ ብመስትያት ዚርኢ ሰብኣይ እዩ ዝመስል። ነፍሱ ይርኢ እሞ፣ ይኸይድ ብእብኡ'ውንከመይ ምኻኑ ይርስዕ። እቲ ኣብቲ ምሉእ ሕጊ፣ ንሱ ድማ ሕጊ ሓርነት፣ ኣጸቢቑ ዚጥምትን ዘጸንዕን ፣ ግብሪ ዚገብር እምበር፣ ዘይርስዕ ሰማዒ ግና፣ እዚ ብግብሩ ብጹእ ክኸውን እዩ። (ያቆ 1:22-25)*

በታ መንፈሳዊ ህይወትካ ኣብ ቅኑዕ መሰረት ንምህናጽ ክትጅምር ዝወሰንካላ ህሞት እግዚኣብሄር ከም ዝባርኸካ ዘክር።

ኣብ ዝቕጽል ምዕራፋት እትመሃሮም መሰረታዉያን መትከላት እዞም ዝስዕቡ እዮም፡

- ንስሓ ካብ ምዉት ግብሪ
- እምነት ብኣምላኽ
- ትምህርቲ ጥምቀት
- ምንባር ኣእዳዉ
- ትንሳኤ ምዉታት
- ናይ ዘልኣለም ፍርዲ

## ርእሰ ግምገማ

1. **መሪሕ ጥቕሲ ካብ ዝኽርኻ ጽሓፍ።**

______________________________________________

______________________________________________

______________________________________________

2. **ኣብ እብ** 6:1-3 **ተጠቒሶም ዘለዉ መሰረታዉያን ትምህርታት ጥቐስ፤**

__________________ __________________

__________________ __________________

__________________ __________________

3. **እንታይ እዩ ናብ መንፈሳዊ ብጽሕና ክትከይድ ዘኽእለካ፤**

______________________________________________

______________________________________________

4. **እቶም ኣብ ሉቃ** 6:4-7 **ተጠቒሶም ከም ዘለዉ፣ ግቡእ መንፈሳዊ መሰረት ንክትሃንጽ ዘኽእሉ** 3 **ነገራት እንታይ እንታይ እዮም፤**

5. **ብእግዚኣብሄር ዝተነብረ መንፈሳዊ መሰረት መን እዩ፤**______________________

## ንዚያዳ መጽናዕቲ

**መጽሓፍ ቅዱስ ትምህርትታት የሱስ ክርስቶስን ቃላት'ቲ እንኮን ህያውን ዝኾነ ኣምላኽን ዝሓቀፈ እዩ። ብኸመይ መንፈሳዊ ህይወትካ ኣብ ቅኑዕ መሰረት ከም ትሃንጽ ድማ ይገልጽ።**

**እዞም ዝስዕቡ ጥቕስታት ብዛዕባ ቃል ኣምላኽ ኣጽንዕ ኢኻ፣ እንታይ ከም ዝምህሩ ድማ ጸሚቕካ ኣዉጽእ፥**

**መጽሓፍ ቅዱስ ቃል ኣምላኽ እዩ፥**

2**ጢሞ** 3:14-17

2**ጴጥ** 1:19-21

**እብ** 1:1

1**ቆረ** 2:13

1**ተሰ** 2:13

**ዮሃ** 5:39

**መጽሓፍ ቅዱስ ዘልኣለማዊ እዩ**

**ማቴ** 24:35

**ኢሳ** 40:8

**መጽሓፍ ቅዱስ መንፈሳዊ ህይወትና እንሙርኮሰሉ ምለክዒ እዩ፥ መዝ** 119:89

# ምዕራፍ ክልተ
# ንስሓ ካብ ምዉት ግብርታት፡ 1ይ ክፋል

## ዕላማታት፡

ነዛ ምዕራፍ ምስ ወዳእካ ነዚ ዝስዕብ ክትገብር ክትክእል ኢካ

- መሪሕ ጥቅሲ ዘኪርካ ክትጽሕፍ።
- "ንስሓ ካብ ምዉት ግብሪ" እንታይ ማለት ምዃኑ ክትገልጽ።
- መበቀል ሓጢኣት ከተብርህ።
- ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ተጠቒሶም ዘለዉ ዝተፈላለዩ ስማት ሓጢኣት ከተለሊ።

## መሪሕ ጥቕሲ፡

*"ኩሎም ሓጢኦም ክብሪ ኣምላኽ'ውን ስኢኖም።" (ሮሜ 3፡23)*

### መእተዊ

እብ 6:1-3 ሓደ ኣማኒ መንፈስዊ ህይወቱ ዝሃንጸሉም መትከላት ትምህርታት ክርስቶስ እዩ ዝዘርዝር። እዞም መትከላት እዚኦም ድማ "መሰረታት" እምነት ክርስትና እዮም ዝበሃሉ። ንሳቶም እምነት ክርስትና ዝዓርፈሉም መሰረታውያን ትምህርትታት እዮም። እቲ ቀዳማይ ድማ "ንስሓ ካብ ምዉት ግብሪ" እዩ።

## ንስሓ

"ንስሓ" ዝብል ቃል መሰረታዊ ትርጉሙ : ምልዋጥ ግብርታት ዝዉጽኢቱ ለዉጢ ኣእምሮ ማለት እዩ።

ገለ ሰባት ንንስሓ ምስ ከም ምፍሳስ ንብዓትን፣ ብዛዕባ ዝገበርካዮም ግጉይ ተግባራትን ሓሳባትን ቅሬታ ክስምዓካ ከሎ እተርእዮ ስምዒታት እዮም ዘተሓሕዝዎ። ንስሓ ግና ስምዒት ኣይኮነን። ንስሓ ዉሳኔ እዩ። ልክዕ'ዩ ስምዒት ሓደ ሓደ ግዜ ንሓቐኛ ንስሓ የሰንዮ እዩ። እንተኾነ ሓደ ሰብ ሓቀኛ ንስሓ ከይተነስሐ፣ ብዙሕ ንብዓት ከፍስስን መሪር ስምዒት ክስምዖን ይኽእል እዩ።

ካልኦት'ውን ንንስሓ ምስ ምፍጻም ፍሉይ ሃይማኖታዊ ጠለባት እዮም ዘተሓሕዝዎ። እዚ ሓደ ሓደ ግዜ "ቀኖና ምፍጻም" ተባሂሉ ይጽዋዕ። ብመሰረት መጽሓፍ ቅዱስ ከይተነሳሕካ፣ ብዙሕ ከምዚ ዝኣመሰለ ሃይማኖታዊ ጠለባት ክትፍጽም ትኽእል ኢኻ።

ሓቀኛ ንስሓ ደጋዊ ተግባራትካ ክትልውጥ ዘኽእለካ ናይ ኣእምሮ (ሓሳብ) ምልዋጥ እዩ። ደጋዊ ለውጢ፡ ግብሪ ካብ ሓጢኣት ናብ ኣምላኽን ጽድቑን ምምላስካ እዩ። እዚ "ምምላስ" እዚ ነቲ ኮይኑ ዘሎ ውሽጣዊ ምልዋጥ ሓሳባት (ኣእምሮ) ዘርኢ እዩ።

ንምጥቕላል፥ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ንስሓ እምብኣር ውጺኢቱ ናብ ኣምላኽን ጽድቁን ገጽካ ንምንቅስቓስ ዝገበር ደጋዊ ምምላስ ካብ ሓጢኣት ዝኮነ ውሽጣዊ ለውጢ ኣእምሮ እዩ።

## ዘይውጺኢታዊ ንስሓ

ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ነቲ "ምንሳሕ" ዝብል ቃል ብዝተፈላለዩ መገድታት ዝተጠቀሙሉ ክፍልታት ኣለዉ።

**ይሁዳ፡**

ኣብ ማቴ 27:3-4 ይሁዳ ኣስቀሮታዊ የሱስ ንሞት ከምዝተፈርደ ኣስተዉዓለ። ኣብ ምትሓዝ ክርስቶስ ብዝነበሮ ተራ ድማ ተጣዕሰ፡

> *"ሽዑ ይሁዳ፡ እቲ ዘትሓዞ፡ ተፈሪድዎ ምስ ረኣየ፡ ተጣዕሰ እሞ፡ ንጹህ ደም ኣሕሊፈ ብምሃበይ በደልኩ፡ ኢሉ ነቲ ሰላሳ ቅርሺ ናብ ሊቃውንቲ ኻህናትን ዓበይቲ ህዝብን መለሶ። ..." (ማቴ 27:3-4)*

ኣብዚ ተጠቒሱ ዘሎ ናይ ግሪኽ ቃል፡ ምስታ ምልዋጥ እትብል ቃል ሓደ ዓይነት ኣይኮነትን። እዛ ቃል እታ ሰባት መብዛሕትኡ ግዜ ከም ንስሓ ሓቂ ገይሮም ብጌጋ ዝትርጉምዋ ቃል እያ። ኣብ ብዙሓት ቋንቋታት ካብ ሓደ ንላዕሊ ትርጉም ዘለዎም ቃላት ኣለው። እዚ ኣብቶም መጽሓፍ ቅዱስ እተጻሕፈሎም ቋንቋታት'ውን ሓቂ እዩ። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ "ንስሓ" እትብል ቃል ካብ ሓደ ንላዕሊ ትርጉም ኣለዋ። ኣብቲ ብዛዕባ ይሁዳ ዝዛረብ ክፍሊ ተጠቂሙላ ዘሎ ቃል፡ ብርትዕ ዝበለ ስምዒት ጓሂ (ሓዘን) ወይ ጭንቀት ማለት እያ።

ይሁዳ በቲ ዝገበሮ ነገር እቲ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ሓቀኛ ንስሓ ዘይኮነ ጓሂ እዩ ተሞኩሩ። ኣብ ግብርታቱ ለዉጢ ዘምጽእ ዉሳኔ ኣይወሰደን። እንታይ ድኣ፤ ኣብ ሓጢኣቱ ብምጽናዕ ንርእሱ ብማሕነቕቲ ከጥፍኣ ንርኢ።

**ኤሳዉ፡**

ኤሳዉ ከኣ ዘሕዝን ጌጋ ዝፈጸመ ካልእ ሰብኣይ እዩ። ኤሳዉ ኣምላኽ ዝሃቦ መሰል ብኹርነት ንሽሓኒ ጸብሒ ክብል ብምሻጡ እዩ ሓጢኡ። መጽሓፍ ቅዱስ ከምዚ ይብል፥

> *"ንሱውን ጸኒሑ እኳ በረኸት ኪወርስ እንተ ደለየ፡ ብንብዓት እናደለያ ኽነሱስ፡ ንንስሓ ሰፍራ ኣይረኸበን እሞ፡ ከም እተደርበየ፡ ትፈልጡ ኢኹም።" (እብ 12:17)*

ኤሳዉ ንብኹርናኡ ብሓንቲ ሽሓኒ ጸብሒ እዩ ለዊጥዋ። ከምዚ ብምግባሩ ነቲ ምስ ብኹርና ዝተሓሓዘ ኩሉ በረኸታትን ተስፋታትን ኣምላኽ ነጸጎ።

ጸኒሑ፣ ኤሳዉ በቲ ዝገበሮ ተጣዒሱ። ግዒሩን መሪር ንብዓት ከኣ ኣፍሲሱ። እንተኾነ ሓያል ስምዒት መረጋገጺ ንስሓ ኣይኮነን። ኤሳዉ ሓቀኛ ንስሓ ኣይተነሰሐን። ንሱ ነታ ብኹርና ብምጥፍኡ ሕማቕ ተሰሚዕዎ፤ዝከኣል እንተኾይኑ'ውን ክትምለሰሉ ተመንዩ እዩ። "ንስሓኡ" ግና ቅቡል ኣይነበረን። ከመይሲ ኣብ መንጎ ጣዕሳን ሓቀኛ ንስሓን ፍልልይ ስለ ዘሎ።

## ምዉት ግብርታት

ትርጉም ንስሓ ብምልኣት ክንርዳእ እንተ ኣድልዩ፣ 'ካብ ምንታይ ኢና ክንንሳሕ ዝግበኣና፣' ዝብል ክርድኣና ኣለዎ። ን "ምዉት ግብርታት" ኣጸቢቕና ክንርድኦም ኣለና። "ምዉት ግብርታት" ዝብሃሉ ካብ ኣምላክኽ ርሒቕካ እትገብሮም ግብርታት ህይወት እዮም። እዞም ግብርታት እዚኣቶም ግጉይ ተግባራት ወይ ግብርታት ምምጽዳቕ ክኾኑ ይኽእሉ።

እዚኣቶም ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ "ሓጢኣት" ተባሂሎም እዮም ዝጽዉዑ። መሰረታዊ ጠንቂ ሓጢኣት ኣንነት (ንዓይ ይጥዓመኒ) እዩ። እዚ እቲ ምስ ፍቕሪ ኣምላኽ ዝጻረር ፍትወት ገዛእ ርእስኻ እዩ። እዚ ፍትወት እዚ ድማ ንሰብ "መንገዲ ገዛእ ርእሱ" ከም ዝኸይድ ገይርዎ።

> *"ኲላትና ኸም ኣባጊዕ ተባረርና፡ ነፍሲ ወከፍ ነናብ መገዱ ዘምበለ፡ ..." (ኢሳ 53:6)*

የሱስ ብሰሪ ሓጢኣት ደቂ-ሰብ ዝሞተሉ ምኽንያት ድማ፡

> *"... ነቲ ምእንትኦም ዝሞተን ዝተንስኤን እምበር፡ ንርእሶም ምእንቲ ኸይነብሩ፡ ንሱ ኣብ ክንዲ ኹላቶም ሞተ።" (2ቆረ 5:15)*

ካብዚ ምውት ግብርታት ፍትወት ገዛእ ርእሲ ምንሳሕ ማለት፡ ንስኻ ናብቲ ሓደን ሓቀኛን ኣምላኽ ዝርከቦ ህላውነት ከምዘለኻ ተቛጽር እሞ፡ ሓጢያተኛ ምዃንካ ትርዳእ፡ ሓጢያትካ ክሕደገልካ ድማ ትሓትት፡ ከምኡ'ውን እቲ ኣምላኽ ብየሱስ ክርስቶስ ኣቢሉ ዝመደቦ ምድሓን ትቕበል ማለት እዩ።

## መበቆል ሓጢኣት

ክፍኣት ቀድሚ ሰብ ምፍጣሩ ዝነበረ እዩ። ሓጢኣት በቲ ሰይጣን ተባሂሉ ዝፍለጥ ሉሲፈር/ብሩህ ኮኾብ ወዲ ወጋሕታ እዩ ተጀሚሩ። መጽሓፍ ቅዱስ ሉሲፈር ካብ መቦቀሉ ውቁብ መልኣኽ፡ ፍጹም ኮይኑ ብኣምላኽ ከም ዝተፈጥረ ይነግረና። ሉሲፈር መድረኽ ዕልወት ኣንጻር ኣምላኽ ምስ ፈተነ እዩ ሓጢኡ። ብምኽንያት እዚ ሓጢኣት እዚ ድማ ሉሲፈር ካብ ሰማይ ናብ ምድሪ ተደርብዩ።

> *"ኣየ፡ ኣታ ብሩህ ኮኾብ ወዲ ወጋሕታ፡ ከመይ ኢልካ ኻብ ሰማይ ወደቕካ፡ ንስኻ ነህዛብ ዘውደቕካስ፡ ከመይ ኢልካ ናብ ምድሪ ተደርቤኻ። ንስኻስ ብልብኻ፡ ናብ ሰማይ ክድይብ፡ ንዝፋነይ ኣብ ልዕሊ ኸዋኽብቲ ኣምላኽ ልዕል ክብሎ፡ ኣብ ወሰን ሰሜን ኣብ ልዕሊ ኸረን ማሕበር ክቕመጥ እየ። ኣብ ልዕሊ ርእሲ ደበናታት ክጅድይብ፡ ነቲ ኣዝዩ ልዑል ክመስል እየ፡ በልካ።"* (ኢሳ 14፡12-14)

> *"ንስኻ ዜጽልል ቅቡእ ኪሩብ ነበርካ፡ ኣነ ኣብቲ ቅዱስ ከረን ኣምላኽ ኣሰፈርኩኻ። ኣብ ማእከል እቲ ኣእማን ሓዊ ተመላለስካ። ካብታ እተፈጠርካላ መዓልቲ ጀሚርካ ኽሳዕ እቲ ኣበሳ እተረኽበካ ጊዜ ብመገድኻ ፍጹም ነበርካ። ብብዝሒ ነግድኻ ውሽጥኻ ብዓመጻ መልኤ እሞ ሓጢኣት ገበርካ። ስለዚ፡ ኣታ እተጽልል ኪሩብ፡ ካብቲ ኸረን ኣምላኽ ከም ርኹስ ደርቤኹኻ፡ ካብ ማእከል እቲ ኣእማን ሓዊ ኸኣ ኣጥፋእኩኻ።"* (ህዝ 28 ፡14-16)

ሉሲፈር [እዚ ሕጂ ብሰይጣን ዝፍለጥ ዘሎ] ዕልወቱ ኣንጻር ኣምላኽ ኣብ ምድሪ ውን ቀጺልዎ እዩ። ኣምላኽ ነቶም ቀዳሞት ሰብኣይን ሰበይትን [ኣዳምን ሄዋንን] ምስ ፈጠሮም፣ ሰይጣን ኣንጻር ኣምላኽ ክሓጥኡ መሪሕዎም። እዚ ዕልወት እዚ መብዛሕትኡ ግዜ "ዉድቐት ሰብ" ተባሂሉ እዩ ዝጽዋዕ፣ እዚ ማለት ሰብ ካብ ጽድቂ ናብ ሓጢኣት ወዲቑ ማለት እዩ። ብዛዕባ እዚ ኣብ ኦሪት ዘፍጥረት ምዕራፋት ክልተን ሰለስተን ከተንብብ ትኽእል ኢኻ።

መቕጻዕቲ ናይ ሓጢኣት፣ ስጋውን መንፈሳውን ሞት ከም ዘጠቓልል ኣምላኽ ንኣዳምን ሄዋንን ኣጠንቂቕዎም ኔይሩ። መንፈሳዊ ሞት እቲ ምስ ኣምላኽ ዝነበሮም ዝምድና ምስኣኖም ክኸውን ከሎ፡ ስጋዊ ሞት ከኣ ሞት እቲ ስጋዊ ኣካሎም እዩ ነይሩ። ብምኽንያት ሓጢኣት ኣዳምን ሄዋንን ድማ ሞት ናብ ኩሉ ሰብ ሓለፈ።

> *"ስለዚ ኸኣ ከምቲ ብሰሪ ሓደ ሰብኣይ ሓጢኣት ናብ ዓለም ዝኣተወ፣ ብሓጢኣት'ውን ሞት፣ ኩላቶም ስለ ዝበደሉ ድማ፣ ሞት ናብ ኩሉ ሰብ ሓለፈ።"* (ሮሜ 5:12)

ብምኽንያት ዉድቐት እቶም ቀዳሞት ሰብኣይን ሰበይትን፣ ሓጢኣት ናብ ኩሎም ደቂ-ሰብ ሓሊፉ። እዚ ማለት ከኣ ኩሉ ዝዉለድ ዘበለ፣ መሰረታዊ ባህሪ ሓጢኣት ይወርስ ማለት እዩ።

ከምቲ ኣካላዊ ባህርያት ዝዉረሱ፣ መንፈሳዊ ባህሪ መበቆላዊ ሓጢኣት'ውን ተወራሲ እዩ። ነፍሲ ወከፍ ሰብ ሓጢኡ እዩ፣ መቕጻዕቲ መንፈሳውን ስጋውን ሞት ከኣ ይጽበዮ ኣሎ።

ሰይጣን ብዛዕባ ኣብ ዓለም ዘሎ ኩሉ ክፉእ ተሓታቲ እዩ። ንሰብ ናብ ሓጢኣት ክፍትኖ ከሎ፣ እቲ ናብ ኣምላኽ ዝቐንዐ ዕልዋኡ ሕጂ'ውን ገና ይቕጽሎ ኣሎ ማለት እዩ። ኣብቲ መንፈሳዊ ዓለም ብጉዳይ ኣተሓሳስባ ኣእምሮ ኣብ ነፍሲ፡ ንደቂ-ሰብ ቀጻሊ ዉግእ ኣለዎም።

ነፍሲ ወከፍ ሰብ መሰረታዊ ባህሪ ሓጢኣት ወሪሱ እዩ። ከምኡ'ውን ነፍሲ ወከፍ ሰብ ኣንጻር ኣምላኽ ንኽዓሉ፣ በዚ ሓጢኣተኛ ባህሪ ክሰሓብ ከሎ ይሓጥእ፡

> *"ነፍሲ ወከፍ ግና ብገዛእ ትምኒቱ ተሰሒቡን ተሓቢሉን እዩ ዚፍተን። ደሓር፣ ትምኒት ምስ ጠነሰት፣ ንሓጢኣት ትወልዶ፣ ሓጢኣት ምስ ተፈጸመ ድማ፣ ንሞት ይወልዶ።"* (ያዕ 1:14-15)

ኩሎም ሓጢኦም እዮም፣ ኣምላኽ ግና ካብ መቕጻዕቲ ሓጢኣት እንሃድመሉ መንገዲ ቀሪቡ ኣሎ። ብንስሓ ካብ ምዉት ግብርን ንየሱስ ክርስቶስ ከም ብሕታዊ መድሓኒኻ ብምቕባልን ከኣ ካብ መቕጻዕቲ ሓጢኣት "ክትድሕን" ትኽእል።

## ስማት ሓጢኣት

መጽሓፍ ቅዱስ ንሓጢኣት ሓያሎ ዝተፈላለዩ ስማት ይጥቀም እዩ፣

**ሓጢኣት/SIN**

*“ወዲ ኽትወልድ ኢያ፣ ንሱ ኸኣ ንህዝቡ ኻብ ሓጢኣቶም ኬድሕኖም እዩ እሞ፣ ስሙ የሱስ ክትሰምዮ ኢኻ።” (ማቴ 1:21)*

እቲ ልክዕ ትርጉም ናይዛ “ሓጢኣት” እትብል ቃል፣ ዒላማኻ ምስሓትን ኣብ ጌጋ ምህላዉን ማለት እዩ። እዚ ኸኣ ከምቲ መሳርያኻ ተኩሰካ ነቲ ዒላማ ክትስሕት ከለኻ እዩ። እዚ ማለት ከኣ ካብቲ ክትከኖ ዝግበኣካን ካብቲ ኣምላኽ ንዓኻ ዝመደቦ ፍጹም መደብ ክትወድቕ ከሎኻ እዩ።

***ክፉእ/እከይ/*EVIL**

*“ካብቲ ውሽጢ ልቢ ሰብ ክፉእ ሓሳብ ይወጽእ እዩ እሞ፡ ምንዝር፡ ስርቂ፡ ቅትለት፡ …” (ማር 7:21)*

እኩይ ማለት ሕማቕ፡ ዘይብቑዕ፡ ዝተበላሸወ፡ ክፉእ፡ ከምኡ’ውን ብሞራላዊ ሓጢኣት ዝተመልአ ማለት እዩ።

**ክፍኣት፡/WICKEDNESS**

ክፍኣት ማለት ተንኮል ንምግባር ክፉእ ሓሳብ ምህላዉ ማለት እዩ። እዚ ከኣ ንጽድቂ፣ ፍትሒ፣ ሓቅን ደግነትን ኣእምሮኣዊ ሸለልትነት ምርኣይ ማለት እዩ።

*“ብመወዳእታ ዓለም ከኣ ከምኡ ኪኸውን እዩ፣ መላእኽቲ መጺኦም ነቶም ክፉኣት ካብ ማእከል ጻድቃን ክፈልይዎም፣ …” (ማቴ 13:49)*

**ኣበሳ/ግህሰት/TRANSGRESSION**

ግህሰት/ኣበሳ ማለት ምፍራስ ሕጊ ማለት እዩ። እዚ ኸኣ ልክዕ ከምቲ ሓደ ክሰግሮ ንዘይተፈቅደሉ መስመር ሰጊሩ ብልዕሊኡ ክሓልፍ ከሎ ወይ ክልኩል ግዝኣት ክጥሕስ ከሎ፣ ከምኡ’ውን ኣብ መንገ ቅኑዕን ጌጋን ዘሎ ዶብ ክሰግር ከሎ ማለት እዩ፣

*“እቲ ሕጊኸ ንምንታይ እዩ፧ ንሱ ብሰሪ ኣበሳ ተወሰኸ፣ …” (ገላ 3:19)*

**ዓመጻ/UNRIGHTEOUSNESS:**

እዚ ቃል እዚ ዘይፍትሓዉነት፣ ጌጋ፣ ግፍዒ፡ ሓሶትነት ከምኡ’ውን ምትላል ማለት’ዩ፡

*“ዓመጻ ዘበለ ኩሉ ሓጢኣት እዩ፣ …” (1ዮሃ 5፡17)*

**ረሲእነት/UNGODLINESS:**

ረሲእነት ማለት ዘይቅኑዕነት፣ ክፍኣት ከምኡ’ውን ምሉእ ብምሉእ ንኣምላኽ ሸለል ምባል ማለት እዩ። ንኣምላኽ ከምዘየለ ጌርካ ምሕሳብ ማለት እዩ። ረሲእነት ምስ ኣምላኽ ኣልቦነት (ኣምላኽ የለን ኢልካ ምእማን) ሓደ ኣይኮነን። ረሲእነት፣ ኣምላኽ ከም ዘሎ እንዳፈለጥካ ግናኸ ጠቕሊልካ ንዕኡን ሕግታቱን ጸማም እዝኒ ምሃብ ማለት እዩ፡

*“ቍጥዓ ኣምላኽ ካብ ሰማይ ኣብ ረሲእነትን … ይግለጽ እዩ።” (ሮሜ 1:18)*

**ዓመጻ/ግፍዒ/INIQUITY**

ዓመጻ/ግፍዒ ማለት ሕጊ ኣልቦ ምዃን እዩ፣ እዚ ከኣ ብዘይ ሕጊ ወይ ብምጥሓስ ሕጊ ክኸውን ይኽእል እዩ፡

*“… ኣቱም ገበርቲ ዓመጻ፣ … ካባይ ርሓቑ …” (ማቴ 7:23)*

**ዘይምእዛዝ/DISOBEDIENCE**

ዘይምእዛዝ ኣንጻር ምእዛዝ እዩ። እዚ ኸኣ ንኣምላኽን ንሕጉን ጎሲኻ ምሕላፍ ማለት የስምዕ።:

*“እምበኣርሲ እቶም ብዙሓት በቲ ዘይምእዛዝ ሓደ ሰብኣይ ሓጥኣን ከም ዝኾኑ …” (ሮሜ 5:19)*

**ምጥሓስ/TRESPASS**

**ምጥሓስ ማለት ነታ ቐንዕቲ መንገዲ ገዲፍካ፣ ናብ ጌጋ ምስጋር ማለት እዩ። እዚ ኸኣ ከም ኣብ ዘይግበኣካ ቦታ፣ ኣብ ዋንነት ካልእ ሰብ ምኳን እዩ:**

*"... ብበደልኩምን ብኣበሳኹምን ምዉታት ዝነበርኩም፣ ንኣኻትኩም ህያዋን ገበረኩም።" (ኤፌ. 2:1)*

## ከም መእተዊ ጥራይ ...

**እዚ ምዕራፍ እቲ ናይቲ ንስሓ ካብ ምዉት ግብርታት ዝበሃል ዓዉዲ መእተዊ ጥራይ እዩ። ሕጂ መግለጺ ንስሓ፡ ስማትን መግለጺታትን ሓጢኣት ከምኡ'ውን መበቀል ሓጢኣት ተማሂርኩም ኣሎኹም።**

**እቲ ዝቕጽል ምዕራፍ ከኣ ነዚ ዝርርብ'ቲ ቀዳማይ መትከል እምነት ክርስትና ዝኾነ ንስሓ ካብ ምዉት ግብርታት ክቕጽሎ እዩ።**

# ርእሰ ግምገማ

1. ነታ መሪሕ ጥቕሲ ዘኪርካ ጸሓፍ፧

________________________________________

________________________________________

2. ትርጉም "ንስሓ ካብ ምዉት ግብርታት" ጸሓፍ፧

________________________________________

3. መጽሓፍ ቅዱስ ከም ስማት ሓጢኣት ተጠቒሙሎም ዘሎ 9 ቓላት ዘርዝር፧

____________________ ____________________

____________________ ____________________

____________________ ____________________

____________________ ____________________

____________________

4. ካብ ዓሌታት ደቂ-ሰብ ሓጢኣኛታት ክንደይ እዮም፧ ንመልስኻ ብጥቕሲ ኣሰንዮ።

________________________________________

5. መበቆል ሓጢኣት ግለጽ፧

________________________________________

________________________________________

6. ንስሓኦም ዉጽኢታዊ ዘይነበረ ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ክልተ ሰባት ጥቐስ

______________________________ን______________________________

## ንዝያዳ መጽናዕቲ

እዚ ምዕራፍ መበቀል ሓጢኣትን መጽሓፍ ቅዱሳዊ ኣስማቶምን ብምብራህ ዘትዩ። እንተኾነ ግን ኣምላኽ ንሓጢኣት ብከመይ ይርእዮ፧ ሓጢኣት ምጥሓስ ሕግታት እግዚኣብሄር እዩ፡

ነፍሲ ወከፍ ሓጢኣት ዚገብር፣ ምፍራስ ሕጊ እዩ ዚገብር። ሓጢኣት ምፍራስ ሕጊ እዩ እሞ፣ (1ዮሃ 3፡4)

ሕግታት ኣምላኽ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ተመዝጊቦም ኣለዉ። ብተወሳኺ ንሕግታቱ ድማ፣ ኣምላኽ ከነወግዶም ዝግበኣና ፍሉያት ሓጢኣት ዘርዚሩ ኣሎ።

ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዝተዘርዘሩ ሓጢኣታት

- ሸዉዓተ ካብ ልቢ ዝወጹን ዘርክሱን፡ ማቴ 15:18-20
- ዓሰርተ ሰለስተ ካብ ልቢ ዝወጹን ዘርክሱን፡ ማር 7፡21-23
- ዕስራን ሰለስተን ፍርዲ ኣምላኽ ዘሰዕቡ ፡ ሮሜ 1፡29-23
- ሸዉዓተ ኣመንቲ ክገብርዎም ዘይክእሉ፡ ሮሜ 13፡13, 14
- ሽዱሽተ ኣመንቲ ክዛመድዎ ዘይብሎም፡ 1ቆረ 5:9-11
- ዓሰርተ ናብ መንግስቲ ኣምላኽ ምእታዉ ዝዓግቱ፡ 1ቆረ 6:9, 10
- ዝያዳ ዓሰርተ ሸዉዓተ ናብ መንግስቲ ኣምላኽ ምእታዉ ዝዓግቱ፡ ገላ 5:19-21
- ኣርባዕተ ቁጥዓ ዘሰዕቡን ናብ መንግስቲ ኣምላኽ ምእታዉ ዝኽልክሉ፡ ኤፌ 5:5-6
- ዓሰርተ ሓደ ኣመንቲ ክህልዎም ዘይግባእ፡ 2ቆረ 12:20-21
- ትሽዓተ እቶም ዘይደሓኑ ዝነብርሉ፣ ኣመንቲ ግን ክነብርሉ ዘይግብኦም፡ ኤፌ 4:17-19
- ሽዱሽተ ኣብ መንጎ ኣመንቲ ክህልዋ ዘይግባእ፡ ኤፌ 5:3, 4
- ትሽዓተ ኣመንቲ ንየዉ ክብልዎ ዝግባእ፡ ኤፌ 4:25, 28, 29, 31
- ሽዱሽተ ኣመንቲ ክርሕቕዎ ዝግባእ፡ ቆሎ 3:8, 9
- ሽዱሽተ ኣመንቲ ክቀትልዎ ዝግባእን ቁጥዓ ኣምላኽን ዘምጽእ፡ ቆሎ 3:5-6
- ዓሰርተ ኣርባዕተ ሕጊ ዝተሰርዓሎም፡ 1ጢሞ 1:9-10
- ዓሰርተ ትሽዓተ ኣመንቲ ክርሕቕዎ ዝግባእ፡ 2ጢሞ 3:1-5
- ትሽዓተ ኣመንቲ ዝደሓንሉ፡ ቲቶ 3:3-5
- ሓሙሽተ ኣመንቲ ክርሕቕዎ ዝግባእ፡ 1ጴጥ 2:1
- ሸዉዓተ ኣመንቲ ደጊም ዘይነብርዎ ሓጢኣት ፍትወት ስጋ፡ 1ጴጥ 4:2-4
- ሸሞንተ ናብ ቀላይ ሓዊ ዝኸዱ፡ ራእ 21:8
- ሽዱሽተ ናብ ኦም ህይወትን ቅድስቲ ከተማን ምእታዉ ዝኽልክሉ፡ ራእ 22:14

# ምዕራፍ ሰለስተ

# ንስሓ ካብ ምዉት ግብርታት፣ ካልኣይ ክፋይ

## ዕላማታት፡

እዚ ምዕራፍ ምስ ወዳእካ፣ ነዚ ዝስዕብ ክትክእል ኢኻ፡

- ነታ መሪሕ ጥቕሲ ካብ ዘኽርኻ ጽሓፍ ኢኻ።
- ኣገዳስነት ንስሓ ክትገልጽ ኢኻ።
- ደቂ-ሰብ ንክንስሑ ዝገብሮም ጠንቂ ከተብርህ ኢኻ።
- ምስ ንስሓ ዝዛመዱ ኣርባዕተ ነገራት ክትሰሚ ኢኻ።
- ትርጉም ምልዋጥ ክትገልጽ ኢኻ።
- ኣገዳስነት ምልዋጥ ክትገልጽ ኢኻ።
- ትርጉም ምድሓን ከተብርህ ኢኻ።
- "ምድሓን" እንታይ ምዃኑ ክትገልጽ ኢኻ
- ምስላ እቲ ጥፉእ ወዲ ገይርካ ንስሓን ምልዋጥ ክትገልጾም ኢኻ

## መሪሕ ጥቕሲ፤

*"ንሓጥኣን ናብ ንስሓ እምበር፣ ንጻድቃን ክጽውዕ ኣይመጻእኩን፣ ኢሉ መለሰሎም።" (ሉቃ 5:32)*

### መእተዊ

ኣብ ዝሓለፈ ምዕራፍ፣ ኣብ እብ 6:1-3 ተዘርዚሮም ካብ ዘለዉ እቲ ቀዳማይ ካብ መሰረታዉያን ትምህርትታት "ንስሓ ካብ ምዉት ግብሪ" ርኢና ነይርና። "ምዉት ግብርታት" ትርጉሙ ሓጢኣት ከም ዝኾኑን፣ ከምኡ'ውን መበቆል ናይ ሓጢኣት ተገሊጹ ኔይሩ። እቲ ፈላሚ ሓጢኣት ናይ ኣዳምን ሄዋንን ብኸመይ መንገዲ ንባህሪ ደቂ-ሰብ ከም ዘበላሸዎን፣ ብኸመይ ድማ እዚ ሓጢኣተኛ ባህሪ ብኹሉ ሰብ ከም ዝተወርሰ ተማሂርካ ኣለኻ። ከምኡ'ውን ዉጽኢት እዚ ዝተበላሸወ ባህሪ፣ ኩሎም ሰባት በዚ ባህሪ ናብ ግሁድ ግብርታት ሓጢኣት ክሰሓቡ ከለዉ፣ ብኸመይ ብዉልቆም ከም ዝሓጥኡ ተማሂርካ ኣሎኻ።

እዚ ምዕራፍ እዚ መጽናዕቲ ናይቲ ቀዳማይ መሰረታዊ መትከል ማለት ንስሓ ካብ ምዉት ግብሪ ክቅጽሎ እዩ።

### ንስሓ

ንስሓ ካብ ምዉት ግብርታት ዝበሃል ከም "ካብ ሓጢኣት ናብ ኣምላኽን ጽድቁን ዝመልስ ደጋዊ ግብርታት ናይ ምምላስ ዝዉጽኢቱ ናይ ዉሽጢ ወሳኔ ወይ ናይ ሓሳብ ለዉጢ እዩ" ተባሂሉ ተገሊጹ ኔይሩ እዩ። ግብ 20፡21

"ንስሓ ናብ ኣምላኽ" ኢሉ ይጠቕሶ። ብግብሪ ናይ ንስሓ፣ ካብ ናይ ገዛእ ርእስኻ ምዉት ግብርታት ናይ ሓጢኣት ናብ ኣምላኽ ትምለስ ማለት እዩ። ንስሓ ማለት፣ ንሓጢኣት ጠንጢንካ ናብ ሕብረት ምስ ኣምላኽ ብምእታው እትወስዶ ናይ ግሊ ወሳኔ እዩ። ኣብ ኣእምሮ፣ ልብን ህይወትን ናይ ሓደ ሓጥእ ሓቐኛ ለዉጢ ዘምጽእ ሓይሊ ኣምላኽ እዩ፡

*"... እምበኣርሲ ኣምላኽ ነህዛብ ድማ ንህይወት ዚኸውን ንስሓ ሂብዎም ..." (ግብ 11፥18)*

ንስሓ እምበኣር ዉህበት ኣምላኽ እዩ፡

*"... ንስሓን ሕድገት ሓጢኣትን ምእንቲ ክህብሲ ኣምላኽ ንእኡ ራእስን መድሓንን ገይሩ ናብ የማኑ ልዕል ኣበሎ።" (ግብ 5፥31)*

ወላ እኳ ስምዒታት ኣብ ንስሓ ዝግለጹ እንተኾኑ፣ ሓቐኛ ንስሓ ካብ ምዉት ግብርታት ስምዒት ጥራይ ዘይኮነ፣ ዉሳኔ እዩ። ከምቲ ዝተመሃርካዮ ጓሂ ብዛዕባ ሓጢኣት፣ ምፍሳስ ንብዓት፣ ወዘተ እኹል ኣይኮነን። እዚ እምበኣር ናይ ግድን ደጋዊ ለዉጢ ዘምጽእ ዉሽጣዊ ዉሳኔ ክስነ ኣለዎ።

## ኣገዳስነት ናይ ንስሓ

ንስሓ ስለምንታይ መሰረታዊ ሓቂ ናይ እምነት ክርስትና ኮይኑ ከም ዝሕሰብ ሓያለ ምኽንያታት ኣለዉ። ንስሓ፡

### ኣምላኽ ኣዚዝዎ እዩ፡

*"... ሕጂ ኣብ ኩሉ ቦታ ንብዘሎ ሰብ ኪንስሑ ይነግር ኣሎ።" (ግብ 17:30)*

### መንፈሳዊ ሞት ንምዉጋድ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ፡

*"... እንተዘይተነሳሕኩምሲ፣ ኩላትኩም ከምኡ ክትጠፍኡ ኢኹም ..". (ሉቃ 13:3)*

### ዘልኣለማዊ ህይወት ንምርካብ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ፡

ብንስሓ መቕጻዕቲ ናይ ሞት ይእለ፣ ዘልኣለማዊ ህይወት ድማ ይወሃብ፡

*"እዚ ምስ ሰምዑ ሃድኡ እሞ፣ እምበኣርሲ ኣምላኽ ነህዛብ ድማ ንህይወት ዚኸውን ንስሓ ሂብዎም፣ እናበሉ ንኣምላኽ ኣመስገኑ።" (ግብ 11:18)*

### ንሕድገት ሓጢኣት ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ፡

እንተ ዘይተነሲሕካ ኣምላኽ ሓጢኣትካ ክሓድገልካ ኣይክእልን እዩ፡

*"ጴጥሮስ ከኣ ... ተነስሑ ነፍሲ ወከፍኩም ከኣ ብስም የሱስ ክርስቶስ ንሕድገት ሓጢኣት ይጠመቕ፣ ህያብ መንፈስ ቅዱስ'ውን ክትቅበሉ ኢኹም፣ በሎም።" (ግብ 2:38)*

### ናብ መንግስቲ ኣምላኽ ንምእታዉ ኣገዳሲ እዩ፡

*"የሱስ ካብኡ ነጀዉ፣ መንግስተ ሰማያት ቀሪባ ኣላ እሞ፣ ተነስሑ፣ እናበለ ኪሰብኽ ጀመረ።" (ማቴ 4:17)*

### ድሌት ኣምላኽ ንኹሉ እዩ፡

ዝኾነ ሰብ እቲ ኣብ ገሃነም ንዘልኣለም ካብ ኣምላኽ ዝፈሊ መንፈሳዊ ሞት ክሙኮር ኣምላኽ ኣይፈቱን እዩ፣

*"ጐይታስ፣ ኩላቶም ናብ ንስሓ ኪበጽሑ እምበር፣ ሓደ እኳ ኪጠፍእ ዘይፈቱ ስለ ዝኾነ፣ ምእንታኹም ይዕገስ ኣሎ ..." (2ጴጥ 3:9)*

### የሱስ ናብ ዓለም ዝመጸሉ ምኽንያት እዩ፡

*"ንሓጥኣን ናብ ንስሓ እምበር፣ ንጻድቃን ክጽዉዕ ኣይመጻእኩን፣ ኢሉ መለሰሎም።" (ሉቃ 5:32)*

## ክርስትያናት'ከ ይንስሑ ድዮም፧

ኣብቲ ቀዳማይ ግብሪ ናይ ንስሓ፣ ሓጢኣተኛታት ሰባት ካብ ጊጋ ናብ ቅኑዕ ይምለሱ፣ መልእኽቲ ወንጌል ይቕበሉ ከምኡ ከኣ

ኣብ የሱስ ክርስቶስ ሓቐኛ ኣመንቲ ይኾኑ። ናብ ፍጽምና ኣብ ምሕላፍ ዘሎ መስርሕ (ኣብዚ ስልጠና እዚ ጸኒሑ ክጽናዕ እዩ)፣ ሓደ ሓደ ግዜ ሓደ ኣማኒ ተመሊሱ ናብቲ ኣረጊት ናይ ሓጢኣት ባህሪኡ ይምለስ እዩ። ብመሰረት መጽሓፍ ቅዱስ፣ ኣመንቲ እንተደኣ ሓጢኦም ክንስሑ ኣለዎም፡

## ሰብ ቆረንቶስ፡

እቶም ኣብ ሓንቲ ቆረንቶስ እትበሃል ከተማ ዝነብሩ ኣመንቲ ክንስሑ ናይ ግድን ነይሩ፡

*"... ንንስሓ ስለ ዝጕሃኹም እምበር፣ ሕጂ ስለ ዝጕሃኹም ኣይኮንኩን ዝሕጎስ ዘለኹ።" (2ቆረ 7:9)*

*"ክምለስ ከለኹ ... በቶም ቀደም ሓጢኣት ዝገበሩ እሞ ካብቲ ዝገበርዎ ርኽሰትን ምንዝርን ዕብዳንን ዘይተነስሑ ብዙሓት ከይጕሂ፣ እፈርህ ኣለኹ።" (2ቆረ 2:21)*

## ሰብ ኤፌሶን፡

ኣብ ኤፌሶን ንዝነብሩ ኣመንቲ ክንስሑ ተነጊርዎም ኔይሩ እዩ፡

*"እምበኣርሲ ካበይ ከም ዝወደቕካ ዘክር እሞ ተነሳሕ፣ እቲ ቀዳማይ ግብሪ'ውን ግበር።" (ራእ 2:5)*

## ናይ ጴርጋሞስ ክርስትያናት፡

ኣምላክ ንናይ ጴርጋሞስ ክርስትያናት ከምዚ ኢሉ ተዛሪብዎም፡

ስለዚ ተነሳሕ፣ እንተ ዘይኮነስ ቀልጢፈ ክመጸካ፣ ብሰይፊ ኣፈይ'ውን ክዋግኦም እየ። (ራእ 2:16)

## ናይ ሳርዴስ ክርስትያናት፡

*"ደጊም ከመይ ጌርካ ከም እተቐበልካን ከም ዝሰማዕካን ዘክር፣ ሓልዎ ተነሳሕ'ውን።" (ራእ 3:3)*

## ናይ ሎዶቅያ ክርስትያናት፡

*"ኣነ ነቶም ዘፍቅሮም ዘበሉ እገንሖም እቐጽዖም'ውን እየ። ደጊም ቅናእ እሞ ተነሳሕ።" (ራይ 3:19)*

ስለዚ ሓጢኣት ኣብ ዘለዎ ንስሓ ክህሉ ናይ ግድን እዩ፡

ሓጢኣት የብልናን፣ እንተበልና፣ ንርእስና ንጥብራ ኣሎና፣ እታ ሓቂ'ውን ኣባና የላን። ሓጢኣትና እንተ ተናዘዝና፣ ንሓጢኣትና ይቕረ ክብለልና፣ ካብ ኩሉ ዓመጻ'ውን ኬንጽሃና እሙንን ጻድቕን እዩ። (1ዮሃ 1:8-9)

# መልእኽቲ ናይ ንስሓ

ንስሓ ንምድሓን ኣገዳሲ ስለዝኾነ፣ መልእኽቲ ናይ ንስሓ ናብ ነፍሲ ወከፍ ክበጽሕ ምእንቲ ኣምላኽ ፍሉይ መደብ ጌሩ ኣሎ። ጻዉዕቲ ንስሓ ብኣገልግሎት ዮሃንስ መጥመቕ ኣብ ሓድሽ ኪዳን እዩ ጀሚሩ፣

*"ኣብ በረኻ ዘእዉጅ ነጋሪ፣ ጎደና እግዚኣብሄር ጽረጉ መገዱ'ውን ኣቕንዑ ... ዮሃንስ ኣብ በረኻ እናኣጥመቐ፣ ንሕድገት ሓጢኣት ዚኸውን ጥምቐት ንስሓ እናሰበኸ መጸ።" (ማር 1:3-4)*

እቲ መሲህ [የሱስ] ምእንቲ ክግለጽ ንስሓ ኣገዳሲ እዩ ነይሩ። እስራኤል፣ ብንስሓ ናብ ኣምላኽ ክምለስ ክሳዕ ዝምለስ፣ የሱስ ክገሃድ ኣይከኣልን ኔይሩ። የሱስ ዝሰበኾ ቀዳማይ መልእኽቲ ንስሓ እዩ ኔይሩ።

*"ድሕሪ ማእሰርቲ ዮሃንስ ከኣ የሱስ ናብ ገሊላ መጸ እሞ፣ እቲ ዘመን ተፈጸመ፣ መንግስቲ ኣምላኽ ከኣ ቀሪቡ፣ ተነሰሑ*

*ብወንጌል'ውን እመኑ፣ እናበለ ወንጌል መንግስቲ ኣምላኽ ሰበኸ።" (ማር 1:14-15)*

ንስሓ በቶም ናይታ ቀዳማይቲ ማሕበር ኣመንቲ ተሰቢኹ እዩ፡

*"ንኣይሁድን ንጽርኣዉያንን ብንስሓ ናብ ኣምላኽ ኪምለሱ ብጐይታናየሱስ ክርስቶስ ከኣ ኪኣምኑ እናመስከርኩ ..." (ግብ 1:20-21)*

ኣብ ዘመና'ውን ኣመንቲ መልእኽቲ ንስሓ ናብ ብዙሓ ዓለም ክዝርግሑ ሓላፍነት ኣለዎም። የሱስ ንሰዓብቱ ዝሃቦም ናይ መወዳእታ መምርሒታት ከኣ፡

*"ብስሙ ከኣ ንስሓን ሕድገት ሓጢኣትን ካብ የሩሳሌም ጀሚሩ ኣብ ኩሎም ኣህዛብ ክስበኩ..." (ሉቃ 24:47)*

## ሰባት ክንስሑ ዝገብሮም ምኽንያት እንታይ እዩ፧

ንስሓ እምነት ክርስትና ዝዓርፈሉ መሰረት ስለ ዝኾነ፣ ሰባት ንክንስሑ ዝገብሮም ምኽንያት እንታይ ከምዝኾነ ክንርዳእ ግድን እዩ። መልእኽቲ ንስሓ ኣብ ብዙሓ ዓለም ንምዝርጋሕ ሓላፍነት ካብ ሃለወና እምበኣር፣ ሰባት ካብ ምዉት ግብርታት ንክንስሑ ብከመይ መንገዲ ከነተባብዖም ከምዘለና ክንፈልጥ ናይ ግድን እዩ።

### ሕያዉነት ኣምላኽ፡

ኣብ ህይወት ሓደ ረሲእ ሰብ ዝህሉ በረኸታት ኣምላኽ፣ ነቲ ኩነታት ናብራኡ ኣምላኽ ከም ዝድግፎ መሲሉና ጌጋ ርድኢት ክህልወና የብሉን። ናብኡ ምእንቲ ክምለሱ ጉይታ ንሰባት ዘምሕጸኖ ሓደ መንገዲ፣ ሕያዉነት ኣምላኽ እዩ፡

*"ወይ ከኣ ሕያዉነት ኣምላኽ ናብ ንስሓ ከም ዚስሕበካ ሰኣን ምፍላጥካስ ሃብቲ ሕያዉነቱን ጸዋር ምዃኑን ዓቕሉንዶ ትንዕቕ ኣሎኻ፧" (ሮሜ 2:4)*

### ስብከት፡

ምስባኽ ቃል ኣምላኽ ሰባት ክንስሑ ይገብሮም እዩ። ዉጽኢት ስብከት ዮናስ ብምልኣ ከተማ ነኔወ ንክትንሳሕ እዩ ነይሩ።

*"ሰብ ነነዌ ብስብከት ዮናስ ተነሲሖም እዮም እሞ፣ ብመዓልቲ ፍርዲ ምስ እዚ ወለዶ እዚ ኺትንስኡን ኪኹንንዎን እዮም።" (ማቴ 12:41)*

### ጻዉዒት ክርስቶስ፡

ቃል ኣምላኽ ክሰበኽ ከሎ፣ ሰባት ነቲ ናብ ንስሓ ዝመርሕ ጻዉዒት ክርስቶስ ይሰምዑን ግብረ-መልሲ'ውን ይህብሉ፡

*"ኣነ ሓጥኣን እምበር፣ ጻድቃ ክጽዉዕ ኣይመጻእኩን ..." (ማቴ 9:13)*

### እግዚኣብሄር ኣቦ፡

ኣቦ ዝስሕቦ እንተ ዘይኮይኑስ፣ ናብኡ ሓደ እኳ ክምዝይመጽእ የሱስ ተዛሪቡ ኣሎ። ኣምላኽ እዩ ንሰባት ናብ ንስሓ ዝስሕቦም፡

*"እቲ ዝለኣኸኒ ኣቦይ ዝስሓቦ እንተ ዘይኮይኑ ናባይ ክማጽእ ዚኽእል የልቦን ..." (ዮሃ 6:44)*

### መግናሕቲ፡

መግናሕቲ ሰባት ንክንስሑ ይገብሮም እዩ። መግናሕቲ ከኣ ካብ ቃል ኣምላኽ ዝተዋህበ መኣረምታ እዩ፡

*"... ሓዉኻ እንተ በደለካ፣ ግንሓዮ፡ እንተ ተጣዕሰ፣ ሕደገሉ።" (ሉቃ 17:3)*

### ጓሂ ከም ፍቓድ ኣምላኽ፡

ከምቲ ዝተማሃርናዮ ንስሓ ብስምዒት'ውን ክስነ ይከኣል እዩ። ባህርያዊ ስምዒት ንበይኑ ግና ናይ ሓቂ ንስሓ ኣይኮነን፡ ኣምላኻዊ

ሰምዒት እዩ ናብ ናይ ሓቂ ንስሓ ዝመርሕ፡

*"ማለት፣ ጓሂ ከም ፍቓድ ኣምላኽሲ ንምድሓን ዚኸውን ዘይትጠዓሰሉ ንስሓ የምጽእ ..." (2ቆረ 7: 10)*

## ምስ ንስሓ ዝተሓሓዙ ነገራት

መጽሓፍ ቅዱስ ምስ ንስሓ ዝተሓሓዙ ሓያለ ነገራት ይጠቅሰልና እዩ።

### እምነት፥

እምነት ብኣምላኽ ምስ ንስሓ ይተኣሳሰር እዩ። ኣብ እብራዉራን 6 ከም ካልኣይ መሰረታዊ መትከል ናይ እምነት ክርስትና ኮይኑ እዩ ተሰሪዑ ዘሎ። ንስሓ ካብ ምዉት ግብርታት ናይ ግድን ምስ እምነት ብኣምላኽ ክጽንበር ኣለዎ፡

*"... ተነሰሑ ብወንጌል'ውን እመኑ ..." (ማር 1:15)*

*"... ብንስሓ ናብ ኣምላኽ ኪምለሱ ብጐይታና የሱስ ክርስቶስ ከኣ ኪኣምኑ ..." (ግብ 20:21)*

### ጥምቀት፥

ጥምቀት፣ ከም ደጋዊ ምልክት ናይቲ ዝተኻየደ ዉሽጣዊ ለዉጢ ኮይኑ ንንስሓ ክሰንዮ ይግባእ፡

*"... ተነሰሑ ነፍሲ ወከፍኩም ከኣ ብስም የሱስ ክርስቶስ ንሕድገት ሓጢኣት ይጠመቕ ..." (ግብ 2:38-39)*

ትምህርትታት ጥምቀት ከም ኣካል ናይቶም ኣብ እብራዉያን 6 ተጠቒሶም ዘለዉ መሰረታት ብምኳን ኣብዚ ስልጠና እዚ ክንመሃሮ ኢና።

### ተግባራት፥

እቶም መጽሓፍ ቅዱስ ፍሬታት ኢሉ ዝጽውዖም ተግባራት ሰብ፣ ሓቓኛ ንስሓ ኣሎ ወይስ የሎን እዮም ዝምስክሩ፡

*"... ንንስሓ ዝግባእ ግብሪ እናገበሩ ኪንስሑን ናብ ኣምላኽ ኪምለሱን ... (ግብ 26:20) እምበኣርከስ ንንስሓ ዚበቅዕ ፍረ ግበሩ።" (ማቴ 3:8)*

"ግብርታትን" ከምኡ'ውን "ፍሬታትን" ነቲ ድሕሪ ናይ ሓቓኛ ንስሓ ክቕየር ዝግብኦ ደጋዊ ጠባይ እዮም ዘመልክቱ።

### ምልዋጥ፡

*"እምበኣርስከ ሓጢኣትኩም ምእንቲ ኪድምሰሰልኩም፣ ... ተነሰሑን ተመለሱን።" (ግብ 3:19-20)*

ምልዋጥ ምስ ንስሓ ዝተሓሐዘ ስለ ዝኾነ ንምልዋጥ ከተስተዉዕሎ የድልየካ እዩ።

## ምልዋጥ

ምልዋጥ ማለት "ምምላስ" ማለት እዩ። ምስ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ንስሓ ኣተኣሳሲርና ክንጥቀመሉ ከሎና ድማ፣ "ካብ ግጉይ መንገዲ ናብ ቅኑዕ መንገዲ ምምላስ" ማለት እዩ፡

*"ንብዙሓት ደቂ እስራኤል'ውን ናብ እግዚኣብሄር ኣምላኾም ኪመልሶም እዩ።" (ሉቃ 1:16)*

*"ኣብ ልዳን ኣብ ሳሮንን ዚነብሩ ኲላቶም ከኣ ነዚ ርእዮም ናብ ጐይታ ተመለሱ።" (ግብ 9:35)*

*"ኢድ እግዚኣብሄር ምሳታቶም ነበረት፣ ብዙሕ ዝቘጸሮም ሰብ ድማ ኣሚኖም ናብ ጐይታ ተመልሱ።" (ግብ 11:21)*

ምልዋጥ ዝበሃል ካብ ጸልማት ሓጢኣት ናብ ብርሃን ጽድቒ ኣምላኽ ምምላስ ማለት እዩ፡

*"... ካብ ጸልማት ናብ ብርሃን ... ኪምለሱ" (ግብ 26:18)*

ካብ ሓይሊ ሰይጣን ናብ ኣምላኽ ምምላስ እዩ፡

*"ካብ ስልጣን ሰይጣን 'ውን ናብ ኣምላኽ ኪምለሱ ..." (ግብ 26:18)*

ካብ ዓለማዊ ነገራት ናብ መንፈሳዊ ነገራት ምምላስ ማለት እዩ፡

*"... ካብዚ ከንቱ ነገር ናብቲ ... ህያዉ ኣምላኽ ክትምለሱ" (ግብ 14:15)*

ካብ ጣኦታት ናብ ሓቐኛን ህያዉን ኣምላኽ ምምላስ፡

*"... ካብ ጣኦታት ናብ ኣምላኽ ከመይ ጌርኩም ከም እተመለስኩምን ..." (1ተሰ 1:19)*

## ኣገዳስነት ምልዋጥ

ምልዋጥ ናይ ግድን ንንስሓ ከሰንዮ ኣለዎ። ካብቲ ግጉይ ናብቲ ቅኑዕ ናይ ግድን ክትምለስ ኣሎካ፣ ምኽንያቱ ...

ናብ መንግስቲ ኣምላኽ ንምእታዉ ኣገዳሲ ስለዝኾነ፡

*"በለ ከኣ፣ እንተዘይተመለስኩም፣ ከም ቆልዓ'ውን እንተ ዘይኮንኩም፣ ናብ መንግስተ ሰማያት ከቶ ከም ዘይትኣትዉ፣ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ።" (ማቴ 18:3)*

ካብ መንፈሳዊ ሞት ስለ ዘድሕን፡

*"እቲ ንሓጥእ ካብ መገዲ ጌጋኡ ዚመልሶ፣ ንነፍሱ ካብ ሞት ከም ዘድሕን፣ ብዙሕ ሓጢኣት'ውን ከም ዚኸድን፣ ይፍለጥ።" (ያእ 5:20)*

ሓጢኣት ክድምሰስ ኣገዳሲ ስለዝኾነ፡

ሓጢኣት ክሳብ ተነሲሕና ንምለስ ኣብ መዝገብ ኣምላኽ ጽሑፍ እዩ፣ ድሕሪኡ ግና ይድምሰስ እዩ፡

*"እምበኣርስከ ሓጢኣትኩም ምእንቲ ኪድምሰሰልኩም፣ ... ተነስሑን ተመለሱን።" (ግብ 3:19-20)*

## እቲ ጥፉእ ዉሉድ

ንሰሓን ምምላስን፣ በቲ የሱስ ብዛዕባ እቲ ጥፉእ ዉሉድ ዝነገሮ ዛንታ ብዝበለጸ ተመልኪቶም ኣለዉ። ኣብ ሉቃ 15:11-24 ዘሎ ዛንታ ኣንብብ። እዚ መንእሰይ ኣቡኡን ቤቱን ሓዲጉ፣ ናብ ርሑቕ ምድሪ ከይዱ ብሓጢኣት ድማ ኩሉ ዝዉንኖ ኣጥፊኡ እዩ።

ኣማስያኡ እዚ መንእሰይ ኩነታቱ ተረድኤ። ጠምዩ፣ ጽምዋ እንዳ ተሰመዮ፣ ዓሪቑ፣ ከምኡ ድማ ስርሑ ጓሳ ሓሰማታት እዩ ዝነበረ። ድሒሩ ሓደ ኣገዳሲ ዉሳኔ ወሰነ። ንሱ ከኣ "ተንስኤ ናብ ኣቦይ ክኸይድ እየ" በለ። እዚ ዉሽጣዊ ዉሳኔ ከኣ ዉጽኢቱ ለዉጢ ኣብ ደጋዊ ተግባራቱ ኮይኑ። ይቕሬታ ደልዩ ድማ ናብ ቤት ኣቡኡ ከደ።

### ንስሓ ... ናይ ሓሳብ ለዉጢ፡

ሉቃ 15:17-19 ኣንብብ። እቲ መንእሰይ ዝነበሮ ናይ ሓጢኣት ኩነታቱ ተገንዚቡ እዩ። ናብ ኣቡኡ ክኸይድን ካብ ሓጢኣቱ ክንሳሕን ከኣ ዉሳኔ ወሲኑ። እዚ ኣብነት ናይ ንስሓ እዩ፣ ማለት ደጋዊ ተግባር ዝዉጽኢቱ ዉሽጣዊ ዉሳኔ።

### ምልዋጥ ... ኣብቲ ዉሳኔኻ ተግባራዊ ስጉምቲ ምዉሳድ፡

ሉቃ 15:20 እቲ መንእሰይ ከመይ ኢሉ ሓድሽ ህይወት ንክጅምር፣ ካብ ዝነበሮ ተንሲኡ፣ ነቲ ኣረጊት ህይወት ከምዝሓደገን ናብ ኣብኡ ድማ ከም ዝኸደን ይነግር። እዚ እዩ ምልዋጥ ዝበሃል።

## ዝጠፍኡ ሰባት

ዝኾነ ሰብ፣ በቲ ሓጢኣት ዝመልኤ ናይ ገዛእ ርእሱ ኩነታት፣ ካብ ኣምላኽ ከም ኣብኡን ከምኡ'ውን ካብ ሰማይ ከም ቤቱን ዝባኑ መሊሱ እዩ። ነፍሲ ወከፍ ዝወሰዶ ስጉምቲ ከኣ፣ ሓንቲ ስጉምቲ ካብ ኣምላኽ ምርሓቕን ሓንቲ ስጉምቲ ድማ ናብቲ ንዘልኣለም ካብ ኣምላኽ ምፍላይ ዝኾነ መንፈሳዊ ሞት ምቕራብን እያ።

ዝኾነ ሰብ ክወስዶ ዘለዎ ሓደ ዓቢ ዉሳኔ ኣሎ። ናብ "ዉኖኡ ክምለስ" መንፈሳዊ ኩነታቱ ድማ ክስተዉዕል ኣለዎ። ለዉጢ ኣብ መንፈሳዊ ኣንፈት ዝዉጽኢቱ ዉሳኔ ድማ ክገብር ኣለዎ። እዚ ለዉጢ ናይ መንፈሳዊ ኣንፈት ከኣ ካብ ሓጢኣት ናብ ኣምላኽ ክትመልሶ እያ። ግቡእ መንፈሳዊ መሰረት ንምህናጽ እዚ ቀዳማይ ስጉምቲ እዩ።

## ምጽዳቕን ምድሓንን

ምስ ንስሓ ዝተሓሓዙ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ካልኦት ክልተ ቃላት ኣለዉ። እዞም ቃላት እዚኣቶም "ምጽዳቕ" ከምኡ'ውን "ምድሓንን" እዮም። ኣምላኽ ናይ ኩሉ ወዲ-ሰብ ፈራዲ እዩ። ኣብ ምዉት ግብርታት [ሓጢኣት] ትነብር እንተኣለኻ ኣብ ቅድሚኡ ዝተኾነንካ ኢኻ፡

*"... ነቲ ዘይኣምን ግና፣ ብስም ሓደ ወዲ ኣምላኽ ስለ ዘይኣመነ፣ ድሮ ተፈሪድዎ ኣሎ። እቲ ፍርዲ እዚ እዩ፣ ብርሃን ናብ ዕእለም መጸ፣ ሰብ ግና፣ ግብሮም ክፉእ እዩ እሞ፣ ካብ ብርሃንሲ ጸልማት ፈተዉ።" (ዮሃ 3:18-19)*

ካብ ሓጢኣት ክትንሳሕን፣ ካብቲ ሓጢኣት ዝተመልአ መንገድታት ድማ ክትምለስ ኢልካ ክትዉስን ከለኻ፣ ምስ ኣምላኽ ቅኑዕ ዝምድና ክትምስርት የኽእለካ። እዚ ቅኑዕ ዝምድና ወይ ቅኑዕ ኣቃዉማ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ምጽዳቕ ይበሃል፡

*"ንምእዛዙ ባሮት ክትኮኑ ርእስኹም ንትህብዎ፣ ንሓጢኣት እንተ ኮይኑ ንሞት፣ ንምእዛዝ እንተ ኮይኑ ንጽድቂ፣ ነቲ እትእዘዝዎስ ባሮቱ ከም ዝኾንኩምዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም። ቀደም ባሮት ሓጢኣት ኔርኩምሲ፣ ካብ ሓጢኣት ሓራ ምስ ወጻእኩም፣ ንጽድቂ ተገዛእኩም፣ ነቲ እተወሃብኩምዎ ምሳሌ ምህሮ ካብ ልቢ ስለ እተኣዘዝኩም ግና፣ ንኣምላኽ ስብሓት ይኹኖ።" (ሮሜ 6:16-18)*

ፍርዲ ናይ ሓጢኣት ስጋውን መንፈሳውን ሞት እዩ። የሱስ ኣብ መስቀል ምስ ሞተ፣ ንኩሉ ደቂ-ሰብ ነቲ ዕዳ ናይ ሓጢኣት ከፊልሎም እዩ፡

*"ንሕና ብእኡ ጽድቂ ኣምላኽ ምእንቲ ክንከውን፣ ነቲ ሓጢኣት ዘይፈለጠ ኣብ ክንዳና ሓጢኣት ገበሮ።" (2ቆረ 5:20-21)*

የሱስ ምእንቲ ሓጢትካ ከም ዝሞተ ትኣምን እንተደኣ ኴንካ ተነሳሕ ንዕኡ ድማ ከም መድሓኒ ተቐበሎ፣ ድሕርዚ እቲ ንዘልኣለም ኣብ ገሃነም ካብ ኣምላኽ ምፍላይ ዝኾነ መንፈሳዊ ሞት ኣይክትምኮርን ኢኻ። ግኡዛዊ ኣካልካ ክመዉት እኳ እንተኾነ፣ ናብ ናይ ዘልኣለም ህይወት ክትንስእ ኢኻ። እዚ ድማ ብሞትን ትንሳኤን ናይ ጐይታና የሱስ ክዉን ዝኾነ እዩ። ንስኻ ብየሱስ ክርስቶስ፣ ጸዲቕካ ወይ ናብቲ ቅኑዕ ዝምድና ምስ ኣምላኽ መጺእካ ኢኻ፡

*"በቲ ብየሱስ ክርስቶስ ዚርከብ በጃ ምሕላፍ ብከምኡ ብጸጋኡ ይጸድቑ።" (ሮሜ 3:24)*

*"እምበኣርሲ ሕጂ ብደሙ ምስ ጸደቕና ደኣ፣ ክንደይ ካብቲ ቑጥዓ ብእኡ ኣዚና ዘይንድሕን።" (ሮሜ 5:9)*

*"እምበኣርሲ ብእምነት ካብ ጸደቕና፣ ምስ ኣምላኽ ብጐይታና የሱስ ክርስቶስ ሰላም ይሃልወና።" (ሮሜ 5:1)*

ብምንሳሕን ንየሱስ ክርስቶስ ከም መድሓኒኻ ብምቕባል ድማ ምስ ጸደቕካ፣ ካብ ናይ ሓጢኣት ህይወትን ፍርድታት ናይ ሓጢኣትን ድሒንካ ኣሎኻ፡

*"እቲ ንቃለይ ዚሰምዖን በቲ ዝለኣኸኒ ዚኣምንን ናይ ዘልኣለም ህይወት ኣላቶ። ንሱ ካብ ሞትና ብህይወት ተሳገረ እምበር፣ ናብ ፍርዲ ከምዘይበጽሕ፣ ብሓቂ፣ ብሓቂ እብለኩም ኣለኹ።" (ዮሃ 5:24)*

ዝደሓነ ምኻን ማለት እዚ እዩ፣ ከምኡ'ውን መጽሓፍ ቅዱስ "ምድሓን" እትብል ቃል ክጥቐም ከሎ ብዛዕባ እዚ እዩ ዝዛረብ ዘሎ።

ድሌት ኣምላኽሲ፣ ኩሉ ሰብ ክድሓን እምበር፣ ፍርዲ ናይ ሓጢኣት ዝኾነ ቁጥዓ ኣምልኽ ክምኮሩ ኣይኮነን፡

*"ኣምላኽ፣ ብጐይታና የሱስ ክርስቶስ ምድሓን ክንረክብ እምበር፣ ንቑጥዓስ ኣይመደበናን።" (1ተሰ 5:9)*

*"ኣምላኽ፣ በቲ ሓደ ወዱ ዝኣመን ኩሉ ናይ ዘልኣለም ህይወት ምእንቲ ክረክብ እምበር፣ ከይጠፍእሲ፣ ንወዱ በጃ ክሳዕ ዚህብ፣ ክሳዕ ክንድዚ ንዓለም ኣፍቀራ። ኣምላኽ ንወዱ፣ ጻለም ብእኡ ክትድሕን እምበር ፣ ንዓለም ኪፈርድስ*

*ሓይለኣኾን።" (ዮሃ 3:16-17)*

## መጠቓለሊ

**ሰዒቡ ዝቀርብ ቻርት፣ ነቲ ኣብ ምዕራፍ 2ን 3ን ዘሎ ሓሳባት ጸሚቑ ኣቅሪብዎ ኣሎ።**

**ነፍሲ ወከፍ መሰረታዊ መትከል ናይ እምነት ክርስትና ምስቶም ካልኦት መትከላት ዝዛመድ ከምዝኾነ ክንርዳእ ኣገዳሲ እዩ። ንኣብነት፣ ንስሓ ካብ ምዉት ግብሪ ካብ ዓዉዲ ናይ ዝመጽእ ምዕራፍ ዝኾነ እምነት ብኣምላኽ ኣይፍለን እዩ።**

**መበቆል ሓጢኣት፡ ሉሲፈር (ሰይጣን) ኣንጻር ኣምላኽ ተላዒሉ**

**ንሰብ ናብ ሓጢኣት መሪሕዎ፣ ዉጽኢቱ ድማ**

**ዉድቐት ናይ ሰብ (ኣዳምን ሄዋንን) ዉጽኢት ናይዚ ድማ**

**ኩሉ ሰብ መሰረታዊ ባህሪ ሓጢኣት ወሪሶም፣ ብምኽንያት እዚ ባህሪ ድማ ግብሪ ሓጢኣት ፈጺሞም**

**ሓጢኣት ናብ፡ መንፈሳዊ ሞት ስጋዊ ሞት ይመርሕ**

**የሱስ ኣብ መስቀል ነዚ መቕጻዕትታት ከፊልዎ፣ ዉጽኢት እዚ ድማ ጽድቒ ሓጢኣተኛ ሰብ እዩ፡ ንስሓ ካብ ምዉት ግብሪ (ዉሽጣዊ ዉሳኔ)**

**ዉጽኢቱ እዚ ዝስዕብ እዩ**

**ምልዋጥ (ደጋዊ ለዉጢ) ዉጽኢት እዚ ድማ**

**ጽድቂ ሓጢኣተኛ ሰብ ኣብ ቅድሚ ጻድቕ ኣምላክ ከምኡ'ውን**

**ምድሓን ካብ ህይወትን ፍርድታትን ሓጢኣት**

# ርእሰ ግምገማ

1. ንስሓ ኣገዳሲ ምዃኑን ንድሕነት ድማ ከም ዘድልን ሸዉዓተ ምኽንያታት ጥቐስ

2. ሰባት ንክንስሑ ጠንቂ ዝኾነ ሹድሽተ ነገራት ዘርዝር

3. ትርጉም ምልዋጥ እንታይ እዩ፧

4. ዛንታ ጥፉእ ዉሉድ ጌርካ፣ ንስሓን ምልዋጥን ኣብርህ፧

5. መሪሕ ጥቕሲ ጸሓፍ፧

6. መጽሓፍ ቅዱስ ምስ ንስሓ ዘዛምዶም ኣርባዕተ ነገራት ዘርዝር፧

7. ክርስትያናት ይንስሑዶ፧

8. ንስሓ ናይ ዘድልዮም ክርስትያናት፣ ሰለስተ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ኣብነት ሃብ፧

9. ትርጉም ናይ ምጽዳቕ ሃብ፧

10. "ምድሓን" እንታይ ማለት እዩ፧

## ንዝያዳ መጽናዕቲ

**ኣብዚ ምዕራፍ ብዛዕባ ንስሓ፣ ምልዋጥን ምጽዳቕን ተዘትዩ ኣሎ።**

**ነዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ብምዉካስ፣ ናይዞም ኣገደስቲ ኣርእስታት መጽናዕትኻ ቀጽል።**

### ምልዋጥ፡

**ማቴ** 18:3

**ግብ** 3:19

**መዝ** 19:7

### ምጽዳቕ፡

**ግብ** 13:39

**ሮሜ** 2:13; 3:4, 20, 24, 28; 4:2, 25; 5:1, 16, 18; 8:30

1**ቆረ** 6:11

**ገላ** 2:16-17; 3:8, 11, 24

**ቲቶ** 3:7

**ያእ** 2:21-25

### ንስሓ፡

**ማቴ** 3:2, 8, 11; 4:17; 9:13; 11:20-21; 12:41

**ማር** 1:4, 15; 2:17; 6:12

**ሉቃ** 3:3, 8; 5:32; 11:32; 13:3, 5; 15:7,10; 17:3, 4; 24:47

**ግብ** 2:38; 3:19; 5:31; 8:22; 17:30; 26:20; 5:31; 11:18; 13:24; 19:24; 20:21

**ሮሜ** 2:4

2**ቆረ** 7:8-10

2**ጴጥ** 3:9

**ራእ** 2:5, 16; 3:3, 19

# ምዕራፍ ኣርባዕተ
# እምነት ብኣምላኽ

### ዕላማታት፡

እዚ ምዕራፍ ምስ ወዳእካ፣ ነዚ ዝስዕብ ክትክእል ኢኻ፡

- መሪሕ ጥቕሲ ዘርዚርካ ክትጽሕፍ ኢኻ
- እምነት ዝብል ክትገልጽ ኢኻ
- ዝተፈላለዩ ዓይነት እምነት ፈሊኻ ከተለሊ
- እምነት ብኣምላኽ ዝብል ርቋሕ ክትገልጽ ኢኻ
- ስለምንታይ እምነት ብኣምላኽ ኣገዳሲ ምዃኑ ከተብርህ
- እምነት ብኸመይ ከምትዉስኽከተብርሀ

### መሪሕ ጥቕሲ፡

> *"ብዘይ እምነት ግና ንኣምላኽ ኬሰምርዎ ኣይከኣልን እዩ። እቲ ናብ ኣምላኽ ኪመጽእ ዚደሊ፣ ንሱ ከም ዘሎን ንቶም ዚደልይዎ ዓስቢ ከም ዚህቦምን፣ ኪኣምን ይግብኦ እዩ።" (እብ 11:6)*

### መእተዊ

እቲ ካልኣይ ካብቶም መሰረታዉያን ትምህርትታት "እምነት ብኣምላኽ" እዩ። "እምነት ብኣምላኽ" እቲ ብዛዕባ ኣምላኽ ዘሎካ ኣረኣእያ እዩ ዘመልክት። ገለ ሰባት ንኣምላኽ ይጸልእዎን ኣንጻሩ ድማ ይለዓሉ'ውን እዮም። ካልኦት ከ ኣይፈርሕዎ እዮም። ኣረኣእያኻ እምበኣር ናብ ኣምላኽ ብዝቐንዐ እምነት ክኸውን ይግባእ።

ንሓቐኛ ምልዋጥ እምነትን ንስሓን ኣገደስቲ እዮም። ንሓጢኣት ከይጠንጠንካ ናብ ኣምላኽ ምምላስ ናይ ሓቂ ንስሓ ኣይኮነን። ናብ ኣምላኽ ብእምነት ከይተመለስካ ንሓጢኣት ክትሓድጎ ምፍታን ከኣ መወዳእቱ ዉድቐት የስዕብ። ኣገልግሎት ጳዉሎስ ነቶ ዘይደሓኑ ከምዚ ዝስዕብ እዩ ነይሩ፡

> *"ኣይሁድን ጽርኣዉያንን ብንስሓ ናብ ኣምላኽ ክምለሱ ብጐይታና የሱስ ክርስቶስ ከኣ ክኣምኑ እናመስከርኩ ..." (ግብ 20:21,22)*

ክልቲኦም ንስሓን እምነት ብኣምላኽን እምበኣር ንምድሓን ኣገደስቲ እዮም።

### መግለጺ

እምነት ዘበሃል ብዛዕባ ሓደ ነገር እምንቶ ምህላዉን ብዛዕብኡ ድማ ርጉጽነት ክህልወካ ከሎን እዩ። እምንቶ ምህላዉ ማለት ትዉክልቲ ምህላዉ ማለት እዩ። "እምነት፣ እምንቶ፣ ትዉክልቲ" ዝበሃሉ ቃላት ምስ ኣምላኽ ኣዛሚድና ክንጥቀመሎም ከለና ሓደ ትርጉም እዩ ዘለዎም። መጽሓፍ ቅዱስ ንእምነት ከምዚ ኢሉ ይገልጾ፡

> *"... ነቲ ተስፋ ዚግበሮ ርግጽ ምግባር፣ ናይቲ ዘይርኤ ነገር ምርዳእ።" (እብ 11:1)*

እምበኣርከስ እምነት ነቲ ኣብ መጻኢ ተስፋ ዝተገብረሉ ሓቂ ከም ዝኾነን ነቲ ዘይርአ ድማ ክዉን ምዃኑ ርጉጽነት ይህብ።

## ተስፋ፡

እምነት ካብ ተስፋ ትፍለ እያ። ተስፋ ናይ መጻኢ ዘበለ፣ ህንጡይነት ወይ ኣመለኻኽታ ናይ ተጸባይነት እዩ። እምነት ማለት ናይ ዘይትርእዮ ነገር እምንቶ ምህላዉ ግን ከኣ ድሮ ከም ዘወንንካዮ ርጉጽነት ምህላዉ እዩ። ተስፋ ኣብ ኣእምሮ እዩ። እምነት ግን ኣብ ልቢ እዩ።

> *"ንሕና ግና ደቂ መዓልቲ ካብ ኮንናስ፣ ድርዒ እምነትን ፍቕርን፣ ነታ ተስፋ ምድሓን'ውን ከም ቁራዕ ርእሲ ጌርና፣ ተኸዲና ንጠንቀቕ።" (1ተሰ 5:8)*

ኣብዚ ጥቅሲ ከም ንርእዮ፣ እምነት ከም ድርዒ ምስ ከባቢ ናይ ልቢ እያ ተዛሚዳ ዘላ። ተስፋ ከም ቁራዕ ምስ ርእሲ ተዛሚዳ ኣላ።

ተስፋ ብዛዕባ መጻኢ፣ ኣእምሮኣዊ ኣረኣእያ ናይ ተጸባይነት እዩ። እምነት ግን እምንቶ ኣብ ኣምላኽ ዘጥሪ ኩነታት ናይ ልቢ እዩ፡

> *"... ሰብ ብልቡ ኣሚኑ ይጸድቕ ..." (ሮሜ 10፡10)*

ንወንጌል ብኣእምሮ ጥራይ ምቕባል ኣኻሊ ኣይኮነን። እዚ መጽሓፍ ቅዱሳዊ እምነት ኣይኮነን፣ ኣብ ህይወትካ ድማ ለዉጢ ኣየፍርን እዩ። እቲ ሓቐኛ መጽሓፍ ቅዱሳዊ እምነት፣ ብልቢ ምእማን፣ ኣብ ህይወትካ ኩሉ ግዜ ለዉጢ የፍሪ እዩ። እቲ ዉጽኢት ከኣ፣ ኣብ መጻኢ ተስፋ ትገብረሉ ዘይኮነ፣ ኣብ ህሉው ግዜ እትሙኮሮ እዩ።

## ኣእምሮ ኣብ ልዕሊ ነገር፡

ከምቲ ገሊኦም ሃይማኖታት ዝምህርዎ፣ እምነት ምስ "ኣእምሮ ኣብ ልዕሊ ነገር" ዝመሳሰል ኣይኮነን። "ኣእምሮ ኣብ ልዕሊ ነገር" ዝምህሮ፣ ሰብ ንኹሉ ኣብ ግኡዛዊ ዓለም [ነገራዊ ዓለም] ዘሎ ጸገማት ኣእምሮኡ፣ ሓሳባት ወይ ሓይሊ-ፍቓድ ተጠቒሙ ክሰዕሮ ከምዝኽእል እዩ። እዞም ትምህርታት ሰብ ዘማእከሉ እዮም። ኣብ ርእሰ-ምርኮሳ እምበር ኣብ ኣምላኽ ኣይኮኑን ዝምርኮሱ። "ኣእምሮ ኣብ ልዕሊ ነገር" ኣብ ቃል ኣምላኽ ኣይኮነን ዝምርኮስ።

እምነት ንኣምላኽ ዘማእከለ እምበር ንሰብ ዘማእከለ ኣይኮነን። ሰብ ብገዛእ ጻዕሪ ናይ ኣእምሮኡ ዘጥርዮ ኣይኮነን፣ ዉህበት ናይ ኣምላኽ እዩ።

## ዓይነታት ናይ እምነት

ዝተፈላለዩ ዓይነታት ናይ እምነት ኣለዉ።

## ባህርያዊ እምነት፡

እዚኣ ኣብቶም ቀወምቲ ኮይኖም ዝተረጋገጹ ነገራት ባህርያዊ ትዉክልቲ እያ። ንኣብነት፡ እታ ኮፍ እትብለላ ሰድያ ትጾረካ ከም ትኽእል ምእማን። እዚ እምነት እዚ "እምነት ናብ ኣምላኽ" ኣይኮነን። እዚ ባህርያዊ እምነት፣ ብተመኩሮ ኣተኣማመንቲ ምዃኖም ዝተመሃርካዮም፣ ኣብ ከባቢኻ ንዘለዉ ፍሉያት ነገራት እዩ። "እምነት ብኣምላኽ" ክንብል ከለና ነዞም ዝሰዕቡ ዓይነት እምነታት ማለት እዩ፡

## እትቕድስ እምነት፡

> *"ግናኸ ክርስቶስ እዩ ኣባይ ዚነብር ዘሎ እምበር፣ ደጊም ኣነ ኣይኮንኩን ዚነብር ዘሎኹ። እዚ ሕጂ ብስጋ ዚነብሮ ዘለኹ ድማ፣ ብእምነት በቲ ዘፍቀረኒ ምእንታይ'ውን ነፍሱ ዘሕለፈለይ ወዲ ኣምላኽ እየ ዚነብር ዘሎኹ።" (ገላ 2:20)*

እትቕድስ እምነት፣ እቲ ኣማኒ ድሕሪ ምልዋጡ ቅዱስ ህይወት ክነብር ተኽእሎ። ኣብ መወዳእታ ምዕራፍ ናይዚ መጽናዕቲ ብዛዕባ ፍጽምና ምሕላፍ ክትመሃር ከለኻ፣ ብዛዕባ ቕድስና ዝያዳ ክትመሃር ኢኻ።

እምነት ብኣምላኽ፣ እትቕድስ እምነት ዘካተተ እዩ፣ እዚ ድማ ቅዱስ ህይወት ክትነብር ከም እትኽእል ምእማን እዩ። እዚ በቲ ኣባኻ ዝነብር ሓይሊ ኣምላኽ እምበር ብገዛእ ሓይልኻ ትገብሮ ኣይኮነን።

## እትከላኸል እምነት፥

እምነት ሓንቲ ካብቶም ኣንጻር መንፈሳዊ ጸላኢኻ ዝኾነ ሰይጣን፣ እትጥቐመሎም ናይ ምክልኻል ኣጽዋር እያ፧

*“ምስናይ እዚ ኩሉ ነቲ ናይቲ ክፉእ ርሱን መንትግ ዘበለ ከተጥፍኡ እትኽእሉ ዋልታ እምነት ኣልዕሉ።” (ኤፌ 6:16)*

ሰይጣን ናብ ኣእምሮኻ ናይ ዘይምእማን “መንትጋት” ብምልኣኽ፣ ንእምነትካ ከጥቕዕ እዩ ዝፍትን። እምነት ብኣምላኽ ምህላዉካ፣ ካብዞም መጥቓዕትታት እዚኦም መንፈሳዊ ምክልኻል ይህበካ።

## እተድሕን እምነት፥

*“እምበኣርሲ ብእምነት ካብ ጸደቕና፣ ምስ ኣምላኽ ብጐይታና የሱስ ክርስቶስ ሰላም ይሃልወና።” (ሮሜ 5:1)*

እምነት ብኣምላኽ ምስ ሓቐኛ ንስሓ ተጸንቢረን እየን እተድሕን እምነት ይበሃል። ድሕነት ማለት ንመልእኽቲ ወንጌል ምፍላጥ፣ ምእማንን ከምኡ'ውን ብግልኻ ምቕባልን እዩ። እተድሕን እምነት ዉልቃዊ ግብረ-መልሲ ናብ ኣምላኽ ትጠልብ እያ። ኣብ ክንዲ ካልእ ግብረ-መልሲ ክህብ ዝኽእል ሓደ እኳ የለን። ነፍሲ ወከፍ ሰብ በቲ ብግሉ ንወንጌል ዝህቦ ግብረ-መልሲ እዩ ዝድሕን።

እምነት ክዉን ነገር እዩ። ሰባት ምእንቲ ክድሕኑ ውህበት ኣምላኽ ንሰብ እዩ፧

*“... ብእምነት ብጸጋ ኢኹም ዝደሓንኩም፣ እዚ ከኣ ዉህበት ኣምላኽ እዩ እምበር፣ ካባኻትኩም ኣይኮነን።” (ኤፌ 2:8)*

ግናኸ እምነት ግብሪ እንትላይ እያ። ነፍሲ ወከፍ ሰብ ኣብ ልዕሊ እቲ ብኣምላኽ ዝተዋህቦ እምነት ግብሪ ክፍጽም ኣለዎ። እምነት ብኣምላኽ ናትካ ግብረመልሲ እዩ፣ ማለት ናብ ኣምላኽ ብእምነት እትገብሮ ግብሪ።

“እምነት ብኣምላኽ” ተሞኪርካ ኣማኒ ምስ ኮንካ፣ መንፈሳዊ ፍረ ናይ እምነትካን ዉህበት ናይ እምነትን ክልቲኦም ንእምነትካ ብኣምላኽ ይዉስኹልካ እዮም። “ኣገልግሎት መንፈስ ቅዱስ” ዘርእስቱ ስልጥና ብዛዕባ ዉህበትን ፍረን ናይ እምነት ብዝርዝር ክንርእዮ ኢና።

## ዝንቡዕ እምነት

እተጽንዖ ዘለኻ ትምህርቲ “እምነት ብኣምላኽ” እዩ ዝበሃል። እምነት ብሓፈሻ ዘይኮነ፣ ኣንፈት ዘለዎ እምነት እዩ። ኣንፈቱ ዝሰሓተ እምነት ክህልወካ ይኽእል እዩ። ኣንፈቱ ዝሰሓተ እምነት ኣብዞም ዝስዕቡ ክምርኮስ ይኽእል እዩ፧

### ባህርያዊ ኣጽዋር፧

*“ብቐስተይ ኣይኮንኩን ዝዉከል፣ ሰይፈይ'ውን ኣይከድሕነንን እዩ እሞ ...” (መዝ 44:6)*

### ዓበይቲ ሰባት፥

*“ብመሳፍንቲ፣ በቲ ኪረድእ ዘይከኣሎ ወዲ ሰብ ኣይትወከሉ።” (መዝ 146:3)*

### ኣንነት፥

*“ብልቡ ዚእመን ዓሻ እዩ፣ ብጥበብ ዚመላለስ ግና የምልጥ።” (ምሳ 28:26)*

### ጣኦታት፥

*“እቶም ብቕርጺ ምስልታት ዚዉከሉ፣ ንምስልታት ፍሲ ከኣ፣ ንስኻትኩም ኣማልኽትና ኢኹም ፣ ዚብሉ፣ ንድሕሪት ገጾም ኪምለሱ፣ ኣዝዮም ድማ ኪንዉሩ እዮም።” (ኢሳ 42:17)*

### ሓሰዉቲ ነብያት፥

*“... ኣብ ቃላት ሓሶት ኣይትወከሉ ... ንስኻትኩም ኣብ ዘይጠቅም ቃላት ሓሶት ትዉከሉ ኣሎኹም።” (ኤር 7:4,8)*

## ባህርያዊ ሓይሊ፡

*“ገሊኣቶም ብሰረገላታት ገሊኣቶም’ውን በፍራስ ይእመኑ፣ ንሕና ግና ንስም እግዚኣብሄር ኣምላኽና ክንዝክሮ ኢና።” (መዝ 20:7)*

## ሃብቲ፡

*“... እንሆ፣ እቲ ብብዝሒ ሃብቱ ተወኪሉ፣ ብክፍኣቱ ዝበርትዔ እምበር፣ ንኣምላኽ ሓይሉ ዘይገበሮ ሰብኣይ እዚ እዩ፣ እናበሉ ኪስሕቅዎ እዮም።” (መዝ 52:7)*

## የዕሩኽ፡

*“እወ፣ እቲ ዝእመኖ፣ እንጌራይ ዝበልዔ ፈታዊየይ እኳ ሸኾናኡ ኣልዓለለይ።” (መዝ41:9)*

እምነት ምህላዉ ኣኻሊ ኣይኮነን። እምነትካ ዝዘንበዐ ክኸውን ይኽእል እዩ። ሓቀኛ እምነት ኣንፈት ዘለዎ እምነት እዩ። ንሱ ከኣ “እምነት ናብ ኣምላኽ” እዩ።

## ኣገዳስነት ናይ እምነት

እምነት ናብ ኣምላኽ ዘድልየሉ ክልተ ምኽንያታት ኣለዉ፡

## ንምድሓን ኣገዳሲ እዩ፡

እቲ ቀዳማይ ምኽንያት እምነት ብኣምላኽ ኣገዳሲ ዝኾነሉ፣ ብዘይብእኡ ክትድሕን ኣይትኽእልን ኢኻ፡

*“ዝኣመነን እተጠምቀን ኪድሕን፣ እቲ ዘይኣመነ ግና ኪኹነን እዩ።” (ማር 16:16)*

*“... ብእምነት ብጸጋ ኢኹም ዝደሓንኩም ...” (ኤፌ 2:8-9)*

*“እቶም ኣብ ጥቓ መንገዲ፣ ንሳቶም ዚሰምዑ እዮም። ድሕርቲ፣ ምእንቲ ከይኣምኑን ከይድሕኑን ኢሉ፣ ሰይጣን መጺኡ ነቲ ቓል ካብ ልቦም ይወስዶ።” (ሉቃ 8:12)*

## ብዘይ እምነት ንኣምላኽ ከተሰምሮ ኣይትኽእልን ኢኻ፡

እቲ ካልኣይ ምኽንያት እምነት ኣገዳሲ ዝኾነ፣ ብዘይ ብእኡ ንኣምላኽ ከተሐጉሶ ኣይከኣልን እዩ፡

*“ብዘይ እምነት ግና ንኣምላኽ ኬሰምርዎ ኣይከኣልን እዩ። እቲ ናብ ኣምላኽ ኪመጽእ ዚደሊ፣ ንሱ ከም ዘሎን ነቶም ዚደልይዎ ዓስቢ ከም ዚህቦምን፣ ኪኣምን ይግብኦ እዩ።” (እብ 11:6)*

## ደረጃታት እምነት

መጽሓፍ ቅዱስ ዝተፈላለዩ ደረጃታት እምነት ከም ዘለዉ ይገልጸልና። የሱስ ነቶም እምነቶም ዘይተጠቐምሉ ሰባት “ዘይኣምኑ” ኢሉ ጠቒሰዎም ኣሎ (ማቴ 17:17) ። ንገሊኦም ግዱላት እምነት ኢሉ ይዛረበሎም (ማቴ 6:30; 14:31; ሉቃ 12:28) ንካልኦት ድማ ዓባይ እምነት ከም ዝነበረቶ ይዛረብ (ማቴ 8:10; 15:28; ሉቃ 7:9) ።

መጽሓፍ ቅዱስ ከም ዝምህረና፣ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ብኣምላኽ ዝወሃቦ ፍሉይ መጠን እምነት ኣለዎ፡

*“ከምቲ ኣምላኽ ንነፍሲ ወከፍ ዝዓደሎ መስፈር እምነት ...” (ሮሜ 12:3)*

ነፍሲ ወከፍ ኣማኒ ገለ መጠን እምነት ኣለዎ፣ ምኽንያቱ ብእምነት ኢና ዝደሓና፡

*“... ብእምነት ብጸጋ ኢኹም ዝደሓንኩም ...” (ኤፌ 2:8-9)*

## ንእምነት ብኸመይ ተዕብዮ

እትቕድስ እምነት፣ ቅዱስ ህይወት ንክትነብር ተኽእለካ። እትዉሰኽ እምነት ናብ ፍጽምና ክትበጽሕ ትሕግዘካ እያ። እትከላኸል እምነት ካብ መጥቃዕትታት እቲ ጸላኢ ዝኾነ ሰይጣን ከም ዋልታ ትከላኸል እያ። እምነትካ እንተድአ ዓብያ መንፈሳዊ ናይ ምክልኻል ሓይልኻ ይዉሰኽ እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ እምነትና ከመይ ከም ትዉሰኽ ይነግረና፡

*"እምበኣርሲ እምነት ካብ ምስማዕ እያ፣ ምስማዕ'ውን ብቓል ክርስቶስ እዩ።" (ሮሜ 10:17)*

እምነት ብኣምላኽ እተዕብያ፣ ብምስማዕ ቃል ኣምላኽ እዩ። ካብ ሓጢኣት ክትንሳሕን ንየሱስ ከም መድሓኒ ክትቅበሎን ምእንቲ መጀመርያ ቃል ኣምላኽ ክትሰምዕ ኣለካ። እተድሕን እምነት ብምስማዕ ቃል ኣምላኽ እዩ ዝመጽእ።

ድሕሪ ምድሓንካ፣ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ትምህርትን ስብከትን እምነትካ ኣብ ምዕባይ ይዉሰኽ። ብመጠን ቃል ኣምላኽ ዝሰማዕካዮ፣ ብእኡ መጠን ከኣ እምነትካ ትዉሰኽ። ብመጠን እምነት ዝወሰኸ ብእኡ መጠን ድማ ቅዱስ ህይወት ክትነብርን ኣንጻር መንፈሳዊ መጥቃዕቲ እቲ ጸላኢ ክትከላኸል ዝቐለለ ይኸዉን።

ንእሽተይ ዝዓቐና እምነት ጥራይ ኣዝያ ሓያል እያ፡

*"የሱስ ከኣ፣ ... ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ፣ ክንዲ ፍረ ኣድሪ እተኣክል እምነት እንተ ኣልያትኩም፣ ነዚ ከረን ድማ፣ ካብዚ ናብቲ ኣግልስ፣ ትብልዎ፣ ንሱ ከኣ የግልስ፣ ዘሰኣነኩም'ውን የልቦን።" (ማቴ 17:20)*

ንእሽተይ ዝዓቐና እምነት እኳ እንተ ኣልያትካ ዘይከኣል ነገር የለን።

## እምነትን ግብርታትን

እምነት ዉህበት ኣምላኽ እያ። ብግብርታት ክትዉሰኽ ኣይትኽእልን እያ። ብእምነት ማለትና "ብትኣምኖ" ማለት እዩ። ግብርታት ማለት ድማ "ብእትዓዮ" ማለት እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ ዝምህረና፡

*"ሓደ እኳ ከይምካሕሲ፣ ካብ ግብሪ ኣይኮነን እሞ፣ ብእምነት ብጸጋ ኢኹም፣ እዚ ከኣ ዉህበት ኣምላኽ እዩ እምበር፣ ካባኻትኩም ኣይኮነን።" (ኤፌ 2:8-9)*

እምነት፣ ዉህበት ኣምላኽ ንእምንቶ እዩ። እዚ ማለት ግብርታትካ [እቲ ትሰርሖ] ኣገዳስነት የብሉን ማለት ኣይኮነን። እምነት ከም ዉህበት ኣምላኽ መጀመርታ ይመጽእ። ግብርታትካ፣ መፈተኒ ሓቅነት ኣምነትካ እዩ። ያእቆብ ከምዚ ኢሉ ጽሒፉ ኣሎ፡

*"ኣሕዋተይ፣ ሓደ ሰብ፣ እምነት ኣላትኒ፣ እንተ በለ፣ ግብሪ ግና ካብ ዘይህልዎ፣ እንታይ ይጠቅም፧ እዛ እምነት እዚኣዶ ክተድሕኖ ትኽእል እያ፧ ሓው ወይስ ሓብቲ እንተ ዓረቑ፣ ናይ ዕለት መግቢ'ውን እንተ ሰኣኑ፣ እሞ ንሲጋኦም ዜድሊ ከይሃብኩምዎስ፣ ሓደ ካባኻትኩምሲ፣ ብሰላም ኪዱ፣ ሙቑ፣ ጽገቡ፣ እንተ በሎም፣ እንታይ ይጠቅም፧ ከምኡ ከኣ እምነት፣ ግብሪ እንተ ዜብላስ፣ ንርእሳ ምዉትቲ እያ። ግናኸ ሓደ ሰብ፣ ንስኻ እምነት ኣላትካ፣ ኣነ ከኣ ግብሪ ኣሎኒ፣ ይብል ይኸውን። እምበኣርሲ እምነትካ ብዘይ ግብሪ ኣርእየኒ፣ ኣነ'ውን ብግብረይ ገይረ እምነተይ ክርእየካ እየ።" (ያእ 2:14-18)*

ግብርታትካ ... ከመይ ትነብርን ንድልየታት ኣብ ከባቢኻ ዘለዉ ብከመይ መንገዲ ግብረ መልሲ ትህብን ... ንክዉንነት እምነትካ መፈተኒ እዩ።

ያእቆብ ነቲ ኣብ መንጎ እምነትን ግብርታትን ዘሎ ዝምድና፣ በቲ ኣብ መንጎ ስጋን መንፈስን ዘሎ ዝምድና ከም ኣብነት የጠቓልሎ። ሰብ ምስ ዝመዉት፣ መንፈሱ ንስጋኡ ከም ዝሓድጎ እዩ መጽሓፍ ቅዱስ ዝምህረና። ያእቆብ ከምዚ ይብል ...

*"እምበኣርከስ ስጋ ብዘይ መንፈስ ምዉት ከም ዝኾነ፣ ከምኡ'ውን እምነት ብዘይ ግብሪ ምዉትቲ እያ።" (ያእ 2:26)*

ግብርታትካ ነቲ ኣብ ዉሽጥኻ ዘሎ ህያዉ እምነት ከንጸባርቕ ኣለዎ፡

*"... እቲ ጻድቕ ብእምነት ህያዉ ኮይኑ ኪነብር እዩ ..." (ገላ 3:11)*

## ኣብነት ናይ እምነት

እብራዉያን ምዕራፍ 11 ስማት ናይቶም ዓበይቲ ኣብነታት እምነት ዝነበሩ ሰባት ይዝርዝረልና። ይኹን እምበር ኣብ መጽሓፍ

ቅዱስ "ኣቦ እቶም ዝኣምኑ" ተባሂሉ ዝጽዋዕ ሓደ ሰብኣይ እዩ ዘሎ (ሮሜ 4:11) ። ስሙ ድማ ኣብረሃም ይበሃል።

ኣብ ኣሰር እቲ እሙን ኣብረሃም (ሮሜ 4:12) ዝመላለሱ ክርስትያናት፣ ከም ዉሉድ ኣብረሃም (ገላ 3:17) እዮም ዝዝረበሎም። ብምኽንያት ኣብ ኣምላኽ ዝነበሮ እምነት፣ ኣብረሃም ከም ዝጸደቐ ንፈልጥ፡

*"... ኣብረሃም ንኣምላኽ ኣመነ እሞ ንጽድቂ ኮይኑ ተቖጽረሉ፣ ዚብል ጽሑፍ ተፈጸመ ..." (ያእ 2:23)*

ጳዉሎስ እምነት ብኣምላኽ ክገልጽ ምስ ደለየ፣ ንኣብረሃም ከም ኣብነት ተጠቒምሉ፡

*"እዚ ከኣ ስሌና'ውን እምበር፣ ስሊኡ ጥራይ ከም እተቖጽረሉ ኣይተጻሕፈን። ንኣና፣ በቲ የሱስ ጐይታና ካብ ምዉታት ዘተንስኦ ንንኣምን ከኣ፣ ይቑጸረልና እዩ። ንሱ ብሰሪ ሓጢኣትና በጃ ተዋህበ፣ ስለ ጽድቅና'ውን ተንስኤ።" (ሮሜ 4:23-25)*

ጳዉሎስ ከም ዝበሎ፣ ታሪኽ እታ ንኣብረሃም ዘጽደቐቶ እምነት፣ ንዕኡ ጥራይ ዝተሓዝአት ኣይኮነትን ነይራ። እቲ መዝገብ ንሕና'ውን ወንጌል ብምእማና ከም ንጸድቕ ከዘንቱ እዩ ተታሒዙ።

ኣብረሃም ኣብነት ናይ እምነት ዝኾነሉ ምኽንያት፡

## ነቲ ቃል ሰሚዕዎ፣

ኣብረሃም ነቲ ተስፋታት ናይ ኣምላኽ ሰሚዕዎ እዩ፡

እታ ንኣብርሃም ወይስ ንዘርኡ፡ ወራሲ ዓለም ምእንቲ ኪኸውን፡ እተዋሃበቶ ተስፋ ብጽድቂ እምነት እያ እምበር፡ ብሕጊ ኣይኰነትን ... ነታ ዝሃቦ ተስፋ ኺገብራውን ክእለት ከምዘለዎ፡ ኣጸቢቑ ተረዲኡ ነበረ። (ሮሜ 4:13,21)

## ነቲ ቃል ኣሚንዎ፣

ነቲ ተስፋታት ኣምላኽ ሰሚዕዎ ጥራይ ዘይኮነ፣ ኣሚኑ'ውን እዩ፡

*"ከምቲ ብሁል ድማ፡ ዘርእኻ ኸምዚ ኪኸውን እዩ፡ ተስፋ ኣብ ዜብሉሱ፡ ኣቦ ብዙሓት ኣህዛብ ኪኸውን ብተስፋ ኣመነ።" (ሮሜ 4:18)*

ነዚ ኸይርኤኩምዎ እተፍቅርዎ፡ ሕጂውን ከይርኤኹምዎ ብእኡ እትኣምኑ ዘሎኹም፡ ነቲ መደምደምታ እምነትኩም፡ ንሱ ድማ ምድሓን ንፍሳትኩም፡ ምስ ረኸብኩምዎ፡ ብዘይንገርን ክቡርን ሓጐስ ትሕጐሱ ኢኹም። (1ጴጥ 1:8-9)

## ካብቲ ተስፋ ኣልቦ ኩነታቱ ተመሊሱ፣

ቃል ኣምላኽ ምስማዑ ኣብ ህወት ኣብረሃም ለዉጢ ኣምጺኡ፡

ከምቲ ብሁል ድማ፡ ዘርእኻ ኸምዚ ኪኸውን እዩ፡ ተስፋ ኣብ ዜብሉሱ፡ ኣቦ ብዙሓት ኣህዛብ ኪኸውን ብተስፋ ኣመነ። ኣስታት ወዲ ሚእቲ ዓመት ክነሱ፡ ሙማት ስጋኡን ሙማት ማሕጸን ሳራን እናረኣየ፡ ንምእማን ኣይደኸመን። (ሮሜ 4:18-19)

ከምቲ ሰብኡትን ኣንስትን ኣብ ሓጢኣት ዝጠፍኡ፣ ኣብረሃም ኣብ ዓለም ተስፋ ዘይብሉ ኩነታት እዩ ገጢምዎ። ኣብረሃምን ሳራን ቀልዑ ክይወልዱ ኣዝዮም ኣረጊም ስለ ዝነበሩ፣ እቲ ኣቦ ብዙሓት ናይ ምኳን ተስፋ ብኣምላኽ ጥራይ እዩ ክመጽእ ዝኽእል ነይሩ።

ምድሓን ብየሱስ ክርስቶስ ጥራይ እዩ ዝመጽእ። በቲ ብእምነት ኣብ ናይ ድሕነት መደቡ ጥራይ እንተዘይኮይኑ ነቲ ተስፋ ክትቅበለሉ እትኽእል ካልእ መገዲ የለን፡

*"ክርስቶስ ኣብ ልብኹም ብእምነት ምእንቲ ኺሐድር ..." ኤፌ 3:17*

## ነቲ ተስፋ ከም ክዉን ተቐቢልዎ፣

*"ግናኸ ንኣምላኽ ክብሪ እናሃበ ንምእማን በርትዔ እምበር፡ ነታ ተስፋ እምላኽ ብዘይምእማኑ ኣይተዋላወለን።" (ሮሜ*

*4:20)*

**እዚ እዩ እምነት ብኣምላኽ ዝበሃል።**

## ንዓና ዝኸዉን ኣብነት

**ኣቲ ብኣብረሃም ዝተገልጸ እምነት ናብ ኣምላኽ ክትክተሎ ዘለካ ኣብነት እዩ። ንስኻ ግና ግድን፡**

- **ቃል ኣምላኽ ክትሰምዕ ኣለካ።**
- **ቃል ኣምላኽ ክትኣምን ኣለካ።**
- **ካብ ተስፋ ኣልቦ ኩነታትካ ክትምለስ ኣለካ (ብንስሓ ካብ ምዉት ግብሪ ተለወጥ) ።**
- **ተስፋ ኣምላኽ ከም ክዉን ተቐበሎ። ተስፋኡ ድማ፣ ብንስሓን ብእምነት ብኣምላኽን ብየሱስ ክርስቶስ ጸዲቕካ ኢኻ።**

## ርእሰ ግምገማ

1. ትርጉም "እምነት" ግለጽ?

2. እዞም ዝስዕቡ ዓይነታት እምነት ግለጾም፡

ሀ ባህርያዊ እምነት፡

ለ. እተድሕን እምነት፡

ሓ. እተጽድቕ እምነት፡

መ. እትከላኸል እምነት፡

3. እምነት ብኣምላኽ ኣገዳሲ ምዃኑ ክልተ ቀንዲ ምኽንያት ኣቕርብ

4. እምነት ብኣምላኽ ከመይ ገይርካ ትዉስኽ፧

4. መሪሕ ጥቕሲ ጸሓፍ

6. ኣብረሃም ጽቡቕ ኣብነት ናይ እምነት ምዃኑ ኣርባዕተ ምኽንያታት ዘርዝር

7. እምነት ካብ ተስፋ ብከመይ ትፍለ፧

8. ኣብ መንጎ እምነትን "ኣእምሮ ኣብ ልዕሊ ነገር"ን ዘሎ ፍልልይ እንታይ እዩ፧

9. ኣብ መንጎ እምነትን ግብርታትን ዘሎ ፍልልይ ግለጽ፧

10. "እምነት ብኣምላኽ" ትርጉሙ እንታይ ማለት እዩ፧

## ንዘያዳ መጽናዕቲ

"ትዉክልቲ" ካልእ ንእምነት እንጥቐመሉ ቃል እዩ። ዳዊት ኣብ መዝሙር ብዛዕባ ትዉክልቲ ብዙሕ ጽሒፉ ኣሎ። እዚ ስዒቡ ዝቐርብ መጽናዕቲ እቲ ዳዊት "ትዉክልቲ" ኢሉ ዝጸወዮ፣ እምነት ብኣምላኽ ክንመሃር ኢና።

## ዝንቡዕ ትዉክልቲ

ስዒቡ ዝቐርብ መወከሲታት ኣጽንዕ ኢኻ። ኣብቲ ቀሪቡ ዘሎ ዓምዲ፣ዝርዝር ናይቶም ዳዊት ክንዉክሎምከምዘይብልና ዝነግረና ጾሓፍ፡

**መወከሲ** **ክትዉክሎ ዘይብልካ**

መዝ 20:7 ________________________

መዝ 41:9 ________________________

መዝ 44:6 ________________________

መዝ 49:6 ________________________

መዝ 52:7 ________________________

መዝ 115:8 ________________________

መዝ 118:8-9 ________________________

መዝ 135:17-18________________________

መዝ 146:3 ________________________

## ቦትኡ ዝሓዘ ትዉክልቲ

ብምሉእ መዛሙር ናይ ዳዊት ትዉክልቲ ኣብ ኣምላኽ እዩ ዘተባብዕ። ንሱ ኣብቶም ምስ ኣምላኽ ምትሕሓዝ ዘለዎም'ውን ምዉካል የተባብዕ እዩ።ነዞም ዝስዕቡ መወከሲታት ኣጽንዕ ኢኻ። ኣብቲ ካልኣይ ዓምዲ፣ ዝርዝር ናይቶም ዳዊት ዝዉክሎም ጾሓፍ።

**መወከሲ** **እትዉክሎ ዘለካ**

መዝ 33:21 ____________________

መዝ 36:7 ____________________

መዝ 13:5 ____________________

መዝ 52:8 ____________________

መዝ 57:1 ____________________

መዝ 61:4 ____________________

መዝ 78:22 ____________________

መዝ 91:4 ____________________

መዝ 119:42 ____________________

## መዓስ ትዉክል

መዝ 56:3 ____________________

## ረብሓታት ናይ ምዉካል

ዳዊት፣ ኣብ ኣምላኽ ምዉካል ወይ ብኣምላኽ እምነት ምህላዉ ዘለዎ ብዙሕ ረብሓታት ዘርዚርዎ ኣሎ። ስዒቡ ዝቀርብ መወከሲታት ኣጽንዕ ኢኻ። ኣብቲ ተዳልዩ ዘሎ ዓምዲ፣ ኣብ ኣምላኽ ምዉካል ዘለዎ ረብሓታት ዘርዝር ኢኻ፡

**መወከሲ** **ረብሓታት ኣብ ኣምላኽ ምዉካል** …

**መዝ** 25:2 ____________________________________________

**መዝ** 25:20 ____________________________________________

**መዝ** 26:1 ____________________________________________

**መዝ**28:7 ____________________________________________

**መዝ** 31:1 ____________________________________________

**መዝ** 31:6 ____________________________________________

**መዝ** 31:19 ____________________________________________

**መዝ** 32:10 ____________________________________________

**መዝ** 33:21 ____________________________________________

**መዝ** 34:8 ____________________________________________

**መዝ** 34:22 ____________________________________________

**መዝ** 37:5 ____________________________________________

**መዝ** 37:40 ____________________________________________

**መዝ** 40:3 ____________________________________________

**መዝ** 2:12 ____________________________________________

**መዝ** 5:11 ____________________________________________

**መዝ** 7:1 ____________________________________________

**መዝ** 9:10 ____________________________________________

**መዝ** 16:1 ____________________________________________

**መዝ** 17:7 ____________________________________________

**መዝ** 21:7 ____________________________________________

**መዝ** 22:4 ____________________________________________

**መዝ** 22:5 ____________________________________________

**መዝ** 22:8 ____________________________________________

**መዝ** 40:4 ____________________________________________

| **መወከሲ** | **ረብሓታት ኣብ ኣምላኽ ምውካል …** |
|---|---|
| መዝ 56:4 | ______________________ |
| መዝ 56:11 | ______________________ |
| መዝ 57:1 | ______________________ |
| መዝ 64:10 | ______________________ |
| መዝ 71:1 | ______________________ |
| መዝ 73:28 | ______________________ |
| መዝ 84:12 | ______________________ |
| መዝ 86:2 | ______________________ |
| መዝ 112:7 | ______________________ |
| መዝ 119:42 | ______________________ |
| መዝ 125:1 | ______________________ |
| መዝ 141:8 | ______________________ |
| መዝ 143:8 | ______________________ |
| መዝ 144:2 | ______________________ |

## ውጽኢት ኣብ ኣምላኽ ዘይምውካል

ዳዊት ውጽኢት ናይ ኣብ ኣምላኽ ዘይምውካልካ ኣለልይዎ ኣሎ፥

| **መወከሲ** | **ውጽኢት ናይ ኣብ ኣምላኽ ዘይምውካልካ** |
|---|---|
| መዝ 32:10 | ______________________ |
| መዝ 55:23 | ______________________ |
| መዝ 78:21-22 | ______________________ |

## ዳዊት ኣብ ምውካሉ ዝነበሮ ታሪኽ

ዳዊት ንኣምላኽ ካብ መዓስ ኣትሒዙ ከም እተወከሎ ይዛረብ፥

መዝ 71:5 ______________________

## ተወሰኽቲ መወከሲታት

ስዒቡ ዝቐርብ፣ ዳዊት ብዛዕባ ኣብ ኣምላኽ ምውካሉ ዝበሎ ተወሰኽቲ መወከሲታት እዩ። ነቲ መወከሲታት ኣጽንዓዮ ኢኻ። ኣብቲ ተዳልዩ ዘሎ ዓምዲ፣ ብገዛእ ቃላት ጽሟቕ ትሕዝቶ ናይ ነፍሲ ወከፍ ጥቕሲ ኣቕርብ፥

| **መወከሲ** | **ጽሟቕ ትሕዝቶ** |
|---|---|
| መዝ 32:4 | ______________________ |
| መዝ 4:5 | ______________________ |
| መዝ 11:1 | ______________________ |

# ምዕራፍ ሓሙሽተ
# ትምህርቲ ጥምቀታት፣ ቀዳማይ ክፋል

## ዕላማታት፡

እዚ ምዕራፍ ምስ ወዳእካ፣ ነዚ ዝስዕብ ክትክእል ኢኻ፡

- ነታ መሪሕ ጥቕሲ ካብ ዘኽርኻ ጽሓፍ
- ኣብ ሓዲሽ ኪዳን ተጠቒሶም ዘለዉ ኣርባዕተ ጥምቀታት ፈሊኻ ክተለልዮም
- "ምጥማቕ" እትብል ቃል ክትገልጽ
- ኣገዳስነት ክርስትያናዊ ጥምቀት ክተብርህ
- በቶም ክርስትያናዊ ጥምቀት ዝድለዩ፣ ክማልኡ ዘለዎም መምዘኒታት ምዝርዛር

## መሪሕ ጥቕሲ፥

> *"ኣነስ ንንስሓ ብማይ ኤጥምቐኩም ኣሎኹ፣ እቲ ድሕረይ ዚመጽእ ግና ካባይ ይሕይል እዩ፣ ኣነስ ኣሳእኑ ክጸውር እኳ ኣይበቅዕን። ንሱ ብመንፈስ ቅዱስን ብሓዊን ኬጥምቐኩም እዩ።"* (ማቴ 3:11)

### መእተዊ

እብራውያን ምዕራፍ 6 ተዘርዚሮም ካብ ዘለዉ፣ እቲ ሳልሳይ መሰረታዊ ትምህርቲ፣ ትምህርቲ ጥምቀታት እዩ።

ኣብ እብ 6:2፣ እታ "ጥምቀት" እትብል ቃል ብዙሓዊ ቁጽሪ እያ። "ትምህርቲ ጥምቀት" [ንጽል] ዘይኮነትሲ "ትምህርቲ ጥምቀታት" [ብዙሓዊ] እያ። እዚ ማለት ከኣ ምሉእ ትምህርቲ ናይ እምነት ክርስትና ልዕሊ ሓደ ጥምቀት ዘካተተ እዩ።

## ኣርባዕተ ጥምቀታት

ሓድሽ ኪዳን ኣርባዕተ ዝተፈላለዩ ጥምቀታት እዩ ዝጠቅስ። ንሳቶም ከኣ፦

- ጥምቀት መከራ ናይ ክርስቶስ
- ጥምቀት ዮሃንስ
- ክርስትያናዊ ጥምቀት
- ጥምቀት ኣብ መንፈስ ቅዱስ

ኣብዚ ምዕራፍ ነቶም ቀዳሞት ሰለስተ ክንርእዮም ኢና። ዝቅጽል ምዕራፍ ኣብ ጥምቀት ናይ መንፈስ ቅዱስ እዩ ዘተኩር።

### መግለጺ

ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ተጠቂሱ ዘሎ "ምጥማቕ" እትብል ቃል፣ ምሉእ ብምሉእ ኣብ ዉሽጢ ሓደ ነገር ምጥላቕ ወይ ምጥሓል ማለት ኣዩ።

## ጥምቀት መከራ ናይ ክርስቶስ

ኣብ ሓድሽ ኪዳን ናይ መከራ ጥምቀት ኢልና እንጽዉዓ ጥምቀት ኣላ። እዛ ጥምቀት እዚኣ የሱስ ተዛሪቡላ እዩ፡

*"ዝጥመቓ ጥምቀት ኣላትኒ፣ ክሳዕ እትፍጸምሲ ከመይከ ዘይጸበኒ።" (ሉቃ 12:50)*

እዛ ጥምቀት እዚ ደቂ ዘብዴዎስ ኣብ ሰማይ ኣብ የማኑን ኣብጸጋሙን ብኽብሪ ምስ ክርስቶስ ክቕመጡ ኣብ ዝሓተቱሉ ግዜ ኣብ ማር 10:38 እዉን ተጠቒሳ ኣላ። "የሱስ ግና፣ እትልምንዎ ኣይትፈልጡን ኢኹም። እታ ኣነ ዝሰትያ ጽዋእ ክትሰትዩ፣ እታ ኣነ ዝጥመቓ ጥምቀት'ውን ክትጥመቑሽ ይከኣለኩም ድዩ፧" ኢሉ እዩ መሊሱሎም። የሱስ ድማ ብዛዕባ እቲ ሓጢኣት ኩሎም ደቂ ሰባት ብሞቱ ዝጸበዮ ዝነበረ ስቓይ እዩ ዝዛረብ ነይሩ። ንሱ ኣብ ስቓይ ክጥሕል፣ ኣብ መቓብር ክቕበር፣ ከምኡ ድማ ብሓድሽ ኣካል ክትንስእ ኔርዎ።

## ጥምቀት ዮሃንስ

ጥምቀት ናይ ዮሃንስ መጥምቕ ምስ መልእኽቲ ንስሓ ዝተሓሓዘት ናይ ማይ ጥምቀት እያ ነይራ። ዮሃንስ መጥመቕ ካብ ዘካርያስን ኤልሳቤጥን ብተኣምራታዊ መገዲ ዝተወለደ እዩ ነይሩ (ሉቃ 1) ። ኣምላኽ ንህይወቱ ፍሉይ መደብ ነበሮ። ንሱ ከም "ጸያሒ-ፍኖት" ናይ ክርስቶስ ኮይኑ ከገልግል እዩ ነይሩ፡

*"ኣታ ህጻን፣ ንስኻ ድማ ንህዝቡ ብሕድገት ሓጢኣቶም ፍልጠት ምድሕእን ክትህቦም፣ መገዱ ከተቕንዕ፣ ቀቅድሚ ጐይታ ክትከይድ ኢኻ እሞ፣ ነብዩ ልዑል ክትበሃል ኢኻ።" (ሉቃ 1:76-77)*

እዛ "ጸያሒ-ፍኖት" እትብል ቃል፣ ሓደ ኣቀዲሙ ከይዱ መገዲ ዘዳሉ ማለት እያ። ዮሃንስ ድማ መልእኽቲ ንስሓን ጥምቐትን ንእስራኤል እናሰበኸ፡ ነቲ ዝመጽእ ዝነበረ መሲሆም፣ የሱስ ክርስቶስ፣ ድማ ንከዳልዎም እዩ ኔይሩ፡

*"ኣነስ ንንስሓ ብማይ ኤጥምቐኩም ኣሎኹ፣ እቲ ድሕረይ ዝመጽእ ግና ካባይ ይሕይል እዩ ... ንሱ ብመንፈስ ቅዱስን ብሓዉን ኪጥምቐኩም እዩ።" (ማቴ 3:11)*

ኣገልግሎት ዮሃንስ መጥመቕ ድማ ጅማሬ ናይ ሓድሽ መንፈሳዊ ዘመን እዩ ኔይሩ፡

*"ሕግን ነብያትን ክሳዕ ዮሃንስ ነበሩ። ካብ ሽዑኡ ንነጀዉ መንግስቲ ኣምላኽ ትብሰር ኣላ፣ ኩሎም ድማ ይደፍኡላ ኣለዉ።" (ሉቃ 16:16)*

ቅድሚ ናይ ዮሃንስ ግዜ እቲ ህዝቢ ኣብ ትሕቲ ሕጊ እዩ ዝነብር ኔይሩ። ነብያትን ካህናትን ድማ ከም መንፈስዉያን መራሕትን ተርጎምቲ ሕግን ኮይኖም የገልግሉ ኔይሮም። ናብ ህልዉና ኣምላኽ ኣብ ቤት መቕደስ፣ ካህናት ጥራይ እዮም ክኣትዉ ዝፍቐደሎም ኔይሩ። ንሳቶም ኣብ መንጎ ህዝብን ኣምላኽን ከም መንጎኛ ኮይኖም የገልግሉ ነበሩ፣ ከምቲ ኣምላኽ ዝኣዘዞ ድማ ስለ ሓጢኣት መስዋእትታት ይስዉእ ነበሩ። እዚ ኩሉ ምስ ምምጻእ ናይ የሱስ

ክርስቶስ ተቐየረ። የሱስ ብህይወቱ፣ ብሞቱ፣ ከምኡ ከኣ ብትንሳኤኡ ኹሎም ሰባት ናብ ኣምላኽ ክቀርቡ ከም ዝከኣል ገበሮ። ሕጂ ድማ የሱስ፣ ኣብ መንጎ እቲ ሓጥእ ሰብን እቲ ጻድቕ ኣምላኽን ከም ማእከላይ ኮይኑ የገልግል ኣሎ።

ዮሃንስ ኣብቶም ህዝቢ ክልተ ጠለባት እዩ ኣንቢሩ፡ ንስሓን ህዝባዊ ምንዛዝ ናይ ሓጢኣትን። እቶም ነዞም ብኣምላኽ ዝተዋህቡ ጠለባት ከማልኡ ፍቓደኛታት ዝነበሩ ድማ፣ ከም ህዝባዊ ምስክርነት ኣብ ርባ ዮርዳኖስ ተጠምቑ። እዚ ካብ ሓጢኣቶም ከምእተነስሑ ዘርኢ ደጋዊ ምልክት እዩ ኔይሩ።

ገለ ካብቶም ሃይማኖታዉያን መራሕቲ፣ ክጥመቁ ኢሎም ናብ ዮሃንስ ምስ መጹ ግና፣ ንሱ ከጠምቖም ኣይፈተወን። ቅድሚ ንዕኦም ምጥማቑ ከኣ፣ ኣብ ህይወቶም መርትዖ ናይ ሓቐኛ ለዉጢ ክርእዩ እዩ ጠሊቡ፡

*"ካብ ፈሪሳዉያንን ሱዳቃዉያንን ብዙሓት ናብ ጥምቀቱኪመጹ ምስ ረኣየ ግና በሎም፣ ኣቱም ዉሉድ ኣትማን፣ ካብቲ ዚመጽእ ቍጥዓ ከምእትመልቁሽ መን ሓበረኩም፧ እምበኣርከስ ንንስሓ ዘበቅዕ ፍረ ግበሩ።" (ማቴ 3:7-8)*

ዮሃንስ ቅድሚ ምጥማቑ፣ ንስሓን ስርየት ሓጢኣታትን ይጠልብ ነይሩ። እዛ "ጥምቐት ናብ ንስሓን ስርየት ሓጢኣታትን" እትብል ሓረግ፣ እዞም ክልተ ተመኩሮታት ንብማይ ምጥማቕ ይሰዕባእ እየን ማለት ኣይኮነን። ጥምቀት ማለት፣ እቶም ዝጥመቑ ዝነበሩ

ሰባት ድሮ ንስሓን ስርየትን ከም ዝተሞኮሩ ዝነግር ዝርኤ መረጋገጺ እዩ ኔይሩ።

## ክርስትያናዊ ጥምቀት

ነዛ ንሕና “ክርስትያናዊ ጥምቐት” ኢልና እንጽዉዓ ብዝበለጸ እትገልጽ ክፍሊ ጽሑፍ እቲ ብዛዕባ ጥምቀት የሱስ ዝገልጽ እዩ፡

*“ሽዑ የሱስ ብዮሃንስ ኪጥመቕ፣ ካብ ገሊላ ናብ ዮርዳኖስ መጸ።ዮሃንስ ግና፡ ንኣይ ብኣኻ ምጥማቕ የድልየኒ፡ ንስኻዶ ናባይ ትመጽእ፧ ኢሉ ኣበዮ።የሱስ ከኣ፡ ኵሉ ጽድቂ ኽንፍጽም ይግባኣና እዩ እሞ፡ ሕጂስ ይኹን ደኣ ሕደግ፡ ኢሉ መለሰሉ። ድሕርዚ ፈቐደሉ።የሱስ ምስ ተጠምቀ፡ ብኡብኡ ኻብ ማይ ወጸ። እንሆ ኸኣ ሰማያት ተኸፍተ፡ መንፈስ ኣምላኽ ድማ ከም ርግቢ ወሪዱ፡ ኣብ ርእሱ ኪቕመጥ ረኣየ።እንሆ ድማ ብእኡ ዘሰመርኩ ፍትዊ ወደይ እዚ እዩ፡ ዚብል ድምጺ ኻብ ሰማይ መጸ።” (ማቴ 3:13-17)*

የሱስ ብዮሃንስ ዝተጠምቀ፣ ካብ ሓጢኣት ምንስሑ ከም መረጋገጺ ኣይኮነን፣ ምኽንያቱ ንሱ ክንስሓሉ ዝገብሮ ሓጢኣት ኣይነበሮን። የሱስ ግና “ኩሉ ጽድቂ ክፍጸም” ኢሉ እዩ ዝተጠምቐ። ንሱ ኩሎም ኣመንቲ ክስዕብዎ ዝግባእ ጻድቅ ኣብነት ናይ ጠባይ እዩ ዘርኢ ኔይሩ።

## ጥምቀት ህጻናት

የሱስ ብህጻንነቱ ኣይኮነን ዝተጠመቐ። ንሱ ህጻን እንከሎ ወለዱ ናብ እግዚኣብሄር ከዉፍይዎ ኢሎም ናብ ዮርሳሌም ኣምጺኦሞ እምበር ኣይተጠመቐን (ሉቃ 2:22)። የሱስ እንታይ ይገብር ከም ዘሎን፣ ስለምንታይ ይገብሮ ከም ዝነበረን ክሳዕ ዝፈልጥ ኣይተጠመቀን ኔይሩ።

ህጻናት እምበኣር ክጥመቁ ኣይግባእን እዩ። ህጻናት፣ ብምንባር ኣእዳዉ ክዉፈዩን ክባረኹን ናብ ጐይታ ክቐርቡ ይኽእሉ እዮም። ግናኸ ትርጉም ናይቲ ግብሪ ክሳዕ ዝርድእዎን ነቶም መጽሓፍ ቅዱሳዊ ጠለባት ድማ ክሳዕ ዘማልኡዎምን፣ ክጥመቑ ኣይግባእን እዩን። እዚ ምርዳእ እዚ ዝመጽኣሉ ዝተወሰነ ዕድመ የልቦን። እዚ ኣብ ናይ ነፍሲ ወከፍ ህጻን ኣእምሮኣውን መንፈሳውን ምዕባለ እዩ ዝምርኮስ።

## ምንጻግዶ ወይ ምጥሓል፧

ገሊኣን ቤተ-ክርስትያናት ብምንጻግ ማይ እየን ዘጠምቃ። ካልኦት ድማ ምሉእ ብምሉእ ኣብ ማይ የጥሕላ። የሱስ ክጥመቅ ከሎ ናብቲ ማይ ኣትዩ ብድሕሪኡ ከኣ ካብቲ ማይ ወጺኡ። ነዝን ነቲ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ትርጉም ናይ “ምጥማቕ” እትብል ቃል ኣብ ግምት ብምእታዉ፣ የሱስ ምሉእ ብምሉእ ኣብ ማያት ዮርዳኖስ ከምዝጠለቐ ክንድምድም ናይ ግድን እዩ።

ንገዛእ ርእሱ ክጥመቕ ብምፍቓዱ፣ የሱስ ንፍቓድ ኣምላኽ ዘለዎ ግዳማዊ ምእዛዝ እዩ ኣርእዩ። በዚ ናይ ምእዛዝ ግብሪ ድማ መደብ ኣምላኽ ፈጺሙ። ኣመንቲ ክጥመቑ ከለዉ፣ እዚ ግዳማዊ ተግባር እዚ ነቲ ብእምነት ዝተቐበልዎ ዉሽጣዊ ጽድቂ ተምሳል እዩ።

## ጠለባት ናይ ጥምቐት

እቶም ብዮሃንስ ክጥመቑ ዝደልዩ ዝነበሩ፣ ክማልእዎ ዝነበሮም መንፈሳዉያን ኩነታት ኔይዎም እዮ። ከምኡ ድማ እቶም ክርስትያናዊ ጥምቀት ዝደልዩ ክማልእዎ ዘለዎም ጠለባት ኣለዉ።

### መምርሒ፡

እታ ቀዳማይቲ ጠለብ ናይ ጥምቐት ብየሱስ ተዋሂባ እያ፡

*“ስለዚ ኺዱ ንዅሎም ኣህዛብ ብስም ኣቦን ወድን መንፈስ ቅዱስን እናኣጥመቕኩም፡ ዝኣዘዝኩኹም ኵሉ ኺሕልዉ ኸኣ እናመሃርኩም፡ ደቀ መዛሙርቲ ግበርዎም። እንሆ ድማ፡ ኣነ ኽሳዕ መወዳእታ ዓለም ኵሉ መዓልቲ ምሳኻትኩም እየ።” (ማቴ 28:19-20)*

እቲ ሓደስቲ ኣመንቲ ንምምሃር፣ ዝብል ናይ ክርስቶስ ትእዛዝ ክልተ ግዜ እዩ ተዋሂቡ ዘሎ። ንሳቶም ቀድምን ድሕርን ጥምቀት እዮም ክመሃሩ ዘለዎም። እቶም ሓጥኣን ሓቐኛ ኣመንቲ ምእንቲ ክኾኑ፣ ቀድም ንወንጌል ናይ ግድን ክሰምዑን ክቕበሉን

ኣለዎም፡

*"እቶም ሽዑ ዘረባኡ ባህ ኢልዎም እተቐበሉ ተጠመቑ።" (ግብ 2:41)*

*"እዚ ምስ ሰምዑ፣ ብስም ጐይታና የሱስ ተጠምቁ።" (ግብ 19:5)*

*"ልድያ እትብሃል … ናብቲ ጳዉሎስ ዚብሎ ዝነበረ ክተደህብ ከኣ …ንሳ …ተጠመቐት።" (ግብ 16:14-15)*

ቅድሚ ጥምቀት፣ ትርጉሙ ምእንቲ ክርድኦም፣ ኣመንቲ እኹል ትምህርቲ ክቕበሉ ይግባእ። ድሕሪ ጥምቐት ድማ፣ ብጱሓት ክርስትያናት ምእንቲ ክኾኑ፣ መምርሒ ምቕባል ክቕጽሉ ይግባእ። ጳዉሎስ ነዚ "ናብ ፍጻሜ ምሕላፍ" ኢሉ ይጽዉዖ (እብ 6)

## ንስሓ፡

እቲ ካልኣይ ቅድመ ኩነት ናይ ጥምቐት ከኣ፣ ንስሓ ካብ ሓጢኣት እዩ። ጴጥሮስ ኣብቲ ብመዓልቲ ሓምሳ ዝገበሮ ስብከት ነዚ ጸቒጡሉ ኣሎ፡

*"ሽዑ፡ እዚ ምስ ሰምዑ፡ ልቦም ተወግኤ እሞ፡ ንጴጥሮስን ነቶም ካልኦት ሃዋርያትን፡ ኣቱም ኣሕዋትና፡ እንታይ ንግበር፡ በልዎም።" (ግብ 2:37)*

*"… ተነሰሑ ነፍሲ ወከፍኩም ከኣ ብስም የሱስ ክርስቶስ ንሕድገት ሓጢኣት ይጠመቕ፡ ህያብ መንፈስ ቅዱስውን ክትቅበሉ ኢኹም በሎም።" (ግብ 2:38-39)*

ኣስተዉዕል፣ ሓጢኣትካ ምእማን ጥራይ እኹል ኣይኮነን። ናይ ግድን ግብሪ ክዉሰድ ኣለዎ። እተን ጴጥሮስ ዝሃበን ክልተ ትእዛዛት ተነስሑን ተጠመቁን እየን ዝብላ። ንስሓ እምበኣር ቅድሚ ጥምቀት እዩ ዝመጽእ።

## ምእማን፡

እቲ ሳልሳይ ቅድመ ኩነት ናይ ጥምቀት ድማ ምእማን [እምነት] እዩ፡

*"በሎም ድማ ፥ ናብ ኵላ ዓለም ኪዱ፡ ንብዘሎ ፍጥረት ከኣ ወንጌል ስበኹሉ።ዝኣመነን እተጠምቀን ኪድሕን፡ እቲ ዘይኣመነ ግና ኪኹነን እዩ።" (ማር 16:15-16)*

እዚ ናይ ምእማን ጠለብ ኣብ ዛንታ ናይ ፊልጶስን፣ ኣብቲ ካብ የሩሳሌም ንጋዛ ዘዉርድ መገዲ ዝረኸቦ ኢትዮጵያዊ ሰብኣይን ተመልኪቱ ኣሎ (ግብ 8)። እቲ ኢትዮጵያዊ ካብ መጽሓፍ ኢሳያስ ከንብብ ከሎ ፊልጶስ ሰምዖ። ነቲ ወንጌል ከብርሃሉ ድማ ናብታ ሰረገላኡ ተጸንበሮ። ጉዕዞኦም ኣብ ዝቀጸልሉ ድማ፣ እቲ መገዲ ማይ ብዘለዎ ቦታ ዝሓልፍ ነበረ። ብመሰረት ናይቲ ኢትዮጵያዊ ጠለብን ምእማን እምነቱን ከኣ፣ ፊልጶስ ኣጠመቖ፡

*"መገዲ ኪኸዱ ኸለዉ ድማ፡ ናብ ማይ በጽሑ። እቲ ስሉብ ከኣ፡ እንሆ ማይ፡ ከይጥመቕከ እንታይ ይኽልክለኒ፧ በለ። ፊልጶስ ከኣ፡ ብኹሉ ልብኻ እንተ ኣሚንካስ፡ ይኹነልካ እዩ፡ በሎ። ንሱ ኸኣ፡ የሱስ ክርስቶስ ወዲ ኣምላኽ ምዃኑ እኣምን ኣሎኹ፡ ኢሉ መለሰሉ።ነታ ሰረገላ ደው ኪብልዋ ኸኣ ኣዘዘ፡ ፊልጶስን እቲ ስሉብን ክልቲኣቶም ናብቲ ማይ ወረዱ፡ ኣጥመቖው ን።" (ግብ 8:36-38)*

ፊልጶስ ነቲ ስሉብ ከምዚ ኢልዎ፣ "ብኩሉ ልብኻ እንተ ኣሚንካስ ክትጥመቕ ትኽእል ኢኻ።" እቲ ስሉብ ድማ ከምዚ ኢሉ መለሰሉ፣ "የሱስ ክርስቶስ ወዲ ኣምላኽ ምዃኑ ይኣምን ኣለኹ።" ክርስትያናዊ ጥምቀት ዝብህግ ሰብ እምበኣር መጀመርታ ብእምነት፣ የሱስ ክርስቶስ ወዲ ኣምላኽ ም'ዃኑ ክእመን ኣለዎ።

## ሰናይ ሕልና ናብ ኣምላኽ፡

እቲ ራብዓይ ኩነት ናይ ክርስትያናዊ ጥምቀት ድማ ሰናይ ሕልና ናብ ኣምላኽ እዩ። ጴጥሮስ ክርስትያናዊ ጥምቀት ኣብ ማይ፣ ምስ ተመክሮ እቶም ናብ መርከብ ምስኣተዉ ካብ ፍርዲ ዝደሓኑ ኖህን ስድራቤቱን እዩ ዘነጻጽሮ፡

*"እቲ ማይ ድማ ሕጂ ብተምሳሉ፡ ማለት ጥምቀት፡ የድሕነኩም ኣሎ፡ እዚ ኸኣ ብትንሳኤ የሱስ ክርስቶስ ልማኖ ሰናይ*

*ሕሊና ናብ ኣምላኽ እዩ እምበር፡ ምሕጻብ ርስሓት ስጋ ኣይኮነን።" (1ጴጥ 3:21)*

ዕላማ ጥምቀት ዝኾነ ዓይነት ምጽራይ ኣካላት ስጋ ከምዘኾነ ጌሩ ዝገልጽ ሓሳብ፣ ጴጥሮስ ይነጽግ እዩ። ንሱ፣ እቲ ኩነት ናይ ጥምቀት ክርስትና፣ ዉሽጣዊ ርክብ ናይ ልቢ ኣማኒ ምስ ኣምላኽ እዩ ዝብል። ነዚ እዩ "ሰናይ ሕልና ናብ ኣምላኽ" ኢሉ ዝጽዉዖ።

## ናይ ጥምቀት ግዜ

ሓደ ሰብ ንጥምቀት ብማይ ብቑዕ ክኸውን፣ ናይ ግድን ግቡእ መምርሒ ክቕበል፣ ክንሳሕ፣ ክኣምንን ከምኡ ድማ ሰናይ ሕልና ናብ ኣምላኽ ክህልዎን ይግባእ። ነዚ ጠለባት እዚ ንምምላእ ዝወስዶ ንዉሓት ግዜ ኣብቲ ዉልቀ-ሰባት ብምምርኳስ ይፈላላ እዩ።

ገለ ማሕበራት፣ ኑቶም ጥምቀት ዝብህጉ ንንዉሕ ዝበለ ግዜ ምናልባት ንሰሙናት ወይ ንኣዋርሕ ዝቕጽል መምርሒ ክወስዱ ይጠልባ እየን። መጽሓፍ ቅዱስ ግና ኣብ መዓልቲ ጴንጠቆስጠ ሰለስተ ሽሕ ሰባት ከም ዝተጠምቁ እዩ ዝነግር። እዞም ሰባት ቅድሚ ሒደት ሰዓታት ንየሱስ ከም መሲሕ ናይ እስራኤል ወይ ከም ወዲ ኣምላኽ ዘይተቐበልዎ፣ ዘይኣመንቲ እዮም ነይሮም። ካብ ምዉዳእ ስብከት ናይ ጴጥሮስ ክሳብ ጥምቀቶም፣ እቲ ኣገዳሲ ዝኾነ መምርሒ ንክወሃበሉ ዘድለየ ግዜ ካብ ዉሑዳት ሰዓታት ክሓልፍ ኣይክእልን እዩ።

> *"እቶም ሽዑ ዘረባኡ ባህ ኢልዎም እተቐበሉ ተጠመቑ። በታ መዓልቲ እቲኣ ኣስታት ሰለስተ ሽሕ ነፍሳ ናብታ ማሕበር ተወሰኸ።" (ግብ 2:41)*

ፊልጶስ'ውን ነቲ ኢትዮጵያዊ በታ ወንጌል ዝሰበኸሉ መዓልቲ እዩ ኣጠሚቕዎ።

### ንምጥቕላል...

ልምምድ ናይታ ቀዳመይቲ ማሕበር ምስ ጥምቀት ዝተሓሓዘ ከምዚ ዝስዕብ እዩ ኔሩ፡

1. ቅድሚ ጥምቐት፣ ነቲ ኣብ ህይወትን ሞትን ትንሳኤን የሱስ ክርስቶስ ዘማእከለ መሰረታዊ ሓቅታት ወንጌል ምሂሮም እዮም።
2. ነዞም ሓቅታት እዚኣቶም ድማ ምስ ግብሪ ጥምቀት ኣተኣሳሲሮምዎ።
3. ኣብቲ ሓድሽ ኣማኒ ምርዳእ፣ ንስሓ፣ ከምኡ'ውን ምእማን እምነት ኣረጋጊጾም፡ ድሕርዚ ጥምቀት ኣብ ማይ ብቐጥታ ኣስዒቦም።
4. ድሕሪ ጥምቀት እቶም ሓደሽቲ ኣመንቲ፣ ንመንፈሳዊ ምዕባሌኦም ዝያዳ መምርሒታት ረኺቦም።

### ኣገዳስነት ክርስትያናዊ ጥምቀት

እዚ ዝስዕብ ጥቅሲ መንፈሳዊ ኣገዳስነት ናይ ክርስትያናዊ ጥምቀት ይገልጸልና፡

> *"እምብኣርሲ እንታይ ክንብል ኢና፧ ጸጋ ምእንቲ ኺዓዝዝሲ፡ ኣብ ሓጢኣትዶ ንጸንሕ፧ ያእ ኣይፋልናን። ንሕና ኣብ ሓጢኣት ዝሞትና፡ ከመይ ኢልና ሕጂ ኣብኡ ኽንነብር፧ ወይስ ብክርስቶስ የሱስ እተጠመቕና ዘበልና ኹላትና ብሞቱ ኸም እተጠመቕናዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም፧ እምብኣርሲ ኸምቲ ክርስቶስ ብኽብሪ ኣቦኡ ኻብ ምዉታት ዝተንስኤ፡ ከምኡ ኸኣ ንሕና ብሓዳስ ህይወት ምእንቲ ኽንመላለስ፡ ናብ ሞት ብጥምቀት ምስኡ ተቐበርና።" (ሮሜ 6:1-4)*

ምስ ትንሳሕን ንየሱስ ክርስቶስ ከም መድሓኒ ምስ እትቕበሎን፣ ንሓጢኣትን ነቲ ኣረጊት ህይወትን ምሟት የጋጥም። ንኣምላኽ ዝነብር፣ ፍጥረት ሓድሽ ህይወት ናይ ጽድቂ ድማ ይኸውን፡

> *"ከምኡ ድማ ንስኻትኩም ካብ ሓጢኣት ከም ዝሞትኩም፣ ብክርስቶስ የሱስ ግና ንኣምላኽ ህያዋን ከም ዝኾንኩም፣ ርእስኹም ቁጸሩ።*
>
> *እምበኣርሲ ንትምኒቱ ከይትእዘዙ፣ ኣብዚ መዋቲ ስጋኹም ሓጢኣት ኣይንገስ። ትሕቲ ጸጋ እምበር፣ ትሕቲ ሕጊ ስለ*

*ዘይኮንኩም፣ ሓጢኣት ኣይመልከኩምን እዩ ...” (ሮሜ 6:11, 12, 13)*

ክርስትያናዊ ጥምቀት ብማይ፣ ምልክት ሞትን ትንሳኤን ናይ የሱስ እዩ። ኣብቲ “መቓብር” ናይ ማይ ምስ እትጠልቕ፣ እዚ ተምሳል ሞት ንሓጢኣት እዩ፣ ካብቲ ማይ ምስ ትወጽ ድማ ተምሳል ንኣምላኽ ብጽድቂ እትነብሮ ትንሳኤ ናብ ሓድሽ ህይወት እዩ።

እቲ ነዚ ሓድሽ ህይወት እዚ ክንብሮ ኢሉ ካብ ማይ ዝወጸ ኣማኒ ብገዛእ ሓይሉ ኣይኮነን ነዚ ዝፍጽሞ። እዚ ሓድሽ ህይወት፣ በቲ ንየሱስ ካብ መቓብር ዘተንሰአ ሓይሊ ኣምላኽ እዩ ዝንበር። ኣድማዕነት ናይ ጥምቀት ብማይ ኣብ ንስሓን እምነትን ናይቲ ዝጥመቅ ዘሎ እዩ ዝምርኮስ። ብዘይ እዚ ጥምቀት ዋጋ የብሉን።

ሓቖና ክርስትያናዊ ጥምቀት ማለት፣ ናብ ፍሉይ ማሕበር ወይ ሃይማኖት ዘይኮነ ናብ ክርስቶስ ምጥማቕ ማለት እዩ፡

*“ብክርስቶስ እተጠመቅኩም ዘበልኩም ንክርስቶስ ለቢስኩምዎ ...” (ገላ 3:27)*

## ጥምቀት፡ ምንጽጻር

ጥምቀት ዮሃንስን ክርስትያናዊ ጥምቀትን ኣብ ማይ ብምጥላቕ እዩ ዝፍጸም፣ ይኹን እምበር ኣብ መንጎ ክልቲኦም ፍልልይ ኣሎ። ጳዉሎስ ኣብ ከተማ ኤፌሶን ምስ በጽሐ ደቂ መዛሙርቲ ዮሃንስ መጥመቕ ዝነበሩ ጉጅለ ሰባት ረኺቡ። ናይ ዮሃንስ መልእኽቲ ንስሓ ሰሚዖም ተጠሚቆም ነበሩ፣ እንተኾነ ብዛዕባ ወንጌል የሱስ ክርስቶስ ገለ እኳ ኣይሰምዑን ነይሮም፡

ኩነ ድማ፡ ኣጵሎስ ኣብ ቆረንቶስ ከሎ፡ ጳውሎስ፡ በቲ ላዕላይ ሃገር ሐሊፉ ናብ ኤፌሶን መጸ፡ ሓያሎ ደቀ መዛሙርቲ ድማ ረኸበ እሞ፡ ምስ ኣመንኩምሲ፡ መንፈስ ቅዱስዶ ተቐቢልኩም፧ በሎም። ንሳቶም ከኣ፡ ኣይፋልናን፡ መንፈስ ቅዱስ ከም ዘሎ

እኳ ኣይሰማዕናን፡ ኢሎም መለሱሉ። ንሱ ኸኣ፡ ብኣየናይ ጥምቀት ደኣ ተጠመቕኩም፧ በሎም። ንሳቶምውን፡ ብናይ ዮሃንስ ጥምቀት፡ በልዎ። ሽዑ ጳውሎስ፡ ዮሃንስሲ በቲ ድሕሪኡ ዚመጽእ፡ ማለት ብየሱስ ክርስቶስ፡ ኪኣምኑ፡ ነቶም ህዝቢ እናነገረ ጥምቀት ንስሓ እዩ ዘጥመቐ፡ በሎም።እዚ ምስ ሰምዑ፡ ብስም ጐይታና የሱስ ተጠምቁ። (ግብ 19:1-5)

ጳዉሎስ ንወንጌል ድሕሪ ምግላጹ፣ እቶም ሰባት ተቐበልዎ እሞ ካልኣይ ግዜ ተጠምቁ። ኣብዚ ኣጋጣሚ እዚ ብስም ጐይታ የሱስ እዮም ተጠሚቆም። እዚ ኣብነት እዚ ጥምቀት ዮሃንስን ክርስትያናዊ ጥምቀትን ዝተፈላለየ ምዃኑ የርእየና። ድሕሪ ሞትን ትንሳኤን የሱስ ናይ ዮሃንስ ጥምቀት ቅብልቲ ኣይነበረትን። እቶም ጥምቀት ዮሃንስ ዝተቀበሉ ካልኣይ ግዜ ብክርስትያናዊ ጥምቀት ተጠምቁ።

መልእኽቲ ዮሃንስ ንልቢ ህዝቢ እስራኤል ንምግላጽ መሲሆም፣ የሱስ ክርስቶስ፣ እዩ ኣዳልይዎም። ብጥምቀት ገይሮም ድማ ደጋዊ ምእማን ናይ ንስሓ ካብ ሓጢኣቶምን ኣብቲ ዝመጽእ መሲህን ዘለዎም እምንቶን እዮም ኣርእዮም።

ድሕሪ ሞትን ትንሳኤን የሱስ፣ ሰባት ብስም ኣቦን ወድን መንፈስ ቅዱስን እዮም ክጥመቁ ጀሚሮም። እዚ ብምግባሮም ድማ ንመልእኽቲ ወንጌል ከም ዝተቀበልዎን ንህይወቶም ድማ ከም ዝለወጠን እዮም ደጋዊ መግለጺ ዘርኣዩ። የሱስ እዚ ዝሰዕብ ጥምቀት ኣዘዘ፡

*“ስለዚ ኪዱ ንዅሎም ኣህዛብ ብስም ኣቦን ወድን መንፈስ ቅዱስን እናኣጥመቕኩም፣ ዝኣዘዝኩኹም ኩሉ ኪሕልዉ እናመሃርኩም ...” (ማቴ 28:19,20)*

ኣብ መንጎ ጥምቀት ዮሃንስን ክርስትያናዊ ጥምቀትን ዘሎ ፍልልይ ድማ፣ ክርስትያናዊ ጥምቀት ብምሉእ ስልጣን ናይ እግዚኣብሄር ኣቦን ወድን መንፈስ ቅዱስን እዩ ዝፍጸም።

ጥምቀት ዮሃንስ ብከምዚ ዝበለ ዓይነት ስልጣን ክፍጸም ኣይክእልን እዩ ነይሩ። እዚ ጥምቀት እዚ ናይ ንስሓን ኣብቲ ዝመጽእ መሲህ ድማ ምእማን እምነትን ጥራይ እዩ ነይሩ። ክርስትያናዊ ጥምቀት ማለት ነቲ ዉዱእ ናይ በጃነት መደብ ኣምላኽ ከም ዝተቀበልካ እትእመነሉ ጥምቀት እዩ።

## ኣብ ግዜ ጥምቀት ዝተባህለ ቃላት

ቅድሚ ጥምቀት ክማልኡ ዝግበኦም ጠለባት ዘቲናሎም ኣለና፣ ከምኡ'ውን ጥምቀት ምሉእ ብምሉእ ኣብ ማይ ምጥላቕ ምዃኑ ኣረጋጊጽና ኣለና። ስለዚ ሓደ ክንሓቶ ዘልና ሕቶ ይተርፈና፣ ንሱ ከኣ፡ እንታይ ቃላት እዮም ኣብ ግዜ ጥምቀት ክዝረቡ ዝግበኦም፧

የሱስ ክርስቶስ ብስም "ኣቦን ወድን መንፈስ ቅዱስን" ክነጠምቕ ይነግረና። ብዙሓት ኣገልገልቲ ክጠምቁ ከለዉ ነዞም ልክዕ ቃላት ክጥቐሙ ይመርጹ እዮም፣ እዚ ከኣ ብመሰረት መጽሓፍ ቅዱስ ቅቡል እዩ። እንተኾነ ስም ጐይታ የሱስ ጥራይ ክንጥቐም'ውን ቅቡል እዩ። ደቂ መዛሙርቲ ዝገበርዋ መጽሓፍ ቅዱስ ብከምዚ ዝስዕብ ይገልጾ፡

*"ብስም ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ጥራይ ተጠሚቖም ነበሩ ..." (ግብ8:16)*

*"ብስም የሱስ ክርስቶስ ኪጥመቑ ከኣ ኣዘዘ።" (ግብ 10:48)*

*"እዚ ምስ ሰምዑ፣ ብስም ጐይታና የሱስ ተጠምቁ።" (ግብ 19:5)*

የሱስ፣ ደቂ መዛሙርቱ "ብስም" [ንጽል] ኣካላት ስላሴ ደኣ እምበር ብስማት [ብዙሓዊ] ኣቦን ወድን መንፈስ ቅዱስን ኣይኮነን ክጥምቁ ኣዚዝዎም።

ስም ኣቦን ወድን መንፈስ ቅዱስን፣ ስም ናይ "ጐይታን የሱስ ክርስቶስ" እዩ፣ ምኽንያቱ ...

*"ኣብኡ ብዘሎ ምልኣት መለኮት ብስጋ ሓዲርዎ እዩ ..." (ቈሎ 2:9)*

መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ የሱስ ክርስቶስ ክንጥመቅ እዩ ዝምህረና፡

*"ወይስ ብክርስቶስ የሱስ እተጠመቕና ዘበልና ኩላትና ብሞቱ ከም እተጠመቕናዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም፧" (ሮሜ 6:3)*

ገለ ሃይማኖታዊ ትካላት ብዛዕባ ኣብ ግዜ ጥምቀት ዝዝረቡ ቃላት ብዙሕ ክርክር ክገብራ ጸኒሐን ኣለዋ። ገሊኡ ኣበሃህላ ቅኑዕ ካልእ ከኣ ጌጋ ይብላ። እንተኾነ ብመሰረት መጽሓፍ ቅዱስ፣ ኣብ ግዜ ክርስትያናዊ ጥምቀት "ብስም ጐይታና የሱስ ክርስቶስ" ወይ "ብስም ኣቦን ወድን መንፈስ ቅዱስን" ኢልካ ምጥማቕ ቅቡል እዩ። ኣብ መንጎ ክልቲኡ ኣበሃህላ ምጽራር የልቦን። ክልቲኡ ኣበሃህላ ንስላሴ ናይ ኣቦ፣ ወድን መንፈስ ቅዱስን እዩ ዘመልክት።

ምስ መጽሓፍ ቅዱስ ንምቕዳዉ ከምኡ'ውን ኣብ ተመሳሳሊ ግዜ ኣብዚ መዳይ ሓድነት ንምምጻእ፣ እዚ ዝስዕብ ኣበሃህላ ተመራጺ ይኸዉን፡

"ብመሰረት ምእማን እምነትካ፣ ብስም ኣቦን ወድን መንፈስ ቅዱስን፣ ኣብ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ የጠምቀካ/ኪ ኣለኹ።"

## ርእሰ-ግምገማ

1.ነታ መሪሕ ጥቕሲ ካብ ዘኽርኻ ጽሓፍ

2. ትርጉም ናይ "ጥምቀት" ጸሓፍ

3. ንምንታይ እዩ ክርስትያናዊ ጥምቀት ኣገዳሲ ዝኾነ፧

4. ክርስትያናዊ ጥምቀት ንዝደልዩ፣ ክማልእዎ ዝግባእ ኣርባዕተ ጠለባት እንታይ እየን፧

5. ኣብ ሓድሽ ኪዳን ተጠቒሶም ካብ ዘለዉ ኣርባዕተ ዓይነት ናይ ጥምቀት ዘርዝር፧

6. ኣብ ሓድሽ ኪዳን እቶም ዝተነሰሑን፣ ኣመንቲ ሕጥኣንን ኣብ ክንደይ ንዉሓት ግዜ ይጥመቁ ንይሮም?

7. ኣብ መንነ ጥምቀት ዮሃንስን ክርስትያናዊ ጥምቀትን ፍልልይ ከም ዘሎ መጽሓፍ ቅዱስ ተወኪስካ መርትዖ ኣቕርብ።

8. ህጻናት ክጥመቁ ኣልዎምዶ፧

9. ኣበየናይ ዕድመ እዩ ሓደ ቆልዓ ኣብ ማይ ክጥመቅ ዝፍቀደሉ፧

10. እቲ ሓሳብ ቅኑዕ እንተኾይኑ ኣብቲ ባዶ ቦታ "ቅኑዕ" ጸሓፍ። ጌጋ እንተኾይኑ ድማ "ጌጋ" ጽሓፍ።

ሀ.______________ብስም ጐይታ የሱስ ክርስቶስ ጥራይ ተጠሚቕካ እንተድኣኔርካ፣ ብስም ኣቦን ወድን መንፈስ ቅዱስን እንደገና ክትጥመቅ ይግበኣካ እዩ።

ለ. __________"ምጥማቕ" ዝብል መጽሓፍ ቅዱሳዊ ቃል፣ ኣብ ክንዲ ምንጻግ ምጥላቕ እዩ ዘመልክት።

ሐ.____________ቅድሚ ምጥማቕካ ትርጉም ጥምቀት ክትፈልጥ ኣለካ።

## ንዝያዳ መጽናዕቲ

**እዚ ምዕራፍ ትምህርቲ ጥምቀታት ዝብል ዓዉዲ ኣላልዩ። ኣብዚ ዓዉዲ ንዘሎካ ፍልጠት ምእንቲ ከተስፍሕ፣ ነዞም ንጥምቀት ዝምልከቱ ጥቕስታት ኣጽንዕ፡**

**ማቴዎስ** 3:6,7,11-16; 11:11-12; 14:2; 16:4

**ማርቆስ** 1:4,5,8,9; 10:38-39; 11:30; 16:16

**ሉቃስ** 3:3,7,12,16,21; 7:29-30; 12:50; 20:4

**ዮሃንስ** 1:25-28,33; 3:22-23,26; 4:1-2; 10:40

**ግብሪ ሃዋርያት** 1:5,22; 2:38,41; 8:12,13,16,36,38; 9:18; 10:37,47-48; 11:16; 13:24; 18:8,25; 19:3,4,5; 22:16

**ሮሜ** 6:3-4

1**ቆረንቶስ** 1:13-16; 10:2; 12:13; 15:29

**ገላትያ** 3:27

**ኤፌሶን** 4:5

**ቆሎሴ** 2:12

1**ጴጥሮስ** 3:21

**እብራዉያን** 6:2

# ምዕራፍ ሸዱሽተ
# ትምህርቲ ጥምቀታት፣ ካልኣይ ክፋል

## ዕላማታት፥

እዚ ምዕራፍ ምስ ወዳእካ፣ ነዚ ዝስዕብ ክትክእል ኢኻ፥

ነታ መሪሕ ጥቕሲ ካብ ዘኽርካ ጽሓፍ

- ሓደ ሓደ ዕላማታት ናይ መንፈስ ቅዱስ ክትገልጽ
- ጥምቀት መንፈስ ቅዱስ ከመይ ጌርካ ከምትቕበል ክተብርህ
- ግዳማዊ ምልክት ናይ ጥምቀት ብመንፈስ ቅዱስ ክትሰሚ
- ሓቐኛ መርትዖ ናይ ጥምቀት ብመንፈስ ቅዱስ ክተለሊ
- ዉህበታትን ፍረታትን መንፈስ ቅዱስ ክተለሊ

## መሪሕ ጥቕሲ፥

መንፈስ ቅዱስ ናባኻትኩም ምስ ዝወርድ ግና፣ ሓይሊ ክትቅበሉ፣ ኣብ የርሳሌምን ኣብ ኩላ ይሁዳን ሰማርያን ክሳዕ ወሰን ምድሪ ምስክር ክትኮኑኒ ኢኹም፣ በሎም። (ግብ 1:8)

## መእተዊ

ኣብ ዝሓለፈ ምዕራፍ ትርጉም ናይ "ምጥማቕ" ዝብል ቃል ተማሂርካ፣ ከምኡ'ውን ሰለስተ ካብቶም ኣብ ሓድሽ ኪዳን ተጠቒሶም ዘለዉ ኣርባዕተ ጥምቀታት ኣጽኒዕካ። ክርስቶስ ዝተመኮሮ ጥምቀት መከራ፣ ጥምቀት ናይ ዮሃንስ መጥምቕ፣ ከምኡ ከኣ ክርስትያናዊ ጥምቀት ኣብ ማይ ተማሂርካ። እዚ ምዕራፍ እዚ ብዛዕባ እቲ ራብዓይ ጥምቀት ዝኾነ ጥምቀት መንፈስ ቅዱስ እዩ ዝምልከት።

## ተስፋ መንፈስ ቅዱስ

የሱስ፣ ድሕሪ ትንሳኤኡ ግን ቅድሚ ዕርገቱ፣ ንሰዓብቱ ኣገደስቲ መምርሒታት ሂብዎም ነይሩ፥

> *"እንሆ፡ ኣነ ተስፋ ኣቦይ ክሰደልኩም እየ። ንስኻትኩም ግና ካብ ላዕሊ ሓይሊ ኽሳዕ እትለብሱ፡ ኣብ ከተማ የሩሳሌም ጽንሑ፡ በሎም።" (ሉቃ 24:49)*

እቲ የሱስ ዝጠቐሶ ተስፋ፣ መንፈስ ቅዱስ እዩ ነይሩ። ኣቀዲሙ'ውን የሱስ ንሰዓብቱ ብዛዕባ'ዚ ተዛሪብዎም ነይሩ እዩ፥

> *"ኣነ ኸኣ ነቦ ኽልምኖ እየ፡ ንሱ ድማ ንዘለኣለም ምሳኻትኩም ዚነብር ካልእ መጸናንዒ ኺህበኩም እዩ፡ ነቲ መንፈስ ሓቂ፡ ዓለም ዘይትርእዮን ዘይትፈልጦን ስለ ዘኾነት፡ ክትቅበሎ ኣይከኣላን እዩ። ንስካትኩም ግና፡ ምሳኻትኩም ይሐድር ኣባኻትኩም፡ውን ኪነብር እዩ እሞ፡ ትፈልጥዎ ኢኹም።ኣነ ዘኽተማት ኴንኩም ኣይሐድገኩምን፡ ናባኻትኩም ክመጽእ እየ።" (ዮሃ 14:16-18)*

# ዕላማታት መንፈስ ቅዱስ

ሓደ ካብ ቀንዲ ዕላማታት መንፈስ ቅዱስ ኣብታ ኣቀዲማ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰት ፍቕዲ ኣሎ፡ ንኣመንቲ ምጽንናዕ። እንተኾነ ኣብ ህይወት ሓደ ኣማኒ፣ መጽሓፍ ቅዱስ ብዙሕ ካልእ ዕላማታት መንፈስ ቅዱስ ይህብ እዩ። መንፈስ ቅዱስ ኣብ ህይወት ሓደ ኣማኒ ከምዚ ዝስዕብ እዩ ፦

- ክመልእን ክጥምቀን፡ ግብ 2:4
- ኣብኡ ክሓድር፡ 1ቀረ 6:19
- ምስ ኣምላኽን ካልኦት ኣመንትን ብሓደ መንፈስ ክሕብሮ፡ 1ቀረ6:17
- ኣብ ክንዳኡ ክጽሊ፡ ሮሜ 8:26
- ክመርሑ፡ዮሃ16:13
- ንዕኡን ብእኡን ፍቕሪ ክርስቶስ ክርኢ፡ ሮሜ 5:5
- ናብ ምስሊ ክርስቶስ ክልዉጦ፡ 2ቀረ 2:10
- መጽሓፍ ቅዱሳዊ ሓቅታት ክገልጸሉ፡ 1ቀረ 2:10
- ክምህሮ፡ ዮሃ 14:26
- ንሓቐኛ ኣምልኾ ክተባብዖ፡ዮሃ 4:24
- ከበርትዖ፡ኤፌ 3:16
- ህያዉ ክገብሮ፡ ሮሜ 8:11
- ክቐድሶ፡ 2ተሰ 2:13-14
- ክልዉጦ፡ ቲቶ 3:5
- ክጋጌ ከሎ ክረትዖ፡ ዮሃ 16:8-11
- ናይ ምድሓን ርጉጽነት ክህቦ፡ ሮሜ 8:16
- ሓርነት ክህቦ፡ ሮሜ 8:2
- ብእኡ ኣቢሉ ክዛረብ፡ ማር 13:11
- ሓይሊ ኣምላኽ ክግህድ፡ 1ቀረ 2:4
- ንምስክር ሓይሊ ክህቦ፡ ግብ 1:8
- ንኣምልኾ ክድርኾ፡ ዮሃ 4:24

## ጭብጢ ናይ መንፈስ ቅዱስ

መንፈስ ቅዱስ ኣብ ህይወት ኣመንቲ ብዙሕ ዕላማታት እዩ ዘለዎ፣ እቲ ቀንዲ ዕላማን ሓቐኛ ጥምቀት ናይ መንፈስ ቅዱስን ግን ንሓደ ክርስትያን ሓያል ምስክር ናይ ወንጌል ምግባር እዩ፡

> *"መንፈስ ቅዱስ ናባኻትኩም ምስ ዝወርድ ግና፣ ሓይሊ ክትቅበሉ … ክሳዕ ወሰን ምድሪ ምስክር ክትኮኑኒ ኢኹም።" (ግብ 1:8)*

እቲ ጭብጢ ጥምቀት ናይ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ህይወት ሃዋርያ ጴጥሮስ ብቅጽበት እዩ ተራእዩ። ቅድሚ በዓል ሓምሳ፣ ብፍርሒ

ንየሱስ ከም ዘይፈልጦ እዩ ክሒድዎ ነይሩ። ኣብ መንፈስ ቅዱስ ድሕሪ ምጥማቑ ግን፣ ጴጥሮስ ደዉ ኢሉ 3000 ሰባት ንክድሕኑ ምኽንያት ዝኾነ ሓያል ምስክርነት ናይ ወንጌል ሂቡ። ኣብታ ቀዳማይቲ ማሕበር እቲ ሓይሊ መንፈስ ቅዱስ እዩ ኣብ መላእ ዓለም ወንጌል ክዝርጋሕ ምኽንያት ዝኾነ። መጽሓፍ ግብሪ ሃዋርያት ከኣ መዝገብ ናይቲ፣ ጭብጢ ናይ ጥምቀት ኣብ መንፈስ ቅዱስ ዝነበረ፣ ሓያል ምስክር እዩ።

## ጥምቀት ኣብ መንፈስ ቅዱስ

ኣብ ሓድሽ ኪዳን፣ "ምጥማቕ" ዝብል ቃል ምስ መንፈስ ቅዱስ ተዛሚዱ ኣብ ሸዉዓተ ክፍልታት ተጠቒሱ ኣሎ። ኣርባዕተ ካብዚኦም ኣብ ወንጌላት ዝተጻሕፉ ቃላት ናይ ዮሃንስ መጥመቕ እዮም፡

*"ኣነስ ንንስሓ ብማይ ኤጥምቐኩም ኣሎኹ፡ እቲ ድሕረይ ዚመጽእ ግና ካባይ ይሕይል እዩ፡ ኣነስ ኣሳእኑ ኽጸውር እኳ ኣይበቅዕን። ንሱ ብመንፈስ ቅዱስን ብሓውን ኬጥምቐኩም እዩ።" (ማቴ 3:11)*

*"ንሱ ኸኣ፡ ካባይ ዚብርትዕ፡ ኣነ ደኒነ ንምፍታሕ ስራኽ ኣሳእኑ ዘይበቅዕ፡ ድደሕረይ ይመጽእ እሎ። ኣነ ብማይ ኤጥምቐኩም ኣሎኹ፡ ንሱ ግና ብመንፈስ ቅዱስ ኬጥምቐኩም እዩ፡ እናበለ ሰበኸ።" (ማር 1:7-8)*

*"ዮሃንስ መለሰ ንኹሎም በሎም፡ ኣነስ ብማይ እየ ዘጥምቐኩም ዘሎኹ፡ እቲ ኻባይ ዚብርትዕ፡ ኣነ ስራኽ ኣሳእኑ ንምፍታሕ ዘይበቅዕ ግና ይመጽእ ኣሎ። ንሱ ብመንፈስ ቅዱስን ብሓውን ኬጥምቐኩም እዩ።" (ሉቃ 3:16)*

*"እቲ ብማይ ከጥምቕ ዝለኣኸኒ ደኣ፥ እቲ፡ መንፈስ ቅዱስ ወሪዱ ኣብኡ ኪቕመጥ ከሎ እትርእዮ፡ ንሱ እዩ ብመንፈስ ቅዱስ ዜጥምቕ፡ ኢሉኒ እምበር፡ ኣነስ ኣይፈለጥክዎን።" (ዮሃ 1:33)*

የሱስ'ውን ብዛዕባ ጥምቀት መንፈስ ቅዱስ ተዛሪቡ ነይሩ እዩ፡

*"...ዮሃንስ ብማይ እዩ ዘጥመቐ፡ ንስኻትኩም ግና ድሕሪ ቕሩብ መዓልቲ ብመንፈስ ቅዱስ ክትጥመቑ ኢኹም" (ግብ 1:4-5)*

ጴጥሮስ ብዛዕባ ኣብ ቤት ቆርኔሌዎስ ዘጋጠሙ ፍጻሚታት ክዛረብ ከሎ፣ ንቓላት ናይ የሱስ እዩ ደጊሙ፡

*"ሽዑ ነቲ፡ ዮሃንስ ብማይ ኣጥመቐ፡ ንስኻትኩም ግና ብመንፈስ ቅዱስ ክትጥመቑ ኢኹም፡ ዝብል ቓል ጐይታ ዘከርኩ።" (ግብ 11:16)*

ጳዉሎስ'ውን "ምጥማቕ" እትብል ቃል ምስ መንፈስ ቅዱስ ኣዛሚዱ ተጠቒሙላ እዩ፡

*"ኣይሁድ ወይስ ጽርኣውያን፡ ባሮት ወይስ ጭዋታት እንተ ኾንና፡ ንሕና ኹላትና ሓደ ስጋ ምእንቲ ኽንከውን፡ ብሓደ መንፈስ ተጠሚቕና ኢና እሞ፡ ሓደ መንፈስ ሰቲና።" (1ቆረ 12:13)*

ኣጠቓቕማ ናይዛ "ምጥማቕ ናብ" መንፈስ ቅዱስ እትብል ሓረግ ንክርስትያናዊ ጥምቀት ኣብ ማይ ክንገልጽ ክንጥቀመላ ከለና ተመሳሳሊ እዩ። ኣብ ክልቲኡ ኣጋጣሚታት ጥምቀት ግዳማዊ መረጋገጺ ናይ ዉሽጣዊ መንፈሳዊ ኩነት እዩ።

መንፈስ ቅዱስ ኣብ መዓልቲ በዓል ሓምሳ ካብ ሰማይ ናብ ደቂ-መዛሙርቲ ወሪዱ ምሉእ ብምሉእ ድማ ኣብ መንፈስ ቅዱስ እዩ ኣጥሊቕዎም [ኣጠሚቕዎም]። ጴጥሮስ ድማ እዚ ተመክሮ እዚ፣ መፈጸምታ ተስፋ ኣምላኽ ከም ዝነበረ እዩ ተዛሪቡ፡

*"ኣብተን ዳሕሮት መዓልታት ... ኣብ ልዕሊ ኩሉ ስጋ ካብ መንፈሰይ ከፍስስ እየ" ።* እዚ ተስፋ እዚ ኣብ ዩኤ 2:28 ተዋሂቡ ኣሎ።

### እቲ ግኡዛዊ ምልክት

መንፈስ ቅዱስ ብባህርያዊ ዓይኒ ኣይረአን እዩ። የሱስ ምስ ንፋስ እዩ ኣወዳዲርዎ፡

*"ንፋስ ናብ ዝደለዮ ይነፍስ፡ ደሃይ ኸኣ ትሰምዕ፡ ካበይ ከም ዚመጽእ ናበይውን ከም ዚኸይድ ግና ኣይትፈልጦን ኢኻ። እቲ ኻብ መንፈስ እተወልደ ዘበለ ድማ ከምኡ እዩ።" (ዮሃ 3:8)*

ንፋስ ወላ'ኳ ዘይረአ እንተኾነ፣ እቶም ዘምጽኦም ጽልዋታት ግን ክረኣዩን ክስምዑን ይኽእሉ እዮም። ንፋስ ክነፍስ ከሎ ሓመድ

ካብ ምድሪ ይለዓል፣ ኣግራብ ናብ ሓደ ኣንፈት ይጥወዩ፣ ኣቐጽልቲ ሓሸሽ ይብሉ፣ ማዕበላት ባሕሪ የድህዩ፣ ደበናታ ድማ ኣብ ጠፈር ይንቀሳቐሱ። እዚኦም ኩሎም ባህርያዊ ምልክታት ናይ ንፋስ እዮም። ምስ መንፈስ ቅዱስ ከኣ ከምኡ እዩ። ዋላ'ኳ መንፈስ ቅዱስ ዘይረአ እንተኾነ፣ መንፈስ ቅዱስ ዘኸትሎም ዉጽኢታት ግን ክረኣዩን ክስምዑን ይኽእል እዩ።

ኣብ ሓድሽ ኪዳን፣ ሰባት ብመንፈስ ቅዱስ ምስ ተጠምቁ እንታይ ከምዘጋጠመ፣ ኣብ ሰለስተ ቦታ ተጠቒሶም ኣለዉ፤

## ኣብ መዓልቲ በዓል ሓምሳ፦

ኣብ መዓልቲ በዓል ሓምሳ እንታይ ከምዘጋጠመ ኣብ ግብ 2:2-4 ተጠቒሱ ኣሎ፡

> *"ብድንገት ከኣ ከም ብርቱዕ ህቦብላ ንፋስ ካብ ሰማይ ደሃይ መጸ፡ ነታ ኣብኣ ተቐሚጦም ዘለውዋ ቤትውን ንብዛላ መልኣ። እተመቓቐለ ልሳን ሓዊ ዚመስል ድማ ተራእዮም፡ ኣብ ልዕሊ ነፍሲ ወከፎም ከኣ ተቐመጠ። ኩሎም ድማ መንፈስ ቅዱስ መልኦም፡ መንፈስ ቅዱስ ኪዛረቡ ኸም ዝሀቦምውን ብኻልእ ቋንቋታት ኪዛረቡ ጀመሩ።" (ግብ 2:2-4)*

## ገዛ ቆርኔሌዎስ፦

ጴጥሮስ ንቆርኔሌዎስ ዝበሃል ሰብኣይን ንስድራቤቱን ወንጌል ምስ ሰበኸሎም እንታይ ከም ዘጋጠመ፣ ኣብ ግብ 10:44-46 ተጠቒሱ ኣሎ፡

> *"ጴጥሮስ ገና እዚ ቓልዚ ኺዛረብ ከሎ፡ ኣብቶም ነቲ ቓል ዝሰምዕዎ ኹላቶም መንፈስ ቅዱስ ወረደ። እቶም ካብ ወገን ግዝረት ዝኾኑ፡ ምስ ጴጥሮስ ዝመጹ ኣመንቲ ብቛንቋታት ኪዛረቡን ንኣምላኽ ኬመስግኑን ሰምዕዎም እሞ፡ ኣብ ኣህዛብ ድማ ህያብ መንፈስ ቅዱስ ስለ ዝፈሰሰ ተገረሙ።" (ግብ 10:44-46)*

## ናይ ኤፌሶን ልዉጣት፡

ግብ 19:6 ኣብ ኤፌሶን ዝነበሩ ናይ መጀመርታ ጉጅለ ልዉጣት እንታይ ከም ዘጋጠሞም ይጠቕስ፡

> *"ጳውሎስ ኢዱ ምስ ኣንበረሎም ከኣ፡ መንፈስ ቅዱስ ናባታቶም ወረደ። ሽዑ ብቛንቋታት ተዛረቡን ተነበዩን።" (ግብ 19:6)*

ነዞም ጽሑፋት ከነጻጽሮም ከለና፣ ንሰለስቲኦም ሓባራዊ ረቋሒ ዝኾነ ሓደ ግኡዛዊ ምልክት ኣሎ፡ እቶም ጥምቀት መንፈስ ቅዱስ ዝተቐበሉ ኩሎም ብካልእ ልሳናት እዮም ተዛሪቦም። ካልኦት ልዕለ ባህሪ ዝኾኑ ምልክታት መንፈስ ቅዱስ ተጠቒሶም ኣለዉ፣ እንተኾነ ግን ኣብ ኩሎም ኣጋጣሚታት ከም ዘጋጠሙ ግን ኣይተጠቕሱን።

ኣብ መዓልቲ በዓል ሓምሳ ድምጺ ህቦብላ ንፋስን ግሁድ ልሳናት ሓዊን ተራእዮም እዮም። እዚኦም ኣብቶም ካልኦት ክልተ ኣጋጣሚታት ኣይተመዝገቡን።

ኣብ ኤፌሶን እቶም ሓደስቲ ልዉጣት ተነብዮም። እዚ ግን ኣብ መዓልቲ በዓል ሓምሳን ኣብ ቤት ቆርኔሌዎስን ከም ዘጋጠመ ኣይተጻሕፈን ዘሎ።

ሃዋርያት ኣብ ተመክሮ ቆርኔሌዎስን ቤቱን ዝተዓዘብዎ ግዳማዊ ምልክት፣ ኩሎም ብልሳናት እዮም ተዛሪቦም። እቲ ግዳማዊ ምልክት ከኣ ቆርኔሌዎስን ቤቱን ብመንፈስ ቅዱስ ከም እተጠምቁ፣ ንሃዋርያት ጭብጢ እዩ ነይሩ።

ካብዞም መጽሓፍ ቅዱሳዊ ጽሑፋት ድማ፣ ብሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ብልሳን ናይ ምዝራብ ምልክት፣ ሓደ ሰብ ብመንፈስ ቅዱስ ከም እተጠምቀ ከም ዘረጋግጸልና ክንድምድም ንኽእል።

## ልሳናት

ምልክት ናይ "ልሳናት" ንሰብ ፍሉጥ ዘይኮነ ቋንቋታት ክኸውን ይኽእል እዩ። ኣብ መዓልቲ በዓል ሓምሳ ዘጋጠመ እዚ እዩ፡

> *"ኩላቶም ተገረሙን ተደነቑን፡ ከምዚ ኢሎም በሉ፡ እንሆ፡ እዞም ዚዛረቡ ኹሎም ገሊላውያንዶ ኣይኮኑን፧ ከመይ ኢልና ደኣ ኹላትና በቲ እተወለድናሉ ቛንቋ ኺዛረቡ ንሰምዖም ኣሎና፧ ..." (ግብ 2:7-8)*

ልሳናት ንሰብ ዘይተፈልጡ ቋንቋታት'ውን ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። እዚ ዘይፍለጥ ልሳን ይበሃል፡

*"እቲ ብቛንቋ ዚዛረብ ምስጢራት ብመንፈስ ይዛረብ ኣሎ፡ ሓደ እኳ ኣየስተውዕሎን እዩ እሞ፡ ንኣምላኽ እምበር፡ ንሰብ ኣይኮነን ዚዛረብ ዘሎ።" (1ቆረ 14:2)*

## ዕላማታት ናይ ልሳናት

ብጥምቀት መንፈስ ቅዱስ እንቅበሎም "ካልኦት ቋንቋታት" ኣብ ህይወት ኣመንቲ ዝተፈላለዩ ዕላማታት ኣለዎም። 1 ቆረንቶስ ምዕራፍ 14 ገለ ካብቶም ዕላማታት ንክስተት ናይ ልሳናት የለሊ፡

-  ናብ ኣምላኽ ጸሎት፡ ፍቕዲ 2
-  ምህናጽ ርእሰኻ፡ ፍቕዲ 4
-  ምስ ዝትርጎም ንምህናጽ ማሕበር እዩ፡ ፍቕዲ 12
-  ምምላድ፡ፍቕዲ 14 (ከምኡ'ውን ሮሜ 8:26-27 ርአ)
-  ንዘይኣመንቲ ምልክት፡ ፍቕዲ 22
-  ምፍጻም ናይ ትንቢት፡ ፍቕዲ 21 (ከምኡ'ውን ኢሳ 28:11-12 ርአ)
-  ምስጋና፡ ፍቕዲ 15, 17

## ተቓዉሞታት

ሓደ ሓደ ሰባት ነቲ ምልክት ናይ ብልሳን ምዝራብ ይቃወምዎ እዮም። ስዒቦም ዝቐርቡ ገለ ካብቶም ዝለዓሉ ተቃዉሞታት እዮም፡

### ኩሉ ክርስትያን መንፈስ ቅዱስ ኣለዎ፡

ሓደ ካብቲ ኣዝዩ ልሙድ ተቓዉሞታት ከምዚ ዝብል እዩ፣ ኩሉ ክርስትያን ምስ ተለወጠ መንፈስ ቅዱስ ይቕበል እዩ ስለዚ ጥምቀት መንፈስ ቅዱስ ክቅበል ከሎ ካልእ ሕልፍ ዝበለ ተመክሮ ኣየድልዮን እዩ። እንተኾነ ኣብነት ናይቶም ኣብ ሓድሽ ኪዳን ሓቐኛ ኣመንቲ ዝነበሩ ኣብ ግምት የእቱ ኢኻ።

ሃዋርያት ካብ ሓጢኣቶም ተነሲሖምን የሱስ እቲ መሲህ ምዃኑ ኣሚኖምን እዮም። ብዉልቀም መስኪሮም እዮም፣ ከምኡ'ውን ሓቅነት ናይ ሞቱ፣ ቐብሩ፣ ትንሳኤኡ ተቐቢሎሞ እዮም። የሱስ ንሰዓብቱ ከምዚ ኢልዎም፡

*"እንሆ፡ ኣነ ተስፋ ኣቦይ ክሰደልኩም እየ። ንስኻትኩም ግና ካብ ላዕሊ ሓይሊ ኽሳዕ እትለብሱ፡ ኣብ ከተማ የሩሳሌም ጽንሑ፡ በሎም።" (ሉቃ 24:49)*

ከምዚ'ውን ደጊሙ ኢሉ እዩ፡

*"... ዮሃንስ ብማይ እዩ ዘጥመቐ፡ ንስኻትኩም ግና ድሕሪ ቑሩብ መዓልቲ ብመንፈስ ቅዱስ ክትጥመቑ ኢኹም ..." (ግብ 1:4-5)*

ብመንፈስ ቅዱስ ብምጥማቕ ዝተተስፈወ ተመክሮ ኣብ መዓልቲ በዓል ሓምሳ እዩ ኣጋጢሙ፡

*"ኩሎም ድማ መንፈስ ቅዱስ መልኦም፡ መንፈስ ቅዱስ ኪዛረቡ ኸም ዝሀቦምውን ብኻልእ ቋንቋታት ኪዛረቡ ጀመሩ።" (ግብ 2:4)*

ሃዋርያት፣ ወላ'ኳ ድሮ ዉጹኣት ኣመንቲ እንተነበሩ፣ ክሳዕ መዓልቲ በዓል ሓምሳ ግን ብመንፈስ ቅዱስ ኣይተመልኡን [ኣይተጠምቁን] ነይሮም። ሰብ ሰማርያ ወንጌል ክሰበኽ ከሎ ሰሚዖሞ እዮም። ኣሚኖምን ተጠሚቆምን እዮም። እንተኾነ መንፈስ ቅዱስ ኣይተቐበሉን ነይሮም፡

*"እቶም ኣብ የሩሳሌም ዘለዉ ሃዋርያት ከኣ ሰማርያ ቓል ኣምላኽ ከም እተቐበለት ሰምዑ፥ ንጴጥሮስን ንዮሃንስን ሰደዱሎም። ብስም ጐይታና የሱስ ጥራይ ደኣ ተጠሚቖም ነበሩ እምበር፡ መንፈስ ቅዱስ ገና ኣብ ሓደ ኻባታቶም እኳ ኣይወረደን ነበረ "እሞ፡ ጴጥሮስን የሃንስን ወሪዶም፡ መንፈስ ቅዱስ ምእንቲ ኪቕበሉ፡ ጸለዩሎም።ሽዑ ኣእዳዎም ኣንበሩሎም እሞ መንፈስ ቅዱስ ተቐበሉ።" (ግብ 8:14-17)*

ሰብ ሰማርያ ብኣገልግሎት ፊልጶስ ምድሓን ተቐቢሎም እዮም። መንፈስ ቅዱስ ዝተቐበሉ ግና ብኣገልግሎት ጴጥሮስን ዮሃንስን እዮም። ምቕባል ጥምቀት መንፈስ ቅዱስ ካብ ድሕነት ምቕባል ዝተፈልየ ተመክሮ እዩ ነይሩ።

ግብ 19:1-6 ጳዉሎስ ከመይ ኢሉ ናብ ኤፌሶን ከይዱ "ደቂ-መዛሙርቲ" ተባሂሎም ዝፍለጡ ሰባት ድማ ከም ዝረኸበ ይገልጸልና። ጳዉሎስ ዝሓተታ ቀዳመይቲ ሕቶ ድማ፡ "ምስ ኣመንኩም መንፈስ ቅዱስ ተቐቢልኩምዶ፧" ዝብል እዩ። ሰባት ምስ ምድሓን ጥምቀት መንፈስ ቅዱስ ይቕበሉ ነይሮም እንተዝኾኑ፡ ጳዉሎስ ነዚ ሕቶ ምሕታቱ ከም ዕሽነት ምተቀጽረ። እዚ ሕቶ እዚ ምሕታቱ ግን፣ ሰባት ጥምቀት መንፈስ ቅዱስ ከይተቐበሉ ኣብ ክርስቶስ ኣመንቲ ከም ዝኾኑ የብርሃልና። ወላ'ውን ሓደ ሰብ በታ ዝተለወጠላ ግዜ ጥምቀት መንፈስ ቅዱስ እንተተቐበለ፣ እዚ ካብ ምድሓን ዝተፈልየ ተመክሮ እዩ።

ኣገልግሎት መንፈስ ቅዱስ ኣብ ዘልኣለምነት ክንዩ ጸኒሑ ኣሎ። መንፈስ ቅዱስ ኣብ ልዕሊ መንፈሳዉያን መራሕቲ እስራኤል ክመጽእ ከሎ ብሉይ ኪዳን ይዛረበሉ እዩ። መንፈስ ቅዱስ፣ ናብ ክርስቶስ ምእንቲ ከምጽኦ፣ ኣብ ህይወት ናይ ሓጥእ ሰብ ይዓዩ እዩ።

እዚ ግን ካብ ብመንፈስ ቅዱስ ዝተመልአ ምዃን ዝተፈልየ እዩ። የሱስ ነዚ ኣነጺርዎ እዩ፡

*"ነቲ መንፈስ ሓቂ፡ ዓለም ዘይትርእዮን ዘይትፈልጦን ስለ ዝኾነት፡ ክትቅበሎ ኣይኩነላን እዩ። ንስኻትኩም ግና፡ ምሳኻትኩም ይሐድር ኣባኻትኩም፡ውን ኪነብር እዩ እሞ፡ ትፈልጥዎ ኢኹም።" (ዮሃ 14:17)*

መንፈስ ቅዱስ ኣብቲ ግዜ'ቲ ምስ ደቂ-መዛሙርቲ እዩ ነይሩ እምበር ኣብ ዉሽጦም ኣይነበረን። ኣብ መዓልቲ በዓል ሓምሳ እዮም ብመንፈስ ቅዱስ ተመሊኦም [ተጠሚቆም]። ነቲ ሓጥእ ሰብ ናብ ክርስቶስ ምእንቲ ክስሕቦ፣ መንፈስ ቅዱስ ምስኡ ኣሎ። እዚ ግና ምስቲ ኣብ ዉሽጢ ኣማኒ ምህላዉ ሓደ ኣይኮነን።

መንፈስ ቅዱስ ምስቶም ናይ ብሉይ ኪዳን ግዜ ዝነበሩ መንፈሳዉያን መራሕቲ ነይሩ እዩ። እንተኾነ ግን ኣብ ዉሽጦም ኣይነበረን። ኣብ መንጎ ብሉይን ሓድሽን ኪዳን ዝነበረ ፍልልይ ኣገልግሎት መንፈስ ቅዱስ እዚ እዩ ነይሩ።

## ኩሎምዶ ብልሳን ይዛረቡ እዮም፧

እቲ ካልእ ንልሳናት ዘሎ ተቓዉሞ፣ ነቲ ጳዉሎስ ኣብ 1ቆረ 12:30 ዝሓተቶ ሕቶ ዘሎ ጌጋ ምርዳእ እዩ። ንሱ ከምዚ ኢሉ ሓቲቱ ኣሎ "ኩሎምዶ ብቋንቋታት ይዛረቡ እዮም፧" መልሲ ነዚ ሕቶ ድማ "ኣይፋሉን፣ ኩሎም ብቋንቋታት ኣይዛረቡን እዮም።"

ጳዉሎስ ግና ኣብዚ ነቲ ብጥምቀት መንፈስ ቅዱስ ዝመጽእ ተመክሮ ኣይኮነን ዝዛረብ ዘሎ። እቲ ዝርርብ ብዛዕባ እቶም ኣብ ማሕበር ዘለዉ ኣመንቲ ዝጥቀምሎም ዉህበታት መንፈስ ቅዱስ እዩ ዝምልከት ነይሩ፡

*"እምብኣርከ ንስኻትኩም ስጋ ክርስቶስ ኢኹም፡ ነፍሲ ወከፍኩም ከኣ በበኽፍሉ ኣካላቱ ኢኹም። 28ኣምላኽ ድማ ኣብ ማሕበር ቀድም ሃዋርያ፡ ካልኣይ ነብያት፡ ሳልሳይ መምህራን፡ ደሓር ገበርቲ ሓይልታት፡ ደሓር ውህበት ምፍዋስ፡ ምርዳእ ድኹማት፡ ምምራሕ፡ በበይኑ ቛንቋታት ሰርዔ።" (1ቆረ 12:27-28)*

ጳዉሎስ ብዛዕባ እቲ ኣባላት ናይ ማሕበር ክጥቀምሉ ዝኽእሉ ዉህበታት እዩ ዝዛረብ ነይሩ። ሓደ ካብዞም ዉህበታት ናይ መንፈስ ቅዱስ ድማ "ዝተፈላለዩ ቋንቋታት እዩ" ። እዚ ኣብ ትሕቲ ሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ኮይንካ ንማሕበር ፍሉይ መልእኽታት ክትህብ ምኽኣል እዩ። ወላ'ኳ ከሉ ሰብ ብመንፈስ ቅዱስ ክጥመቅ ከሎ ምልክት ናይ ልሳናት ይሙክር እንተኾነ፣ ኩሉ ሰብ ግን እቲ ፍሉይ ህያብ ናይ ዝተፈላለዩ ቋንቋታት ኣይቅበልን እዩ።

## ፍርሒ፧

ገለ ኣመንቲ ካብ ኣምላኽ ዘይኮነ ተመክሮ ክቕበሉ ስለዝፈርሑ ጥምቀት መንፈስ ቅዱስ ኣይደልዩን እዮም። እንተኾነ መጽሓፍ

ቅዱስ ከምዚ ይብል፡

*"ዝለመነ ኹሉ ይቕበል እዩ፡ ዝደለየ ድማ ይረክብ፡ ማዕጾ ዃሕዃሕ ንዘበለውን ይኽፈተሉ እዩ እሞ፡ ለምኑ ይውሀበኩም። ድለዩ፡ ትረኽቡ። ማዕጾ ዃሕኳሕ ኣብሉ፡ ይኽፈተልኩም እዩ። ካባኻትኩም፡ ወዱ እንጌራ እንተ ለመኖ እምኒ ዚህቦ፡ ወይስ ዓሳ እንተ ለመኖ፡ ተመን ዚህቦ እንታዋይ ሰብኣይ እዩ፤ እምበኣርከ ንስኻትኩም እኳ፡ ክፉኣት ክነስኹም፡ ንደቅኹም ጽቡቕ ህያብ ምሃብ ካብ ፈለጥኩም፡ እቲ ኣብ ሰማይ ዘሎ ኣቦኹም ግዳ ንዚልምንዎ ኽንደይ ኣብዚሑ ጽቡቕ ዘይህቦም።" (ማቴ 7:7-11)*

ሓደ ኣማኒ፣ ልክዕ ከም ሕያዋይ ምድራዊ ኣቦ፣ ስለ ዉህበታት ኢሉ ንኣምላኽ እንተደአ ደልዩዎ፣ ኣምላኽ ነቲ ኣማኒ ዝጎድእ ዝኾነ ነገር ክቕበል ኣየፍቕደሉን እዩ።

## ስምዒታዊ ተመክሮ፡

ካልእ ተቓዉሞ ንልሳናት ከኣ፣ ስምዒታዊ ተመክሮ ስለዝኾነ ዝብል እዩ። ብዙሓት ጥምቀት መንፈስ ቅዱስ ዝተቐበሉ ኣመንቲ፣ ነቲ ተመክሮ ብዝነበሮም ስምዒታዊ ግብረ መልሲ እዮም ዘተኩርሉ። ሰብ ስምዒታዊ ፍጥረት እዩ። ምልዋጥ ንስምዕታት ናይ ሰብ ኣየጥፍእን እዩ። ገና እኳ ሓጎስን ጓህን ክሙኮር እዩ።

ምልዋጥ ንስምዒታት ናይ ሰብ ካብ ቁጽጽር ሓጢኣት ሓራ እዩ ዝገብሮ። ነዞም ስምዒታት እዚኦም ንኣምልኾ ኣምላኽ የቕንዮም። ኣብ ቃል ኣምላኽ "ሓጎስ" ዝብል ቃል ምስ መንፈስ ቅዱስ እዩ ዝዛመድ። ኣብ ግብ 13:52 "እቶም ደቂ መዛሙርቲ ድማ ሓጎስን መንፈስ ቅዱስን መልኡ" ዝብል ነንብብ ኢና።

ገለ ሰባት ነቲ ብጥምቀት መንፈስ ቅዱስ ዝመጽእ ሓጎስ ብዓቢ ስምዒት እዮም ግብረ መልሲ ዝህብሉ፣ እቲ ምኽንያት ከኣ ብባህሪኦም ካብ ካልኦት ንላዕሊ ዝያዳ ስምዒታዉያን ስለዝኾኑ እዩ። ክጭድሩ፣ ክስሕቁ ወይ ከኣ ኣብ ኣካላቶም ካልእ ስምዒታት ክስምዖም ይኽእል እዩ። ይኹን እምበር እዞም ስምዒታዉያን ግብረ መልስታት ምልክት ናይ ጥምቀት ብመንፈስ ቅዱስ ኣይኮኑን። እቲ መረጋገጺ ምልክትሲ ብቋንቋታት ምዝራብ ደኣ እዩ።

ብመንፈስ ቅዱስ ክትጥመቅ ከለኻ፣ ከም በዓል ምስሓቕ፣ ምጭዳር፣ ምስዕሳዕ፣ ወዘተ … ዝኣመሰሉ ዓበይቲ ስምዒታት ከተርኢ ኣድላዪ ኣይኮነን። ነቲ በዚ ተመኩሮ እዚ ዝምጽእ ሓጎስ፣ ሓደ ሰብ ብኸመይ ስምዒታዊ ግብረ መልሲ ይህበሉ ድማ መብዛሕትኡ ግዜ ምስቲ ናቱ ተፈጥሮኣዊ ስምዒታዊ ባህሪ እዩ ዝተኣሳሰር።

ግናኸ ነቶም ንመንፈስ ቅዱስ ሕጉስ ስምዕታዊ ግብረ መልስታት ዘለዎም ክንክሶም የብልናን። መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ስምዒታዊ ግብረ መልሲ ናይቶም ምስ ኣምላኽ ሓያል ተመክሮ ዝነበሮም ይዛረብ እዩ። ሰባት ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ኣንቀጥቀጦም፣ ኣብ ምድሪ ፍግም ኢሎም ወዲቆም፣ ጨዲሮም፣ ተሓጒሶምን ሳዕሲዖምን እዮም።

ሰባት ኣብ ልዕሊ ዝተፈላለዩ ስፖርታዊ ፍጻሜታት ዘርእይዎ ስምዒታዊ ግብረ መልስታት ምዕዛብ ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ልዕሊ ስፖርታዊ ጸወታ ይጭድሩ፣ ይስሕቁ፣ ይዘሉ፣ ብዙሕ ዉዕዉዕ ስምዒት ድማ የንጸባርቑ። ንሕና ግዳ በቲ ኣብ ህይወትና ብዙሕ ዕላማታት ዘከናዉን፣ ሓጎስ ዝህበና፣ ከምኡ'ውን ንዓለም ብወንጌል ክንበጽሓ ምእንቲ ብሓይሊ ዘዕጥቐና፣ ከም መንፈስ ቅዱስ ዝበለ ህያብ ክሳዕ ክንደይ ኣጸቢቕና ሕጉሳት ዘይንኸውን።

ዘማሪ ዳዊት'ውን ምስዚ ሓሳብ ተሰማሚዑ እዩ። ንሱ ድማ ስእሊ ናይ ብሓጎስ ዝተመልኤ፣ ዓዉ ዝበለ፣ ስምዒታዊ ኣምልኾ ናይ ኣምላኽ የቕርብ፡

*"ንዑ፣ ንእግዚኣብሄር ብሓጐስ ንዘምር፣ ንኸውሒ ምድሓንና እልል ንበለሉ፣ብምስጋና ኣብ ቅድሚኡ ንብጻሕ፣ ብመዝሙር እልል ንበለሉ፣እግዚኣብሄር ዓብዪ ኣምላኽ፣ ኣብ ልዕሊ ኹሎም ኣማልኽቲ ድማ ዓብዪ ንጉስ እዩ እሞ። (መዝ 95:1-3)*

*ብድምጺ መለኸት ኣመስግንዎ፣ ብበገናን መሰንቆን ኣመስግንዎ፣ብኸበሮን ብሳዕስዒትን ኣመስግንዎ፣ ብቓና ኣውታርን እምብልታን ኣመስግንዎ።ጭልጭል ብዚብል ጸናጽል ኣመስግንዎ፣ ብጥዑም ዝደሃዩ ጸናጽል ኣመስግንዎ።ትንፋስ ዘለዎ ኹሉ ንእግዚኣብሄር የመስግኖ። ሃሌሉያ።" (መዝ 150:3-6)*

ንጥምቀት መንፈስ ቅዱስ፣ ዘይቅኑዕ ነገር ክትገብር ጠንቂ ክኾነካ ወይ ርእስኻ ምቁጽጻር ክትስእን ኢልካ ክትፈርሖ የብልካን። መጽሓፍ ቅዱስ ከምዚ ኢሉ ኣሎ፡

*"... እቶም መናፍስቲ ነብያት ነቶም ነብያት ይግዝእዎም እዮም።" (1ቆረ 14:32-33)*

እዚ ማለት ዝኾነ ኣምላኽ ዝህቦ ዉህበት ኣብ ትሕቲ ዉሕሉል ምቁጽጻር እቲ ተጠቃሚ ማለት እዩ። ኣምላኽ ዘይቅኑዒ ነገር ኣይገብርን እዩ፣ ምኽንያቱ ...

*"ኣምላኽሲ ናይ ሰላም እምበር፣ ናይ ዝርግርግ ኣምላኽ ኣይኮነን ..." (1ቆረ 14:32-33)*

## ዉህበታት መንፈስ ቅዱስ

የሱስ ንሰዓብቱ፣ መልእኽቲ ወንጌል ክሳብ ወሰን ምድሪ ክዝርግሑ፣ ምስዚ ሓላፍነት እዩ ገዲፍዎም። ሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ድማ ነዚ ዕማም ክፍጽሙ ይድግፎም ነይሩ። ኣካል ናይዚ "ሓይሊ" ናይ መንፈስ ቅዱስ ድማ፣ እቲ መንፈስ ቅዱስ ብኣድማዕነት ከገልግሉ ምእንቲ፣ ንኣመንቲ የዕጢቑ ዝህቦም ፍሉይ ዉህበታት እዩ።

እዞም መንፈሳዉያን ዉህበታት ምስ ባህርያዊ ክእለታት ተመሳሳልነት የብሎምን። ባህርያዊ ክእለታትን ብቅዓትን ኣብ ግዜ ምዉላድ ወይ ከኣ ኣብ ጉዕዞ ህይወት ብጸዓት ዝምዕብሉ እዮም። ኣብ ማሕበር ንኣገልግሎት ክንጥቀመሎም ንኽእል ኢና፣ ግን ካብ መንፈሳዉያን ዉህበታት ዝተፈልዩ እዮም።

መንፈሳዉያን ዉህበታት ካብ መንፈስ ቅዱስ እዮም ዝመጹ። ዕላማኦም ድማ ..

> *"ኵላትና ናብ ሕብረት እምነት፡ ናብ ፍልጠት ወዲ ኣምላኽ፡ ናብ እኹል ሰብኣይ፡ ናብ ልክዕ ምልኣት ብጽሕና ክርስቶስ ክሳዕ እንበጽሕ፡ እቶም ቅዱሳን ነቲ ግብሪ ኣገልግሎት ንምህናጽ ስጋ ክርስቶስ ምሉኣት ምእንቲ ኪኹኑ ኢሉ፡ ... ድሕሪ ሕጂ ንሕና በቲ ኻብቲ ብምጥባር ሰብን ንምፍሓስ ስሕተት ዚኸውን ተንኰልን ዚመጽእ ናይ ትምህርቲ ኹሉ ንፋስ ንየው ነጀው እንድፋእን እንኽብከብን ቈልዑ ምእንቲ ኸይንኸውንሲ፡ብፍቕሪ ንሓቂ እናሰዓብና፡ ናብቲ ርእሲ ዝኾነ ክርስቶስ ንዕበ።" (ኤፌ 4:11-15)*

እዚ ክፍሊ ጽሑፍ መንፈሳዉያን ዉህበታት ነዞም ዝስዕቡ ከም ዝኾነ ይገልጽ፡

- ንፍጽምና ቅዱሳን
- ንምፍጣን ዕዩ ኣገልግሎት
- ምህናጽ ስጋ ክርስቶስን ማሕበሩን

መወዳእታ ሸቶታት ናይዞም ዉህበታት ድማ፣ ንሕና፡

- ብእምነት ክንሓብር
- ብዛዕባ ክርስቶስ ዘለና ፍልጠት ከነማዕብል
- ንክርስቶስ ከም ኣርኣያ ገይርና፣ ናብ ፍጽምና ክንዓቢ
- ብሓሶት ትምህርትታት ከይተጠበርና፣ ጽኑዓት ክንከዉን
- ብመንፈሳዊ ብጽሕና ናብ ክርስቶስ ክንዓቢ

ገለ ማሕበራት ኩሎም ዉህበታት መንፈስ ቅዱስ ንዘመናዉያን ክርስትያናት ዝኸዉን ኣይኮነን ኢለን ይዛረባ እየን። ሓያላት ዝበሃሉ ዉህበታት ከም ግብሪ ተኣምራትን ብካልእ ቋንቋታት ምዝራብን ነታ ቀዳመይቲ ማሕበር ጥራይ ዝተዋህቡ እዮም፣ ኢለን ድማ ይምህራ።

መልሲ ናይቲ ዘለወን ተቓዉሞ ድማ እዚ እዩ፡ ጉይታ ኣብ ማሕበር ንጹር ዕላማታት ንምፍጻም ናይ ኣገልግሎት ዉህበታት ሂቡ እዩ። እቶም ዕላማታት ከይተፈጸሙ ከኣ ንዝኾነ ካብዞም ዉህበታት ኣይሰሕቦምን እዩ። ኩለን ማሕበራትና ሓድነት ኣለወን'ዶ፧ ምሉእ ፍልጠት ናይ ክርስቶስ ኣለና'ዶ፧ ኩላትና ብፍጽምና ጸኒዕናን ብብስለትን ንመላለስ ኣለና'ዶ፧ ናይ ሓሶት ትምህርትታት ናብ ማሕበራትና ሰንጢቖ ከይኣቱ ደዉ ኣቢልናዮ'ዶ፧

መልሲ ናይዞም ሕቶታት እዚኦም "ኣይፋልን" ዝብል እዩ። ኩሎም ዕላማታት ናይ ኣገልግሎት ዉህበታት ኣይተፈጸሙን ዘለዉ። በዚ ምኽንያት፣ ኩሎም እቶም ነዞም ሸቶታት ንምፍጻም ኣምላኽ ዝሃቦም ዉህበታት ሎሚ'ውን ገና ኣብ ስራሕ ኣለዉ። መጽሓፍ ቅዱስ'ውን "ዉህበት ጸጋ ኣምላኽን ጽዉዓኡን ዘይጠዓሰሉ ስለ ዝኾነ" (ሮሜ 11:29) ይብል እዩ። እዚ ማለት እቲ ኣምላኽ ሃቦ ዉህበት ወይ ጻዉዒት፣ ሓሳቡ ቐይሩ ተመሊሱ ኣይወስዶን ማለት እዩ።

መንፈስ ቅዱስ ንነፍሲ ወከፍ ኣማኒ እንትወሓደ ሓደ መንፈሳዊ ዉህበት ይህቦ እዩ (1ጴጥ 4:10; ኤፌ 4:7;1ቆረ12:7)። ንመንፈሳዉያን ዉህበታትና ከነለልን ኣብ ማሕበር ከኣ ክንጥቀመሎምን ንዓና ኣገዳሲ እዩ። ብመንፈስ ቅዱስ ንኣመንቲ ቀሩብ ዝኾነ መንፈሳዊ ዉህበታት ዘብርሃ ቀንዲ ጥቕስታት እዘን ዝስዕባ እየን፡ ሮሜ 12:1-8, 1ቆረ 12:1-31, ኤፌ 4:1-6, 1ጴጥ 4:7-11።

## ፍረ መንፈስ ቅዱስ

መጽሓፍ ቅዱስ "መንፈሳዊ ፍረ" ዝብሎ፣ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ህይወት ሓደ ኣማኒ ዘማዕብሎ ጠባያት እዩ። ፍረ መንፈስ ቅዱስ ነቲ ኣብ ህይወት ሓደ ኣማኒ ዝንልሕ ባህሪ መንፈስ ቅዱስ እዩ ዝዉክል። ኣምላኽ ዝብህጎ፣ ኣብ ህይወት ነፍሲ ወከፍ ክርስትያን ኩሎም እቶም ፍረታት ክንልሑ እዩ፡

*"እቲ ፍረ መንፈስ ግና ፍቕሪ፡ ሓጐስ፡ ዕርቂ፡ ዓቕሊ፡ ለውሃት፡ ሕያውነት፡ እምነት፡ ህድኣት፡ ይኣኽለኒ ምባል እዩ። ነዚ ኸምዚ ዘመሰለ ዚጻረሮ ሕጊ የልቦን።" (ገላ 5:22-23)*

ምምዕባል እዞም ጠባያት ኣብ ህይወት ሓደ ኣማኒ ካልእ ኣገዳሲ ዕዩ ናይ መንፈስ ቅዱስ እዩ።

## ምቕባል መንፈስ ቅዱስ

እዞም ዝስዕቡ ጥምቀት መንፈስ ቅዱስ ንምቕባል፣ መጽሓፍ ቅዱሳዊ መምርሒታት እዮም።

### ተነሳሕ'ሞ ተጠመቕ፡

እዚ ኣብ ናይ መንፈሳዊ ተቐባልነት ቦታ እዩ ዘቐምጠካ፡

*"ጴጥሮስ ከኣ፡ … ተነሰሑ ነፍሲ ወከፍኩም ከኣ ብስም የሱስ ክርስቶስ ንሕድገት ሓጢኣት ይጠመቕ፡ ህያብ መንፈስ ቅዱስውን ክትቅበሉ ኢኹም በሎም።" (1ጴጥ 2:38-39)*

### ንዓኻ ምኻኑ እመን፡

*"ጴጥሮስ ከኣ፡ እቲ ተስፋ ንኣኻትኩምን ንደቅኹምን ነቶም ኣብ ርሑቕ ዘለዉ ኹሎም፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽና ዚጽውዖም ዘበሉን እዩ እተዋህበ .." (1ጴጥ 2:38-39)*

### በሃነ ኢኻ፡

በታ ዳሕረይቲ ዓባይ መዓልቲ በዓል የሱስ ደው ኢሉ ጨደረ በለውን፥ ዝጸምኤ እንተሎ፡ ናባይ ይምጻእ እሞ ይስተ።ብኣይ ዚኣምን፡ እቲ ጽሑፍ ከም ዝበለ፡ ካብ ከብዱ ርባታት ማይ ህይወት ኪውሕዝ እዩ።

*"የሱስ ገና ስለ ዘይከበረ መንፈስ ቅዱስ ኣይወረደን ነበረ እሞ፡ እዚ ብዛዕባቲ እቶም ብእኡ ዝኣመኑ ኪቕበልዎ ዘለዎም መንፈስ እዩ እተዛረበ።" (ዮሃ 7:37-39)*

### ዉህበት ምኻኑ ተረዳእ፡

መንፈስ ቅዱስ ድሮ ተዋሂቡ እዩ። ኣብ መዓልቲ በዓል ሓምሳ ንማሕበር ተዋሂቡ እዩ። ዉህበት ሰለዝኾነ ዝኽፈልካሉ ዓስቢ የለን

*"… ህያብ መንፈስ ቅዱሰውን …" (ግብ 2:38-39)*

ካባኻትኩም እዚ ጥራይ ክፈልጥ እደሊ አሎኹ፥ ብግብሪ ሕጊዶ ወይስ ብምስማዕ እምነት ኢኹም መንፈስ እተቐበልኩም፣

*"... እምበኣርስ እቲ መንፈስ ዚህበኩም ኣባኻትኩምውን ሓይሊ ዚገብር ብግብሪ ሕጊ ድዩ ወይስ ብምስማዕ እምነት፧ ንሕና ነቲ ተስፋ መንፈስ ብእምነት ክንቕበሎ፡ እቲ በረኸት ኣብርሃምውን ብየሱስ ክርስቶስ ነህዛብ ምእንቲ ኪኸውንሲ..."* *(ገላ* 3:2, 5, 14)

**ስለቲ ዉህበት መንፈስ ቅዱስ ንኣምላኽ ክተመስግኖን ክትዉድሶን ጀምር።**

## ንኣምላኽ ተማረኽ፡

**ንኣምላኽ ክተመስግኖን ክተምልኾን ክለኻ ብቋንቋ ናይ መንፈስ ምዝራብ ኣይትፍራሕ ኢኻ። ዓዉ ብዝበለ ድምጺ ክተመስግን ክለኻ ኣብ መጀመርታ ወታእ ክናፍር ክትሙክር ኢኻ። ልሳንካ ንመንፈስ ቅዱስ ኣግዝኣዮ ኢኻ ንምርዳእካ ጋሻ ብዝኾነ ቃላት ክኣ ክዛረበካ እዩ። እዚ ምልክት ጥምቀት መንፈስ ቅዱስ እዩ፡**

*"እምበኣርሲ ብወታእ ከናፍርን ብልሳን ጓናን ነዚ ህዝቢ እዚ ኪዛረቦ እዩ።" (ኢሳ 28:11)*

*"ኩሎም ድማ መንፈስ ቅዱስ መልኦም፣ መንፈስ ቅዱስ ኪዛረቡ ከም ዝሃቦም'ውን ንካልእ ቋንቋታት ኪዛረቡ ጀመሩ።" (ግብ 2:4)*

## ካልኦት ኣመንቲ ክጽልዩልካ ሕተት፡

**መንፈስ ቅዱስ ብምንባር የእዳዉ** (ግብ 8, 9, 19) **ወይ ክኣ ብዘይምንባር ኣእዳዉ** (ግብ 2, 4, 10) **ክትቕበሎ ትኽእል ኢኻ። ብመንፈስ ዝተመልኡ ኣመንቲ ጥምቀት መንፈስ ቅዱስ ንክትሙኮር ክሕግዙኻ ምእንቲ ነዘን ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ምዕራፋት ኣጽንዓየን ኢኻ።**

# ርእሰ ግምገማ

1. **ኣብ ህይወት ሓደ ኣማኒ ገለ ካብ ዕላማታት መንፈስ ቅዱስ እንታይ እዮም፧**

2. **ጥምቀት መንፈስ ቅዱስ እትቅበለሉ ሸዱሸተ መምርሒታት ሃብ**

3. **መሪሕ ጥቕሲ ጸሓፍ**

4. **ግዳማዊ ምልክት ጥምቀት መንፈስ ቅዱስ እንታይ እዩ፧**

5. **ሓቐኛ ጭብጢ ጥምቀት መንፈስ ቅዱስ እንታይ እዩ፧ መልስኻ ዝድግፍ መጽሓፍ ቅዱሳዊ መወከሲ ሃብ።**

6. **“ፍረ” ናይ መንፈስ ቅዱስ ዝብል መጸዉዒ እንታይ ማለት እዩ፧**

7. **ኣብ ህይወት ሓደ ኣማኒ ክህልዉ ዘለዎም ትሸዓተ ፍረታት መንፈስ ቅዱስ ዘርዝር**

8. **ዕላማታት ዉህበታት መንፈስ ቅዱስ እንታይ እዮም፧**

---

9.“ኩሎም ዉህበታት መንፈስ ቅዱስ ኣብዚ ዘመን ንዓና ኣይኮኑን። ገለ ካባታቶም ነታ ቀዳመይቲ ማሕበር ጥራይ እዮም ነይሮም።” ዝብል ሓሳብ ንምንታይ ጌጋ ምዃኑ ግለጽ።

---

10. ሰባት ኣብ ልዕሊ ምልክት ናይ ካልእ ቋንቋታት ዘለዎም ኣርባዕተ ተቓዉሞታት እንታይ እየን፧

---

11. ብመሰረት ቃል ኣምላኽ እዞም ተቓዉሞታት እዚኦም ቅቡላት ድዮም፧

---

## ንዘያዳ መጽናዕቲ

እዚ ምዕራፍ እዚ፣ ብዘተ ጥምቀት መንፈስ ቅዱስ ገይሩ ንመጽናዕቲ መንፈስ ቅዱስ እዩ መእተዊ ኮይኑ። በዚ ዝስዕብ ትልሚ ጌርካ መጽናዕቲ መንፈስ ቅዱስ ቀጽል ኢኻ፡

## ባህሪ ናይ መንፈስ ቅዱስ

-  ኣምላኽ ተባሂሉ ይጽዋዕ፡ ግብ 5:3-4
-  ኩሉ ህልዊ፡ ኣብ ኩሉ ይርከብ መዝ 139:7
-  ኩሉ ፈላጢ፡ ንኩሉ እዩ ዝፈልጥ 1ቆረ 2:10-11
-  ኩሉ ከኣሊ፡ ግብ 1:8
-  ዘልኣለማዊ፡ እብ 9:14
-  ምስ እግዚኣብሄር ኣቦን ወድን ማዕረ እዩ፡ ማቴ 3:16-17

## ስብእና መንፈስ ቅዱስ

-  ኣእምሮ ኣለዎ፡ ሮሜ 8:27
-  እዚ ኣእምሮ ኣስተዉዓሊ'ዩ፡ 1ቆረ 2:10-11
-  ልቢ ሰብ ይምርምር፡ 1ቆረ 2:10
-  ፍቓድ ኣለዎ፡ 1ቆረ 12:11
-  ፍቓድ ብምሃብን ብምኽላእን ይመርሕ፡ ግብ 16:6-7, 10
-  ይዛረብ እዩ፡ ግብ 8:29
-  የፍቅር እዩ፡ ሮሜ 15:30
-  ይጉሂ እዩ፡ ኤፌ 4:30
-  የማልድ እዩ፡ ሮሜ 8:26

## ተነቃፊ ባህሪ

መንፈስ ቅዱስ ተነቃፊ ዝኾነ ባህሪ ኣለዎ። ንሕና ድማ ከምዚ ዝስዕብ ክይንገብር ክንጥንቀቕ ኣሎና፡

-  ንመንፈስ ቅዱስ ከይንሕሱ፡ ግብ 5:3-4
-  ንመንፈስ ቅዱስ ከይንጻረሮ፡ ግብ 7:51
-  ንመንፈስ ቅዱስ ከይነጥፍእ፡ 1ተሰ 5:19
-  ንመንፈስ ቅዱስ ከነጉህዮ፡ መዝ 78:40
-  ንመንፈስ ቅዱስ ከይነስተናዕቕ፡ እብ 6:4-6
-  ንመንፈስ ቅዱስ ከይነቐጥዖ፡ ኢሳ 63:10
-  ንመንፈስ ቅዱስ ከይንጸርፍ፡ ማቴ 12:31-32

## ስማትን መዓርግን መንፈስ ቅዱስ

እዞም ስማትን መዓርጋትን ናይ መንፈስ ቅዱስ ብዛዕባ ባህሪኡን ዕላማታቱን ዝያዳ ፍልጠት ይህቡና እዮም። ንሱ ከምዚ ተባሂሉ ይጽዋዕ፡

- መንፈስ ኣምላኽ፡ 1ቆረ 3:16
- መንፈስ ክርስቶስ፡ ሮሜ 8:9
- ናይ ዘልኣለም መንፈስ፡ እብ 9:14
- መንፈስ ሓቂ፡ ዮሃ 16:13, 14:26
- መንፈስ ጸጋ፡ እብ 10:29
- መንፈስ ህይወት፡ ሮሜ 8:2
- ናይ ክብሪ መንፈስ፡ 1ጴጥ 4:14
- መንፈስ ጥበብን ምግላጽን፡ ኤፌ 1:17
- እቲ መጸናንዒ፡ ዮሃ14:26
- ናይ ተስፋ መንፈስ፡ ግብ 1:4-5
- መንፈስ ቅድስና፡ ሮሜ 1:4
- መንፈስ እምነት፡ 2ቆረ 4:13
- መንፈስ ዉልድነት፡ ሮሜ 8:15

## ኣርማታት መንፈስ ቅዱስ

እዞም ዝስዕቡ ምልክታት ንመንፈስ ቅዱስ ንምዉካል ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ተጠቂሙሎም ኣሎ፡

- ርግቢ፡ ዮሃ 1:32
- ዘይቲ፡ ሉቃ 4:18
- ማይ፡ ዮሃ 7:37-39
- ማሕተም፡ ኤፌ 1:13
- ንፋስ፡ ዮሃ 3:8
- ርባታት፡ ዮሃ 7:38-39

## ሓዊ ነዞም ዝስዕቡ እዩ ዘመልክተልና፡

| | |
|---|---|
| ህልዉና ጐይታ፡ | ዘጽ 3:2 |
| ተቐባልነት፡ | ሌዋ 9:24 |
| ሓለዋ፡ | ዘጸ 13:21 |
| ምጽራይ፡ | ኢሳ 6:1-8 |
| ዉህበት መንፈስ ቅዱስ፡ | ግብ 2:3 |
| ፍርዲ፡ | እብ 12:29 |

# ምዕራፍ ሸዉዓተ
# ምንባር ኣእዳዉ

## ዕላማታት፤

እዚ ምዕራፍ ምስ ወዳእካ፣ ነዚ ዝስዕብ ክትክእል ኢኻ፥

- *ነታ መሪሕ ጥቕሲ ካብ ዘኽርኻ ጽሓፍ*
- *ምንባር ኣእዳዉ ትርጉሙ ክትገልጽ*
- *ኣብ ብሉይ ኪዳን ዕላማታት ምንባር ኣእዳዉ ከተለሊ*
- *ኣብ ሓድሽ ኪዳን ዕላማታት ምንባር ኣእዳዉ ከተለሊ*
- *ብምንባር ኣእዳዉ ንዝካየድ ኣገልግሎት ዘድሊ መለከዒታት ክትዝርዝር*

## መሪሕ ጥቕሲ፤

*"ኣብኡ ነዊሕ ወርሓት ተቐመጡ። በቲ ትእምርትን ተኣምራትን በእዳዎም እናገበረ፥ ንቓል ጸጋኡ ምስክር ዝሀበ ጐይታ ተኣሚኖም፥ ብትብዓት ተዛረቡ።" (ግብ 14:3)*

## መእተዊ

እዚ ትምህርቲ ምንባር ኣእዳዉ ኣብ መሰረታት እምነት ክርስትና እቲ ራብዓይ መሰረታዊ ሓቂ እዩ። ምንባር ኣእዳዉ ዝበሃል ሓደ ሰብ ንሓደ ንኹር ዕላማ ኣእዳዉ ኣብ ልዕሊ ኣካላት ካልእ ሰብ ዘንብረሉ ተግባር እዩ። እዚ ምንባር ኣእዳዉ እዚ ብጸሎት ወይ ብትንቢት እዩ ዝስነ።

## መዝገብ ናይ ብሉይ ኪዳን

ኣብ ብሉይ ኪዳን ምንባር ኣእዳዉ ነዞም ዝስዕቡ ዕላማታት እዩ ዝጥቐም ነይሩ፥

1. ምትሕልላፍ መንፈሳዊ በረኸት ወይ ስልጣን። [ምትሕልላፍ ማለት ካብቲ ኢዱ ዘንብር ዘሎ ሰብ ናብቲ ዘንብረሉ ዘሎ ሰብ መንፈሳዊ ዋሕዚ ክህሉ ከሎ ማለት እዩ።]
2. እቲ ካብ ኣምላኽ ዝተቐበልካዮ መንፈሳዊ በረኸት ወይ ስልጣን ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ንምርግጋጽ።
3. ንፍሉይ ኣገልግሎት ንኣምላኽ ምዉፋይ።

ንዕላማታት ናይ ምንባር ኣእዳዉ ዘመልክቱልና ሰለስተ ናይ ብሉይ ኪዳን ኣብነታት ኣለዉ፥

## እስራኤል፥

ኦሪት ዘፍጥረት 48 ንመጀመርያ ግዜ ምንባር ኣእዳዉ ንመንፈሳዊ ረብሓ ዝተጥቕሰሉ ኣጋጣሚ እዩ። ዮሴፍ ክልቲኦም ደቁ፣ ኤፍሬምን ምናሴን፣ ንክባረኹ ናብ ኣብኡ ኣምጺእዎም፥

*"እስራኤል ድማ፥ ምናሴ በኹሪ ነበረ እሞ፥ ኣእዳዉ ኣመሓሊፉ የማነይቲ ኢዱ ዘርጊሑ ኣብ ርእሲ ኤፍሬም፥ ንሱ ኻኣ እቲ ንእሽቶ፥ ጸጋመይቲ ኢዱ ድማ ኣብ ርእሲ ምናሴ ኣንበረ።" (ዘፍ 48:14)*

በረኸት ያቀብ ድማ፣ ብምንባር ኣእዳዉ ኣብ ልዕሊ ኣራእስ ደቂ ዮሴፍ፣ ተመሓላሊፉ።

## ሌዋዉያን፡

ሌዋዉያን ንማሕበር እስራኤል ከም መንፈሳዉያን መራሕቲ ከገልግሉ ብኣምላኽ ዝተቀብሉ እዮም ነይሮም። ኣብዚ መዝነት እዚ ድማ ነቲ ህዝቢ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ይዉክልዎ ነይሮም። ምንባር ኣእዳዉ እቲ ህዝቢ፣ ስልጣን ሌዋዉያን ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ፣ ዘረጋግጸሉ መንገዲ እዩ ነይሩ።

*"ንሌዋውያን ናብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣቕርቦም፡ ደቂ እስራኤል ከኣ ኣእዳዎም ኣብ ልዕሊ ሌዋውያን የንብሩ።" (ዘሁ 8:10)*

## ሙሴ፡

ሙሴ ናይ መወዳእታ ናይ ምድሪ ኣገልግሎቱ ኣብ ዝቀረበሉ ግዜ፣ ኣብ ልዕሊ እስራኤል ሓድሽ መራሒ ክመዝዝ ሓቲትዎ፡

*"እግዚኣብሄር ከኣ ንሙሴ በሎ፡ ኢያሱ ወዲ ነዌ፡ መንፈስ ዘለዎ ሰብኣይ፡ ናባኻ ውሰድ፡ ኢድካ ድማ ኣብ ልዕሊኡ ኣንብር።ኣብ ቅድሚ ካህን ኣልኣዛርን ኣብ ቅድሚ ኹሉ ኣኼባን ከኣ ደው ኣብሎ፡ ኣብ ቅድሚኦም ድማ ኣዝዞ።ኵሉ ኣኼባ ደቂ እስራኤል ምእንቲ ኺእዘዞ ኸኣ፡ ካብ ግርማኻ ኣብ ልዕሊኡ ኣንብር።*

*ሙሴ ድማ ከምቲ እግዚኣብሄር ዝኣዘዞ ገበረ፡ ንኢያሱ ወሲዱ ኣብ ቅድሚ ካህን ኣልኣዛርን ኣብ ቅድሚ ኹሉ ኣኼባን ደው ኣበሎ።ንሱ ኸኣ ኣእዳዉ ኣብ ልዕሊኡ ኣንበረ፡ ከምቲ እግዚኣብሄር ብሙሴ እተዛረቦ ድማ ኣዘዞ።" (ዘሁ 27:18-20, 22-23)*

ዉጽኢት ናይዚ ምንባር ኣእዳዉ ኣብ ኢያሱ ዘፍረዮ ነገር፣ ኣብ ኦሪት ዘደግም ተዘርዚሩ ኣሎ፡

*"ኢያሱ ወዲ ነዌ ድማ፣ ሙሴ ኢዱ ስለ ዘንበረሉ፣ መንፈስ ጥበብ መልኦ። ደቂ እስራኤል ከኣ፣ ከምቲ እግዚኣብሄር ንሙሴ ዝኣዘዞ ገይሮም ተኣዘዝዎ።" (ዘዳ 34:9)*

ምንባር ኣእዳዉ ሙሴ ኣብ ልዕሊ ኢያሱ፣ ንኢያሱን ንምሉእ ማሕበር እስራኤልን ኣገዳሲ እዩ ነይሩ። በዚ ግብሪ እዚ እቲ ሙሴ ካብ ኣምላኽ ተቐቢልዎ ዝነበረ ገለ ዓቕን ጥበብን ክብረትን ንኢያሱ ኣመሓላሊፍሉ እዩ። ከምኡ'ውን ኣምላኽ ንኢያሱ ከም ሓድሽ መራሒ ከም ዝመረጾ ነቲ ህዝቢ ኣረጋጊጽሉ እዩ።

# መዝገብ ሓድሽ ኪዳን

ሓድሽ ኪዳን ሓሙሽተ ሓፈሻዊ ዕላማታት ናይ ምንባር ኣእዳዉ ይዝርዝር እዩ።

## ልዕለ ባህሪ ትእምርትታት፡

የሱስ ኣብ ኣገልግሎቱ ምንባር ኣእዳዉ ኣተግቢርዎ እዩ፡

*"... ብዘይ ንሒደት ሕሙማት ኢዱ ኣንቢሩ ዘሕወዮም ..." (ማር 6:5)*

*"ጸሓይ ክትዓርብ ከላ ኸኣ፡ በበይኑ ዝኾነ ሕማም ዘለዎም ኵሎም ሕሙማት ናብኡ ኣምጽኡ። ንሱ ድማ ኣብ ነፍሲ ወከፎም ኢዱ ኣንቢሩ ኣሕወዮም።" (ሉቃ 4:40)*

*"ኢዱ ኣንበረላ፡ ብኡብኡ ቐንዔት፡ ንኣምላኽውን ኣመስገነቶ።" (ሉቃ 13:13)*

የሱስ ኣብ ምዝዛም ምድራዊ ኣገልግሎቱ፣ ንደቂ መዛሙርቱ ካብ ዝሃቦም ናይ መወዳእታ መልእኽቲ፣ ኣብ ምስባኽ ወንጌል ዘሰንዮም ልዕለ ባህሪ ዝኾነ ምልክታት እዩ ዘርዚሩሎም፡

*"ነቶም ዚኣምኑውን እዚ ተኣምራት እዚ ኺሰዕቦም እዩ፣ ብስመይ ኣጋንንቲ ኺውጽኡ፡ ብሓድሽ ልሳን ከኣ ኪዛረቡ፡ ኣትማን ኪሕዙ እዮም፡ ዚቐትል እንተሰተዩ ኸኣ፡ ከቶ ኣይኪጐድኦምን እዩ፡ ኣእዳዎም ኣብ ሕሙማት ኬንብሩ ንሳቶምውን ኪሐውዩ እዮም።" (ማር 16:17-18)*

ሓደ ካብዞም ናይ ልዕለ ባህሪ ምልክታት፣ ኣምላኽ ብእኡ ኣቢሉ ንሕሙማት ዝፍዉሰሉን ካልኦት ትኣምራት ዝፍጽመሉን፣ ምንባር ኣእዳዉ እዩ ነይሩ። ማርቆስ 16:17-18 እዚ ልምምድ እዚ ድሕሪ ምዝዛም ምድራዊ ኣገልግሎት ናይ ክርስቶስ ከም ዝቅጽል የረጋግጸልና።

ምንባር ኣእዳዉ ብስም የሱስ እምበኣር ንሕሙማት ንኣገልግሎት ኣካላዊ ፈዉሲ እዩ ዝጠቕም። እቲ ኣእዳዉ ኣብ ልዕሊ እቲ ሕሙም ሰብ ዘንብር፣ ልዕለ ባህሪ ፈዉሲ ዝኾነ ሓይሊ ኣምላኽ እዩ ዘመሓላልፍ። ሓደ ሓደ ግዜ እቲ ሕሙም ሰብ ኣብ ኣካላቱ ሓይሊ ኣምላኽ ይሰምዖ እዩ። ካልእ ግዜ ድማ ዝኾነ ስምዒት ኣይህሉን፣ እንተኾነ ፈዉሲ ኣየጋጥምን እዩ ማለት ኣይኮነን። ምንባር ኣእዳዉግብሪ እምነትን ንቃል ኣምላኽ ምእዛዝን እዩ። ዉጺኢታዉነቱ ድማ ኣብ ስምዒት ኣይኮነን ዝምርኮስ።

ናይ ፈዉሲ ግዜ ይፈላለ እዩ። ሓደ ሓደ ግዜ ምሉእ ፈዉሲ፣ በቲ ኣእዳዉ ኣብቲ ሕሙም ዝተነብረላ ግዜ ብቕጽበት ይቕበል። ካልእ ግዜ ድማ ፈዉሲ ቀስ ብቐስ እዩ ዝመጽእ (ማር 8:22-25) ። ነቶም ፈዉሲ ዝደልዩ ዘለዉ፣ ፈዉሶም ምሉእ ክሳዕ ዝኸውን ኣገዳስነት ምዕቃብ እምነቶም መስትምሃር ኣድላዪ እዩ።

ኣምላኽ ቃሉ ንምርግጋጽ ከመይ ገይሩ ንምንባር ኣእዳዉ ብኣመንቲ፣ ተኣምራታዊ ፈዉስን ካልእ ልዕለ ባህሪ ምልክታት ክፍጽሙ ከም ዝተጠቅመሉ ኣብ ግብሪ ሃዋርያት ይገልጽ፥

> *"ኣብኡ ነዊሕ ወርሓት ተቐመጡ። በቲ ትእምርትን ተኣምራትን በእዳዎም እናገበረ፡ ንቓል ጸጋኡ ምስክር ዝሃበ ጐይታ ተኣሚኖም፡ ብትብዕዓት ተዛረቡ።" (ግብ 14:3)*

> *"ብኢድ ሃዋርያት ድማ ብዙሕ ትእምርትን ተኣምራትን ኣብ ማእከል እቲ ህዝቢ ተገብረ፡ ኲላቶም ድማ ብሓንቲ ልቢ ሓቢሮም ኣብ ገበላ ሰሎሞን ነበሩ።" (ግብ 5:12)*

> *"ሽዑ ሃናንያ ኸደ እሞ ናብ ቤት ኣተወ፡ ኢዱ ኣብኡ ኣንቢሩ ኸኣ፡ ኣታ ሳውል ሓወይ፡ እቲ ኽትመጽእ ከሎኻ ኣብ መገዲ እተራእየካ ጐይታና የሱስ፡ ክትርእን መንፈስ ቅዱስ ኪመልኣካን፡ ናባኻ ልኢኹኒ፡ በሎ።" (ግብ 9:17)*
> *"ኣምላኽ ከኣ ብኢድ ጳዉሎስ ብዙሕ በይኑ ዝኾነ ተኣምራት ገበረ።" (ግብ 19:11)*

> *"ኮነ ድማ፣ ኣቦ ጱብልዮስ ብዓሶን ብዉጽኣት ከብድን ሓሚሙ ነበረ። ጳዉሎስ ከኣ ናብኡ ኣትዩ ጸለየሉ፡ ኣእዳዉ ኣንቢሩውን ኣሕወዮ።" (ግብ 28:8)*

## ጥምቀት መንፈስ ቅዱስ፥

ካልእ ዕላማ ምንባር ኣእዳዉ ድማ ብመንፈስ ቅዱስ ንምጥማቕ እዩ። ኣብ ግብሪ ሃዋርያት፣ ሰባት ከመይ ገይሮም ጥምቀት መንፈስ ቅዱስ ከም ዝተቐበሉ ዝገልጽ ሓሙሽተ ኣብነታት ኣለዉ። እቲ ቀዳማይ ኣብነት ብመዓልቲ በዓል ሓምሳ ዘጋጠመ ናይቶም ኣብ የሩሳሌም ኣብ ላዕለዋይ ደርቢ ዝነበሩ ደቂ-መዛሙርቲ እዩ። ብዛዕባ እዚ ኣብ ግብ 2:1-4 ክተንብብ ትኽእል ኢኻ። እቶም ካልኦት ኣብነታት ከኣ፡ ሓደስቲ ልዉጣት ናይ ሰማርያ ግብ 8:14-20፡ ሳዉል በዓል ጠርሴስ ግብ 9:17፡ ቆርኔሌዎስን ስድራቤቱን ግብ 10:44-46፡ ኣብ ኤፌሶን ዝነበሩ ደቂ-መዛሙርቲ ግብ 19:1- 6።

ኣብ ሰለስተ ካብዞም ኣብነታት እቶም ጥምቀት መንፈስ ቅዱስ ዝደልዩ ዝነበሩ፣ ብምንባር ኣእዳዉ ናይ ካልኦት ኣመንቲ እዮም ተገልጊሎም፥

- ግብ 8:18 ከም ዝገልጾ "መንፈስ ቅዱስ ብምንባር ኣእዳዉ ናይ ሃዋርያት ትዋሂቡ እዩ።"
- ኣብ ደማስቆ፣ ሳዉል ደጊሙ ክርእን ብመንፈስ ቅዱስ ከኣ ክምላእ ምእንቲ ሃናንያ ኢዱ ኣንቢሩሉ።
- ኣብ ኤፌሶን፣ እቶም ጳዉሎስ ዘገልግሎም ዝነበረ ደቂ-መዛሙርቲ፣ ጳዉሎስ ኢዱ ምስ ኣንበረሎም መንፈስ ቅዱስ ተቐቢሎም።

ምንባር ኣእዳዉ እቲ እንኮ ሰባት ጥምቀት መንፈስ ቅዱስ ዝቕበሉሉ መገዲ ኣይኮነን። ኣብ የሩሳሌም ኣብቲ ላዕላይ ደርቢ ከምኡ'ውን ኣብ ቤት ቆርኔሌዎስ፣ ሰባት ነቲ ተመኩሮ ዝኾነ ሰብ ኣእዳዉ ከየንበረሎም እዮም ተቐቢሎሞ። እንተኾነ ብመሰረት እዞም ኣብነታት፣ እቶም ጥምቀት መንፈስ ቅዱስ ዝደልዩ ብምንባር ኣእዳዉ ከም ዝግልገሉ ቃል ኣምላኻዊ እዩ።

## መንፈሳዊ ዉህበታት ምክፋል፥

ካልእ ዕላማ ናይ ምንባር ኣእዳዉ፣ መንፈሳዊ ዉህበታት ንምክፋል እዩ። ጳዉሎስ ንጢሞቴዎስ ከምዚ ኢሉ ጽሒፉሉ ኣሎ፥

ነቲ ብትንቢትን ብምንባር ኢድ ሽማግሌታትን እተዋህበካ፣ ኣባኻ ዘሎ ዉህበት ጸጋ ዕሽሽ ኣይትበሎ። (ግብ 14:4)

ጳዉሎስ ደጊሙ'ውን ንመንፈሳዊ ልምምድ ናይ ጢሞቴዎስ ተወኪሱ እዩ፥

*"... ነቲ ብምንባር ኢደይ ኣባኻ ዘሎ ዉህበት ኣምላኽ ክትሕድሶ ኤዘክረካ ኣሎኹ።" (2ጢሞ 1:6-7)*

ምንባር ኣእዳዉ ምስ ዉህበት ትንቢት ተሓዊሱ፣ ንጢሞቴዎስ ነቲ ኣምላኽ ዝሃቦ ኣገልግሎት ምእንቲ ክፍጽም የቐንዖ፣ የተባብዖን የበርትዖን ነይሩ።

## ምምዛዝ ክርስትያን ዓየዪቲ፡

ካልእ ዕላማ ናይ ምንባር ኣእዳዉ ከኣ ክርስትያን ዓየይቲ ንምምዛዝ እዩ። "ምምዛዝ" ማለት ስልጣን ምሃብ፣ ምሻም ወይ ናብ ሓደ ተልእኾ ምልኣኽ ማለት እዩ። ኣብ ኣንጾኪያ ዝነበሩ መንፈሳዉያን መራሕቲ ኣብ ቅድሚ ጉይታ እንዳተጸበዩ ከለዉ

*"... መንፈስ ቅዱስ፡ በርናባስን ሳውልን ነቲ ዝጸዋዕክዎም ዕዮ ፍለዩለይ፡ በሎም። ሽዑ ጾሙን ጸለዩን ኣእዳዎም ከኣ ኣንበሩሎም እሞ ሰደድዎም። ንሳቶም ከምዚ ኢሎም ብመንፈስ ቅዱስ ተልኢኾም ናብ ሴሌውቅያ ወረዱ። ካብኡ ኸኣ ብመርከብ ናብ ቆጵሮስ ከዱ።" (ግብ 13:2-4)*

መጽሓፍ ቅዱስ ከም ዘመልክተልና፣ ኣምላኽ ቅድሚ ብወግዒ ንቶም መራሕቲ ማሕበር ምንጋሩ፣ ንጳዉሎስን በርናባስን ብዛዕባ እቲ ብእኦም ገይሩ ክሰርሖ ደልዩ ዝነበረ ስራሕ ብዉልቂ ድሮ ተዛሪብዎም ነይሩ እዩ። እቲ ወግዓዊ ምግላጽ፣ ናይቲ ድሮ ዝተቀበልዎ ጻዉዒት መረጋገጺ እዩ ነይሩ።

እቶም መራሕቲ ንጳዉሎስን በርናባስን ብቐጥታ ናብ ተልእኾኦም ኣይሰደድዎምን። ንጾምን ጸሎትን ግዜ ወሲዶም እዮም። ምልኣኽ ናይዞም ክልተ ሰባት፣ ብምንባር ኣእዳዉ እቶም መራሕቲ ማሕበር እዩ ተዛዚሙ።

ጳዉሎስን'ውን ንጢሞቴዎስ ኣብ ኣገልግሎቱ ክመዞ ከሎ ኢዱ ኣንቢሩሉ እዩ፡

*"... ነቲ ብምንባር ኢደይ ኣባኻ ዘሎ ዉህበት ኣምላኽ ክትሕድሶ ኤዘክረካ ኣሎኹ።" (2ጢሞ 1:6-7)*

ክርስትያን ዓየይቲ ንምሻም ዝግበር ዝነበር ናይ ኣእዳዉ ምንባር ምልምማድ፣ ንኣገልገልትን ሰበኽትን ብቕሉዕ ኣይጥቐሙሉን እዮም ነይሮም። ምምዛዝ ናይቶም ናይ መጀመርታ ድያቆናት (ግብ 6:1-6) ብምንባር ኣእዳዉ እዩ ተሰንዩ፡

*"ኣብ ቅድሚ ሃዋርያት ከኣ ደዉ ኣበልዎም፣ እናጸለዩውን ኣእዳዎም ኣንበሩሎም።" (ግብ 6:1-6)*

እዞም ሰባት ኣብታ ማሕበር የሩሳሌም ዝተሾሙሉ መዝነት ድሒሩ "ድያቆን" ብዝብል መጸዉዒ እዩ ተፈሊጡ። ድያቆናት ንምሻም ዝነበረ ኣገባብ ኣብ ግብ 6:3-6 ተገሊጹ ኣሎ። ሃዋርያት፣ ነዚ መዝነት ብቑዓት ዝኾኑ ሰባት ንምምራጽ እቲ ሓላፍነት ንህዝቢ እዮም ሂቦምዎ።

እዞም ሰብኡት ምእንቲ ክጽለየሎምን ኣእዳዎም ከንብሩሎም ድማ ናብ ቅድሚ ሃዋርያት ኣምጽእዎም። በዚ መገዲ እዚ ሃዋርያት፣ እዞም ሰብኡት ነቲ መዝነት ክሕዙ ብቑዓት ምዃኖም ከም ዝተቀበልዎም ኣርእዮም።

ስለ'ቲ ዝተመርጹሉ ዕማም ናብ ኣምላኽ ኣመዕቀብዎም፣ ነቲ ዕማም ዘድሊ ካብቲ ዘለዎም መንፈሳዊ ጥበብ ገለ ዓቐን ድማ ኣሕሊፎምሎም።

## ምዉፋይ ህጻናት፡

ህጻናት እቲ ንጥምቀት ዘድሊ ጠለባት ከም ንስሓ ወይ ምእማን ክፍጽምዎ ስለ ዘይክእሉ፣ ንህጻናት ምጥማቕ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ኣይኮነን። እንተኾነ ብምንባር ኣእዳዉ ህጻናት ናብ ሓለዋ፣ መሪሕነትን በረኸትን ኣምላኽ ክዉፈዩን ክምዕቀቡን ይኽእሉ እዮም፡

*"ሓቝፉ ኢዱ ኣንቢሩሎም ባረኾም።" (ማር 10:16)*

## ፍሉይ መጠንቀቕታ

ሓዲሽ ኪዳን ንምንባር ኣእዳዉ ዝምልከት ናይ ጥንቃቐ ቃላት ቀሪቡ እዩ፡

*"ብታህዋኽ ኣብ ሓደ እኳ ኢድካ ኣይተንብር ..." (1ጢሞ 5:22)*

ኣእዳዉካ ኣብ ሓደ ሰብ ከተንብር ከለኻ ወይ ካልኦት ኣእዳዎም ኣባኻ ከንብሩ ከለዉ፣ መንፈሳዊ ምስግጋር ይካየድ እዩ፣ ስለዚ

ነዚ ልምምድ ክትጥቀመሉ ከለኻ ጥንቁቕ ምዃን ልቦና እዩ። እቲ ኣእዳዉ ዘንብር ዘሎ ሰብ ብመንፈስ ብቑዕ እንተዘይኮይኑ እቲ ልምምድ ኣድማዒ ኣይከዉንን። መንፈሳዊ ረብሓ ንምክፋል፣ ኣእዳዉ ኣብ ካልእ ሰብ ከንብር መን ብቑዕ ከምዝኾነ መጽሓፍ ቅዱስ ብንጹር ይነግር እዩ፡

## ኣመንቲ፡

ኣመንቲ ኣእዳዎም ኣብ ልዕሊ ካልኦት ከንብሩ ይኽእሉ እዮም፡

*"ነቶም ዚኣምኑውን እዚ ተኣምራት እዚ ኺሰዕቦም እዩ፣ ... ኣእዳዎም ኣብ ሕሙማት ኬንብሩ ንሳቶምውን ኪሐውዩ እዮም።" (ማር 16:17-18)*

ኣብ ዝሓለፈ ምዕራፋት ዝነበረ ትምህርቲ ናይ መትከላት ናይ ንስሓ ካብ ምዉት ግብርታትን እምነት ናብ ኣምላኽን፣ ብቕዓት ናይ ሓቐኛ ኣመንቲ ዘቲና ኣለና።

## ሃዋርያትን ደቂ-ማዛሙርትን፡

*"ስምኦን ከኣ መንፈስ ቅዱስ በቲ ምንባር ኣእዳዉ ሃዋርያት ከም እተዋህበ ምስ ረኣየ ..." (ግብ 8:18-19)*

*"ሽዑ ሃናንያ ከደ እሞ ... ኢዱ ኣብኡ ኣንቢሩ ... ክትርእን መንፈስ ቅዱስ ክመልኣካን ..." (ግብ 9:17)*

ሃዋርያትን ደቂ-ማዛሙርትን ብኣምላኽ ዝተሸሙን ዝተቐብኡን ሰባት እዮም ነይሮም። ብጹሓት ኣመንትን ኣብነት ናይ ብቑዕ መሪሕነት ከኣ ነይሮም።

ኣባላት ሽማግለ፡

*"... ብምንባር ኢድ ሽማግለታት ..." (1ጢሞ 4:14)*

እቲ ልዑል መለክዒ ናይ ሽማግለታት ኣብ 1ጢሞ 3:1-7 ከምኡ'ውን ቲቶስ 1:6-9 ተጻሒፉ ኣሎ።

## መጠቓለሊ

ኣብ ሓድሽ ኪዳን እቶም ሓሙሽተ ዕላማታት ምንባር ኣእዳዉ እዞም ዝስዕቡ እዮም፡

- ልዕለ ባህሪ ምልክታት
- ጥምቀት መንፈስ ቅዱስ
- ምምቃል መንፈሳዊ ዉህበታት
- ክርስትያን ዓየይቲ ምምዛዝ
- ምዉፋይ ህጻናት

ምልምማድ ምንባር ኣእዳዉ ኣካል ኣገልግሎት ማሕበር ክኸውን ከምዘለዎ የሱስ ኣመልኪቱ ስለዘሎ፣ ንምንባር ኣእዳዉ ክትርዳእን ክትጥቀመሉን ኣገዳሲ እዩ።

ምንባር ኣእዳዉ ኣብ ዘመና ካብ ብዙሓት ማሕበራት ጠፊኡ ዘሎ መንፈሳዊ ምልምማድ እዩ። እንተኾነ ...

- ነፍሲ ወከፍ ኣማኒ ንፈዉስን ተኣምራትን ኣብ ምንባር ኣእዳዉ ኣድማዒ ነይሩ እንተዝኸውን ኣብ ምዝርጋሕ ወንጌል ዝህልዎ ጽልዋ ኣብ ግምት የእትዎ።
- ብምንባር ኣእዳዉ፣ ኣብ ስሩዕ ግዜያት መንፈሳዊ ዉህበታት እንተ ዝካፈሉን ክርስትያን ዓየይቲ ከኣ እንተ ዝሸየሙ፣ ኣብ ምዝርጋሕ ወንጌል ዝህልዎ ጽልዋ ኣብ ግምት የእትዎ።

## ርእሰ ግምገማ

1.ሰለስተ ኣብነታት ምንባር ኣእዳዉ ኣብ ብሉይ ኪዳን ሃብ

________________________ _______________________ ____________________

2. ኣብ ሓዲሽ ኪዳን ዝተገልጹ ሓሙሽተ ዕላማታ ምንባር ኣእዳዉ ዘርዝር

__________________ ____________________ __________________ ___________________

__________________

3. መሪሕ ጥቕሲ ጸሓፍ

________________________________________________________________________________________________________

4. ምንባር ኣእዳዉ ድሕሪ የሱስ ናብ ሰማይ ምምላሱ ክቕጽል ከም ዘለዎ ዘረጋግጽ መጽሓፍ ቅዱሳዊ መወከሲ ሃብ።________

5. ትርጉም "ምንባር ኣእዳዉ" እንታይ እዩ፧

____________________________________________________________________________________________________________

6. መጽሓፍ ቅዱስ ብንጹር ምንባር ኣእዳዉ ክለማመዱ ብቑዓት ኢሉ ዝሰመዮም መን እዮም፧

________________________________________ ን _________________________________________

7. ነቲ ሓቐኛ ሓሳባት ኣብ ቅድሚኡ "ቅኑዕ" ጸሓፊሉ። ነቲ ጌጋ ሓሳብት ከኣ "ጌጋ" ጸሓፊሉ።

ሀ.________ ምንባር ኣእዳዉ ምስ ኮነ ስምዒት ናይ ሓይሊ እንተዘይሃልዩ፣ እቲ ልምምድ ዉጽኢታዊ ኣይኮነን።

ለ.________ምንባር ኣእድዉ ንምሻም ክርስትያን ዓየይቲ ክጠቕም ይኽእል እዩ።

ሐ.________ዝኾነ ሰብ ኣብ ካልኣት ኣእዳዉ ክንብር ብቑዕ ከምዝኾነ መጽሓፍ ቅዱስ ይምህር።

መ.________ምንባር ኣእዳዉ ሓደ ሰብ ጥምቀት መንፈስ ቅዱስ ዝቕበለሉ እንኮ መንገዲ እዩ።

ረ._________መንፈሳዊ ዉህበታት ብምንባር ኣእዳዉ ክምቀሉ ይኽእሉ እዮ።

ሰ._________ምንባር ኣእዳዉ ንህጻናት ክንጥቀመሎም ኣይግባእን፣ ምኽንያቱ ኣየስተዉዕልዎን እዮም።

## ንዝያዳ መጽናዕቲ

የሱስ ኣብ እዋን ምድራዊ ኣገልግሎቱ ዝገበሮ ተኣምራት ኣጽንዕ ኢኻ። መንፈሳዊ በረኸት ንምምቃል፣ ምንባር ኣእዳዉ መዓስን ብኸመይ መገድን ከም ዝተጠቕመሉ ተዓዘብ ኢኻ።

### ንምዉታት ናብ ህይወት ምምጻእ፡

| | |
|---|---|
| ጓል ያኢሮስ፡ | ማቴ 9:18-19, 23-25 |
| ወዲ እታ መበለት፡ | ሉቃ 7:11-15 |
| ኣልኣዛር፡ | ዮሃ 11:1-44 |

### ፈዉሲ፡

| | |
|---|---|
| ለምጻም፡ | ማቴ 8:2-3 |
| ወዲ እቲ ሓለቓ ሚእቲ፡ | ማቴ 8:5-13 |
| ሓማት ጴጥሮስ፡ | ማቴ 8:14-15 |
| ገርጌሰኖስ፡ | ማቴ 8:28-34 |
| ዝለመሰ ሰብኣይ፡ | ማቴ 9:2-7 |
| ደም ዛሕዛሕ ዝብላ ሰበይቲ፡ | ማቴ 9:20-22 |
| ዕዉራት ሰብኡት፡ | ማቴ 9:27-31 |
| ዓባስን ኣጋንንቲ ዘለዎ ሰብኣይ፡ | ማቴ 9:32-33 |
| ኢዱ ዝነቐጸት ሰብኣይ፡ | ማቴ 12:10-13 |
| ዕዉር፣ ዓባስ፣ ኣጋንንት ዝሓደርዎ፡ | ማቴ 12:22 |
| ጓል እታ ከንኣናዊት ሰበይቲ፡ | ማቴ 15:21-28 |
| ሕማም ባርያ ዘለዎ ወዲ፡ | ማቴ 17:14-18 |
| ዕዉራት ሰብኡት፡ | ማቴ 20:29-34 |
| ጸማምን ዓባስን ሰብኣይ፡ | ማር 7:31-37 |
| ርኹስ መንፈስ ዘለዎ ሰብእይ፡ | ማር 1:23-26 |
| ኣብ ቤትሳይዳ ዝነበረ ዕዉር፡ | ማር 8:22-26 |
| ዝጎበጠት ሰበይቲ፡ | ሉቃ 13:11-13 |
| ከብዱ ዝተነፍሐ ሰብኣይ፡ | ሉቃ 14:1-4 |
| እቶም ዓሰርተ ለምጻማት፡ | ሉቃ 17:11-19 |
| እዝኒ ማልኮስ፡ | ሉቃ 22:50-51 |
| ወዲ እቲ መኮንን፡ | ዮሃ 4:46-54 |
| ኣብ ቤት-ሄስዳ ዝነበረ ሕሙም ሰብኣይ፡ | ዮሃ 5:1-9 |
| ብዕዉሩ ዝተወልደ ሰብኣይ፡ | ዮሃ 9 |

(የሱስ ኣብ ትኣምራቱ ዝተወሰነ ኣገባብ ፈጺሙ ኣይተጠቐመን። ኣምላኽ ቃሉ ከጽንዕ፣ ብዝተፈላለዩ መገዲ ተኣምራታዊ ምልክታት ንምፍጻም ይሰርሕ እዩ። ምንባር ኣእዳዉ፣ ኣምላኽ ዝጥቐመሎም ሓደ ካብ ብዙሓት ኣገባባት እዩ።)

# ምዕራፍ ሸሞንተ
# ትንሳኤ ምዉታት፡ ቀዳማይ ክፋል

## ዕላማታት፡

እዚ ምዕራፍ ምስ ወዳእካ፣ ነዚ ዝስዕብ ክትክእል ኢኻ፡

- ነታ መሪሕ ጥቕሲ ካብ ዘኽርኻ ጽሓፍ ኢኻ
- "ትንሳኤ" ዝብል ቃል ትርጉሙ ክትገልጽ
- ኣብ መንጎ ሕሉፍ፣ ህልዉን መጻእን ትንሳኤታት ክትፈላለ
- ህልዊ መንፈሳዊ ትንሳኤ ናይ ኣመንቲ ኣብ የሱስ ክርስቶስ ከተብርህ
- ሕሉፍ ትንሳኤ ናይ የሱስ ክትገልጽ

## መሪሕ ጥቕሲ፥

*"የሱስ ከኣ፣ ትንሳኤን ህይወትን ኣነ እየ። እቲ ብኣይ ዝኣመነስ እንተ ሞተ እኳ፣ ብህይወት ኪነብር እዩ። ነፍሲ ወከፍ ብህይወት ዘሎ እሞ ብኣይ ዚኣምን ከኣ ንዘልኣለም ኣይኪመዉትን እዩ። እዚዶ ትኣምኒ ኢኺ፧ በላ።" ( ዮሃ 11:25-26)*

### መእተዊ

ተሪፎም ዘለዉ ክልተ መሰረታዉያን ትምህርትታት እምነት ክርስትና ኣለዉ። እዚኦም ትንሳኤ ምዉታትን ዘልኣለማዊ ፍርድን እዮም። ኣብ መጽናዕቲ ናይዞም ተሪፎም ዘለዉ ትምህርታት፣ መጽሓፍ ቅዱስ ካብዚ ህልዊ ግዜ ብምግላጽ ናብ መጻኢ ዘልኣለምነት ክወስደና እዩ።

ብግብሪ ፍጥረት፣ ኣምላኽ ነዛ ዘላ ዓለም ብሕሉፍ፣ ህልዉን መጻእን ዘካተተ መስርዕ ናይ ግዜ ገይሩ ናብ ህልዉነት ኣምጺእዋ (ኦሪት ዘፍጥረት 1)። ሓደ መዓልቲ ኣምላኽ ነዛ ሕጂ ዘላ ዓለም ናብ መፈጸምታ ከምጽኣ እዩ፣ እዚ ሕጂ እንፈልጦ ግዜ ድማ ከብቅዕ እዩ።

መጽሓፍ ቅዱስ ከም ዝገልጾ፣ ንዓለም ብምልእታ እቲ መወዳእታ ግዜኣ ኣምላኽ ብዝሰርዓ ፍልይቲ መዓልቲ ከምትመጽእ እዩ። ኣብቲ መወዳእታ ግዜ፣ ኣብ ዓለም ዘጋጥሙ ብዙሓት ፍጻሚታት ክህልዉ እዮም። ኣምላኽ ጥራይ እዩ እቲ ትኽክል ግዜ ናይዞም ፍጻሚታት ዝፈልጥ።

ይኹን እምበር ከም ዉልቀ ሰባት "ግዜ ዘይህልወሉ" ህሞት ይጸበየና ኣሎ። እዚ ከኣ ካብ ግዜ ናብ ዘልኣለምነት ኣብ እንሰጋገረሉ ኣብ ናይ መወዳእታ ምድራዊ ህይወትና ምስ በጻሕና እዩ ዝኸውን። ንነፍሲ ወከፍ ሰብ መወዳእታ ስጋዊ ህይወቱ ንዕኡ መወዳእታ ግዜ እዩ።

መጽሓፍ ዘይገልጾ ንመወዳእታ ግዜን ዘልኣለምነትን፣ ሓደ ሓደ ምስጢራት ከቢቦምዎ ኣለዉ። እንተኾነ ትምህርቲ "ትንሳኤ ምዉታት" ብዛዕባ መወዳእታ ግዜን እቲ ዝስዕቦ ዘልኣለምነትን ገለ ፍልጠት ቐሪቡልና ኣሎ።

እዚ ምዕራፍ እዚ ምስ ትምህርቲ ትንሳኤ ምዉታት የፋልጠና እዩ። ኣብ ሓዲሽ ኪዳን ተጠቒሶም ዘለዉ ሕሉፍ፣ ህልዉን መጻኢን ትንሳኤታት ተገሊጾም ኣለዉ፣ ከምኡ'ውን ሕሉፍን ህልዉን ትንሳኤታት ተዘትትዩሎም ኣለዉ። መጻኢ ትንሳኤ ናይ

ምዉታት ኣብ ዝቕጽል ምዕራፍ ክንርእዮ ኢና።

## ትርጉም

"ትንሳኤ" ዝብል ቃል ሓፍ ምባል ወይ ምልዓል ዝብል ትርጉም ኣለዎ። እዚ ማለት ካብ ምዉታት ምልዓል ወይ ሓፍ ምባል ማለት እዩ።

## ሰለስተ ትንሳኤታት

ኣብ ሓዲሽ ኪዳን ሰለስተ ትንሳኤታት ተዘርዚሮም ኣለዉ፡ ሕሉፍ፡ ትንሳኤ የሱስ ክርስቶስ ካብ ሞት። ህልዉ፡ መንፈሳዊ ትንሳኤ ኣመንቲ ኣብ የሱስ ክርስቶስ። መጻኢ፡ መጻኢ ትንሳኤ ናይ ኩሎም ኣብ መቓብር ዘለዉ።

## እቲ ዘተንስእ

የሱስ ክርስቶስ ብሓይሊ ኣምላኽ ካብ ሞት ተንሲኡ፡

*"ኣምላኽ ንክርስቶስ ኣተንሲእዎ ኢልና መስኪርና ኢና ..."* *(1ቆረ 15:15)*

ብመገዲ የሱስ ሓደ ኣማኒ ህልዉ መንፈሳዊ ትንሳኤ ይሙኮር እዩ። እቲ መጻኢ ትንሳኤ ምዉታት ካብ መቓብር'ውን ብእኡ እዩ ክኸውን።

መጽሓፍ ቅዱስ ድማ እቲ ንምዉታት ከተንስእ ዘለዎ የሱስ ምዃኑ የረጋግጸልና እዩ፡

*"የሱስ ከኣ፣ ትንሳኤን ህይወትን ኣነ እየ። እቲ ብኣይ ዝኣምን እንተ ሞተ እኳ፣ ብህይወት ኪነብር እዩ።" (ዮሃ 11:25)*

*"ከምኡ ድማ፣ እቲ ቀዳማይ ሰብ፣ ኣዳም፣ ህያው ነፍሲ ኮነ፣ ዚብል ጽሑፍ እዩ፣ እቲ ዳሕራይ ኣዳም ህያው ዚገብር መንፈስ ኮነ።" (1ቆረ 15:45)*

*"ሕጂ ግና ብምግሃድ መድሓኒና የሱስ ክርስቶስ ተገልጸ፣ ንሱ ንሞት ዘሰዓረ፣ ንህይወትን ንዘይምጥፋእን ብወንጌል ናብ ብርሃን ዘዉጽኦ።" (2ጢሞ 1:10)*

## ሕሉፍ፡ ትንሳኤ ናይ የሱስ ክርስቶስ

### ትንቢት ብሉይ ኪዳን፡

ብሉይ ኪዳን፡ ልደት የሱስ ክርስቶስ፣ ስለ ሓጢኣት ኩሎም ደቂ ሰብ ከም ዝመዉት፣ ከምኡ'ውን ትንሳኤኡ ኣቐዲሙ ነጊሩ እዩ። ዳዊት ንትንሳኤ የሱስ ጠቒሱ ኣሎ፡

*"እምበኣርከ ንሱ ነብዩ [ዳዊት] ኮይኑ፣ ሓደ ካብ ፍረ ከርሱ ኣብ ዝፋኑ ኪቕመጥ፣ ኣምላኽ ብማሕላ ከም ዝመሓለሉ ክንዲ ዝፈለጠ። ቅድም ርእዩ ብዛዕባ ትንሳኤ ክርስቶስ ... ተዛረበ።" (ግብ 2:30-31)*

ብዙሓት ጥቕስታት ናይ መጽሓፍ ቅዱስ፣ የሱስ ድሕሪ ምቕባሩ ኣብ ሳልሰይቲ መዓልቲ ካብ ምዉታት ከም ዝተንስአ የረጋግጹልና እዮም፡

*"ሕጂ ግና ክርስቶስ፣ ... ካብ ምዉታት ተንሰኤ።" (1ቆረ 15:20)*

*"ድሕሪ ሰንበት፡ ወጋሕታ እታ ቐዳመይቲ መዓልቲ ሰሙን፡ ማርያም ብዓልቲ መግደላን እታ ኻልኣይቲ ማርያምን መቓብር ኪርእያ መጻ። ...*

*እቲ መልኣኽ መሊሱ ነተን ኣንስቲ በለን፡ ንስኻትክንሲ ነቲ እተሰቕለ የሱስ ትደልያ ኸም ዘሎኽን፡ እፈልጥ ኣሎኹ እሞ፡ ኣይትፍርሃ። ከምቲ ዝበሎ፡ ተንሲኡ እዩ እሞ፡ ኣብዚ የሎን። ነታ ጐይታ ተነቢርዋ ዝነበረ ስፍራ፡ ንዑ ርኣያ። ቀልጢፍክን ደኣ ኺዳ እሞ፡ ካብ ምዉታት ከምዝተንሰኤ፡ ንደቀመዛሙርቱ ንገራኦም። ..." (ማቴ 28:1, 5-7)*

ኣብ መወዳእታ እዚ ምዕራፍ ዘሎ "ንዘያዳ መጽናዕቲ" ዝብል ክፍሊ፣ ትንሳኤ የሱስ ዘረጋግጹ ካልኦት ብዙሓት መወከሲታ

ይዝርዝር።

## ትርኢታት፡

የሱስ ድሕሪ ትንሳኤኡ ብብዙሓት ሰባት ተራእዩ እዩ፡

*“ድሕሪ ስቅያቱ ኣርብዓ መዓልቲ እናተራእዮምን ብዛዕባ መንግስቲ ኣምላኽ ከኣ እናነገሮምን ብብዙሕ መረለዊታ ህያው ምዃኑ ርእሱ ኽምዝርኣዮምን ጸሒፈልካ ኣሎኹ።” (ግብ 1:3)*

*“ንኬፋ፡ ደሓርውን ነቶም ዓሰርተው ክልተ ተራእየ፡ ድሕሪኡ፡ ዚበዝሑ ኻባታቶም ክሳዕ ሎሚ ዘለዉ፡ ገሊኣቶም ግና ደቂሶም ዘለዉ፡ ካብ ሓሙሽተ ሚእቲ ንዚበዝሑ ኣሕዋት ብሓንሳእ ተራእየ። ድሕሪኡ ንያእቆብ፡ ድሕሪኡ ኸኣ ንኹላቶም ሃዋርያት ተራእየ። ድሕሪ ኹላቶም ድማ ንኣይ፡ ቀላዕ ንዘመሰል፡ ተራእየኒ።” (1ቆረ 15:5-8)*

## ዝተንሰአ ስጋኡ፡

የሱስ፣ ድሕሪ ትንሳኤኡ፣ ናይ ሓቂ ኣካላት ከምዝነበሮን እቲ ዝተሰቕለ ንሱ ምዃኑን መረጋገጺ ንክቕርብ ጥንቁቕ እዩ ነይሩ። ጭብጢ ናይዚ ድማ፣ እቲ ገና ስምብራት መሳምርን ኲናትን ዝነበሮ ኣእዳዉ፣ ኣእጋሩን ጎኑን እዮም።

*“ብኽልእ መገዲ፣ ኣካላቱ ኣገዳሲ ለዉጥታት ተማኲሩ እዩ። ንድሩትነት ናይ መዋቲ ኣካል ዝግዛእ ኣይነበረን። ብፍቓዱ ክገሃድ ወይ ክስወር ክኢሉ እዩ። ናብ ዕጽዉ ማዕጾ ዘኸነ ክፍሊ ክኣቱን ብመንገ ሰማይን ምድርን ከኣ ክሓልፍ ክኢሉ።” (ዮሃ 20:19)*

ቅድሚ ሞቱን ትንሳኤኡን ምስ ሃይማኖታዉያን መራሕቲ እስራኤል ክዛረብ ከሎ፣ ከምዚ ኢሉ ነይሩ …

*“የሱስ ድማ፥ ነዛ ቤተ መቕደስ እዚኣ ኣፍርስዋ፡ ኣነ ኸኣ ብሰለስተ መዓልቲ ኽልዕላ እየ፡ ኢሉ መለሰሎም። እቶም ኣይሁድ ከኣ፥ እዛ ቤተ መቕደስ እዚኣ በርብዓን ሹዱሽተን ዓመት እያ እተሃንጸት፡ ንስኻዶ ብሰለስተ መዓልቲ ኽተልዕላ ኢኻ፧ በልዎ። ንሱ ግና ብዛዕባ መቕደስ ስጋኡ እዩ እተዛረበ። ስለዚ ኸኣ ካብ ምውታት ምስ ተንስኤ፡ ደቀ መዛሙርቱ እዚ ኸም ዝበለ ዘከሩ…” (ዮሃ 2:19-22)*

የሱስ ብዝዕባ እታ ኣብ የሩሳሌም ዝነበረት ቤት መቕደስ ኣይኮነን ዝዛረብ ነይሩ። ንገዛእ ኣካላቱ ከም ቤት መቕደስ ኣመልኪቱ'ዩ ዝዛረብ ነይሩ። ድሕሪ ሞትን ቐብርን ናይ የሱስ፣ እተን ኣንስቲ ንስጋኡ ክቐብኣ ናብቲ መቓብር ምስ ኣተዋ፣ “ስጋ ጐይታና የሱስ ኣይረኸባን” (ሉቃ 23:55-24:3)። የሱስ ንደቂ-መዛሙርቱ ምስ ተራእዮም፣ መንነቱ ምእንቲ ከረጋግጸሎም ነቲ ዉጋእ መስማርን እቲ ብኲናት ዝተበሰዐ ሰንብራትን ክሕዝዎ ኣፍቂድሎም እዩ።

*“እዚ ኺዛራረቡ ኸለዉ ኸኣ፡ የሱስ ባዕሉ ኣብ ማእከሎም ደው ኢሉ፡ ሰላም ናኣኻትኩም ይኹን፡ በሎም። ንሳቶም ድማ መንፈስ ዝረኣዩ መሲልዎም፡ ፈሪሆም ሰምበዱ። ንሱ ኸኣ፡ እንታይ ኢዃንኩም ኢኹም እትሰምብዱ፡ ከምዚ ዝበለ ሓሳብከ ስለምንታይ ኣብ ልብኹም ይለዓል፧ ኣነ ባዕለይ ምዃነይ ኣእዳወይን ኣእጋረይን ርኣዩ። ከምዚ ንኣይ ዘሎኒ እትርእይዎ ዘሎኹም፡ ንመንፈስሲ ስጋን ዓጽምን የብሉን እሞ፡ ኣረምሲስኩም ርኣዩኒ፡ በሎም። እዚ ኢሉ ኣእዳዉን ኣእጋሩን ኣርኣዮም።” (ሉቃ 24:36-40)*

*“ደሓር ከኣ ንቶማስ፡ ኣጻብዕካ ናብዚ ኣምጽእ ነእዳወይውን ርኤ፡ ኢድካ ኸኣ ናብዚ ኣምጽእ እሞ ናብ ጐድነይ ኣእትዋ፡ ኣማኒ እምበር፡ ዘይኣማኒ ኣይትኹን፡ በሎ። ቶማስ መሊሱ ከኣ፡ ጐይታይን ኣምላኸይን፡ በሎ።” (ዮሃ 20:27-28)*

## ኣገዳስነት ትንሳኤ፡

ስለምንታይ እዩ ትምህርቲ ትንሳኤ የሱስ ክርስቶስ ካብ ምዉታት ንክርስትና እምነት ኣገዳሲ ዝኾነ፧

*“ትንሳኤ ምዉታት ዜልቦ እንተኾይኑስ፡ ክርስቶስ ድማ ኣይተንስኤን። ክርስቶስ ዘይተንስኤ እንተኾይኑስ፡ እምብኣርከ ስብከትና ኸንቱ እዩ፡ እምነትኩምውን ከንቱ እያ።” (1ቆረ 15:3-4)*

ሓቐኛ ኣማኒ ንክትከውን ኣብ ትንሳኤ የሱስ ክርስቶስ ምእማን ኣገዳሲ እዩ፡

*“እቲ ጽሑፍ፡ ብእኡ ዚኣምን ዘበለ ኣይሐፍርን፡ ይብል እዩ እሞ፡ ሰብ ብልቡ ኣሚኑ ይጸድቕ፡ ብኣፉ ተኣሚኑውን*

*ይድሕን እዩ፡ ስለዚ ብኣፍካ የሱስ ጐይታ ምዃኑ እንተነገርካ፡ ብልብኻውን ኣምላኽ ካብ ምዉታት ከምዘተንስኦ እንተኣመንካ፡ ክትድሕን ኢኻ።" (ሮሜ 10:9)*

ጳዉሎስ ንትንሳኤ የሱስ ከም ኣካል መልእኽቲ ወንጌል ገይሩ እዩ ዘቕርቦ፡

*"ኣሕዋተየ፡ ንኽንቱ ኣሚንኩም እንተዘይኩንኩም፡ ከምቲ ኣነ ዝሰበኽክዎ ጌርኩም ሒዝኩምዎ እንተኣሊኹምሲ፡ እቲ ዝሰበኽኹልኩምን እተቐበልኩምዎን ኣብኡ ጸኒዕኩም ዘሎኹምን ብእኡውን እትድሕኑሉን ወንጌል ኤፍልጠኩም ኣሎኹ። እቲ ኣነ እተቐበልክዎ ቅድሚ ኹሉ ነጊረኩም እየ፡ ከምቲ እቶም ጽሑፋት ዚብልዎ፡ ክርስቶስ ምእንቲ ሓጢኣትና ሞተ፡ ተቐብረ ኸኣ፡ ከምቲ እቶም ጽሑፋት ዚብልዎ፡ ብሳልሰይቲ መዓልቲውን ተንስኤ፡"(1ቆረ 15:1-4)*

ተንሳኤ፣ የሱስ ክርስቶስ ወዲ ኣምላኽ ምዃኑ የረጋግጸልና፡

*"ንሱ የሱስ ክርስቶስ፡ ጐይታና፡ ካብ ምዉታት ብምትንሳኡ፡ ብመንፈስ ቅድስና ወዲ ኣምላኽ ምዃኑ ብሓይሊ እተጋህደ" (ሮሜ 1:4)*

ትንሳኤ፣ የሱስ ኣብ ልዕሊ ኩሉ ፍጡር ርእሲ ምዃኑ የረጋግጸልና፡

*"ኣምላኽ ንክርስቶስ ካብ ምዉታት ኣተንሲኡ፡ ኣብ የማኑ ኣብ ሰማያት ምስ ኣቐመጦ፡ ኣብታ እትመጽእውን እምበር፡ ኣብዛ ዓለም እዚኣ ጥራይ ዘይኰነ፡ ኣብ ልዕሊ ኹሉ ሽመትን ስልጣንን ሓይልን ጐይትነትን ዚስመ ዘበለ ስምን ምስ ኣርኣየ፡ ነቲ ሕልፊ ዘለዎ ዓብዪ ሓይሊ ኣባና እንኣምን ዘሎና ኽም ስልጣን ሓይሉ ኣብ ክርስቶስ ዝገበሮ ግብሪ ንስኻትኩም እንታይ ምዃኑ ኽትፈልጥዎ፡ እጸልየልኩም ኣሎኹ። ንብዘሎ ኸኣ ኣብ ትሕቲ ኣእጋሩ ኣግዝኡ፡ ኣብ ልዕሊ ኹሉስ ርእሲ ምእንቲ ኪኸውን ድማ፡ ነታ ማሕበር ወፈያ። ንሳ ኸኣ ስጋኡ ናይቲ ኹሉ ኣብ ኩሉም ዚመልእ ምልኣቱ እያ።" (ኤፌ 1:20-23)*

ትንሳኤ፣ ኣመንቲ ከም ዝጸደቑ የረጋግጽ፡

*"ንሱ ብሰሪ ሓጢኣትና በኘ ተዋህበ፣ ስለ ጽድቅናውን ተንስኤ።" (ሮሜ 4:25)*

ትንሳኤ ማለት ሞት ተሳዒሩ ማለት እዩ፡

*"… እቶም ውሉድ ብደምን ስጋን ካብ ዚሓብሩስ፡ ብሞቱ ነቲ ሓይሊ ሞት ኣብ ኢዱ ዝሓዘ ምእንቲ ኺስዕር፡ ንሱውን ድያብሎስ እዩ፡ … ንሱውን ብእኡ ሐበሮም።" (እብ 2:14-16)*

ብምኽንያት ትንሳኤ የሱስ፣ ኣመንቲ ዘበሉውን ክትንስኡን ሓድሽ ስጋ ክህልዎምን እዩ፡

*"እንሆ፡ ምስጢር እነግረኩም ኣሎኹ፡ ኩላትና ኽንልወጥ እምበር፡ ኩላትና ኣይክንድቅስን ኢና፡ ብሓንሳእ፡ ብቕጽበት ዓይኒ፡ በቲ ናይ ድሕሪ ኹሉ መለኸት፡ እቲ መለኸት ኪነፋሕ እዩ እሞ፡ እቶም ምዉታት ድማ ብዘይሓልፍ ኪትንስኡ እዮም፡ ንሕናውን ክንልወጥ ኢና።" (1ቆረ 15:51-52)*

*"ንሱ በቲ ንኹሉ ኺመልክሉ ዚከኣሎ ሓይሊ ነቲ ኽቡር ስጋኡ ምእንቲ ኺመስል፡ ነዚ ናይ ውርደት ስጋና ኺልውጦ እዩ።" (ፊሊ 3:21)*

ኣብ ዝቕጽል ምዕራፍ ብዛዕባ እዚ ትንሳኤ ካብ ምዉታት ዝያዳ ክነጽንዕ ኢና። ብትንሳኤ ንኣመንቲ ምንጨ ሓድሽ ህይወት ኣሎ፡

*"… ብናይ የሱስ ክርስቶስ ትንሳኤ ካብ ምውታት ብዝሒ ምሕረት ንህያው ተስፋ ብሓድሽ ዝወለደና ኣምላኽ፡ ኣቦ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ይባረኽ፡" (1ጴጥ 1:3)*

## ህልዉ፥ ትንሳኤ ናይ ኣመንቲ

መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ህልዉ ትንሳኤ ናይ ኣመንቲ ይዛረብ እዩ። እዚ ማለት እቶም ሓድ ግዜ ኣብ ሓጢኣት ብመንፈስ

ምዉታት ዝነበሩ፣ ሕጂ ግን ብየሱስ ክርስቶስ ብመንፈስ ህያዋን ዝኾኑ ማለት እዩ፡

*"... ብበደልኩምን ብኣበሳኹምን ምዉታት ዝነበርኩም፡ ንኣኻትኩም ህያዋን ገበረኩም። ... ንሕና፡ ብበደልና ምዉታት ከሎናስ፡ ምስ ክርስቶስ ህያዋን ገበረና ..." (ኤፈ 2:1,5)*

*"ንብዘሎ ኣበሳና ይቕረ ኢሉ፡ ብኣበሳኹምን ...መዊትኩምን ዝነበርኩም፡ ንኣኻትኩምውን ምስኡ ህያዋን ገበረኩም።" (ቆሎ 2:13)*

"ስለዚ ሓደ እኳ ብክርስቶስ እንተአልዩ፡ ንሱ ሓድሽ ፍጥረት እዩ፡ እቲ ብሉይ ሐሊፉ፡ እንሆ፡ ኲሉ ሓድሽ ኰይኑ።" (2ቆረ 5:17)

## ደጋዊ ምልክታት ናይዚ ትንሳኤ፡

ጥምቀት ኣብ ማይ፣ ነቲ ኣረጊት ህይወት ከም ዝሞተካ፣ ከምኡ'ውን መንፈሳዊ ትንሳኤ ናይ ሓደ ኣማኒ ኣብ የሱስ ክርስቶስ ዝገልጽ ደጋዊ ምልክት እዩ። እንተኾነ መንፈሳዊ ትንሳኤ ናይ ሓደ ኣማኒ ዘረጋግጸልና ጥምቀት ኣብ ማይ ንበይኑ ጥራይ ኣይኮናን። እቲ ዝነብሮ ሓድሽ ህይወት'ውን እዩ፡

*"እምብኣርሲ ኽምቲ ክርስቶስ ብኽብሪ ኣቦኡ ኻብ ምዉታት ዝተንስኤ፡ ከምኡ ኸኣ ንሕ ናብ ሓዳስ ህይወት ምእንተ ኽንመላለስ፡ ናብ ሞት ብጥምቀት ምስኡ ተቐበርና። ሞትናን ሞቱ መሲሉ ሕቡራቱ እንተኾንናስ፡ ከምኡ ኸኣ ብትንሳኤኡ ኽንሕብሮ ኢና።" (ሮሜ 6:4,5)*

## መርትዖታት ናይዚ ትንሳኤ፡

የሱስ ንትንሳኤኡ ዝምልከት ብዙሕ ጭብጥታት ኣቕሪቡ ኣዩ። ንሳቶም ከኣ ጥርሑ መቓብር፣ መልእኽቲ ናይቶም መላእኽቲ፣ ከምኡ'ውን ድሕሪ ትንሳኤኡ ዝነበረ ምግሃዱ። መንፈሳዊ ትንሳኤ ኣመንቲ ዘረጋግጹልና ጭብጥታት'ውን ኣለዉ። ነዞም ዝስዕቡ ድማ የጠቓልሉ፡

**-ብሓድሽ ህይወት ዝመጽእ ሞት ንሓጢኣት፡**

መንፈሳዊ ትንሳኤ፣ ሞት ንሓጢኣት እዩ ዉጽኢቱ። እቲ ኣማኒ ከምቲ ዝነብሮ ዝነበረ ኣይኮነን ዝነብር። ንክፍኣት ናይዛ ዓለም እዚ ሞይቱ፣ ኣብ ክርስቶስ ከኣ ህያዉ ይኸውን፡

*"ከምኡ ድማ ንስኻትኩም ካብ ሓጢኣት ካም ዝሞትኩም፣ ብክርስቶስ የሱስ ግና ንኣምላኽ ህያዋን ከም ዝኾንኩም ርእስኹም ቍጸሩ።" (ሮሜ 6:11)*

**-ሓድሽ ጐይታ፡**

መንፈሳዊ ትንሳኤ ንየሱስ ኣብ ህይወትካ ጐይታ ይገብሮ። ንርእስኻ ኣብ ክንዲ ምንባር፣ ንዕኡ ንምግልጋል ትነብር፡

*"ድሕሪ ሕጂ እቶም ዘለዉ ነቲ ምእንትኦም ዝሞተን ዝተንስኤን እምበር፣ ንርእሶም ምእንቲ ከይነብሩ፣ ንሱ ኣብ ክንዲ ኩላቶም ሞተ።" (2ቆረ 5:15)*

**-ሓድሽ ዕላማ ናይ ህይወት**

ሓድሽ ዕላማ ኣብ ህይወት ዉጽኢት መንፈሳዊ ትንሳኤ እዩ። ትኹረት ናይቲ ኣማኒ ኣብ ሓልዮት ናይ ሓላፊ ዝኾነ ዓለማዊ ነገራት ከም ምኽዕባት ስጋዊ ሃብቲ፣ ንያት (ambition)፣ ወዘተ ... ኣብ ክንዲ ዝኸውን፣ ኣብ ዘልኣለማዊ ነገራት ይኸውን፡

*"ደጊም ምስ ክርስቶስ ተንሲእኩም እንተኼንኩምሲ፡ ነቲ ክርስቶስ ኣብ የማን ኣምላኽ ተቐሚጥዎ ዘሎ፡ ነቲ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ድለዩ። ... ኣብ ላዕሊ ዘሎ ሕሰቡ፡ ኣብ ምድሪ ዘሎ ኣይኩነን።" (ቆሎ 3:1-2)*

## መጠቓለሊ

ሕሉፍ ትንሳኤ ናይ ክርስቶስን ህልዉ መንፈሳዊ ትንሳኤ ናይ ሓደ ኣማንን፣ ክልተ ካብቶም ኣብ ሓድሽ ኪዳን ዝተጠቕሱ ሰለስተ ትንሳኤታት እዮም። እቲ ካልእ ድማ መጻኢ ትንሳኤ ካብ መቓብር ናይ ኩሎም ምዉታት እዩ። እዚ ኣብ ዝቕጽል

**ምዕራፍ ክንርእዮ ኢና።**

# ርእሰ ግምገማ

1.ነታ መሪሕ ጥቕሲ ካብ ዘኽርኻ ጽሓፍ

______________________________________________________________________

______________________________________________________________________

2. "ትንሳኤ" ዝብል ቃል ትርጉሙ ጽሓፍ

______________________________________________________________________

3. ኣብ ሓድሽ ኪዳን ተጠቒሶም ካብ ዘለዉ ሰለስተ ትንሳኤታት እንታይ እዮም፧

ሕሉፍ፥________________________________________________________________

ህልዉ፥________________________________________________________________

መጻኢ፥________________________________________________________________

4. ነዞም ዝስዕቡ ንምርግጋጽ መጽሓፍ ቅዱሳዊ መወከሲ ሃብ፥

ብሉይ ኪዳን፣ ትንሳኤ የሱስ ኣቀዲሙ ከም ዝነገረ፥_____________________________

ክርስቶስ ካብ ምዉታት ከም ዝተንሰአ፥ ____________________________________

ድሕሪ ትንሳኤኡ ንሰባት ከም ዝተራእዮም፥__________________________________

ናይ ሰብ ደረት ዘይነበሮ ተመሳሳሊ ስጋ ከምዝነበሮ፥______________________________

5. ስለምንታይ እዩ ብትንሳኤ የሱስ ክርስቶስ ምእማን ኣገዳሲ ዝኾነ፧

______________________________________________________________________

6. "ህልዉ መንፈሳዊ ትንሳኤ ኣመንቲ" እንታይ ማለት እዩ፧

______________________________________________________________________

7. ኣብዚ ምዕራፍ ዝተዘርበሉ፣ መርትዖትት መንፈሳዊ ትንሳኤ ኣመንቲ እንታይ እዩም፧

_______________________ __________________ _________________________

8. ንመንፈሳዊ ትንሳኤ ናይ ኣመንቲ ዘጉልሕግዳማዊ ተግባር እንታይ እዩ፧ ______________________________

## ንዝያዳ መጽናዕቲ

**ብዛዕባ ትንሳኤ የሱስ ክርስቶስ ዘሎካ ፍልጠት ንክተስፍሕ ነዞም ዝስዕቡ መወከሲታት ኣጽንዓዮም። ጸብጻብ ትንሳኤ የሱስ ክርስቶስ ኣብዞም ዝስዕቡ ተዋሂቡ ኣሎ፤**

**ማቴ** 28

**ማር** 16

**ሉቃ** 24

**ዮሃ** 20

**እዞም ዝስዕቡ ጥቕስታት'ውን ተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ ትንሳኤ የሱስ ክርስቶስ የቕርቡልና እዮም፤**

**ግብ** 1:22; 2:24, 32; 3:15, 26: 4:10, 33; 5:30; 10:40, 41; 13:30-33, 34, 37; 17:18, 32

**ሮሜ** 1:4; 4:24; 6:5; 8:11, 34

1**ቆረ** 6:14, 15:12-58

2**ቆረ** 4:14

**ገላ** 1:1

**ፊሊ** 3:10

**ኤፌ** 1:20

1**ተሰ** 1:10

2**ጢሞ** 2:8

1**ጴጥ** 1:3

# ምዕራፍ ቅኽዓተ
# ትንሳኤ ምዉታት፡ ካልኣይ ክፋል

### *ዕላማታት፥*

እዚ ምዕራፍ ምስ ወዳእካ፣ ነዚ ዝስዕብ ክትክእል ኢኻ፡

- *ነታ መሪሕ ጥቕሲ ካብ ዘኽርኻ ጽሓፍ*
- *መጻኢ ትንሳኤ ምዉታት ክትገልጽ*
- *ኣብ መንጎ ትንሳኤ ጻድቃንን ሓጥኣንን ክትፈሊ*
- *ሞትን ትንሳኤን የሱስ ክርስቶስ ንትዕድልቲ ናይ ሰብ ነፍሲ ብከመይ ከም ዝጸለዎ ክተብርህ*

### *መሪሕ ጥቕሲ፥*

*"ጐይታ ባዕሉ ብናይ ትእዛዝ ጭድርታን ብድምጺ ሊቀ-መላእኽትን ብመለኸት ኣምላኽን ካብ ሰማይ ኪወርድ እዩ፡ እቶም ብክርስቶስ ዝሞቱውን ቀድም ኪትንስኡ እዮም። ድሕርዚ ንሕና ብህይወት ጸኒሕና ዘሎናን ምቕባል ጐይታ ኣብ ኣየር ምሳታቶም ሐቢርና ብደበና ኽንለዓል ኢና፡ ከምኡውን ንሓዋሩ ምስ ጐይታ ኽንነብር ኢና።" (1ተሰ 4:16-17)*

### *መእተዊ*

ኣብ ዝሓለፈ ምዕራፍ፣ ትርጉም ናይ "ትንሳኤ" ዝብል ስያመ ተገሊጹ ነይሩ ከምኡ'ውን ኣብ ሓዲሽ ኪዳን ተጠቒሶም ዘለዉ ሰለስተ ትንሳኤታት ተለልዮም ነይሮም። ሕሉፍ ትንሳኤ ናይ የሱስን ህልዉ ትንሳኤ ናይ ኣማኒ ኣብ የሱስ ከኣ ብደቒቕ ተዘሪቡሉ እዩ።

እዛ ምዕራፍ እዚኣ መጻኢ ትንሳኤ ናይቶም ኣብ መቓብር ዘለዉ እያ እተብርህ። እቲ ናይ መጻኢ ትንሳኤ ክልተ ዝተፈላለዩ ትንሳኤታት እዩ፡ ናይቶም ጻድቃንን ናይቶም ሓጥኣንን። እዚ ምዕራፍ እዚ ሞትን ትንሳኤን የሱስ ከመይ ገይሩ ንትዕድልቲ ናይ ሰብ ነፍሲ ከም ዝጸለዎ ድማ ይገልጽ።

እዛ ምዕራፍ ኣብ ናይ መጻኢ ፍጻሜታት ስለ እተተኩር፣ ብዛዕባ ትንቢት ናይ መወዳእታ ግዜን ዘልኣለምነትን እያ ትዛረብ። ብዛዕባ ትንቢት መጽሓፍ ቅዱስ ኣፍልጦ እንተ ዘይብልካ፣ "ንዚያዳ መጽናዕቲ" ዝብል ክፍሊ እዚ ምዕራፍ እዚ ተወከስ። ኣብ ቃል ኣምላኽ ዝተገልጹ ሓፈሻዊ ትልሚ ናይ መጻኢ ፍጻሜታት ድማ ኣቕሪቡ ኣሎ።

### *መጻኢ፡ ትንሳኤ ናይ ኩሎም ኣብ መቓብር ዘለዉ*

*መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ደቂ-ሰብ ክልተ ነገራት ይገልጽ፡*

1. ኩሎም ትንሳኤ ምዉታት ክሙኩሩ እዮም።
2. ኩሎም ዘልኣለማዊ ፍርዲ ኩሙኩሩ እዮም።

የሱስ ብዛዕባ መጻኢ ትንሳኤ ከምዚ ዝስዕብ ኢሉ ኣሎ፡

*"ኣብ መቓብር ዘለዉ ኹላቶም ድምጺ ዚሰምዑላ ሰዓት ክትመጽእ እያ፣ ሰናይ ዝገብሩ ናብ ትንሳኤ ህይወት፣ እኩይ ዝገብሩ ከኣ ናብ ትንሳኤ ፍርዲ ኺወጹ እዮም እሞ፣ በዚ ኣይትደነቑ።" (ዮሃ 5:28-29)*

ሃዋርያ ጳዉሎስ'ውን ብዛዕባ እዚ ትንሳኤ ጽሒፉ ኣሎ፡

*"ከምቲ ኹላቶም ብኣዳም ዝሞቱ፣ ከምኡ ድማ ኩላቶም ብክርስቶስ ህያዋን ኪኾኑ እዮም።" (1ቆረ 15:22)*

ብምኽንያት ሓጢኣት ኣዳም፣ ሞት ናብ ኩሉ ሰብ መጺኡ። ብምኽንያት ሞትን ትንሳኤን የሱስ ድማ፣ ኩሉ ሰብ ስጋዊ ሞት ክሞቱ እዮም ድሒሮም ድማ ክትንስኡ እዮም።

## ፍሉይነታት ንትንሳኤ

እቶም ፈጺሞም ዘይሞቱ ካብ ሞት ክትንስኡ ኣየድልዮምን እዩ። ጳዉሎስ ከምዚ ጽሒፉ ኣሎ፥

*"እንሆ፡ ምስጢር እነግረኩም ኣሎኹ፡ ኩላትና ኽንልወጥ እምበር፡ ኩላትና ኣይክንድቅስን ኢና፡ ብሓንሳእ፡ ብቕጽበት ዓይኒ፡ በቲ ናይ ድሕሪ ኹሉ መለኸት፡ እቲ መለኸት ኪንፋሕ እዩ እሞ፡ እቶም ምዉታት ድማ ብዘይሐልፍ ኪትንስኡ እዮም፡ ንሕናውን ክንልወጥ ኢና። ማለት፡ እዚ ሓላፊ ዘይሐልፍ ኪለብስ ይግብኦ እዩ እሞ፡ እዚ መዋቲ ኸኣ ዘይመውት ኪለብስ እዩ።" (1ቆረ 15:51-53)*

ጳዉሎስ "ኩላትና ኣይክንመዉትን ኢና" ክብል ከሎ፣ ኑቶም ኣብ ምጽኣት ክርስቶስ ንማሕበሩ ብህይወት ዝጸንሑ ኩሎም ሓቐኛ ኣመንቲ ማለቱ እዩ።

እዞም ኣመንቲ እዚኦም ሞት ፈጺሞም ኣይክሙከሩ እዮም። ንሳቶም ንየሱስ ንምቕባል ክለዓሉ ምስቶም ካብ መቓብር ዝተንስኡ ክርስትያናት ድማ ክሓብሩ እዮም።

## ትዕድልቲ ናይቶም ዝሞቱ

ኣብ መንጎ ስጋዊ ሞትን ትንሳኤን ዘሎ ግዜ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዘይተገልጸ ብዙሕ ኣሎ፣ እንተኾነ ሰለስተ ነገራት ነጺሩ ኣሎ፥

1. ኣብ ግዜ ሞት ምፍልላይ ናይ ስጋን መንፈስን ነፍስን ኣሎ። እቲ ግኡዛዊ ሰብነት ኣብ መቓብር እዩ ዝቕመጥ፣ ነፍስን መንፈስን ግን ኣብ ዘልኣለምነት እዮም ዝነብሩ።
2. መንፈስን ነፍስን ናይቶም ጻድቃናት ዝነበሩ ካብቶም ሓጥኣን ዝነበሩ፣ ናብ ዝተፈልየ ቦታ እዩ ዝኸይድ።
3. ትዕድልቲ ናይቶም ጻድቃናት ቅድምን ድሕርን ሞት ናይ የሱስ ዝተፈልየ እዩ ነይሩ።

የሱስ፣ ድሕሪ ሞት እንታይ ከም ዘጋጥም፣ ብዛንታ ናይቲ ኣብ ኣፍደገ ሓደ ሃብታም ሰብኣይ ዝድቅስ ዝነበረ ኣልኣዛር ዝስሙ ለማኒ ገይሩ ገሊጽዎ ኣሎ፥

*"ኰነ ድማ፡ እቲ ድኻ ምስ ሞተ፡ መላእኽቲ ናብ ሕቝፊ ኣብርሃም ወሰድዎ። እቲ ሃብታም ከኣ ሞተ ተቐብረውን። ኣብ ሲኦል ኣብ ስቓይ ኰይኑ፡ ዓይኑ ቛሕ ኣቢሉ፡ ንኣብርሃም ኣብ ርሑቕ፡ ንኣልኣዛርውን ኣብ ሕቝፉ ረኣየ። ጸዊዑ ኸኣ፣ ዎ ኣቦይ ኣብርሃም፡ በዚ ሃልሃልታዚ እስቀ ኣሎኹ እሞ ምሓረኒ፡ ኣንፈ ኣጻብዑ ኣብ ማይ ጠሚዑ ልሳነይ ኬዝሕለለይ፡ ንኣልኣዛር ስደደለይ፡ በለ። ኣብርሃም ግና፣ ወደይ፡ ንስኻስ ብህይወትካ ኸሎኻ ተድላኻ ኸም እተቐበልካ፡ ኣልኣዛር ድማ ከምኡ መከራ ኸም ዝጸገበ፡ ዘክር። ሕጂ ግና ንሱ ኣብዚ ይጸናናዕ፡ ንስኻ ድማ ትስቀ። ምስ ናይ እዚ ኹሉ ድማ፡ እቶም ካብዚ ናባኻትኩም ኪሐልፉ ዚደልዩ ምእንቲ ኸይክእሉ፡ ኣብኡ ዘለዉውን ናባና ከይሳገሩስ፡ ኣብ መንጎናን መንጎኹምን ዓብዪ ጋግ ተገይርዎ ኣሎ፡ በሎ።" (ሉቃ 16:22-26)*

ኣብ ግዜ ሞት፣ እቲ ግኡዛዊ ስጋ ናብ ምድሪ እዩ ዝምለስ፥

*"... መሬት ኢኻ እሞ፣ ናብ መሬት ድማ ትምለስ።" (ዘፍ 3:19)*

ነፍስን መንፈስ ናይ ሰብ ድማ ናብ ሓድሽ ህላወ ናይ ዘልኣለምነት እዮም ዝኣትዉ። ገና ዉልቃዊ መንነት ኣሎ፣ ምልላይ ናይ ሓደ ሰብ ብካልእ ከምኡ'ውን ብዛዕባ ናይ ህልዉ ኩነታት ግንዛቤ ኣሎ።ትዕድልቲ መንፈስ ናይቶም ጻድቃናት ካብ መንፈስ ናይቶም ሓጥኣን ዝተፈልየ እዩ። ኣልኣዛርን እቲ ሃብታም ሰብኣይን፣ መንፈስ ዝግዕዘሉ ቦታ እዮም ከይዶም፣ እዚ ቦታ ብቋንቋ እብራይስጥ "Sheol" ይበሃል፣ ብቋንቋ ግሪኽ ድማ "Hades" ተባሂሉ ይጽዋዕ። (መብዛሕትኡ ብሉይ ኪዳን ኣብ መጀመርታ ብቋንቋ እብራይስጥ እዩ ተጻሒፉ። ሓዲሽ ኪዳን ድማ ብቋንቋ ግሪኽ እዩ ተጻሒፉ።)

እንተኾነ ትዕድልቲ ናዞም ክልተ ሰባት ዝተፈላለየ እዩ ነይሩ። እቲ ሃብታም ሰብኣይ ኣብ ሲኦል ዝበሃል ቦታ ስቃይ እዩ ነይሩ።

ኣልኣዛር ኣብ ቦታ ዕረፍቲ እዩ ነይሩ። ኣብ መንጎ እዞም ክልተ ቦታታት ድማ ካብ ሓደ ወገን ናብቲ ካልእ ዘየሳግር ዓቢ ጋግ ነይሩ።

እዚ ዓቢ ጋግ ክሰገር ዘይክኣል እንተነይሩ፣ ድሕሪ ሞት ንዘልኣለማዊ ትዕድልቲ ናይ ሓንቲ ነፍሲ ንምቕያር ተስፋ ዝበሃል የለን። ብምኽንያት እዚ ድማ፣ ንምዉታት ኢልካ ምጽላይ ዋጋ የብሉን። ንየሱስ ከም መድሓኒ እትቕበለሉ ወይ እትነጽገሉ ዉሳኔ ኣብ ዘመን እዛ ህይወት እዚኣ ክግበር ኣለዎ። እዚ ዉሳኔ እዚ እዩ ንትዕድልቲ ናይ ነፍሲ ዝምድብ።

ቦታ ዕረፍቲ ናይ ዝገዓዘ መንፈስ ጻድቃናት “ሕቑፊ ኣብረሃም” ተባሂሉ ይጽዋዕ ነይሩ። እዚ ማለት ድማ፣ እዚ ቦታ ናይቶም ነቲ ሓቐኛን ህያዉን ዝኾነ ሓደ ኣምላኽ ብምግልጋል፣ ልክዕ ከም ናይ ኣብራሃም እምነት ዝሰዕቡ ዝነበሩ እዩ ነይሩ።

## ድሕሪ ትንሳኤ ናይ የሱስ

ዛንታ ኣልኣዛርን እቲ ሃብታም ሰብኣይን፣ ቅድሚ ሞትን ትንሳኤን የሱስ፣ ኑቶም ዝገዓዙ ነፍሳት እንታይ የጋጥሞም ከም ዝነበረ እዩ ዝገልጽ። ድሕሪ ትንሳኤ የሱስ፣ ትዕድልቲ ነፍሲ እቶም ሓጥኣን ኣይተለወጠን፣ ትዕድልቲ ነፍሲ እቶም ጻድቃን ግን ተቐይሩ።

የሱስ ክመዉት ከሎ “ኣቦ፣ ንመንፈሰይ ኣብ ኢድካ ኤማዕቁብ ኣለኹ” እዩ ኢሉ። ስጋኡ ኣብ መቓብር እዩ ተነቢሩ፣ ትዕድልቲ ናይ መንፈሱ ግን ብኣምላኽ እዩ ተወሲኑ። መንፈስ ናይ ክርስቶስ ድሕሪ ሞት እንታይ ከም ዘጋጠሞ መጽሓፍ ቅዱስ ይገልጸልና እዩ፡

እዚ፤ ደየበ፡ ዚብል ግና፡ ናብቲ መዓሙቕ ክፍሊ ምድሪውን ምውራዱ እንተዘይኰይኑስ፡ እንታይ ማለት እዩ፤ እቲ ዝወረደ፡ ንዅሉ ምእንቲ ኺመልእ፡ ልዕሊ ዅሉ ሰማያት ዝደየበውን ንሱ እዩ። (ኤፌ. 4:9-10)

ቅድሚ ሞቱ፣ የሱስ ነቲ ዝተነሰሐ ክመዉት ቀሪቡ ዝነበረ ሰራቒ ከምዚ ኢልዎ፡

> *“... ሎሚ ምሳይ ኣብ ገነት ከም እትኸውን ...” (ሉቃ 23:43)*

መንፈስ ናይ የሱስ ናብ ሲኦል እዩ ወሪዱ፣ እዚ ከኣ ቦታ ናይቶም መንፈሶም ዝገዓዘ እዩ። መጀመርታ መንፈስ ጻድቃናት ዘለዎ ቦታ እዩ ከይዱ። እዚ “ገነት” ወይ “ሕቑፊ ኣብራሃም” ይበሃል ነይሩ።

ካብ ገነት ድማ፣ የሱስ ናብቲ ንመንፈስ ክፉኣት ዝተሓዝአ ከባቢ ናይ ሲኦል እዩ ቀጺሉ ከይዱ። እዚ ድማ ነቲ ንሓጢኣት ሰብ ዝኸውን ስራሕ ናይ ምትዕራቕ ንምፍጻም ኣድላዪ እዩ ነይሩ። ንግኡዛውን መንፈሳውን መቕጻዕትታት ናይ ሓጢኣት ክጸውር ናይ ግድን እዩ ነይሩ። እቲ ግኡዛዊ መቕጻዕቲ ስጋዊ ሞት እዩ ነይሩ። እቲ መንፈሳዊ መቕጻዕቲ፣ መንፈሳዊ ሞት ዝበሃል ካብ ኣምላኽ ምፍላይ እዩ ነይሩ። የሱስ ነዚ ኣብ ሲኦል ተሞኩርዎ እዩ።

ድሕሪ'ዚ መንፈስ የሱስ ካብ ሲኦል ናብ ዓለም እዩ ተመሊሱ (ደዩቡ)። ኣብዚ ግዜ እዚ፣ እቲ ኣብ መቓብር ህይወት ኣልቦ ኮይኑ ተነቢሩ ዝነበረ ኣካሉ ካብ ሞት ተንሲኡ። ነፍሱ፣ መንፈሱን ስጋኡን ሓደ ምሉእ መንነት ንምቛም ብሓደ ሓቢሮም። ከምቲ ኣብ ዝሓለፈ ምዕራፍ ዝተመሃርናዮ፣ የሱስ ቅድሚ ናብ ሰማይ ምምላሱ ንብዙሓት ኣብዚ ምድሪ ተራእዩዎም እዩ።

## እቲ ሓድሽ ኣቃዉማ

ኣብ መንጎ ሞትን ትንሳኤን ናይ የሱስ ዝነበረ ፍጻሜታት ኣብ ትዕድልቲ ናይ መንፈስ ጸድቃናት ሓድሽ ኣቃዉማ እዩ ኣንቢሩ። ቅድሚ ትንሳኤ ክርስቶስ፣ ዝገዓዘ መንፈስ ጸድቃናት ናብ ገነት እዮም ዝሓልፉ ነይሮም። ድሕሪ ሞትን ትንሳኤን ናይ የሱስ፣ መንፈስ ናይቶም ጸድቃናት ብቐጥታ ናብ ህልዉና ኣምላኽ ክድይብ ክኢሉ እዩ። እዚ ኣብ ሞት ናይ እስቲፋኖስ ተረጋጊጹ ኣሎ፡

> *“ንሱ ግና መንፈስ ቅዱስ መልኦ፡ ናብ ሰማይ ኣንቃዕሪሩ ኽኣ ክብሪ ኣምላኽ ንየሱስ ድማ ኣብ የማን ኣምላኽ ደው ኢሉን ረኣየ እሞ፡ እንሆ፡ ሰማይ ተኸፊቱ፡ ወዲ ሰብ ድማ ኣብ የማን ኣምላኽ ደው ኢሉ እርኢ ኣሎኹ፡ በለ። ... ንእስጢፋኖስ ከኣ እናተማህለለ፡ ጐይታይ የሱስ፡ መንፈሰይ ተቐበል፡ እናበለ፡ ብዳርባ እምኒ ቐተልዎ። ተምበርኪኹ ኸኣ ብዓብዩ ድምጺ፡ ጐይታይ፡ እዚ ሓጢኣት እዚ ኣይትሐዘሎም፡ ኢሉ ጨደረ። እዚ ምስ በለውን ዐረፈ።” (ግብ 7:55-56, 59-60)*

እስቲፋኖስ ቅድሚ ሞቱ ኣብ ዝነበረ ህሞት፣ የሱስ ኣብ ሰማይ ኣብ የማን ኣምላኽ ከሎ ራእዩ ርእዩ ነይሩ እዩ። "ጐይታ የሱስ መንፈሰይ ተቐበል" ዝብል ቃላቱ፣ ድሕሪ ሞቱ ነፍሱን መንፈሱን ብቐጥታ ናብ ሰማይ ከም ዝድዩብ ፈሊጡ ከም ዝነበረ የመልክተልና።

ሃዋርያ ጳዉሎስ'ውን ነዚ የረጋግጸልና እዩ፥

*"ስለዚ ኹሉ ሳዕ እምንቶ ኣላትና ... ኣብ ስጋ ስፈርና ኽሎና፣ ካብ ጐይታ ርሑቓት ከም ዘኾንና፣ ንፈልጥ ኢና። ... ግናኸ እሙንቶ ኣላትና፣ ካብ ስጋ ግዒዝና ምስ ጐይታ ኽንነብርውን፣ ባህጊ ኣሎና።" (2ቆረ 5:6, 8)*

ጳዉሎስ ንዋጋ ሞት ምስ ምድራዊ ኣገልግሎቱ ምእንቲ ክመልእ ብህይወት ምጽናሕ እዩ ኣወዳዲርዎ። ካብ ስጋኻ ምፍናዉ ማለት ምስ ክርስቶስ ምዃኑ ማለት እዩ ኢሉ፥

*"ንኣይ ህይወተይ ክርስቶስ እዩ፡ ሙማትውን ረብሓይ እዩ እሞ፡ ... እቲ ብስጋ ምንባረይ፡ እዚ ፍረ ዕዮይ እንተዀይኑ፡ ኣየናይ ከም ዝሐሪ፡ ኣይፈልጥን እየ። በዘን ክልተ እዚኣተን እጭነቕ ኣሎኹ፡ ንኣይ ኣዝዩ ዚሐይሽ እዩ እሞ፡ ክፋኖ ምስ ክርስቶስውን ክነብር ሃረርታ ኣሎኒ። ግናኸ እቲ ብስጋ ምጽናሕ ምእንታኻትኩም ኣዝዩ ዜድሊ እዩ።" (ፊሊ 1:20-24)*

ኣብ ርእሲ እቲ ሓድሽ ትዕድልቲ ናይቶም ዝሞቱ ጻድቃን፣ የሱስ ብኹሎም ሰባት ክሰዓብ ዘለዎ ካልእ ኣቃዉማ ኣዳልዩ ኣሎ፥

1. ኣብ ግዜ ሞት ነፍስን መንፈስን ናይ ሰብ ናብ ግዝኣት ናይቶም መንፈሶም ዝገዓዘ እዩ ዝኸይድ። እቶም ጻድቃን ናብ ህልዉና እግዚኣብሄር ክድይቡ። እቶም ክፉኣት ድማ ናብ ቦታ ስቓይ [ሲኦል] ክኸዱ እዮም።
2. ኣብ ግዜ ትንሳኤ፣ እቲ ስጋ እንደገና ካብ ሞት ክትንስእ ምስ መንፈስን ነፍስን ድማ ክሓብር እዩ።

## ትንሳኤ ናይ ምዉታት፡ ሰለስተ ደረጃታት

ሃዋርያ ጳዉሎስ ንትንሳኤ ምዉታት ብሰለስተ ደረጃታት እዩ ዝገልጾ፥

### ቀዳማይ፥

እቲ ቀዳማይ ትንሳኤ ምዉታት ናይ የሱስ እዩ ነይሩ፥

*"ከምቲ ኹላቶም ብኣዳም ዝሞቱ፡ ከምኡ ድማ ኩላቶም ብክርስቶስ ህያዋን ኪኾኑ እዮም። ግናኸ ነፍሲ ወከፍ በብስርዓቱ እዩ፡ ክርስቶስ ከም ቦኽሪ፡ ደሓር እቶም ናይ ክርስቶስ ዘበሉ ብምጽኣቱ። ... ኩሉ ሽመትን ስልጣንን ሓይልን ምስ ሰዓረ፡ እታ መንግስቲ ንእግዚኣብሄር ኣቦ ምስ ወፈየ፡ ሽዑ እዩ መወዳእታ ዚኸውን።" (1ቆረ 15:22-24)*

እቲ ቀዳማይ ትንሳኤ ናይ የሱስ እዩ ነይሩ። "ክርስቶስ ከም ቦኽሪ" ዝብል ድማ ነዚ ማለት እዩ። ኣብ መጻኢ ዘጋጥሙ ክልተ ትንሳኤ ምዉታት ኣለዉ። እዚኦም ከኣ ትንሳኤ ጻድቃንን ሓጥኣንን እዮም፥

*"ከምቲ ንሳቶም ንጻድቃንን ንሓጥኣንን ትንሳኤ ኪኸውን ዘጽበይዎ፡ ከምኡውን ኣነ ኣብ ኣምላኽ ተስፋ ኣሎኒ።" (ግብ 24:15)*

መጽሓፍ ቅዱስ ከኣ ነዞም ክልተ ትንሳኤታት፣ ትንሳኤ ህይወትን ትንሳኤ ፍርድን (ኩነኔን) ኢሉ ይጽዉዖም እዩ፥

እቶም ምዉታት ድምጺ ወዲ ኣምላኽ ዚሰምዑላ ሰዓት ትመጽእ፡ ንሳ ኸኣ ሕጂ እያ፡ እቶም ዚሰምዕዎ ድማ ህያዋን ኪኾኑ እዮም፡ ኢለ ብሓቂ፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ።

*"ኣብ መቓብር ዘለዉ ኹላቶም ድምጺ ዚሰምዑላ ሰዓት ክትመጽእ እያ፡ ሰናይ ዝገበረ ናብ ትንሳኤ ህይወት፡ እኩይ ዝገበሩ ኸኣ ናብ ትንሳኤ ፍርዲ ኺወጹ እዮም እሞ፡ በዚ ኣይትደነቑ።" (ግብ 5:25, 28-29)*

### ካልኣይ፥

የሱስ ምእንቲ ማሕበሩ ኢሉ ናብ ምድሪ ኣብ ዝምለሰሉ ግዜ እቲ ትንሳኤ ህይወት ክኸዉን እዩ። እዚ ፍጻሜ እዚ ንኹሎም ኣብ የሱስ ሓቐኛ ኣመንቲ ዝኾኑ ክተንስኦም እዩ። እዚ ድማ ትንሳኤ ጻድቃን ወይ ትንሳኤ ህይወት ተባሂሉ ይጽዋዕ።

ትንሳኤ የሱስ ቀዳማይ ደረጃ ነይሩ ...

ትንሳኤ ኣመንቲ ካልኣይ ደረጃ እዩ ...

## ሳልሳይ፡

እቲ ሳልሳይ ደረጃ ትንሳኤ ምዉታት "መወዳእታ" ይበሃል። እዚ ትንሳኤ እዚ ኣብ መወዳእታ 1000 ናይ ሰላም ዓመታት ዝኾነ ንግስነት ክርስቶስ እዩ ዘጋጥም። እዚ ትንሳኤ እዚ ትንሳኤ ሓጥኣን ወይ "ትንሳኤ ናብ ፍርዲ" ተባሂሉ ይጽዋዕ።

## ንምጥቕላል፡

እዚ ስዒቡ ዘቐርብ ቻርት፣ ብዛዕባ ዝተመሃርካዮ ሰለስተ ደረጃታት ትንሳኤ ምዉታት ኣጠቓሊሉ የቕርብ፡

**ትንሳኤ ምዉታት**

**ቀዳማይ ደረጃ፡ ትንሳኤ የሱስ ክርስቶስ**

**ካልኣይ ደረጃ፡ ትንሳኤ ጻድቃን** (**ትንሳኤ ህይወት**)

**ሳልሳይ ደረጃ፡ ትንሳኤ ሓጥኣን** (**ትንሳኤ ናብ ፍርዲ**)

ትንሳኤ የሱስ ድሮ ተማሂርካዮ ኣለኻ። ሕጂ ድማ ትንሳኤ ጻድቃንን ሓጥኣንን ክትመሃር ኢኻ።

## ትንሳኤ ጻድቃን

ጳዉሎስ ነቶ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ትንሳኤ ዘለዉ "እቶም ናይ ክርስቶስ ዝበሉ" እዩ ይብል። እዚ ማለት እቶም ካብ ምዉት ግብርታት ዝተነስሑን ብእምነት ድማ ንየሱስ ከም መድሓኒ ዝተቐበሉን እዩ። ጳዉሎስ ወሲኹ እዚ ትንሳኤ

ናይ ኣመንቲ ኣብ ምጽኣት ክርስቶስከም ዝፍጸም እዩ ዝነግር። እቲ ቀንዲ ነዚ ትንሳኤ ህይወት [ጻድቃን] ዝገልጽ ክፍሊ ሓድሽ ኪዳን ኣብ ተሰሎንቄ እዩ ዝርከብ፡

*"ግናኸ፡ ኣሕዋተየ፡ ከምቶም ተስፋ ዜብሎም ካልኦት ምእንቲ ኸይትሐዝኑ፡ ብዛዕባ እቶም ደቂሶም ዘለዉ ብዘይፍልጠት ክትከኑ ኣይፈቱን እየ። ማለት፡ የሱስ ከምዝሞተን ከምዝተንስኤን ኣሚንና እንተኼንና፡ ከምኡውን ኣምላኽ ነቶም ብየሱስ ዝደቀሱ ምስኡ ኼምጽኦም እዩ። ንሕና ኽሳዕ ምጽኣት ጐይታ ብህይወትና እንጸንሕ ከኣ ነቶም ዝደቀሱ ከቶ ኸም ዘይንቕድሞም፡ እዚ ብቓል ጐይታ ንብለኩም አሎና። ጐይታ ባዕሉ ብናይ ትእዛዝ ጭድርታን ብድምጺ ሊቀ መላእኽትን ብመለኸት ኣምላኽን ካብ ሰማይ ኪወርድ እዩ፡ እቶም ብክርስቶስ ዝሞቱውን ቅድም ኪትንስኡ እዮም። ድሕሪዚ ንሕና ብህይወት ጸኒሕና ዘሎና ንምቕባል ጐይታ ኣብ ኣየር ምሳታቶም ሐቢርና ብደበና ኽንለዓል ኢና፡ ከምኡውን ንሓዋሩ ምስ ጐይታ ኽንነብር ኢና። ደጊም በዘን ቃላት እዚኣተን ንሓድሕድኩም ተጸናንዑ።" (1ተሰ 4:13-18)*

ዕላማ ትምህርቲ ናይ ጳዉሎስ ድማ ብምኽንያት እቶም ዝሞቱ ካልኦት ክርስትያናት [እቶም ዝደቀሱ]፣ ነቶም ኣመንቲ ንምጽንናዕ እዩ ነይሩ። እቲ መልእኽቱ ድማ ኩሎም ናይ ሓቂ ኣመንቲ ከም ዝትንስኡ መተኣማመኒ ይህብ።

የሱስ ምስ ዝምለስ፣ ኣብ ምድሪ ክልተ ዓበይቲ ፍጻሜታት ከጋጥሙ እዮም፡

1. ኩሎም እቶም ኣቀዲሞም ዝሞቱ ሓቐኛ ኣመንቲ ክትንስኡ፣ ሓድሽ ስጋ ክወሃቦም፣ ምስ ገዛእ ነፍሶምን መንፈሶም ከኣ ክሓብሩ እዮም።

2. ኩሎም እቶም ኣብታ ህሞት ኣብ ምድሪ ብህይወት ዘለዉ ኣመንቲ ኣብ ግኡዛዊ ስጋኦም ቅጽበታዊ ለዉጢ ክሙቱሩ እዮም።

ክርስቶስ ኣብ ዝመጻሉ ህሞት፣ ዝትንስኡን ብህይወት ዘለዉን ክልቲኦም ብሓይሊ ኣምላኽ ካብ ምድሪ ናብ ኣየር ክለዓሉ እዮም። ምስ ጐይታን ምስ ንሓድሕዶምን ድማ ክሓብሩ እዮም። ካብታ ግዜ እቲኣ ድማ ምስ ጐይታ ንዘልኣለም ክኾኑ እዮም።

ራእይ የሃንስ፣ ብዛዕባ ትንሳኤ ጻድቃን ተወሳኺ ሓበሬታ ይህብ እዩ፡

*"ዝፋናት ድማ ርኤኹ፡ ኣባታቶም ከኣ ተቐመጡ፡ ፍርዲውን ተዋህቦም። ነፍሳት እቶም ምእንቲ ምስክር የሱስን ምእንቲ ቓል ኣምላኽን እተሰየፉ፡ ነቲ ኣራዊትን ንምስሉን ከኣ ዘይሰገዱ፡ ማሕተሙውን ኣብ ግምባርም ወይስ ኣብ ኣእዳዎም ዘይተቐበሉ ድማ ርኤኹ። እዚኣቶም ህያዋን ኰይኖም ምስ ክርስቶስ ሽሕ ዓመት ነገሱ። እቶም ዝተረፉ ምዉታት ግና እተን ሽሕ ዓመት ክሳዕ ዚፍጸማ ህይወት ኣይረኸቡን። እዚ እቲ ቀዳማይ ትንስኤ እዩ። ኣብቲ ቀዳማይ ትንሳኤ ዕድል ዘለዎ ብጹእን ቅዱስን እዩ። ..." (ራእ 20፡4-6)*

ኣብዚ ክፍሊ ጽሑፍ ተገሊጹ ዘሎ ትንሳኤ፣ ናይቶም ኣብ ግዜ መከራ ከም ሰማእታት ኮይኖም ዝሞቱ ኣመንቲ እዩ። ናይ ክርስቶስ መንግስቲ ኣብዛ ምድሪ ቅድሚ ምምስራቱ ዝትንስኡ እዮም። እዚ ክፍሊ ጽሑፍ ከም ዘብርሃልና፣ እቲ ቀዳማይ ትንሳኤ ተባሂሉ ዝጸዋዕ ትንሳኤ ጻድቃን፣ ምሉእ ዝኸዉን ድሕሪ ትንሳኤ ናይዞም ጉጅለ ኣመንቲ ምዃኑ እዩ።

## ሓድሽ ስጋ ንኣመንቲ

መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ እቲ ኣመንቲ ዝቕበልዎ ሓድሽ ስጋ ሓደ ሓደ ነገራት ይገልጸልና እዩ። እቲ ሓድሽ ስጋ፡

### ከም ፍቓድ ኣምላኽ እዩ ዝኸውን፡

*"ኣምላኽ ግና ከም ዝደለየ ገይሩ እዩ ስጋ ዝህቦ። ንነፍሲ ወከፍ ዘርኢውን ስስጋኡ ይህቦ።" (1ቆረ 15፡38)*

### ክቡር ስጋ እዩ፡

*"ብወርደት ይዝራእ፣ ብኽብሪ ይትንስእ። ብድኻም ይዝራእ፣ ብሓይሊ ይትንስእ።" (1ቆረ 15:43)*

### መንፈሳዊ ስጋ እዩ፡

*"ነፍሳዊ ስጋ ይዝራእ፣ መንፈሳዊ ስጋ ይትንስእ። ነፍሳዊ ስጋ ካብ ዝህሉ፣ መንፈሳዊ ስጋውን ኣሎ።" (1ቆረ 15:44)*

### ሓያል ስጋ፡

*"ብወርደት ይዝራእ፣ ብኽብሪ ይትንስእ። ብድኻም ይዝራእ፣ ብሓይሊ ይትንስእ።" (1ቆረ 15:43)*

### ዘይመዉት ስጋ፡

እዚ ማለት፣ እቲ ሓድሽ ስጋ ፈጺሙ ዘይኣርግ፣ ዘምሽምሽ ወይ ዘይመዉት እዩ፡

*"... እቶም ምዉታት ድማ ብዘይሓልፍ ኪትንስኡ እዮም፡ ንሕናውን ክንልወጥ ኢና። ማለት፡ እዚ ሓላፊ ዘይሓልፍ ኪለብስ ይግብኦ እዩ እሞ፡ እዚ መዋቲ ኸኣ ዘይመውት ኪለብስ እዩ። እዚ ሓላፊ ዘይሓልፍ ምስ ለበሰ፡ እዚ መዋቲውን ዘይመውት ምስ ለበሰ፡ ሽዑ እቲ ጽሑፍ፡ ሞት ብዓወት ተዋሕጠ፡ ዝበሎ ቓል ኪፍጸም እዩ።" (1ቆረ 15:52-54)*

### ናይቲ ዝተንስአ ጐይታ ዝመስል ስጋ፡

*"ሕጂ ግና ክርስቶስ፣ በኹሪ እቶም ዝደቀሱ ኮይኑ፣ ካብ ምዉታት ተንስኤ።" (1ቆረ 15:20)*

የሱስ ካብ ሞት ዝተንስአ ናይ መጀመርታ እዩ። ትንሳኤኡ ድማ ምስቲ ቀዳማይ እንዳእቲ ናይቲ ብድሕሪኡ ዝስዕብ ዓቢ እቶት ምህርቲ እዩ ዝመሳሰል። እቲ እቶት ምህርቲ፣ ምልዓል ናይ ኣመንቲ ኣብ ትንሳኤ እዩ። ዝተንስአ ስጋና ከም ናይ ጐይታ ክኸውን እዩ፡

*"ኣቱም ፍቑራተይ፣ ሕጂ ወሉድ ኣምላኽ ኢና፣ እንታይ ከም እንኸውን ከኣ፣ ገና ኣይተገልጸን። ንሱ ምስ ዚግለጽ ግና፣ ከምታ ዘለዋ ኽንርእዮ ኢና እሞ፣ ንእኡ ከም እንመስል፣ ንፈልጥ ኣሎና።" (1ዮሃ 3:2)*

*"ንሱ በቲ ንኹሉ ክመልከሉ ዚከኣሎ ሓይሊ ነቲ ኽቡር ስጋኡ ምእንቲ ኺመስል፣ ነዚ ናይ ወርደት ስጋና ኺልዉጦ እዩ።" (ፊሊ 3:21)*

## ትንሳኤ ሓጥኣን

እቲ ናይ መወዳእታ ትንሳኤ ብጳዉሎስ ኣብ 1ቆረ 15:24 ተገሊጹ ኣሎ። ንሱ ነዚ "መወዳእታ" ኢሉ ይጽዉዖ። እዚ ትንሳኤ ናይ ሓጥኣን እዩ። የሱስ እቲ ምድራዊ ናይ 1000 ዓመት ንግስነቱ ምስ ፈጸመ፣ ኣምላኽ ንኹሎም ጸላእቱ ክስዕሮም እዩ። ካብዞም ጸላእቲ እዚኦም መወዳእታ ዝሰዓር ሞት እዩ። በዚ ከኣ ኣምላኽ ንዓለም ዘለዎ መደብ ክዛዝም እዩ፡

*"ከምቲ ብእኡ ዝመደቦ ሰምረቱ፡ ነቲ ምስጢር ፍቓዱ እናኣፍለጠና፡ ነቲ ናይ ምልኣት ዘመናት መጋቢነቱ፡ ኣብ ሰማይ ዘሎን ኣብ ምድሪ ዘሎን፡ ኣብ ክርስቶስ ምእንቲ ኺጥቅለልሲ፡ ..." (ኤፌ 1:8-10)*

ራእይ የሃንስ ምዕራፍ 20፣ ትንሳኤ ሓጥኣን ምስ ካልእ ክፋላት መደብ ኣምላኽ ብከመይ ከም ዝዛመድ ይገልጽ እዩ። ኣብዚ ምዕራፍ፣ ሰይጣን ንስልጣን ኣምላኽ ንምዉሳድ ዝገብሮ ናይ መወዳእታ ፈተነ፣ ሃዋርያ የሃንስ ይገልጾ። እዚ ኣብ መወዳእታ ሽሕ ዓመት መንግስቲ ክርስቶስ እዩ ዝኸዉን፡

*"እተን ሽሕ ዓመት ምስ ተፈጸማ ኸኣ፡ ሰይጣን ካብ ማእሰርቱ ኺፍታሕ፡ እሞ ነቶም ኣብ ኣርባዕተ መኣዝን ምድሪ ዚነብሩ ኣህዛብ ... ኪስሕቶም፡ ... ንውግእውን ምእንቲ ኺእክቦም፡ ኪወጽእ እዩ፡ ቍጽሮም ድማ ከም ሑጻ ባሕሪ እዩ። ኣብ ልዕሊ እቲ ግፍሒ ምድሪ ኸኣ ወጹ፡ ንሰፈር እቶም ቅዱሳትን ነታ ፍቅርቲ ከተማን ድማ ከበቡ። ካብ ሰማይ ከኣ ሓዊ ወሪዱ በልዖም። እቲ ዘስሐቶም ድያብሎስውን ናብቲ ... ቐላይ ሓውን ዲንን ተደርበየ። ንዘለኣለመ ኣለም ከኣ ለይትን መዓልትን ኪሳቐዩ እዮም።" (ራእ 20፡7-10)*

ኣብ እዋን ንግስነት ሽሕ ዓመት፣ የሩሳሌም ማእከል ግዝኣት ክርስቶስ ኣብ ልዕሊ መንግስታት ምድሪ ክትከውን እያ። ኣብዚ ግዜ እዚ ሰይጣን እሱር ክኸውን እዩ። ኣብ መወዳእታ ናይ ሽሕ ዓመት፣ ሰይጣን ኣብ መንጎ መንግስታት ኣህዛብ ናይ መወዳእታ ዕልወት ክምድብ ንቅሩብ ግዜ ክፍታሕ እዩ። ኣምላኽ ካብ ሰማይ ብሓዊ ጣልቃ ክኣቱ እዩ፣ እቲ ዕልወት ድማ ክሰዓር እዩ። ሰይጣን ንዘልኣለም ክሳቐ ናብ ቀላይ ሓዊ ክድርበ እዩ።

## እቲ መወዳእታን ዘልኣለምነትን

የሃንስ፣ ነቲ ናይ መወዳእታ ትንሳኤ ናይቶም ዝተረፉ ኩሎም ምዉታት ይገልጽ እዩ፡

*"ዓብዩ ጻዕዳ ዝፋንን እተቐመጦን ከኣ ርኤኹ። ምድርን ሰማይን ካብ ገጹ ሀደሙ፡ ቦታውን ኣይተረኽበሎምን። ምዉታት ድማ፡ ዓበይትን ናእሽቱን፡ ኣብ ቅድሚ እቲ ዝፋን ደው ኢሎም ርኤኹ፡ መጻሕፍቲውን ተገንጸሉ። ካልእ መጽሓፍ ከኣ ተገንጸለ፡ እዚውን እቲ መጽሓፍ ህይወት እዩ። እቶም ምዉታት ድማ፡ ከምቲ ኣብቲ መጻሕፍቲ ዝጸንሔ፡ ከከም ግብሮም ተፈርዱ። ባሕሪ ድማ ነቶም ኣብኣ ዘለዉ ምዉታት ወፈየት፡ ሞትን ሲኦልን ውን ኣባታቶም ዘለዉ ምዉታት ወፈዩ። ነፍሲ ወከፎም ከኣ ከከም ግብሮም ተፈርዱ። ሞትን ሲኦልን ውን ናብቲ ቐላይ ሓዊ ተደርበዩ። እዚ እቲ ኻልኣይ ሞት እዩ፡ ማለት ቀላይ ሓዊ። ዝኾነ ይኹን ኣብ መጽሓፍ ህይወት ተጽሒፉ ዘይተረኽበ፡ ናብቲ ቐላይ ሓዊ ተደርበየ። "(ራእ 20፡11-15)*

## ንምጥቕላል

ኩሎም እቶም ዝሞቱ ሓቐኛ ኣመንቲ ቅድሚ እቲ ናይ 1000 ዓመት መንግስቲ ክርስቶስ ካብ መቓብር ክትንስኡ እዮም። እዚ እቲ ቀዳማይ ትንሳኤ እዩ። ትንሳኤ እቶም ጻድቃን ናብ ዘልኣለማዊ ህይወት እዩ። ኣብ ምዉዳእ ናይ ሽሕ ዓመት ዝትንስኡ መብዛሕትኦም ሓጥኣን ምዉታት እዮም። እዚ ትንሳኤ ሓጥኣን ንፍርዲ እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ

ድሕሪ እዞም ትንሳኤታት ዘጋጥም ብዛዕባ ካልእ ዓቢ ፍጻሜ፣ ይነግር እዩ። እዚ ፍጻሜ እዚ ኣርእስቲ ናይ ዝመጽእ ምዕራፍ ኮይኑ፣ ዘልኣለማዊ ፍርዲ ተባሂሉ ይፍለጥ።

ድሕሪ ፍርዲ፣ ትዕድልቲ እቶም ሓጥኣን ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ "ካልኣይ ሞት" ተባሂሉ ዝጽዋዕ፣ ቀላይ ሓዊ እዩ። እቶም ክፉኣት ድሮ ግኡዛዊ ሞት ተሞኪሮም እዮም። ሕጂ ድማ እቲ ንዘልኣለም ካብ ኣምላኽ ዝፈሊ ካልኣይ ሞት ክሙትርዎ እዮም። እዚ መንፈሳዊ ሞት ወይ "ካልኣይ ሞት" እዩ። ትዕድልቲ እቶም ጻድቃን ኣብ ህልዉና ኣምላኽ ዘልኣለምነት እዩ።

## መልእኽቲ ትንሳኤ

ትምህርቲ ትንሳኤ መሰረታዊ ሓቂ ናይ ክርስትና እምነት እዩ። መልእኽቲ ወንጌል፣ ህይወትን ሞትን የሱስ ክርስቶስ ጥራይ ዘይኮነ፣ መልእኽቲ ትንሳኤኡ ድማ ይሓቑፍ እዩ።

ሃዋርያት ንትንሳኤ የሱስን ትንሳኤ ምዉታትን ሰቢኾም እዮም፡

> *“ንህዝቢ ስለ ዝመሃሩን፣ ትንሳኤ ካብ ምዉታት ብየሱስ ስለ ዝሰበኹን …” (ግብ 4:2)*

> *“ብናይ የሱስን ትንሳኤን ስለ ዝሰበኸሎም … ብዛዕባ ትንሳኤ ምዉታት ምስ ሰምዑ ግና፣ ገሊኦም ኣላገጹሉ፣ ገሊኦም ከኣ፣ እዝስ ከም ብሓድሽ ድማ ክንሰምዓካ ንደሊ ኢና፣ በልዎ።” (ግብ 17፡18, 32)*

እዘን ጥቕስታት እዚኣተን ክልተ ዝተፈላለየ ግብሪ መልሰታት ናይ ሰብ ንመልእኽቲ ናይ ትንሳኤ የመልክታልና። ግሊኦም ኣይኣምኑን እዮም። ካልኦት ከኣ ነቲ መልእኽቲ ክሰምዕዎ እዮም። ሓላፍነትና ከም ኣመንቲ ከኣ ነቲ መልእኽቲ ትንሳኤ ከም ኣካል ወንጌል ምክፋል እዩ። ጳዉሎስ ከምዚ ኢሉ ኣሎ፡

> *“ኣሕዋተየ፡ … እቲ ዝሰበኽኹልኩምን እተቐበልኩምዎን ኣብኡ ጸኒዕኩም ዘሎኹምን ብእኡውን እትድሕኑሉን ወንጌል ኤፍልጠኩም ኣሎኹ። እቲ ኣነ እተቐበልክዎ ቐድሚ ኹሉ ነጊረኩም እየ፡ ከምቲ እቶም ጽሑፋት ዚብልዎ፡ ክርስቶስ ምእንቲ ሓጢኣትና ሞተ፡ ተቐብረኸኣ፡ ከምቲ እቶም ጽሑፋት ዚብልዎ፡ ብሳልሰይቲ መዓልቲውን ተንሰኤ፡ ንኬፋ፡ ደሓርውን ነቶም ዓሰርተው ክልተ ተራእየ፡ ድሕሪኡ፡ ዚበዝሑ ኻባታቶም ክሳዕ ሎሚ ዘለዉ፡ ገሊኣቶም ግና ደቂሶም ዘለዉ፡ ካብ ሓሙሽተ ሚእቲ ንዚበዝሑ ኣሕዋት ብሓንሳእ ተራእየ። ድሕሪኡ ንያእቆብ፡ ድሕሪኡ ኸኣ ንኹላቶም ሃዋርያት ተራእየ። ድሕሪ ኹላቶም ድማ ንኣይ፡ ቍላዕ ንዝመሰል፡ ተራእየኒ።” (1ቆረ 15:1-8)*

ምስባኽ ወንጌል ብዘይ ትምህርቲ ናይ ትንሳኤ ምሉእ ኣይከዉንን እዩ፡

ክርስቶስ ዘይተንስኤ እንተኾይኑ፣ እምበኣርከ ስብከትና ኸንቱ እዩ … ኣብዛ ህይወት እዚኣ ጥራይ ብክርስቶስ ተስፋ እንተገበርናስ፣ ካብ ኩሉ ሰብ እነደንግጽ ምኾንና ኔርና።

> *“ሕጂ ግና ክርስቶስ፣ በኹሪ እቶም ዝደቀሱ ኾይኑ፣ ካብ ምዉታት ተንስኤ። ስለዚ ከምቲ ሞት ብሓደ ሰብ ዝመጸ፣ ከምኡ ከኣ ትንሳኤ ምዉታት ብሓደ ሰብ እዩ ዝመጸ። ከምቲ ኹላቶም ብኣዳም ዝሞቱ፣ ከምኡ ድማ ኩላቶም ብክርስቶስ ህያዋን ኪኾኑ እዮም።” (1ቆረ 15:14, 19-22)*

## ርእሰ ግምገማ

1. ነታ መሪሕ ጥቕሲ ካብ ዘኽርኻ ጽሓፍ

____________________________________________________________________________

____________________________________________________________________________

2. እቶም ክልተ ናይ መጻኢ ትንሳኤታት እንታይ ይበሃሉ፧

__________________________________ን __________________________________

3. መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ትዕድልቲ ነፍሲ ኩሎም ሰባት ዝገልጾ ክልተ ነገራት እንታይ እዮም፧

____________________________________________________________________________

____________________________________________________________________________

4. ኣብ ታሕቲ ዘሎ ሓሳባት ኣንብብ። እቲ ሓሳብ ሓቂ እንተኾይኑ ኣብቲ ባዶ ቦታ “ሓቂ” ጸሓፍ። ሓሶት እንተኾይኑ ድማ ኣብቲ ባዶ ቦታ “ጊጋ” ጸሓፍ።

ሀ. ________እቶም ዘይሞቱ ኣይትንስኡን እዮም።

ለ. ________ኣብ እዋን ሞት፣ ኣብ መንጎ መንፈስ እቶም ጻድቃንን ዝነበሩን ክፉኣትን ዝነበሩ ምፍልላይ ኣሎ።

ሐ. ________ምእንቲ ክድሕኑ ኢልካ ስለ ምዉታት ምጽላይ ኣገዳሲ እዩ።

መ. ________ትዕድልቲ ናይ ጻድቃን ካብቲ ቅድሚ ሞትን ትንሳኤን የሱስ ክርስቶስ ዝነበረ ሕጂ ዝተፈልየ እዩ።

ረ. ________ትንሳኤ የሱስ ኣገዳሲ እዩ እንተኾነ ናይ ብሓቂ ኣካል መልእኽቲ ወንጌል ኣይኮነን።

5. ኣየኖት ጥቕስታት እየን ሰባት ንመልእኽቲ ትንሳኤ ዝህብዎ ግብረ መልስታት ዘብርሃ፧

____________________________________________________________________________

# ንዚያዳ መጽናዕቲ

ኣብዚ ምዕራፍ እዚ ዝተመሃርካዮ ትምህርቲ ትንሳኤ ምዉታትን ኣብ ዝመጽእ ምዕራፍ እትመሃሮ ዘልኣለማዊ ፍርድን ክልቲኦም ብዛዕባ መጻኢ ፍጻሜታት እዮም ዘተኩሩ። መጻኢ ፍጻሜታት ኣብ ቃል ኣምላኽ ኣቀዲሞም ዝተነግረሎም እዮም። ወላ እኳ እዞም ፍጻሜታት ገና እንተ ዘይተፈጸሙ፣ ኣምላኽ ግና ብትንቢት ኣቢሉ ብዛዕባ መጻኢ መደባቱ ፍልጠት ሂቡ ኣሎ።

ኣብ ቃል ኣምላኽ ብዛዕባ ናይ መጻኢ ፍጻሜታት ዘይተገልጹ ብዙሓት ኣለዉ። እቲ ዝተገልጸ፣ ብተመሃሮ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ብዝተፈላለየ መንገድታት ተተርጒሙ ኣሎ። ንኹሎም ብሰባት ዝተዋህቡ ዝተፈላለዩ ትርጓሜታት ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ትንቢታት ክንርዳእ ኣገዳሲ ኣይኮነን። መብዛሕትኦም እዞም ትርጓሜታት ኣብ ልክዕ ግዜያት ናይ ንጹር ትንቢታዊ ፍጻሜታት ወይ ከኣ ኣብ ፍሉይ ዝርዝራት ናይዞም ፍጻሜታት እዮም ዘተኩሩ።

ንመሰረታት እምነት ክርስትና ኣገዳሲ ዝኾነ፣ መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ኣብ መጻኢ ዘጋጥም እንታይ ከም ዝብል ሓፈሻዊ ምርዳእ ምህላዉ እዩ።

እዞም ዝስዕቡ ትልሚ ናይዞም ኣገደስቲ ፍጻሜታት እዮም፡

1. ጐይታ ንኣመንቲ ኢሉ ናብ ምድሪ ከም ዝምለስ መጽሓፍ ቅዱስ ይምህረና እዩ። የሱስ ንሰዓብቱ ኣተስፊዩዎም እዩ፡

*"... ስፍራ ኽዳልወልኩም እኸይድ ኣለኹ፣ ከይደ ስፍራ ምስ ኣዳሎኹልኩም፣ ኣብቲ ኣነ ዘሎኹዎ ንስኻትኩምውን ኣብኡ ምእንቲ ክትኮኑስ፣ ተመሊሰ ኽመጽእ እየ እሞ ናባይ ክወስደኩም እየ።" (ዮሃ 14:2-3)*

ሀ. ምንጣቕ፡ 1ተሰ 4፡13-18 ብዛዕባ ምምላስ ክርስቶስ ንኣመንቲ ዝኸውን ደቒቕ ዝኾነ ሓበሬታ ይህብ። እዚ ምምላስ ድማ ምንጣቕ ይበሃል፡

1. ክርስቶስ ባዕሉ ክምለስ እዩ። (ፍቕዲ 16)
2. ናይቶም ኣብ ሞቶም ኣመንቲ ዝነበሩ ትንሳኤ ካብ መቓብር ክኸውን እዩ። (ፍቕዲ 16)
3. ምንጣቕ ክህሉ እዩ፣ እዚ ማለት "ንሓደ ሰብ ካብ ሓደ ቦታ ናብ ካልእ ቦታ ናይ ምግዓዝ ተግባር"። ብህይወት ዘለዉ ኣመንቲ ድማ ንክርስቶስ ክቕበልዎ ካብ ምድሪ ክዉሰዱ እዮም። (ፍቕዲ 17)
4. ኣብ መንጎ እቶም ኣቀዲሞም ሞይቶም ዝነበሩ ኣመንትን ኣብ ምምላስ ክርስቶስ ብህይወት ዘለዉ ኣመንትን ምስ ጐይታኦም የሱስ ክርስቶስን ዳግም ክራኸቡ እዮም። (ፍቕዲ 17)

ለ. ጸበባ፡ መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ኣብ ምድሪ ዝህሉ፣ ጸበባ ተባሂሉ ዝጽዋዕ፣ ዜስካሕክሕ ግዜ ይነግር እዩ።

1. እቲ ጸበባ ን42 ኣዋርሕ ወይ 1,260 መዓልታት ክጸንሕ እዩ (ዳን 9:24-27)
2. ኣዝዩ ኣሸጋሪ ግዜ ክኸውን እዩ። ኣብ ዓለም ብዙሓት ኣሸገርቲ ግዜያት ሓሊፎም እዮም፣ እንተኾነ እቲ ጸበባ ካብ ካልኦት ናይ ሽግር ግዜያት ዝፈልዮ 3 ነገራት ኣለዉ።
   - ቀዳማይ፣ ዞባዊ ዘይኮነ ዓለምለኻዊ እዩ ክኸውን። (ራእ 3:10)
   - ካልኣይ፣ መወዳእታ ዓለም ከም ዝቐረበ ሰባት ክስተብህሉ እዮም። (ራእ 6:16)
   - ሳልሳይ፣ ጸዕቒ ናይቲ ሽግር ካብ ቀድሚ ሕጂ ተሞኩሩ ዝፍለጥ ዝዓበየ ክኸውን እዩ። (ማቴ 24፡ 4-14)
3. መብርሂ እቲ ጸበባ፡ ኣብ እዋን እቲ ጸበባ ኣብ ምድሪ ተኸታተልቲ ፍርድታት ኣምላኽ ክህልዉ እዮም። እዚኦም ኣብ ራእይ ዮሃንስ ምዕራፍ 6, 8-9ን 16ን ከምኡ'ውን ማቴዎስ 24፡4-14 ተገሊጾም ኣለዉ።
4. ምኽንያት ናይ እቲ ጸበባ፡ ክፍኣት ሰባት ክቕጻዕ ኣለዎ፣ ሰይጣን ክሰዓር ኣለዎ፣ የሱስ ከኣ ከም ጐይታ ክፍለጥ ኣለዎ። እዚ ነቲ ኣብ ኤፌ 1፡8-9 ዝተነግረ ናይ ዘመናት መደብ ኣምላኽ ክዛዝሞ እዩ።

ሐ. እቲ ናይ ምንጣቕ ግዜ

ገለ ሰባት፣ እቲ ምንጣቕ ቅድሚ ናይ ጸበባ ግዜ ከም ዘጋጥም፣ ኣመንቲ ድማ ካብቲ ኣብ ምድሪ ዝህሉ ኣሰቃቒ ግዜ ከም ዘይሙኮሩ ይኣምኑ እዮም። ገሊኦም ኣመንቲ ድማ ምንጣቕ ኣብ ፍርቂ እቲ ናይ ጸበባ ግዜ ከም ዘጋጥም ይኣምኑ። ገና ካልኦት ከኣ ምንጣቕ ኣብ መወዳእታ እቲ ጸበባ ከም ዘጋጥም ይኣምኑ።

እቲ ኣዝዩ ልሙድ ዝኾነ ኣገላልጻ ከኣ፣ ምንጣቕ ናይ ኣመንቲ ቅድሚ ምጅማር ናይ ጸበባ ግዜ ከም ዘጋጥም ዝብል እዩ። እቲ ዝተፈላለየ ኣረኣእያ ብዛዕባ ግዜያት ናይ ምንጣቕ፣ ካብቶም ኣብ ቃል ኣምላኽ ዝተዋህቡ ዝተፈላለዩ ትርጓሜታት ናይ ትንቢታዊ ሓበሬታት ዝተበገሰ እዩ። እቲ ኣዝዩ ኣገዳሲ ነገር ግን ንስኻ ሓቐኛ ኣማኒ ምኳንካ ምፍላጥን ምንጣቕ ምስ ዘጋጥም ድማ ምስ ክርስቶስ ከም እትኸይድ ድልዉ ምኳንን እዩ።

መ. ዘመነ ትፍስህት፡(ናይ 1000 ዘመን)

ዘመነ ትፍስህት፣ ድሕሪ እቲ ጸበባ ዝኸውን፣ የሱስ ብጽድቂ ነዛ ምድሪ ዝገዝኣሉ ናይ 1000 ዓመት ግዜ እዩ (ዘካ 14፡9; ዳን 7፡14) ። ከተማ የሩሳሌም ድማ ማእከል መንግስቲ ክትከውን እያ (ኢሳ 2፡3)። እዚ ግዜ፣ ሰይጣን ኣንጻር ኣምላኽ ናይ መወዳእታ ዕልወት ምስ ኣካየደ እዩ ዝፍጸም። (ራእ

20፡7-9) ። ኣምላኽ ካብ ሰማይ ሓዊ ብምስዳድ ንኹሉ ምጽራር ክወድእ እዩ። ሰይጣን ንዘልኣለም ኣብ ቀላይ ሓዊ ክድርበ እዩ (ራእ 20፡10) ።

ረ. ፍርዲ፡

ኩሉ ፍጡር ብኣምላኽ ክፍረድ እዩ። እዚ ናይ ዘልኣለም ፍርዲ ግዜ ተባሂሉ ይፍለጥ። እዚ ናይ መወዳእታ ካብ መሰረታዉያን መትከላት ናይ እብ 6፡1-3 እዩ፣ ኣብ ዝቕጽል ምዕራፍ ድማ ክግለጽ እዩ። እቶም ከይኣመኑ ዝሞቱ ፍርዲ ክቕበሉ ክትንስኡ እዮም። ካብ ሓጢኣት ስለ ዘይተነስሑን ንየሱስ ድማ ከም መድሓኒ ስለ ዘይተቐበሉን ኣብ ገሃነም ንዘልኣለም ክኹነኑ እዮም (ራእ 20፡12-15) ። እቶም ካብ ሓጢኣት ዝተነስሑን ንየሱስ ከም መድሓኒ ዝተቐበሉ ሓቐኛ ኣመንቲ፣ ዘልኣለምነት ኣብ ሰማይ ኣብ ህልዉና ኣምላኽ ክሕልፉ እዮም (ራእ 21) ።

# ሰራፍ ዓሰርተ
# ናይ ዘልኣለም ፍርዲ

**ዕላማታት፣**

እዚ ምዕራፍ ምስ ወዳእካ፣ ነዚ ዝስዕብ ክትክእል ኢኻ፡

- ነታ መሪሕ ጥቕሲ ካብ ዘኽርካ ጽሓፍ።
- "ፍርዲ" ዝብል ቃል ክትገልጽ።
- ፍርዲ ስለምንታይ ኣገዳሲ ከም ዝኾነ ክተብርህ።
- ኣብቲ ናይ መወዳእታ ፍርዲ መን ከም ዝፈርድ ክተለሊ።
- ኣብቲ ናይ መወዳእታ ፍርዲ መን ከም ዝፍረድ ክተለሊ።
- ነቲ ናይ መወዳእታ ፍርዲ ዝቕልስዎ መትከላት ክተብርህ።

**መሪሕ ጥቕሲ፣**

*"እግዚኣብሄር ፈራዲና፣ እግዚኣብሄር ሓጋዊ ሕግና እዩ፣ እግዚኣብሄር ንጉስና እዩ ..." (ኢሳ 33፡22)*

## መእተዊ

ናይ ዘልኣለም ፍርዲ ካብቶም ሽዱሽተ መሰረታዊያን መትከላት ናይ ክርስትና እምነት እቲ ናይ መወዳእታ እዩ።

ኣብ ብሉይ ኪዳን "ፍርዲ" ዝብል ቃል ብክልተ መገድታት እዩ ዝጥቀመሉ። እቲ ሓደ ንስርዓታት፣ ምስክርነታትን ሕግታትን ኣምላኽ እዩ። እቲ ካልእ ድማ ፍርዲ ኣምላኽ ንሰባትን መንግስታትን እዩ ዘመልክት። ኣብ ሓድሽ ኪዳን እዛ "ፍርዲ" እትብል ቃል በቲ ዳሕረዋይ ትርጉም እዩ ተጠቒሙላ ዘሎ። ኣብዚ ምዕራፍ እዚ እንጥቐመሉ ትርጉም'ውን እዚ ዳሕረዋይ ትርጉም እዩ።

## መግለጺ

"ፍርዲ" ዝብል ቃል ምፍላይ ወይ ኣብ መንጎ ምፍልላይ ምግባር ማለት እዩ። እዚ ድማ ናብ መርመራ ምምጻእ፣ ንጭብጥታት ምምርማር፣ በደለኛን ንጽሁን ምልላይ፣ መቕጻዕቲ ሓጢኣት ድማ ምዉሳን እዩ ዘካትት። ናይ ዘልኣለም ፍርዲ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዝተነግረ፣ ዘልኣለማዊ ትዕድልቲ ናይ ኩሎም ነፍሳት ድማ ዝዉሰን፣ ዓብዩን ናይ መወዳእታን ፍርዲ እዩ።

## እቶም ፈረድቲ

### ኣምላኽ እዩ እቲ ፈራዲ፡

*"እግዚኣብሄር ፈራዲና ..." (ኢሳ 32፡22)*

*"... ኣምላኽ ፈራዲ ኩሉ ..." (እብ 12፡23)*

ኣምላኽ ንሓጥእ ባህሪ ደቂ-ሰብ ይፈርድ እዩ። ሓቐኛ ድልየት ኣምላኽ ፍርዲ ዘይኮነ ኩሉ ሰብ ናብ ፍልጠት የሱስ ክበጽሕ እዩ፡

*"ኣምላኽ ንወዱ፥ ዓለም ብእኡ ኽትድሕን እምበር፡ ንዓለም ኪፈርዳስ ኣይለኣኾን።" (ዮሃ 3፥17)*

*"ጐይታስ፡ ኰላቶም ናብ ንስሓ ኺበጽሑ እምበር፡ ሓደ እኳ ኺጠፍእ ዘይፈቱ ስለዝኾነ፡ ምእንታኻትኩም ይዕገስ ኣሎ እምበር፡ ከምቲ ንገሊኣቶም ዝድንጉ ዚመስሎም፡ ንተስፋኡ ኣየደንጉዮን እዩ።" (2ጴጥ 3፥9)*

ድሌት ኣምላኽ ኣብ ኩሉ ቦታ ዝርከቡ ሰባት ክንስሑ እዩ። ካብ ሓጢኣት እንተዘይተነሰሑ ድማ ፍርዲ ኣምላኽ ክሙተሩ እዮም፡

*"ኣምላኽ ነቲ ዘመን ድንቍርና ኣሕሊፉ፥ በቲ ኻብ ምዉታት ዘተንስኦ እሞ ብእኡ ንኹሉ እምነት እናሃበ ዝመደቦ ሰብኣይ ንዓለም ብጽድቂ ዚፈርደላ መዓልቲ ወሲኑ ስለዘሎ፡ ሕጂ ኣብ ኩሉ ቦታን ብዘሎ ሰብ ኪንስሑ ይነግር ኣሎ።" (ግብ 17፥30-31)*

## የሱስ ክርስቶስ፡

ኣምላኽ ንየሱስ ክፈርድ ስልጣን ሂብዎ እዩ፡

*"... ፍርዲ ዘበለ ንወዲ ሃቦ ...*

*"ወዲ ሰብ እዩ እሞ፣ ኪፈርድ ስልጣን ሃቦ።" (ዮሃ 5፥22, 27)*

## እቶም ቅዱሳን፡

ኣብ ናይ መወዳእታ ፍርዲ ሓቐኛ ኣመንቲ ንዓለም ክፈርዱ ክሕግዙ እዮም፡

*"ወይስ እቶም ቅዱሳን ንዓለም ከም ዚፈርድዋዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም፧ ዓለም ብኣኻትኩም ካብ እትፍረድ ደኣ፡ ነቲ ናእሽቱ ነገር ፈረዲ ንምኳንዶ ኣይትበቕዑን ኢኹም፧ ንመላእኽቲ ኸም እንፈርዶምዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም፧ ..." (1ቆረ 6፥2-3)*

ኣብዚ ጥቕሲ "ቅዱሳን" እትብል ቃል ንኩሎም ሓቐኛታት ኣመንቲ እያ እተመልከት። ንሳቶም "ንዓለም" [ሓጥኣን] ኣብ ምፍራድ ክተሓባበሩ እዮም።

## መለክዒ ናይ ፍርዲ፡

ኩላትና እንፍረደሉ መለክዒ ቃል ኣምላኽ እዩ፡

*"ኣነ ንዓለም ከድሕን ደኣ እምበር፡ ንዓለም ክፈርድ ኣይመጻእኩን እሞ፡ ንቓለይ ሰሚዑ ዘይሕልዎ እንተሎ፡ ኣነ ኣይኰንኩን ዝፈርዶ። ... ነቲ ዚንዕቀንን ዝረባይ ዘይቕበሎን ከኣ ዚፈርዶ ኣሎ።እዚ ኣነ ዝዛረቦ ዘሎኹ ቓል፡ ንሱ በታ ዳሕረይቲ መዓልቲ ኺፈርዶ እዩ።" (ዮሃ 12:47-50)*

እቶም እንፍረደሎም መምዘኒታት፣ ሃይማኖታት ወይ ባህልታት ናይ ሰብ ኣይኮኑን። ብመሰረት ዉዳባዊ ወይ ሃይማኖታዊ ሕግታት ኣይኮነን። እቲ ንሕና እንፍረደሉ መለክዒ እቲ ዘይቅየር መለክዒ ናይ ቃል ኣምላኽ እዩ፡

*"ዎ እግዚኣብሄር፣ ቃልካ ንዘለኣለም ኣብ ሰማይ ጸኒዑ ኣሎ።" (መዝ 119፥89)*

# ምኽንያት ናይ ፍርዲ

ብምኽንያት ሓጢኣት ኣንጻር ሕጊ ኣምላኽ፣ ረሲእነት፣ ዓመጻ፣ ዘይይምእማን፣ ግህሰትን ክፉእ ግብርታትን ፍርዲ ኣድላዩ ምዃኑ መጽሓፍ ቅዱስ ይገልጽ። ወላ'ኳ እቶም ቃላት ዝተፈላለዩ እንተኾኑ፣ ኩሎም ንሓጢኣት ዝዉክሉ ቃላት እዮም፡

## ሓጢኣት ኣንጻር ሕጊ ኣምላኽ፡

*"... እቶም ሕጊ ኸለዎም ሓጢኣት ዝገብሩ ዘበሉ ዅላቶም ከኣ በቲ ሕጊ ኺፍረዱ እዮም።" (ሮሜ 2፡2,3)*

## ረሲእነት፡/UNGODLINES/ንእግዚኣብሄር ዘይፈልርሁ

*"እቲ ሕጂ ዘሎ ሰማያትን ምድርን ግና ብቓሉ ተዐቑሩ ኣሎ፥ ክሳዕ መዓልቲ ፍርድን ክሳዕ ጥፍኣት እቶም ንእግዚኣብሄር ዘይፈርሁ ሰባትን ንሓዊ ይሕሎ ኣሎ።" (2ጴጥ 3:7)*

*"... ነቶም ፍርሃት እግዚኣብሄር ዜብሎም ኵላቶም ድማ ብዛዕባ እቲ ዝገበርዎ ኹሉ እኩይ ግብርን ብዛዕባ እቲ ሓጥኣንን ገፋዕትን ብዛዕብኡ እተዛረብዎ ዘበለ ኹሉ ዘረባ ድርቅናን ኪቐጽዖም እዩ፡ ..". (ይሁ 15)*

### ዓመጻ፣/

"እምብኣርስኽ ጐይታ ነቶም ፈራህቲ እግዚኣብሄር ካብ ፈተና ኺውጽኦም፡ ንገበርቲ ዓመጻ ግና እናቐጽዔ ንመዓልቲ ፍርዲ ኺሕልዎም ይፈልጥ እዩ።" (2ጴጥ 2፡9)

**ዘይምእማን/UNRIGHTEOUSNESS/**

*"ብእኡ ንዚኣምን ኣይፍረደን። ነቲ ዘይኣምን ግና፡ ብስም ሓደ ወዲ ኣምላኽ ስለዘይኣመነ፡ ድሮ ተፈሪድዎ ኣሎ።" (ዮሃ 3፡18)*

### ግህሰት፣

*"... ከምቲ ብሓንቲ ኣበሳ ናብ ኲሉ ሰብ ኲነኔ ዝመጸ ..." (ሮሚ 5፡18)*

## ክፉእ ግብርታት፣

*"እቲ ፍርዲ እዚ እዩ፥ ብርሃን ናብ ዓለም መጺ፡ ሰብ ግና፡ ግብሮም ክፉእ እዩ እሞ፡ ካብ ብርሃንሲ ጸልማት ፈተወ።" (ዮሃ 3፡19)*

## መትከላት መለኮታዊ ፍርዲ

ዓለማዊ መትከላት ናይ ፍርዲ ካብ ሃገር ናብ ሃገር ይፈላለዩ እዮም። እቲ መለክዒታት ኣብ ዉሽጢ ሓንቲ ሃገር ካብ ዞባ ናብ ዞባ ከምኡ'ውን ካብ ከተማ ናብ ከተማ ይፈላለ እዩ። ዓለማዊ መትከላት ናይ ፍርድን መቕጻዕትን ዝፈላለየሉ ምኽንያት ድማ፣ ሰባት ንገለ ግብርታት ብዝተፈልየ መገድታት ስለ ዝትርጉምዎ እዩ። ኣብ ሓደ ባህሊ ከም ጌጋ ዝፍለጥ ተግባር ኣብ ካልእ ግን ቅቡል ይኸውን። ንኣብነት ኣብ ኣሜሪካ ምቅታል ላም ካብ ኣብ ህንዲ ብዝተፈልየ እዩ ዝጥመት፣ ምኽንያቱ ኣብ ኣሜሪካ ላም ንሲጋ እዮም ዝጥቐሙላ፣ ኣብ ህንዲ ግን ብገሊኦም ሰባት ላም ከም ቅድስቲ እያ እትግመት።

ፍርዲ ናይ ሰብ ዝፈላለየሉ ምኽንያት እቲ ዝፈርድሉ መለክዒታት ስለ ዝፈላለ እዩ። እንተኾነ መትከላት ናይ ፍርዲ ኣምላኽ ኣይልወጡን እዮም። ኣምላኽ ዝፈርደሉ መገዲ ...

## ኣብ ቃል ኣምላኽ ዝተመርኮሰ፣

ናይ ኣምላኽ ሕግን ናይ ፍርዲ መትከላትን ኣብ ቃሉ ዝጸንዑ እዮም፡

*"... ቃልካ ንዘለኣለም ኣብ ሰማይ ጸኒዑ ኣሎ።" (መዝ 119፡89)*

## ብመንጽር ፍልጠት፣

ደቂ-ሰብን መንግስታትን ብመንጽር እቲ ዝተዋህቦም ፍልጠት ናይ ኣምላኽ እዮም ክፍረዱ። ገሊኦም ካብ ከተማታት ሶዶም፣ ጎሞራ፣ ነነዌ፣ ጢሮስን ሲዶናን ንላዕሊ ዘሰክሕ ፍርዲ ከም ዝፍረዱ የሱስ ተዛሪቡ ኣሎ። እዚኣን ኣብ ብሉይ ኪዳን ተጠቒሰን ዘለዋ ኣምላኽ ዝፈረደንን ዝቐጸዐንን ክፉኣት ከተማታት እየን ነይረን።

የሱስ ዘሰክሕ ፍርዲ ኣብ ልዕሊ ገለ ከተማታት ናይ ሓድሽ ኪዳን ዝኣወጀሉ ምኽንያት እዘን ከተማታት እዚኣን ዝበዝሐ ፍልጠት ኣምላኽ ስለ ዝነበረን እየን። የሱስ ባዕሉ ኣብዘን ከተማታት ኣገልጊሉን ዓበይቲ ግብርታት ፈውስን ምንጋፍን ፈጺሙ እዩ። ህዝቢ እዘን ከተማታት ግና ኣይተነስሑን ነይሮም። የሱስ ከምዚ ኢሉ ኣጠንቂቑ ኣሎ፡

*"ወይለኺ ኰራዚን፡ ወይለኺ ቤተሳይዳ፡ እዚ ኣባኻትክን እተገብረ ሓይሊ ኣብ ጢሮስን ኣብ ሲዶናን ተገይሩ*

*እንተዚ ኸውንሲ፡ ቀደም ማቕተ ኽዲነን፡ ሓሙኽስቲ ተነጺፈን ምተነሰሓ ነይረን። ብመዓልቲ ፍርዲ ግና ካባኻትክን ንጢሮስን ሲዶናን ከምዚቐልል፡ እብለክን ኣሎኹ። ኣቲ ቅፍርናሆም፡ ክሳዕ ሰማይዶ ልዕል ክትብሊ ኢኺ፣ ክሳዕ ሲኦልክስ ክተንከራርዊ ኢኺ። እዚ ኣባኺ እተገበረ ግብርታት ሓይሊ ኣብ ሶዶም ተገይሩ እንተ ዚኸውንሲ፡ ክሳዕ ሎሚ ምጸንሐት ነይራ። ብመዓልቲ ፍርዲ ግና ካባኺስ ንምድሪ ሶዶም ከምዚቐልል፡ እብለኩም ኣሎኹ።" (ማቴ 11፡21-24)*

*"ሰብ ነነዌ ብሰብከት ዮናስ ተነሲሖም እዮም እሞ፡ ብመዓልቲ ፍርዲ ምስ እዚ ወለዶ እዚ ኺትንስኡን ኪዅንንዎን እዮም። እንሆ፡ ካብ ዮናስ ዚዐቢ ኣብዚ እሎ።" (ማቴ 12፡41)*

ሓፈሻዊ ምግላጽ ኣምላኽ ብድንቅታት ናይ ፍጥረት ንኩሉ ደቂ-ሰብ ተዋሂቡ ኣሎ፡

*"ዜማኻንይዎ ምእንቲ ኺስእኑስ፡ እቲ ኻብ ፍጥረት ዓለም ጀሚሩ ብግብሩ ዚፍለጥ ዘይርኤ ባህርዩ፡ እዚ ኸኣ እቲ ናይ ዘለኣለም ሓይሉን መለኮቱን ኣጸቢቑ ይርኤ።" (ሮሜ 1፡20)*

እዚ ብመገዲ ፍጥረት ንኩሎም ደቂ-ሰብ ዝተዋህበ ሓፈሻዊ ምርዳእ ናይ ኣምላኽ፣ ደቂ-ሰብ ዝፍረድሉ መሰረታዊ መለክዒ እዩ። እቶም ቃል ኣምላኽ ብምስምዖም ተወሳኺ ምግላጽ ዝቕበሉ፣ ብዝለዓለ መለክዒ ናይ ፍልጠት ክፍረዱ እዮም።

## ብዉልቂ፡

ነፍሲ ወከፍ ሰብ ብዉልቂ እዩ ዝፍረድ፡

*"እታ ሓጢኣት እትገብር ነፍሲ እያ እትመውት። ውሉድ ኣበሳ ወላዲኡ ኣይከጸውርን እዩ። ጽድቂ እቲ ጻድቕ ኣብ ርእሱ ኪኸውን እዩ።" (ህዝ 18፡20)*

እቲ ንዉልቃዊ ዘልኣለማዊ ትዕድልቲ ዝዉስን ፍርዲ ብጉጅለ መሰረት ኣይኮነን ዝኸውን። ብዉልቃዊ መሰረት እዩ ክኸውን።

## ብመሰረት ሓቂ፡

ጳዉሎስ ከምዚ ኢሉ ጽሒፉ ኣሎ፡

*"... እቲ ፍርዲ ኣምላኽ ሓቂ ምዃኑ ንፈልጥ ኢና።" (ሮሜ 2፡2)*

## ብመሰረት ዉልቃዊ ጠባይ፡

ነፍሲ ወከፍና ኣብ ቅድሚ መንበር ፍርዲ ክርስቶስ ደዉ ክንብልን ብመሰረት ግብርታትን ከኣ ክንፍረድ ኢና። መጽሓፍ ቅዱስ ድማ ነዚ ፍርዲ ብመሰረት "ግብርታት" ኢሉ ይጽዉዖ፡

*"ነፍሲ ወከፍና ነቲ ብስጋኡ ኸሎ ዝገብሮ፡ ሰናይ ኰነ ወይስ እከይ፡ ምእንቲ ኪቕበል፡ ኵላትና ኣብ ቅድሚ መንበር ፍርዲ ክርስቶስ ብግዲ ኽንግሃድ ኢና። ..." (2ቆረ 5፡10,11)*

*"ንሱ ንነፍሲ ወከፍ ከከም ግብሩ ኺፈድዮ እዩ።" (ሮሜ 2፡6)*

*"... ንነፍሲ ወከፍ ... ኸከም ግብሩ ዚፈርድ ..." (1ጴጥ 1፡17)*

*"... እቶም ምዉታት ድማ፣ ከምቲ ኣብቲ መጽሓፍቲ ተጻሒፉ ዝጸንሐ፣ ከከም ግብሮም ተፈርዱ።" (ራእ 20፡12)*

*"መዝገብ ኣምላኽ ብዛዕባ "ስራሕ" ሰብ፣ ንግብርታት ጥራይ ዘይኮነ ንሓሳባትን ሃቐናታትን እንኮላይ ዝሸፍን እዩ። ኣምላኽ ደጋዊ ትርኢት ጥራይ ዘይኮነ ንልቢ እዩ ዝርኢ።" (1ሳሙ 16፡7)*

## ብዘይ እድልዎ፡

ዘልኣለማዊ ፍርዲ ብዘይ ኣድልዎ እዩ ዝኸውን። እዚ ማለት ብዘይ ፍሉይ ሓለፋታት ማለት እዩ። ሰባት ብመሰረት ሃብቶም፣ ማሕበራዊ መዝነቶም፣ ዜግነት ወይ ደረጃ ትምህርቶም ኣይኮኑን ዝፍረዱ።

*"ነቲ ንነፍሲ ወከፍ ብዘይኣድልዎ ... ዚፈርድ ... ኣቦ ..." (1ጴጥ 1፡17)*

ንሰባት ክብሪ ምህላዉ ማለት ብገለ ደጋዊ ረቛሒታት ናይ ትርኢት፣ ዝምድና፣ መዝነት፣ ሃብቲ ... ወዘተ ኣብ ፍርዲ ዝተጸልወ ምኳን ማለት እዩ።

ፍርዲ ኣምላኽ በዞም ነገራት ኣይጽሎን እዩ፡

*"... እግዚኣብሄርሲ ሰብ ከም ዚርእዮ ኣይርእን፣ ሰብ ነቲ ኣብ ቅድሚ ዓይኑ ዘሎ እዩ ዚርኢ፣ እግዚኣብሄር ግና ልቢ እዩ ዚርኢ." (1ሳሙ 16፡ 7)*

## ብመሰረት ሕጊ፡

*"... እቶም ሕጊ ኸለዉም ሓጢኣት ዝገበሩ ዘበሉ ኹላቶም ከኣ በቲ ሕጊ ኺፍረዱ እዮም።" (ሮሜ 2፡12)*

## ብመሰረት ጽድቂ፡

ንሱ ንዓለም ብጽድቂ ኺፈርዳ፣ ንህዝብታትውን ብቕንዕና ኺዳንዮም እዩ። (መዝ 9፡8)

*"... ንዓለም ብጽድቂ፣ ህዛብ ብሓቂ ኺፈርድ እዩ ..." (መዝ 96፡13)*

*"... ንዓለም ብጽድቂ ዚፈርደላ መዓልቲ ወሲኑ ስለዘሎ ..." (ግብ17፡31)*

*"... ቅኑዕ ፍርዲ ኣምላኽ ..." (ሮሜ 2፡5)*

*"ደጊምሲ ጐይታይ፡ ንሱ እቲ ጻድቕ ፈራዲ፡ በታ መዓልቲ እቲኣ ዚህበኒ ኣኽሊል ጽድቂ ተነቢሩለይ ኣሎ። እዚ ግና ነቶም ምግሃዱ ዜፍቅሩ ኹላቶም ድማ እዩ እምበር፡ ንኣይ ጥራይ ኣይኮነን።" (2ጢሞ 4፡8)*

## ብመሰረት ሓሳባትን ሃቖናታትን፡

*"ስለዚ እቲ ኣብ ጸልማት እተሐብኤ ናብ ብርሃን ዜምጽኦ፡ ሓሳባት ልቢ ኸኣ ዚገልጽ ጐይታ ኽሳዕ ዚመጽእ፡ ቅድሚ ጊዜኡ ሓንቲ እኳ ኣይትፍረዱ ..." (1ቆረ 4፡5)*

*"በታ፣ ከም ወንጌለይ ገይሩ፣ ኣምላኽ ነቲ ምስጢራት ሰብ ብየሱስ ክርስቶስ ዚፈርደላ መዓልቲ ኸምኡ ኪኸውን እዩ።" (ሮሜ 2፡16)*

# ግዜ ፍርዲ

መጽሓፍ ቅዱስ ከም ዘመልክተልና፡ ሕሉፍ፣ ህልውን መጻኢ ፍርዲ ኣሎ፡

## ሕሉፍ ፍርዲ፡

መጽሓፍ ቅዱስ ዛንታ ሕሉፍ ፍርዲ ኣምላኽ እዩ። ካብ ግዜ ኣዳምን ሄዋንን፣ ፍርዲ ኣምላኽ ኣብ ልዕሊ መንግስታትን ዉልቀ ሰባትን የዘንቱ።

መጽሓፍ ቅዱስ፣ ንኣመንቲ ኣገዳሲ ዝኾኑ ክልተ ፍሉያት ናይ ሕሉፍ ፍርድታት መዝጊቡ ኣሎ። ንሳቶም ከኣ ፍርድታት ሰይጣንን ዓለምን እዮም። ኣምላኽ ንክልትኤን ዝምልከት ድሮ ፍርዲ የሕሊፉን መቕጻዕትታት ኣዳልዩን ኣሎ።

### ሰይጣንን መላእኽቱን፡

ብመገዲ ሞትን ትንሳኤን ናይ የሱስ ክርስቶስ፣ ኣምላኽ ኣብ ልዕሊ ሰይጣን ናይ መወዳእታ ፍርዲ የሕሊፉ እዩ፡

*"... ገዛኢ እዛ ዓለም እዚኣ ስለ እተፈርደ።" (ዮሃ 16፡11)*

*"ነቶም ሕልቅነታትን ስልጣናትን ኣጸዋርዮም ገፊፉ፣ ብእኡ እናፈከረሎም ከኣ፣ ብግልጺ ኣስተሓፈሮም።" (ቆለ 2፡15)*

ሰይጣን ድሮ ብኣምላኽ ተፈሪዱ እዩ። ንሱ ክሳዕ ኣብ መወዳእታ ዓለም ናብ ቀላይ ሓዊ ዝድርበ ዝተወሰነ ንጥፈታት ተፈቂድዎ ኣሎ፣ ግን ድሮ ከም በደለኛ ተኾኒኑ ኣሎ። መላእኽቲ ሰይጣን፣ እቶም ከም መልኣኽቲ ናይ ኣምላኽ እቲ መበቆላዊ ቦትኦም

ኣብ ሰማይ ሓዲጎም ንሰይጣን ኣብ ዕልወቱ ዝሓበርዎ'ውን፣ ድሮ ተኾኒኖም ኣለዉ፡

*"ንቶም ሰፈሮም ዝሓደጉ እምበር፡ መዓርጎም ዘይሐለዉ መላእኽቲ እኳ ብናይ ዘለኣለም መቓውሕ ደኣ ትሕቲ ጸልማት ነቲ ፍርዲ እታ ዓባይ መዓልቲ ዐቝርዎም ኣሎ።" (ይሁ 6)*

**ዓለም፡**

የሱስ ከምዚ ኢሉ ኣሎ፡

*"ፍርዲ እዛ ዓለም እዚኣ ሕጂ በጽሐ ..." (ዮሃ 12፡31)*

እዛ ግኡዛዊ ዓለም ብምኽንያት ህልዉና ናይ ሓጢኣት ዝተበላሸወት፣ ብፍርዲ ኣምላኽ ድሮ ተኾኒና ኣላ። መጽሓፍ ቅዱስ ከም ዝብሎ ዓለም ብሓዊ ክትጠፍእ እያ፡

*"መዓልቲ ጐይታ ግና ከም ሰራቂ ኹይና ኽትመጽእ እያ፡ ብእኣ ሰማያት ጥዋዕዋዕ እናበለ ኺሓልፍ እዩ፡ ፍጥረት ሰማይ ብረስኒ ኺመክኽ፡ ምድርን ኣብኣ ዘሎ ግብርታትን ኪነድድ እዩ።" (2ጴጥ 3፡10)*

## ህልዉ ፍርዲ፡

ቀጻሊ ዝትግበር ህልዉ ፍርዲ ኣሎ። ኩሎም ሰባት ኣብዚ እዋን እዚ ከም ሓጥኣን ወይ ከም ጻድቃን ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ተፈሪዶም ኣለዉ። ህልዉ ፍርዲ ናይ ሰብ፣ ንየሱስ ክርስቶስ ከም መድሓኒ ተቐቢልዎ'ዶ ኣይተቐበሎን እዩ ዝሙርኮስ፡

*"ብእኡ ንዚኣምን ኣይፍረዶን። ነቲ ዘይኣምን ግና፡ ብስም ሓደ ወዲ ኣምላኽ ስለዘይኣመነ፡ ድሮ ተፈሪድዎ ኣሎ።" (ዮሃ 3፡18)*

ህልዉ ፍርዲ ኣምላኽ ኣብ ልዕሊ ዘይኣመንቲ፣ ንሓቂ ስለ ዝዕንቅጹ ቁጥዓኡ ብምርኣይ እዩ፡

*"ቍጥዓ ኣምላኽ ካብ ሰማይ ኣብ ረሲእነትን ዓመጻ ዘበለ ኹሉን ነቲ ሓቂ ብዓመጻ ኣብ ዚኸድንዎ ሰባት ይግለጽ እዩ።" (ሮሜ 1፡18)*

ህልዉ ፍርዲ ኣምላኽ ንኣመንቲ ብፍቕሪ እዩ። ክጋገዩ ከለዉ ይእርሞም፡

*"... ወደየ፡ እግዚኣብሄር ነቲ ዚፍቅሮ ይቐጽዖ እዩ እሞ፡ ... ስለዚ ቕጽዓት ጐይታ ኣይትንዓቕ፡ እንተ ገንሓካውን ሕሊናኻ ኣይተዕርብ፡ ... ብዘይ እታ ኹሎም ዝሓበሩላ ቕጽዓት እንተ ኹንኩም ግና፡ ደቓሉ እምበር፡ ውሉድ ኣይኰንኩምን።" (እብ 12፡5,6,8)*

ከምቲ ምድራዊ ኣቦ ንደቁ ዝቀጽዕ፡ ኣምላኽ ድማ ንባህሪ ናይ ደቁ ይፈርድ እዩ። እንተ ሓጢኦም ከኣ፣ ከምቲ ኣቦ ንዉልዱ ዝቀጽዖ ኣምላኽ ይቀጽዖም እዩ። መቅጻዕቲ [ምእራም] ኣምላኽ ንደቁ ንፍሉይ ዕላማ እዩ፡

*"ቅጽዓት ዘበለስ ንጊዜኡ ንዓሂ እምበር፡ ንሓጉስ ከም ዚኸውን ኣይመስልን እዩ፡ ንዓሕራዩ ግና ነቶም ዝለመድዎ ናይ ሰላም ፍረ ጽድቂ እዩ ዚፈሪ።" (እብ 12፡11)*

## መጻኢ ፍርዲ፡

ጳዉሎስ ኣብ እብራዉያን 6 "ዘልኣለማዊ ፍርዲ" ኢሉ ጠቒስዎ ዘሎ ነዚ መጻኢ ፍርዲ እዩ ዘመልክት። ዘልኣለማዊ ፍርዲ ድሕሪ ሞት እዩ ዝፍጸም፡

*"ከምቲ ንሰብ ሓንሳእ ሙማት ብድሕሩኡውን ፍርዲ እተሰርዖ፣" (እብ 9፡27)*

ኣብ ዝሓለፈ ከም ዝተመሃርካዮ፣ ሓደ ሰብ ምስ ዝመዉት ናብ ህልዉና ኣምላኽ ይኣቱ'ዶ ኣይኣቱን ብቐጥታ እዩ ዝዉሰን። ትዕድልቲ ጻድቃንን ሓጥኣንን ድሕሪ ሞት ዝተፈላለየ እዩ። እንተኾነ እቲ ዘልኣለማዊ ትዕድልቶም ዘረጋግጽ ናይ መደምደምታ ፍርዲ ድሕሪ መወዳእታ ዓለምን ትንሳኤን እዩ ዘጋጥም፡

*"... ኣብ ቅድሚ ኣምላኽን ኣብ ቅድሚ እቲ ንህያዋንን ምዉታንን ኪፈርድ ዘለዎ ክርስቶስ የሱስን በቲ ምግላጽ*

*መንግስቱን ኤማሕጸንካ ኣሎኹ።" (2ጢሞ 4:1-4)*

*"...እንሆ፡ ጐይታ ንኹላቶም ኪፈርዶም ኢሉ ምስ ኣእላፋት ቅዱሳቱ መጺኡ ኣሎ፡ ..." (ይሁ 14,15)*

## ቦታታት ናይ መወዳእታ ፍርዲ

ናይ መወዳእታ ፍርዲ ዝካየደሉ ሰለስተ ቦታታት ኣለዉ፡

### መንበር ፍርዲ ክርስቶስ፡

*"... ኩላትና ኣብ ቅድሚ መንበር ፍርዲ ኣምላኽ ደው ክንብል ኢና ..." (ሮሜ 14:10)*

*"... ኵላትና ኣብ ቅድሚ መንበር ፍርዲ ክርስቶስ ብግዲ ኽንግሃድ ኢና ..." (2ቆረ 5:10)*

ኣብዚ ዝፍረዱ ኩሎም ኣመንቲ እዮም፡

### ዝፋን ክብሩ፡

እቲ ካልኣይ ቦታ ናይ ፍርዲ "ዝፋን ክብሪ ክርስቶስ" ተባሂሉ ዝጽዋዕ እዩ። እዞም ዝብዚ ዝፍረዱ እቶም ብግዜ መከራ ኣብ ምድሪ ዝተረፉ እዮም። የሱስ ናይ ሽሕ ዓመት መንግስቲ ቅድሚ ምምስራቱ እቶም ጻድቃን ተንሲኦም ክፍረዱ እዮም፡

*"ዝፋናት ድማ ርኤኹ፡ ኣባታቶም ከኣ ተቐመጡ፡ ፍርዲውን ተዋህቦም። ነፍሳት እቶም ምእንቲ ምስክር የሱስን ምእንቲ ቓል ኣምላኽን እተሰየፉ፡ ነቲ ኣራዊትን ንምስሉን ከኣ ዘይሰገዱ፡ ማሕተሙውን ኣብ ግምባሮም ወይስ ኣብ ኣእዳዎም ዘይተቐበሉ ድማ ርኤኹ። እዚኣቶም ህያዋን ኰኑ እሞ ምስ ክርስቶስ ሽሕ ዓመት ነገሱ። እቶም ዝተረፉ ምዉታት ግና እተን ሽሕ ዓመት ክሳዕ ዚፍጸማ ህይወት ..." (ራእ 20:4-5)*

### እቲ ዓቢ ጻዕዳ ዝፋን፡

እቲ ናይ መወዳእታ ቦታ ፍርዲ "ዓቢ ጻዕዲ ዝፋን" ተባሂሉ ይጽዋዕ፡ ኣብዚ ዝፍረዱ እቶም ኣብ መፈጸምታ ናይ ሽሕ ዓመት ዝትንስኡ ዝተረፉ ምዉታት እዮም። (እዚ እቲ ካልኣይ ትንሳኤ፣ ትንሳኤ ሓጥኣን ድማ ይበሃል።)

ፍርዲ እቲ ዓቢ ጻዕዳ ዝፋን ኣብ ራእዩ ዮሃንስ 20:11-15 ተመዝጊቡ ኣሎ። እቶም ሓጥኣን ክፍረዱ እዮም ብምኽንያት ሓጢኣቶም ድማ ምስ ሰይጣንን መልኣኽቱን ኣብ ቀላይ ሓዊ ክድርበዩ እዮም።

## ዘልኣለማዊ ፍርዲ

ኣብ መደምደምታ ፍርድታት ዝፍረዱ ክልተ መሰረታዉያን ጉጅለታት ናይ ሰብ ጥራይ እዮም ዘለዉ፡ ኣመንትን ዘይኣመንትን።

### ኣመንቲ፡

ኣመንቲ ስለ ግብርታቶም ክፍረዱ እዮም፣ ብእኡ መሰረት ድማ ዓስቦም ክረኽቡ እዮም።

*"እምብኣርሲ ነፍሲ ወከፍና በብናይ ርእሱ ንኣምላኽ ጸብጻብ ኪህብ እዩ።" (ሮሜ 14:12)*

*"ነፍሲ ወከፍና ነቲ ብስጋኡ ኸሎ ዝገበሮ፡ ሰናይ ኰነ ወይስ እከይ፡ ምእንቲ ኪቕበል፡ ኵላትና ኣብ ቅድሚ መንበር ፍርዲ ክርስቶስ ብግዲ ኽንግሃድ ..." (2ቆረ 5:9-10)*

ኣመንቲ ዝፍረድሉ መገዲ፣ ንህይወቶም ኣብ መሰረት ናይ ቃል ኣምላኽ ከመይ ገይሮም ከም ዝሃነጽዋ ብምርኣይ እዩ፡

*"ሓደ እኳ ኣብ ልዕሊ እዛ መሰረት እዚኣ ወርቂ፡ ብሩር፡ ክቡር እምኒ፡ ዕጨይቲ፡ ሳዕሪ ወይስ ሓሰር እንተ ሰርሔ፡ እታ መዓልቲ እቲኣ ብሓዊ ኽትግለጽ እያ እሞ፡ ክትቀልዖ እያ። ግብሪ ነፍሲ ወከፍ ኪግሃድ እዩ፡ ንግብሪ ነፍሲ ወከፍ ከኣ ከመይ ምዃኑ እቲ ሓዊ ኺፍትኖ እዩ። ሰብ፡ እቲ ኣብ ልዕሊኡ እተሃንጸ ዕዮ እንተ ጸንዓሉ፡ ዓስቢ ኪቕበል እዩ። እቲ ዕዮኡ እንተ ነደደ ግና፡ ዓስቡ ኺስእን እዩ። ንርእሱ ግና ኪድሕን ..." (1ቆረ 3:12-15)*

ኣብዚ ባህርያዊ ዓለም ዕንጨይቲ፣ ሓሰርን ሳዕርን ኩሎም ብግሁድ ኣብ ልዕሊ መሬት እዮም ዝበቝሉ። ብቐሊሉ ከኣ ይነዱ።

እዚኦም ኣብነት ናይቶም ብሰብ ዝረኣዩ ግብርታት ናይ ኣመንቲ እዮም። ሃቐና ናይዞም ግብርታት ጌጋ እዩ ነይሩ።

ወርቅን ብሩርን ብሓዊ ኣይጠፍኡን እዮም። ኣብ ባህርያዊ ዓለም እዞም ባእታት ብሰብ ከይተራእዩ ኣብ ትሕቲ መሬት እዮም ዝምዕብሉ። እዚኦም ኣብነት ናይቶም፣ ብሰባት ክረኣዩን ክነኣዱን ጥራይ ዘይኮነ፣ ብቅኑዕ ሃቐና ዝፍጸሙ ግብርታት እዮም። እዚኦም ኣብ መንግስቲ ኣምላኽ ክቡር ዋጋ ዘለዎም ግብርታት እዮም ምኽንያቱ ብቅኑዕ ሃቐና ዝተፈጸሙ ስለ ዝኾኑ።

ግብርታት ናይ ሓቐኛ ኣመንቲ ብመሰረት ምእዛዝ እዩ ክፍረድ። ኣብ ማቴዎስ 25 ዘሎ ምስላ መኽሊትን፣ ከምኡ'ውን ኣብ ሉቃስ 19 ዘሎ ምስላ ምናን ነዚ ሓቂ እዚ ንኩብርሁ ብየሱስ ዝተነግሩ እዮም።

ኣብ ክልቲኡ ምስላታት እቶም ባሮት፣ ነቲ ዝተዋህብዎ እንታይ ገይሮሞ መሰረት እዮም ተፈሪዶም። ንጉይታኦም ገንዘብ ከዉፍሩ ተነጊርዎም። እቶም ዘይእዙዛት ባሮት ዘይእሙናት ተባሂሎም እዮም ተፈሪዶም።

ልክዕ ከምዘን ምሳሌታት፣ የሱስ ጉይታና ሓላፍነት ሂቡና ኣሎ። እዚ ሓላፍነት ዓቢ ተልእኾ ተባሂሉ ይጽዋዕ፡

> *"ስለዚ ኺዱ ንኹሎም ኣህዛብ ብስም ኣቦን ወድን መንፈስ ቅዱስን እናኣጥመቕኩም፡ ዝኣዘዝኩኹም ኩሉ ኺሕልዉ ኸኣ እናመሀርኩም፡ ደቀ መዛሙርቲ ግበርዎም። እንሆ ድማ፡ ኣነ ኽሳዕ መወዳእታ ዓለም ኵሉ መዓልቲ ምሳኻትኩም እየ።" (ማቴ 28፡19-20)*

ኣምላኽ ዝሃበና መልእኽቲ ወንጌል ወሲድና ምስ ኣብ መላእ ዓለም ዘለዉ ካልኦት ብምክፋል ድማ ክነራብሖ ኣለና። ነዚ ተልእኾ እዚ ክንእዘዞ ከለና፣ ነቲ ኣምላኽ ዝሃበና ነዉፍሮን ንዉስኾን ኢና ዘለና።

ገለ ኣመንቲ ኣብዚ ተልእኾ እዚ ካብ ካልኦት ኣመንቲ ዝዓቢ ሓላፍነት ኣለዎም። ገሊኦም ከም ጓሶት፣ ወንጌላዉያን፣ መምሃራን፣ ወዘተ እዮም ተጸዊዖም። ይኹን እምበር ነፍሲ ወከፍ ከም ብሓድሽ ዝተወልደ ኣማኒ ንዓለም ብወንጌል ክበጽሓ ገለ ሓላፍነት ኣለዎ።

ኣመንቲ እምበኣር ብመሰረት እቲ ኣምላኽ ሂብዎም ዘሎ ሓላፍነት ዘለዎም እሙንነት እዮም ክፍረዱ፡

> *"ምስናይ እዚ ኸብ መገብቲ ነፍሲ ወከፍ እሙን ኰይኑ ኺርከብ የድሊ እዩ።" (1ቆረ 4፡2)*

ኣመንቲ ብመሰረት ክእለቶም፣ ትምህርቶም ወይ መንፈሳዊ ዉህበቶም ኣይኮኑን ዝፍረዱ። ንሳቶምሲ ብመሰረት ነቲ ኣምላኽ ክገብርዎ ኢሉ ሂብዎም ዘሎ፣ ዘለዎም ትኣዛዝነትን እሙንነትን እዮም ክፍረዱ። ፍርዲ ናይ ሓቐኛ ኣመንቲ ናይ ኩነኔ ፍርዲ ኣይኮነን። ማለት ሓደ ሓቐኛ ኣማኒ ንዘልኣለማዊ መቕጻዕቲ ክኹነን ኣይክእልን እዩ። ንክርስቶስ ብምቕባሉ ካብ መንፈሳዊ ሞት ናብ ዘልኣለማዊ ህይወት ድሮ ተሳጊሩ እዩ፡

> *"እቲ ንቓለይ ዚሰምዖን በቲ ዘለኣኸኒ ዚኣምንን ናይ ዘለኣለም ህይወት ኣላቶ። ንሱ ኸብ ሞት ናብ ህይወት ተሳገረ እምበር፡ ናብ ፍርዲ ኸም ዘይበጽሕ፡ ብሓቂ፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ።" (ዮሃ 5፡24)*

ሓደ ሓቐኛ ኣማኒ ዝበሃል ካብ ሓጢኣት ዝተነሰሐን ንየሱስ ክርስቶስ ከም ናይ ግሊ መድሓኒኡ ብምቕባሉ ድማ እምነቱ ናብ ኣምላኽ ዘርኣየ እዩ። ንሱ ብየሱስ ክርስቶስ ሓድሽ ፍጥረት ዝኾነን ከምኡ ድማ ዝነብር ዘሎን እዩ። ጳዉሎስ ከም ዘረጋገጾ፡

> *"እምብኣርሲ ሕጂ ነቶም ብክርስቶስ የሱስ ዘለዉ ኹነኔ የብሎምን።" (ሮሜ 8፡1)*

ሓደ ሓጢኣተኛ ናብ የሱስ ክመጽእ ከሎ እቲ ሕሉፍ መዝገብ ናይ ሓጢኣቱ ብኣምላኽ ይድምሰስ እዩ። ሓደ ኣማኒ ክሓጥእ ከሎ ክንሳሕን ሓጢኣቱ ክእመንን ጥራይ እዩ ዘድልዮ፣ ኣምላኽ ድማ ነቲ ሓጢኣት ካብ መዝገብ ይድምስሶ፡

> *"ሓጢኣትና እንተ ተናዘዝና፡ ንሓጢኣትና ይቕረ ኪብለልና፡ ካብ ኵሉ ዓመጻውን ኪንጽሃና እሙንን ጻድቕን እዩ።" (1ዮሃ 1፡9)*

## ዘይኣመንቲ፡

ዘይኣመንቲ ብምኽንያት ሓጢኣት ክፍረዱን ክቕጽዑን እዮም። ኣምላኽ ዝርዝር ስማት ናይቶም ዝተነስሑ፣ ንየሱስ ክርስቶስ ዝተቐበሉን ሓቐኛ ኣመንቲ ዝኾኑን ዝሓዘ "መጽሓፍ ህይወት" ዝበሃል መጽሓፍ መዝገብ ኣለዎ። እቶም ንዕኡ ዝነጸግዎ ከኣ ብሰሪ ሓጢኣት ክፍረዱን ብናይ ዘልኣለማዊ መቕጻዕትን ክጠፍኡን እዮም። ስሞም ኣብ መጽሓፍ ህይወት የለን፡

*"ዝኾነ ይኹን ኣብ መጽሓፍ ህይወት ተጽሒፉ ዘይተረኽበ፡ ናብቲ ቐላይ ሓዊ ተደርበየ።" (ራእ 20፡15)*

ድሕሪ ምልዋጥካ ብየሱስ ከም ሓድሽ ፍጥረት ክትነብር ከም ዘሎካ ምስትዉዓል ኣገዳሲ እዩ። ድሒንካ ጸኒሕካ፣ ግን ብምኽንያት ኣብ ሓጢኣት ብምቕጻልካ ናብቲ ኣረጊት ህይወት "ክትምለስ" ትኽእል ኢኻ። ስምካ ኣብ መጽሓፍ ህይወት ተጻሒፉ ጸኒሑ፣ ግን ብምኽንያት ሓጢኣት ክሕከኽ ከም ዝኽእል መጽሓፍ ቅዱስ የረጋግጽ፡

*"እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ፡ ነቲ ዝበደለኒ ኻብ መጽሓፈይ እሐኮ" (ዘጸ 32፡33)*

ስለዚ ከኣ እዩ ቅዱስ ህይወት ንምንባር ክትመሃር ኣዝዩ ኣገዳሲ ዝኾነ። ኣብ ህይወትካ ንሓጢኣት ብምስዕርካ፣ ኣምላኽ ንስምካ ካብ መጽሓፍ ህይወት ከምዘይፍሕቖ ከተረጋግጽ ትኽእል ኢኻ፡

*"እቲ ዚስዕር ከምኡ ጻዕዳ ኽዳውንቲ ኪኽደን እዩ፡ ኣነውን ንስሙ ኻብ መጽሓፍ ህይወት ኣይክፍሕቖን ..." (ራእ 3፡5)*

## ትዕድልቲ እቶም ጻድቃን

ትዕድልቲ እቶም ጻድቃን ኣብ ህልዉና ኣምላኽ ዘልኣለማዊ ህይወት እዩ። ህልዉና ኣምላኽ ሰማይ ተባሂሉ ይጽዋዕ። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ብዝተፈላለየ ስማት ተገሊጹ ኣሎ፡

### ቤት ኣቦ፡

የሱስ ንዕኡ ከም ቤት ኣቦኡ፣ ሓደ ናይ ቤት ቦታ፣ ዕረፍትን ሕብረትን ቦታ ገይሩ ጠቒስዎ ኣሎ፡

*"ኣብ ቤት ኣቦይ ብዙሕ ማሕደር ኣሎ። እቲ እንተ ዘይህሉስ፡ ምበልኩኹም ነይረ። ስፍራ ኽዳልወልኩም እኸይድ ኣሎኹ" (ዮሃ 14፡2)*

### ሰማያዊት ሃገር፡

ከምቲ እስራኤል ናብታ ምድሪ ተስፋ ዝተጎዓዙ፣ መጽሓፍ ቅዱስ ንሰማይ ከም ናብኡ ንጎዓዞ ዘለና ሃገር የመሳስሎ፡

*"ሕጂ ግና እትሐይሽ፡ ማለት ሰማያዊት፡ ይናፍቑ ኣለዉ፡ ስለዚ ድማ ኣምላኽ፡ ከተማ ኣዳሊውሎም ኣሎ እሞ፡ ኣምላኾም ኪብሃል ብኣታቶም ኣይሐፍርን እዩ።} (እብ 11፡16)*

### ከተማ፡

ሰማይ ምስ ሓንቲ ከተማ ተመሳሲሉ ኣሎ፡

*"እታ ቅድስቲ ኸተማ፡ እታ ሓዳስ የሩሳሌም፡ ንመርዓዊኣ ኢላ ኽም እተሰለመት መርዓት ተዳልያ፡ ካብ ሰማይ ካብ ኣምላኽ ክትወርድ ከላ ርኤኹ።" (ራእ 21፡2)*

መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ሰማይ ኣደነቕቲ ነገራት ይገልጽ እዩ። ሰማይ ቦታ ናይ፡

### ቅድስና፡

*"እቶም ኣብቲ ናይቲ ገንሸል መጽሓፍ ህይወት እተጻሕፉ ደኣ እምበር፡ ገለ ርኽሰት ወይስ እቲ ዘፈንፍንን ሓሶትን ዚገብር ዘበለ ኸኣ ናብኣ ከቶ ኣይኪኣቱን እዩ።" (ራእ 21፡27)*

### ሓጎስ፡

*"ኣምላኽ ከኣ ንብዘሎ ንብዓት ካብ ኣዒንቶም ኪደርዝ እዩ። እቲ ቐዳማይ ሐሊፉ እዩ እሞ፡ ድሕሪ ደጊም ሞት ኣይኪኸውንን፡ ድሕሪ ደጊምውን ሓዘን፡ ወይ ጫውጫው፡ ወይ ጻዕሪ ኣይኪኸውንን እዩ፡ ኪብል ከሎ ሰማዕኩ።" (ራእ 21፡4)*

### ጽባቐ፡

*"እቲ ቐጽራ ድማ ብያስጲስ እተነድቀ እዩ፡ እታ ኸተማውን ጽሩይ ወርቂ ኸም ጽሩይ መረጸን ኢያ እትመስል።" (ራእ 21፡18)*

## ኣገልግሎት፡

*"ስለዚ ኣብ ቅድሚ እቲ ዝፋን ኣምላኽ እዮም፡ ኣብታ መቕደሱውን ለይትን መዓልትን የገልግልዎ አለዉ። እቲ ኣብቲ ዝፋን ተቐሚጡ ዘሎ ኸኣ ንድንኳኑ ኣብ ልዕሊኦም ኪተኽሎ እዩ።" (ራእ 7፡15)*

## ምስ ክርስቶስ ምንጋስ፡

የሱስ ከምዚ ኢሉ ኣተሰፍዩ ኣሎ ...

*"ከምቲ ኣነውን ዝሰዐርኩ እሞ ምስ ኣቦይ ኣብ ዝፋኑ እተቐመጥኩ፡ ነቲ ዚስዕር ኣብ ዝፋነይ ምሳይ ኪቕመጥ ክህቦ እየ።" (ራእ 3፡21)*

## ኣምልኾ፡

መጽሓፍ ቅዱስ እቶም ኣብ ሰማይ ዘለዉ ...

*"... ፍግም ኢሎም ሰገዱ።" (ራእ 5፡14)*

## ብርሃንን ኩብርን፡

*"እታ ኸተማ ኸኣ ኽብሪ ኣምላኽ ኣብሪሁላ ኣሎ፡ መብራህታስ እቲ ገንሸል እዩ እሞ፡ ጸሓይ ወይስ ወርሒ ኺብርሃላ ኣየድልያን እዩ።" (ራእ 21፡23)*

## ናይ ሓድሽ ኣረኣእያ ቦታ፡

ኣብ ሰማይ ምህላዉ ናይ ኩሉ ነገር ሓድሽ ኣረኣእያ ይህበካ፡

*"እንሆ፡ ኣነ ሓድሽ ሰማይን ሓድሽ ምድርን ክፈጥር እየ እሞ፡ እቲ ናይ ቀደም ኣይኪሕሰብን እዩ።" (ኢሳ 65፡17)*

## ማሕደር ኣምላኽ፡

*"ካብቲ ዝፋንውን ዓው ዝበለ ድምጺ፡ እንሆ ድንኳን ኣምላኽ ምስ ሰብ፡ ንሱውን ምሳታቶም ኪነብር እዩ፡ ንሳቶም ከኣ ህዝቡ ኪኾኑ እዮም፡ ኣምላኽውን ባዕሉ ምሳታቶምን ኣምላኾምን ኪኸውን እዩ።" (ራእ 21፡3)*

## ዘልኣለማዊ ትዕድልቲ ናይ ሓጥኣን

ዘልኣለማዊ ትዕድልቲ ናይቶም እኩያት ሲኦል እዩ። ሲኦል ቦታ ናይ፡

## ሕልፍ ዝበለ ስቓይ፡

*"እቲ ዘስሓቶም ድያብሎስውን ናብቲ እቲ ኣራዊትን እቲ ነብዩ ሓሶትን እተደርበይዎ ቐላይ ሓውን ዲንን ተደርበየ። ንዘለኣለመ ኣለም ከኣ ለይትን መዓልትን ኪሳቐዩ እዮም።" (ራእ 20፡10)*

## ምዝካርን ጣዕሳን፡

*"ኣብ ሲኦል ኣብ ስቓይ ኩይኑ፡ ዓይኑ ቛሕ ኣቢሉ፡ ንኣብርሃም ኣብ ርሑቕ፡ ንኣልኣዛርውን ኣብ ሕቝፉ ረኣየ። ... ኣብርሃም ግና፥ ወደይ፡ ንስኻስ ብህይወትካ ኸሎኻ ተድላኻ ኸም እተቐበልካ፡ ኣልኣዛር ድማ ከምኡ መከራ ኸም ዝጸገበ፡ ዘክር። ሕጂ ግና ንሱ ኣብዚ ይጸናናዕ፡ ንስኻ ድማ ትስቀ።" (ሉቃ 16፡23,25)*

## ዕጋበት ዘይብሉ ድሌት፡

*“ጸዊዑ ኸአ፥ ዎ ኣቦይ ኣብርሃም፡ በዚ ሃልሃልታዚ እሰቀ ኣሎኹ እሞ ምሓረኒ፡ ኣንፊ ኣጻብዑ ኣብ ማይ ጠሚዑ ልሳነይ ኬዝሕለለይ፡ ንኣልኣዛር ስደደለይ፡ በለ።” (ሉቃ 16፡24)*

## ንዕቀት፡

*“ካብቶም ኣብ መሬት ምድሪ ደቂሶም ዘለዉስ ብዙሓት፣ ገሊኦም ናብ ናይ ዘለኣለም ሕይወት፣ ገሊኦም ከኣ ናብ ሕፍረትን ናብ ናይ ዘለኣለም ነውርን ኪበራበሩ እዮም።” (ዳን 12፡2)*

## ክፉእ ምሕዝነት፡

*“እቶም ፈራሃትን ዘይኣምኑን ፍንፉናትን ቀተልቲ ነፍስን ኣመናዝርን ጠንቈልትን መምለኽቲ ጣኦትን ብዘለዉ ሓሰውትን ግና፡ ግዲኦም ኣብቲ ብሓውን ዲንን ዚነድድ ቀላይ እዩ፡ እዚ እቲ ኻልኣይ ሞት እዩ፡ በለኒ።” (ራእ 21:8)*

## ተሰፋ ቅብጸት፡

*“ረሲእ እንተ ሞተ፡ ተሰፋኡ ይጠፍእ፡ ትጽቢት ክፉኣትውን ይጠፍእ።” (ምሳ 11፡7)*

## ዘልኣለማዊ መቕጻዕቲ፡

ሲኦል ካብ መበቀሉ ንሰይጣንን መላእኽቱንን እዩ ተዳልዩ። ሰብ ድማ ብየሱስ ክርስቶስ እንተ ዘይድሒኑ፣ ብሰንኪ ሓጢኣት፣ ንዘልኣለምነት ኣብ ሲኦል እዩ ትዕድልቱ፡

*“ድሕርዚ ኣብ ጸጋሙ ንዘለዉ ይብሎም፡ ኣቱም ርጉማት፡ ካባይ ርሐቑ፡ ናብቲ ንሰይጣንን ንመላእኽቱን እተዳለወ ናይ ዘለኣለም ሓዊ።” (ማቴ 25፡41)*

ናይቶም ክፉኣት መቕጻዕቲ ዘልኣለማዊ እዩ። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ንዘልኣለማዊ ህይወትን (ዮሃ 3፡15) ዘልኣለማዊ ኣምላኽን (1ጢሞ 1:17) ዝጥቐመሉ ቃል ምስቲ ንዘልኣለማዊ ፍርዲ (እብ 6፡2) ዝገልጽ ቃል ተመሳሳሊ እዩ። ሓደ ካብዚኦም ግዝያዊ እንተኾይኑ፣ እቶም ካልኦት ክልተ ድማ ግዝያዉያን ክኾኑ ኣለዎም።

ኣምላኽን ሰማያዊ ህይወትን ዘልኣለማዊ ካብ ኮነ፣ መቕጻዕቲ ኣብ ሲኦል'ውን ከምኡ ዘልኣለማዊ እዩ፣ ነዚ መደምደምታ እዚ እንሃድመሉ መገዲ የለን። ኣምላኽ ንሰባት ናብ ሲኦል ኣይልእኽን እዩ። ሰብ ንየሱስ ክርስቶስ ብምንጻግን ብሓጢኣት ዝተመልኤ ህይወት ብምንባሩን እዩ ባዕሉ ናብ ሲኦል ክኸይድ ዝመርጽ። ኣምላኽ ብመደብ ናይ ድሕነት ኣቢሉ ካብ ናይ ዘልኣለም መቕጻዕቲ እንሃድመሉ መገዲ ኣዳልዩ እዩ። ሓደ እኳ ክጠፍእ ኣየፍቅድን እዩ።

## ከመይ ኢልና ደኣ ክነብር ኣለና፧

ትምህርቲ ዘልኣለማዊ ፍርዲ ንህይወትና ከም ኣመንቲ ከመይ ገይሩ ክጸልዎ ይግባእ፧ ሃዋርያ ጴጥሮስ ብዛዕባ መጻኢ ፍርዲ ክጽሕፍ ከሎ ነዚ ሕቶ መሊስዎ ኣሎ፡

ደጊም እዚ ኹሉ ዘፈላለ ኻብ ኰነ፡ ... ብቕዱስ ንብረትን ብፍርሃት እግዚኣብሄርን ከመይ ዝበሉ ኽትኰኑ እዩ ዚግብኣኩም።

*“... ስለዚ ኸኣ፡ ኣቱም ፍቁራተይ፡ ነዚ እናተጸበኹምሲ፡ ብዘይ ነውርን ብዘይ መንቅብን ብሰላም ኣብ ቅድሚኡ ኽትርከቡ ተጋደሉ።” (2ጴጥ 3፡11,14)*

ዉጽኢት ምርዳእ ዘልኣለማዊ ፍርዲ ኣብ ህይወት ሓደ ኣማኒ፣ መንፈሳዊ ብጽሕና ክኸውን ኣለዎ።

ዓዉዲ ናይ ክርስትያናዊ ብጽሕና፣ ጳዉሎስ “ናብ ፍጽምና ምሕላፍ” ዝበሎ፣ ናይ ዝቅጽል ምዕራፍ ኣርእስቲ እዩ።

## ርእሰ ገምገማ

1. ኣብ ብሉይ ኪዳን "ፍርዲ" ዝብል ቃል ዝተጠቐመሉ ክልተ መንገዲ ግለጽ፤

______________________________________________ ____________________________________________________

2. ትርጉም "ፍርዲ" ዝብል ቃላት እንታይ ማለት እዩ፤

______________________________________________________________________________________________

3. ስለምንታይ እዩ ፍርዲ ኣገዳሲ ዝኾነ፤

______________________________________________________________________________________________

4. ኣብ ግዜ ዘልኣለማዊ ፍርዲ መን እዩ ፍራዲ ዝኸውን፤

______________________________________________________________________________________________

5.መን እዩ ዝፍረድ____________________________________________________________________________

6. ኣብቲ ግዜ ነቲ ፍርዲ ዝቕልሰዎ መትከላት እንታይ እዮም፤

______________________________________________________________________________________________

______________________________________________________________________________________________

7. ነታ መሪሕ ጥቕሲ ካብ ዘኽርኻ ጽሓፍ፤

______________________________________________________________________________________________

______________________________________________________________________________________________

8. እቲ ሓሳብ ቅኑዕ እንተኾይኑ "ቅኑዕ" ጸሓፍ። ግጉይ እንተኾይኑ "ግጉይ" ኢልካ ጸሓፍ።

ሀ._______ኣብ ኩሉ እዋናት ዝካየድ ፍርዲ ኣሎ።

ለ._______ንፍሉይ ግዜ ኣብ መጻኢ ዝተሓዝአ ፍርዲ ኣሎ።

ሐ________መጽሓፍ ቅዱስ እቲ ናይ መጻኢ ፍርዲ ኣበይ ከም ዝኸውን ኣይነግርን እዩ።

## ንዘያዳ መጽናዕቲ

**እዚ ምዕራፍ እዚ ንኣርእስቲ ናይ ፍርዲ ከምቲ መጽሓፍ ቅዱስ ዝምህሮ ኣለልዩ ኣሎ። ብዛዕባ ፍርዲ ዘለካ ፍልጠት ንክሰፍሕ፣ ነዚ ዝስዕብ ትልሚ ብምኽታል መጽናዕትኻ ቀጽል፡**

**ፍርዲ ሓደ መለለዪ ናይ ኣምላኽ እዩ**

**መዝ** 89፡14, 97፡2, 99፡1-5, **ኢሳ** 28፡5-6, 30፡18, 61፡8, **ዳን** 4፡37

**ፍርዲ ሓደ ምለለዩ የሱስ እዩ**

**መዝ** 72፡2, ኢሳ 9፡7, 11፡1-5, **ዮሃ** 5፡30, 8፡15-16,26

**ዕላማታት ፍርዲ ኣምላኽ**

**ህይወት ንምሃብ፡ ሌዋ** 18፡4-5, **ነህ** 9፡29, **መዝ** 119፡149,156

**ህዝቡ ንምብጃዉ፥ዘጽ** 6፡6, 7፡4 ኢሳ 1፡27 **ንምጽናዕ/ንምትካል፡** 1**ቀረ** 28፡7, **መዝ** 37፡28 **ምሳ** 2፡8, **ዘፎ** 2፡3 **ንምእራም፡** **መዝ** 119፡75, **ኤር** 10፡24, **ኣን** 1፡12

**ህዝቡ ንምርዳእ፡ መዝ** 76፡8-9, 119፡175

**በረኸታት ፍርዲ ኣምላኽ**

**ምጽንናዕ፡** **መዝ** 119፡52

**ዓስቢ፡** **መዝ** 58፡11

**መምርሕን ቅድስናን፡** ኢሳ 26፡8-9

**ንፍርዱ ግብረ-መልሲ ዘይምሃብ ዘሎ መቕጻዕቲ**

**እዚኦም ኣብ ህዝ** 5፡6-7, 11፡11-12, 14፡21, **ሚል** 2፡1-4, 3፡1-6 **ተዘርዚሮም ኣለዉ**

**ባህሪ ፍርድታት ኣምላኽ**

**ጻድቅ፡ ዘዳ** 4፡8, **መዝ** 19፡9, 119፡137, **ኤር** 11፡20, 2**ተሰ** 1፡4-6, 1**ጴጥ** 2፡23, **ራእ** 15፡4, 16፡7, 19፡2,11

**ኣብ ፍቕሪ ዝተመስረተ፡** **መዝ** 33፡5

**ሓቅን ቅኑዕን፡** **መዝ** 111፡7, **ምሳ** 2፡9, **ኤር** 4፡2, **ዮሃ** 8፡15-16

**ካብ እኩያት ልዕል ዝበለ፡ መዝ** 10፡5

**ዘልኣለማዊ፡** **መዝ** 119፡160

**ዓቢ፡** **መዝ** 36፡6

**ዝተሓደሰ፡** **ጸፎ** 3፡15

**ዘይምርመር፡** **ሮሜ** 11፡33

**ንዓና ክገሃዱልና እዩም፡** **ራእ** 15፡4

**ኣምላኽ ንመን ይፈርድ**

| | |
|---|---|
| ኩሉ ሰብ፣ | መዝ 7፣8, 9፣7-8, 96፣10, እብ 12፣23, ይሁ 15-16 |
| ንጻድቕ ዘሳድዱ፣ | መዝ 119፣84 |
| ጻድቕ ሰብ፣ | መዝ 7፣11 |
| መላገጽቲ፣ | ምሳ 19፣29 |
| ነፍሲ ወከፍ ሰብ፣ | ምሳ 29፣26 |
| መንእሰያት፣ | መክ 11፣9 |
| መንግስታት፣ | ኢሳ 2፣4 |
| መራሕቲ፣ | ኢሳ 3፣13-14 |
| እኩያት፣ | ዘዳ 7፣10-11, ኤር 1፣16, እብ 13፣4, ይሁ 5-6 |
| ዓለም፣ | ዮሃ 9፣39, 12፣31 |
| ገዛኢ እዛ ዓለም [ሰይጣን]፣ | ዮሃ 16፣11, 12፣31 |
| ካብ ማሕበር ወጻኢ ዘሾኑ፣ | 1ቆረ 5፣13 |
| ህዝቡ፣ | እብ 10፣30 |
| መምሃራን፣ | ያእ 3፣1 |
| ተቓየምቲ፣ | ያእ 5፣9 |
| ማሕበር [ቤት ኣምላኽ]፣ | 1ጴጥ 4፣17 |
| ኣህዛብ፣ | ህዝ 39፣21 |

ኣምላኽ ብኸመይ እዩ ይፈርድ

ብመገዲ የሱስ ክርስቶስ ኣቢሉ፣ ዮሃ 5፣22,27

ብመንፈስ ቅዱስ ኣቢሉ፣ ዮሃ 16፣11, ህዝ 36፣27

ብመሰረት ቃል ኣምላኽ፣ ዮሃ 12፣48

ከም ግብሪ ነፍሲ ወከፍ ሰብ፣ 1ጴጥ 1፣17

ብኣገልገልቱ ገይሩ፣ ህዝ 44፣24, ሆሴ 6:5

ንፍርድታት ኣምላኽ ዘለና ኣመለኻኽታ

ንሕና ንፍርድታቱ፣

ክንምህሮ ኣለና፣ እዝ 7፣10, መዝ 37፣30

ክንሕልዎምን ክንገብሮምን፣ ዘዳ 11፣32

ብዛዕብኦም ንኣምላኽ ክነመስግኖ፣ መዝ 48፣11, 97፣8, 119፣7,62,164 ክንብህጎም፣ መዝ 119፣20

ኣብ ቅድሚና ክነንብሮም፣ መዝ 119፣30

**ብኣታቶም ተሰፋ ክንገብር፡መዝ** 119፡43

**ክንእዉጆም፡** **መዝ** 119፡13

**ካባታቶም ከይንርሕቕ፡** **መዝ** 119፡102

**ክንፈርሖም፡** **መዝ** 119፡120

**ክንጥንቀቐሎም፡** **መዝ** 35፡23

**ኣምላኽ ክፈርደና ክንሓቶ፡መዝ** 35፡24

**ፍርድታቱ ክንሰብኽ፡** **መዝ** 24፡25

**ዕላማታት ህልዉ ፍርዲ ኣምላኽ**

**ኣምላኽ ንኣመንቲ ዝቀጽዓሉ ዕላማታት ክምዞም ዝስዕቡ እዮም፡ ቅዱሳት ክገብረና፡** **እብ** 12፡10

**ኣብ ህይወትና ጽድቂ ከምጽእ፡** **እብ** 12፡11

**ህይወት ከምጽእ፡ እብ** 12፡9, **ምሳ** 15፡31

**ንመሪሕነት መንፈስ ከዳልወና፡** **ምሳ** 1፡23

**ክብሪ ከምጽእ፡** **ምሳ** 13፡18

**ጥበብ ከምጽእ፡** **ምሳ** 15፡5,32

**ፍርሃት ኣምላኽ ክምህረና፡ምሳ** 15፡33

**ፍጹማት ክገብረና፡** **ቆሎ** 1፡28, 2**ጢሞ** 3፡16-17

**ትዕግስቲ ክምህረና፡** 1**ጴጥ** 2፡20

**ኩነኔ ንምዉጋድ፡** 1**ቆረ** 11፡32

**ንስሓ ንምምጻእ፡ ራእ** 3፡19, **ሮሜ** 2፡4

**ክእርመና፡** **ኤር** 10፡24

**ምኽንያታት ናይ መቕጻዕቲ**

**ሓጢኣትን ምድሕርሓርን፡ ኤር** 2፡19, **ዮሃ** 3፡20, 16፡8, 2**ጴጥ** 2፡16

**ጉድለታት፡** 1**ጴጥ** 2፡20

**ዘይምእማን፡** **ሮሜ** 11፡20

**ዘይምእዛዝ፡** **ሉቃ** 12፡47-48

**ንሰባት ምፍራሕ፡ እዮ** 13፡10

**መቕጻዕቲ ብኸመይ ይዉገድ**

1**ቆረ** 11፡31-32 [**ገዛእ ርእስኻ ምምርማር**]; **ሮሜ** 11፡22; **ፊሊ** 2፡12-16

**ደረጃታት መቕጻዕቲ**

**ኣምላኽ ኣብ ህይወትና ናይ መቕጻዕቲ ኣገባብ ኣለዎ። ካብታ ቀላል ዓይነት መቅጻዕቲ ዝኾነት ተግሳጽ ክሳብ እቲ ከቢድ ዝኾነ**

ደረጃ ናይ መቕጻዕቲ ዝኸይድ እዩ (እብ 12፡11)።

**ተግሳጽ፡**

ጉድለት ንምእራም፣ ናይ ጌጋ መግለጺ ምሃብ ፣ መምርሒ ወይ መአረምታ ምሃብ። ኣምላኽ ይዛረበናን ብዛዕባ ኣብ ህይወትና ዘሎ ጌጋ ድማ ይግስጸና። ኢሳ 11፡4; መዝ 50፡21; 141፡5; ምሳ 1፡23; ኤፌ 5:13; 2ጢሞ 3፡16

**መግናሕቲ፡**

መሪር ተግሳጽ ወይ ነቐፌታ። ንተግሳጽ ምስማዕ እንተኣቢና፣ ኣምላኽ ብኸቢድ መገዲ ይሰርሕ። እብ 12፡5; ራእ 3፡19; መዝ 6፡1; ዘዳ 28፡20

**ቁጥዓ፡**

ድሕሪ መግናሕትና ኣብቲ ሓጥእ መገድና እንተጸናዕናን መአረምታ ኣምላኽ ድማ እንተነጸግና፣ ሽዑ ኣምላኽ ቁጣዓኡ ኣብ ልዕሌና የምጽእ። ሮሜ 2፡8-9

**ስቓይ፡**

ቁጥዓ ኣምላኽ ብስቓይ ኣቢሉ ክግለጽ ይኽእል እዩ። ፋይናንሳዊ፣ ንብረታዊ ወይ'ውን ኣካላዊ ስቓይ ክኸውን ይኽእል እዩ። (እዚ ማለት ኩሉ ስቓይ ካብ ኣምላኽ'ዩ ማለት ኣይኮነን)። ሮሜ 2፡9 መዝ 119፡75 ዘዳ 28፡15-47; ሌዋ 26፡14-39; ኣሞ 4፡6-13

**ምንጻል፡**

መቕጻዕቲ ንስሓ ከምጽእ ዉጽኢታዊ ምስ ዘይከውን፣ እዚ እቲ መወዳእታ ስጉምቲ ፍርዲ ናይ ኣምላኽ እዩ። እብ 6፡4-6; 10፡26-31; ኤር 14፡11-12; 2ጴጥ 2፡20; 1ዮሃ 5፡16; ምሳ 1፡25-32; 5፡1-23; 15፡10; 29፡1

**ዉጽኢታት ናይ መቕጻዕቲ**

ዕላማ ኣምላኽ ኣብ መቕጻዕቲ፣ ንሕና ናብኡ ምእንቲ ክንምለስ እዩ፡ ሆሴ 6፡1

# ምዕራፍ ዓሰርት ሐደ
# ፍጽምና

## ዕላማታት፡

እዚ ምዕራፍ ምስ ወዳእካ፣ ነዚ ዝስዕብ ክትክእል ኢኻ፡

- ነታ መሪሕ ጥቕሲ ካብ ዘኽርኻ ጽሓፍ
- “ፍጽምና” ክትገልጽ
- ኣብነት ፍጽምና ንኣመንቲ ከተለሊ
- መለክዒ ፍጽምና ንኣመንቲ ክትሰሚ
- ኣብ መንጎ መባእታውን ዝቅጽልን ፍጽምና ክትፈላሊ
- ኣብ መሰርሕ ፍጽምና ዝካተቱ ረቋሒታት ክትዝርዝር

## መሪሕ ጥቕሲ፡

*“እምብኣርከ ከምቲ ሰማያዊ ኣቦኹም ፍጹም ዝኾነ፣ ንስኻትኩምውን ፍጹማት ኩኑ።” (ማቴ 5፡48)*

### መእተዊ

ኣብ ባህርያዊ ዓለም ከምቲ ጥዑይ መሰረት ንህንጻ ኣገዳሲ ዝኾነ፣ ከምኡ’ውን ጥዑይ መንፈሳዊ መሰረት ንሓደ ኣማኒ ኣገዳሲ እዩ። ብመገዲ ምስላ እቶም ክልተ ሃነጽቲ፣ መንፈሳዊ መሰረትካ ኣብ ቃል ኣምላኽ ክህነጽ ከም ዘለዎ ተማሂርካ ኣለኻ።

እብ 6፡1-3 መሰረታት እምነት ክርስትና እዞም ዝስዕቡ ምኳኖም ይገልጸልና፡

- ንስሓ ካብ ምዉት ግብርታት
- እምነት ናብ ኣምላኽ
- ትምህርቲ ጥምቀታት
- ምንባር ኣእዳው
- ትንሳኤ ምዉታት
- ዘልኣለማዊ ፍርዲ

እዚኦም መንፈሳዊ ህይወትካ እትሃንጸሎም መሰረታውያን ትምህርታት ናይ ቃል ኣምላኽ እዮም። ኣብ ዝሓለፈ ምዕራፋት ንነፍሲ ወከፎም ኣጽኒዕካዮም ኢኻ።

### ናብ ፍጽምና ምሕላፍ

ኣብ እብ 6፡1-3 ጳዉሎስ መንፈሳዊ ህይወትካ ኣብ ምህናጽ ኣድላዪ ዝኾነ ተወሳኺ ስጉምቲ ሂቡ ኣሎ፡

*“ስለዚ ናይ ክርስቶስ መጀመርታ ነገሩ ሓዲግና … ናብ ፍጻሜ ንሕለፍ።” (እብ 6፡1-3)*

ንሰሓ ካብ ምዉት ግብርታት፣ እምነት ናብ ኣምላኽ፣ ጥምቀታት፣ ምንባር ኣእዳዉ፣ ትንሳኤ ምዉታትን ዘልኣለማዊ ፍርድን፣ እዚኦም ኩሎም መትከላት ትምህርቲ ናይ ክርስቶስ እዮም።

ኣብ መንጎ ኣመንቲ ክልተ ልሙዳት ጫፋት ኣለዋ። እቲ ሓደ ፍልጠት ቃል ኣምላኽ ኣለዎም፣ ግን ነዚ ፍልጠት ኣብ መዓልታዊ ህይወቶም ኣየተግብርዎን እዮም። እቲ ካልእ ጫፍ ድማ ኣመንቲ ንተመኩሮ ትኹረት ይገብርሉ ንትምህርቲ ከኣ ዕሽሽ ይብልዎ። ትምህርትን ተመኩሮን ክልቲኦም ኣገደስቲ እዮም። ግቡእ ምርዳእ ናይ ትምህርቲ ዉጽኢቱ ተመኩሮ እዩ። ኣብ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ትምህርቲ ዘይተሰረተ ተመኩሮ ግን ዘተኣማምን ኣይኮነን።

ነቶም ኣብ እብ 6፡1-3 ዘለዉ መሰረታዉያን ትምህርትታት፣ ክትርድኦም ጥራይ ዘይኮነ ክትሙኮሮም'ውን ኣለካ። ሓንሳእ ህይወትካ ብተመኩሮ ኣብዞም ትምህርትታት እዚኦም ምስ ሃነጽካ፣ ከመይ ገይርካ "ናብ ፍጽምና ትሓልፍ" ክትመሃር ኣለካ። እዚ ዕላማ ናይዚ ምዕራፍ እዩ።

## መግለጺ

"ፍጽምና" ዝብል ቃል ትርጉሙ፣ ምሉእ፣ ዉዱእን ብጹሕን ማለት እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ ንሓደ ብመንፈስ ብሱል ዝኾነ ኣማኒ ክገልጽ ከሎ ኣብ ክንዲ "ብጽሕና" ዝብል ቃል "ፍጽምና ዝብል ቃል እዩ ዝጥቀም። ሓደ "ፍጹም" ክርስትያን ዝበሃል፣ መንፈሳዊ ብጽሕና ዝተጎናጸፈ እዩ። እዚ ማለት ስጋኡ፣ ንፍሱን መንፈሱን ኣብ ትሕቲ ምሉእ ምቁጽጻር ናይ መንፈስ ቅዱስ ኣሎ ማለት እዩ።

"ፍጽምና" ዝብል ቃል ምስ "ምቅዳስ" ወይ'ውን "ምዉፋይ" ዝብል ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ እንጥቀመሎም ቃላት ተመሳሳሊ እዩ። "ምቅዳስ" ማለት ቀድስና ማለት እዩ፣ "ምዉፋይ" ከኣ ብጽድቂ ዝተፈልየ ምኻን ማለት እዩ።

## ክልተ ሓደጋታት

ንፍጽምና ኣቓልቦ ከይሃብካ ኣብ መንፈሳዊ መሰረታት ጥራይ ትኹረት እንተደአ ተጌርሎም፣ ክልተ ሓደገታት ኣለዉ፡

1. እቲ ሓደ ሓደጋ፣ ናብ መንፈሳዊ ብጽሕና ከይሓለፍካ ጽቡቕ መንፈሳዊ መሰረት ምንባር እዩ።
2. እቲ ካልእ ሓደጋ ድማ ኣብ ልዕሊ ግጉይ መንፈሳዊ መሰረት "ልዕለ ቀርጺ ህንጻ" ክትሃንጽ ምፍታን እዩ።

## ነቲ መሰረት ምዉዳእ

ሓደ መሰረት ዝተወደአ ህንጻ ኣይኮነን። ኣብቲ መሰረት ልዕሊ ቀርጺ ህንጻ ክህነጽ ግድን እዩ። ልዕለ ቀርጺ ዝበሃል እቲ ልዕሊ መሰረት ዝርኤ ኣካል ናይቲ ህንጻ እዩ። ሓደ ጽቡቕ መንፈሳዊ መሰረት እቲ ናይ መወዳእታ ሽቶ ናይ ሓደ ኣማኒ ኣይኮነን፡

*"ካባኻትኩምከ፡ ምስራሕ ግምቢ ዚደሊ እሞ መሰረት ምስ ሰረተ፡ ምውዳኡ እንተ ሰኣነ፡ ዝረኣይዎ ኹሎም፡ እዚ ሰብኣይዚ ምንዳቕ ጀሚሩስ ምውዳኡ ስኢኑ፡ ኢሎም ምእንቲ ኼላግጹሉ ኸይጅምሩ፡ …" (ሉቃ 14፡29-30)*

ብዙሓት ሰባት ምስ ኣምላኽ ይጅምሩ እዮም። ንወንጌል ይሰምዑ፣ ካብ ምዉት ግብርታት ይንስሑ፣ ከምኡ'ውን እምነት ብኣምላኽ ዘለዎም እዮም፣ እንተኾነ ኪኖ እዚ ነጥቢ እዚ ፈጺሞም ኣይግስግሱን እዮም። መንፈሳዊ መሰረቶም ፈጺሞም ከይወደኡ፣ ናብ ፍጽምና ከኣ ኣይሓልፉን እዮም።

ኣብ ባህርያዊ ዓለም ከፊላዊ መሰረት ተግባራዊ ኣይኮነን። ኣብ ከፊላዊ መሰረት ህንጻ ክትሃንጽ ኣይከኣልን እዩ ኣንተዘይኮይኑ ብጸቕጢ ክዓኑ እዩ። ነቲ መሰረት ቀድም ክትዉድእ ኣለካ ብድሕሪኡ ከኣ ነቲ ህንጻ ትሃንጾ።

መንፈሳዊ መሰረቶም ዘይወድኡ ኣመንቲ ኣብ ትሕቲ ጸቕጢ ሽግራት ክህልዎም እዩ። መንፈሳዊ "ዉረድ ደይብ" ዘለዎ ህይወት እዮም ክነብሩ። መንፈሳዊ ህንጻኦም ንማዕበላት ህይወት ኣይክጻወሮን እዩ። መሰረቶም ስለ ዘይተወድአ ናብ ፍጽምና [መንፈሳዊ ብጽሕና] ኣይሓልፉን እዮም።

## ንልዕለ ቀርጺ ምህናጽ

ኣብ ባህርያዊ ዓለም መሰረት ንበይኑ ጥራይ እምብዛ ተግባራዊ ኣይኮነን። እቲ ኣብ ልዕሊ እቲ መሰረት ዝተሰርሐ ህንጻ እዩ

ከም ገዛ፣ ቤት ጽሕፈት ወይ ቤት ትምህርቲ ዘገልግል። ገለ ሰባት ብመንፈስ ዘይብጹሓት ዝኾኑሉ ምኽንያት፣ መንፈሳዊ መሰረት ጥራይ ኣንቢሮም ናብ ፍጻሜ ከይሓልፉ ነቲ ህንጻ ፈጺሞም ኣይዉድእዎን እዮም።

ጳዉሎስ ብዛዕባ እዞም ብመንፈስ ዘይብጹሓት ዝኾኑ ኣመንቲ ተዛሪቡ ኣሎ፡

*"ከም ምንዋሕ ዘመንስ መምህራን ክትኰኑ እኳ ምተገብኣኩም ነይሩ፡ ነቲ ናይ መጀመርታ ትምህርቲ ቈልዑ ናይ ቃል ኣምላኽ ከም ብሓድሽ ኪምህሩኹም የድልየኩም ኣሎ እሞ ጸባ ደኣ እምበር፡ ዕጹም ብልዒ ኣየድልየኩምን እዩ። ጸባ ዚቕለብ ዘበለ ኹሉ ቈልዓ እዩ እሞ፡ ብናይ ጽድቂ ነገር ፍቱን ኣይኰነን። ዕጹም ብልዒ ግና ነቶም ጸቡቕን ክፉእን ንምፍላይ ብምልማድ ንልቦናኦም ዘላምዱ ብጹሓት እዩ።" (እብ 5:12-14)*

ጳዉሎስ ነቶም ኣብ ቆረንቶስ ዝነበሩ ኣመንቲ ንካልኦት ወንጌል ዝምህርሉ ግዜ ከምዝኾነ እዩ ነጊርዎም። ኣብ ክንድኡ ግና፣ ነቲ መጀመርታ [መሰረታዊ] መትከላት ናይ ኣምላኽ ክመሃሩ ዘለዎም እዮም ነይሮም። ንዕኦም ድማ ምስቶም ጸባ ጥራይ ክሰትዩ ዝኽእሉ ህጻናት እዩ ኣነጻጺርዎም። "ጸባ" ማለቱ እቲ ናይ መጀመርታ መትከላት ናይ ኣምላኽ ማለት እዩ።

ጸባ ጥዕና ዘለዎን ዕቤት ዘምጽእን እዩ፣ ግናኸ ህጻን ናብ ድሩቕ መግቢ ዝሓልፈሉ ግዜ ድማ ኣሎ፡

*"ንመን ደኣ ፍልጠት ኪምህር እዩ ንመንከ እዩ ነታ መልእኽቲ ኸም ዜስተውዕላ ዚገብሮ ነቶም ጸባ ኣዴኦም ዝሐደጉ፡ ካብ ጡብ እተፈልዩ ድዮ" (ኢሳ 28፡9)*

ከምቲ ኣብ ባህርያዊ ዓለም ሓደ ህጻን ብግቡእ ክዓቢ እንተኾይኑ ጸባ ጡብ ምሕዳግ ኣድላዪ ዝኾነ፣ ኣብ መንፈሳዊ ዓለም'ውን ኣድላዪ እዩ። ኣመንቲ ኪኖ መጀመርታ መትከላት ናብ መንፈሳዊ ብጽሕና [ፍጽምና] ክኸዱ ኣለዎም። ብመንፈሳዉነት ብጹሓት ዝኾኑ ኣመንቲ ንጸባ ጥራይ ዘይኮኑ ንስጋ ቃል ኣምላኽ'ውን ክበልዑ ብቕዓት ኣለዎም።

## ጻዉዒት ንፍጽምና

የሱስ ንሰዓብቱ ናብ ፍጻሜ ይጽዉዖም እዩ፡

*"እምበኣርከ ኸምቲ ሰማያዊ ኣቦኹም ፍጹም ዝኾነ፣ ንስኻትኩምውን ፍጹማት ኩኑ።" (ማቴ 5፡48)*

እዚ ፍጽምና እዚ ንህልዉና ኣምላኽ እዩ ዘንጸባርቕ፡

*"... ኣነ ኣባታቶም ንስኻውን ኣባይ፣ --- ሓደ ምእንቲ ክኾኑ ..." (ዮሃ 17፡ 22-23)*

ዉጽኢቱ መንፈሳዊ ብጽሕና እዩ፡

*"ኣሕዋተየ፣ በእምሮ ሰብኡት ኩኑ፣ ... ብዛዕባ ኣእምሮ ቆልዑ ኣይትኹኑ።" (1ቆረ 14፡20)*

ፍጽምና ሽቶ ናይታ ቀዳመይቲ ማሕበር እዩ ነይሩ። ጳዉሎስ ከምዚ ኢሉ ጽሒፉ ኣሎ፡

*"... እዚውን፣ ምሉኣት ክትኮኑ፣ ንጸሊ ኣሎና።"*

*"... ምሉኣት ኩኑ ..." (2ቆረ 13፡9,11)*

እምበኣርከስ ዉልቃዊ ፍጽምና ዉጽኢቱ ንስኻ ምስ ካልኦት ኣመንቲ ኣብ ስጋ ክርስቶስ ብፍጹም ንክትጋጠም እዩ፡

*"... ኣሕዋተይ፣ ኩላትኩም ሓደ ዘረባ ክትዛረቡ፣ ብሓደ ልብን ብሓደ ሓሳብን ፍጹም ክትጋጠሙ እምበር፣ ምፍልላይ ከይህልወኩም፣ እምዕደኩም ኣለኹ።" (1ቆረ 1፡10)*

ኣብ ስጋ ክርስቶስ ዝረኣዩ ምፍልላያት ዉጽኢት ናይ መንፈሳዊ ዘይብሱልነት እዩ።

## ኣብነት ናይ ፍጽምና

ንኣመንቲ ኣብነት ናይ ፍጽምና ዝኾነ የሱስ እዩ፡

*"ዝኢ ኢኹም እተጸዋዕኩም እሞ፣ ክርስቶስ ከኣ፣ ምእንቲ ኣሰኣሰሩ ክትሰዕቡ ኽትሰዕቡ፣ ኣርኣያ ሓዲጉልኩም ምእንታኹም*

*መከራ ጸገበ፣" (1ጴጥ 2፡21)*

*"እቲ ኵሉ ምእንታኡ ኵሉውን ብእኡ ዝኾነ፣ ንብዙሓት ዉሉድ ናብ ክብሪ እናእተዎም፣ ነቲ ራእሲ ምድሓኖም ብስቓያት ኪፍጽም ተገብኦ።" (እብ 2፡10)*

*"… ፍጹም ምስ ኮነ ኸኣ፣ ነቶም ዚእዘዝዎ ዘበሉ ኵላቶም ንናይ ዘለኣለም ምድሓኖም ምኽንያት ኰኖም።" (እብ 5፡9-10)*

*ኣመንቲ ነቲ ናይ ፍጽምና ኣብነት ዝኾነ የሱስ ክኽተሉ [ክምኡ ክኾኑ] ምእንቲ እዩ ኣምላኽ መዲቡ፥*

*ነቶም ቀደም ዝፈለጦም፣ ንሱ ንብዙሓት ኣሕዋትሲ በዅሮም ምእንቲ ኪኸውን፣ ንምስሊ ወዱ ኺመስሉ ቐደም መደቦም። (ሮሜ 8፡29)*

## መለክዒ ናይ ፍጽምና

ኣመንቲ ዝዕቀንሉ መለክዒ ናይ ፍጽምና፣ ቃል ኣምላኽ እዩ። የሱስ ኣብነት ናይ ፍጽምና እዩ ነይሩ፣ ነቲ ቃል ከኣ ብምልኣት ተመሳሲልዎ እዩ ነይሩ ምኽንያቱ ንሱ እቲ ግሁድ ምግላጽ ናይ ቃል ኣምላኽ እዩ ነይሩ። ኣምላኽ፣ ንህይወትና ዘመሓድሩ፣ ኣብ ቃል ኣምላኽ መለክዒታት ኣንቢሩ ኣሎ። እቶም ናይ መጀመርታ ንሰብ ዝሃቦ መለክዒታት፣ ኣብቶም ቀዳሞት ሓሙሽተ መጽሓፍቲ ናይ ብሉይ ኪዳን ተመዝጊቦም ዘለዉ፣ "ሕጊ" ተባሂሎም ዝጽዉዑ ዝነበሩ እዮም።

ዝበዝሐ ታሪኽ ናይ ብሉይ ኪዳን፣ ድኻም ናይ ሰባት ኣብ ምሕላዉ ሕግታት ኣምላኽ እዩ መዝጊቡ ዘሎ። ሰብ ብናይ ገዛእ ርእሱ ጻዕርታት ነቲ ሕጊ ክሕልዎ ከምዘይክእል ኣምላኽ ይፈልጥ ነይሩ እዩ። ኣምላኽ ግን ሕጊ ክህብ ከሎ ገለ ንጹር ዕላማታት ነይርዎ እዩ። ሓደ ካብቶም ዕላማታት ሕጊ ድማ ንሰባት እቲ ሓጢኣታዊ ኩነታቶም ንምርኣይ እዩ ነይሩ። እቲ ካልእ ዕላማ ድማ ብናይ ገዛእ ርእሶም ጻዕርታት ክጸድቁ ከምዘይክእሉ ንምርኣይ እዩ ነይሩ፥

*"ሕግስ ሓጢኣት እዩ ዜፍልጥ እሞ፡ ስለዚ ሲጋ ዘለበሰ ኵሉ ኣብ ቅድሚኡ ብግብሪ ሕጊ ዚጸድቕ የልቦን።" (ሮሜ 3፡20)*

ኣምላኽ ኣብዚ ተስፋ ኣልቦ ኩነታት ኣይገደፈናን። ብሕጊ ኣቢሉ መሲህ ኣተስፊኡልና እዩ፥

*"ከማኻ ዝበለ ነብዩ ኻብ ማእከል ኣሕዋቶም ከተንስኣሎም እየ፡ ቃለይ ከኣ ኣብ ኣፉ ኽንብር እየ፡ ንሱ ድማ ዝኣዘዝክዎ ኹሉ ኺነግሮም እዩ። ይኸውን ከኣ፡ ነቲ ብስመይ ዚዛረቦ ዘረባይ ዘይሰምዕ ሰብ፡ ኣነ ኻብኡ ኽሓትቶ እየ።" (ዘዳ 18፡18-19)*

ኣብ ግብ 3፡22-26 እዘን ንጉይታ የሱስ ክርስቶስ ዘመልክታ ቃላት ብሃዋርያ ጴጥሮስ ተጠቒሰን እየን።

ኣብ ብሉይ ኪዳን፣ ንሓጢኣት ተባሂሉ ዝተፈላለዩ ብኣምላኽ ዝጥለቡ መስዋእትታት ነይሮም እዮም። የሱስ ንሓጢኣት ኩሎም ደቂ-ሰብ ህይወቱ በኛ ድሕሪ ምዉፋዩ፣ እቲ ናይ ብሉይ ኪዳን መስዋእትታት ደጊም ኣድላይነት ኣይነበሮምን፥

*"ሕጊ፡ ጽላሎት እቲ ዚመጽእ ሰናይ ነገር ከለዎ፡ … በቲ በብዓመቱ ኩሉ ሳዕ ዚስውእዎ መስዋእትታት ነቶም ዚቐርብዎ ከቶ ፍጹማት ኪገብሮም ኣይከኣሎን እዩ። ክርስቶስ ግና ነቶም ዚቕደሱ ብሓንቲ መስዋእቲ ንሓዋሩ ፈጸሞም …" (እብ 10፡1,14)*

ዕላማ ሕጊ ኣብዘን ቃላት ተጠቓሊሉ ኣሎ፥

*"እቲ ተስፋ ግና ነቶም ዚኣምኑ ብእምነት የሱስ ክርስቶስ ምእንቲ ኺውሃብ፡ እቲ ጽሑፍ ንዅሉ ኣብ ትሕቲ ሓጢኣት ዓጸዎ። እምነት ከይመጸት፡ ንሕና ነታ ኽትገሃድ ዘለዋ እምነት እናተጸበና፡ ተዓጺና ኣብ ትሕቲ ሕጊ ተሐልዉና ነበርና። ስለዚ ኸኣ ብእምነት ምእንቲ ኽንጸድቕሲ፡ ናብ ክርስቶስ ኬብጽሓና እቲ ሕጊ ቐጻዪና ኰነ።" (ገላ 3፡22-24)*

ሰብ ብናይ ገዛእ ርእሱ ጻዕሪ ነቶም መለክዒታት ናይ ጻድቕ ኣምላኽ ክሕልዎም ኣይክእልን እዩ። እቲ ሕጊ ኣድላይነት ናይ መድሓኒ እዩ ኣትሊሑ፣ ንሰብ ድማ ናብ የሱስ ክርስቶስ መሪሕዎ። ንስኻ ብናይ ገዛእ ርእስኻ ጻዕሪ ዘይኮነ ብክርስቶስ ኢኻ ምሉእ ዝኾንካ። ብእኡ ኢኻ ናብ ኣብነት ፍጽምናኡን መለክዒ ቃል ኣምላኽን ተመሳሲልካዮ ዘለኻ።

*"ሕጊ ንሓደ እኳ ኣብ ፍጻሜ ኣየብጽሖን፡ግናኸ ናብ ኣምላኽ እንቐርበላ፡ እትሓይሽ ተስፋ ኣተወት።" (እብ 7፡19)*

## ደረጃታት ፍጽምና

ክልተ ደረጃታት ፍጽምና ኣለዉ፥

### ናይ ፈለማ/መበገሲ ፍጽምና፥

ኣብ 1ቆረ 1፡2 ጳዉሎስ ኑቶም ኣመንቲ "ቅዱሳን" ኢሉ ይጽዎዕም እዩ፣ እዚ ማለት "እቶም እተቐዱሱ" ማለት እዩ። ዛጊት ድማ ኣብታ ደብዳቤ እቲኣ፣ ብምኽንያት ሓጢኣት ነዞም "ቅዱሳን" ይእርሞም እዩ። ንሳቶም ኣመንትን ብክርስቶስ ዝተቐደሱን እዮም ነይሮም፣ እንተኾነ ኣብ መዓልታዊ ምምልላሶም ብቅኑዕ ኣይኮነን ዝነብሩ ነይሮም።

እዞም ኣመንቲ ናይ ፈለማ ምልኣት ተቐቢሎም ኢዮም። ብበጃኒት ካብ ምዉት ግብርታት ሓጢኣቶም ዝተሕድገሎም እዮም ነይሮም። ሓጢኣቶም ሓንሳእን ንሓዋሩን ተሓዲግሎም ነይሩ (እብ 10፡14)። እዚ ናይ ፈለማ ምልኣት፣ ኣብታ ንየሱስ ከም መድሓኒ ዝተቐበሉላ ግዜ እዮም ዝተቐበልዋ። እንተኾነ እዞም ክርስትያናት ናብ ፍጻሜ ኣይሓለፉን። ነቲ ናይ ሓጢኣት "ኣረጊት ሰብ" ንምጥፋእ ኣይቀጸልዎን፥

> *"... ደጊም ንሓጢኣት ከይግዛእ፡ እቲ ናይ ሓጢኣት ስጋ ምእንቲ ኺጠፍእ፡ እቲ ኣረጊት ሰብና ምስኡ ኸም እተሰቕለ፡ ፈሊጥና ኣሎና።" (ሮሜ 6፡6-7)*

ድሕሪ ምልዋጦም ኣብ ሓጢኣት ምንባር ክቕጽሉ ጌጋ ምዃኑ ጳዉሎስ ነጊርዎም እዩ፥

> *"ስለዚ ሓደ እኳ ብክርስቶስ እንተ አልዩ፡ ንሱ ሓድሽ ፍጥረት እዩ፡ እቲ ብሉይ ሐሊፉ፡ እንሆ፡ ኵሉ ሓድሽ ኰይኑ።" (2ቆረ 5፡17)*

ከም ኣማኒ ሓድሽ ህይወት ክትነብር ኣለካ። ኣብ ሓጢኣት ምቕጻል ቅኑዕ ኣይኮነን። ጳዉሎስ ከምዚ ኢሉ ኣሎ፥

> *"እምብኣርሲ እንታይ ክንብል ኢና፧ጸጋ ምእንቲ ኺዓዝዝሲ፡ ኣብ ሓጢኣትዶ ንጸናዕ፡ ያእ ኣይፋልናን። ንሕና ኻብ ሓጢኣት ዝሞትና፡ ከመይ ኢልና ሕጂ ኣብኡ ኽንነብር፧ ... ከምኡ ኸኣ ንሕና ብሓዳስ ህይወት ምእንቲ ኽንመላለስ ..." (ሮሜ 6፡1,2,4)*

ናብ ፍጽምና ክንሓልፍ ኣለና።

### ገስጋሲ ፍጽምና፥

ኣብ ግዜ ድሕነት ዝርከብ ናይ ፈለማ ፍጽምና ካብ ሓጢኣት፣ መጀመሪ ናይቲ ሰጓሚ ህይወት ናይ ምቕዳስ እዩ። ድሕሪ ድሕነት፣ ብክርስቶስ ሓድሽ ህይወት ክትነብር ኣለካ፥

> *"እምብኣርሲ ንስኻትኩም ኣብቲ የሱስ ክርስቶስ ባዕሉ እምኒ መኣዝኑ ዝኾነ መሰረት ነብያትን ሃዋርያትን እተነደቕኩም፡ ደጊም ደቂ ዓዶም ንቅዱሳንን ሰድራ ቤቱ ንኣምላኽን ኢኹም እምበር፡ ኣጋይሽን መጻእተኛታትን ኣይኰንኩምን።" (ገላ 2፡20)*

ጳዉሎስ ንገስጋሲ ፍጽምና ብገዛእ ህይወቱ ገሊጽዎ ኣሎ፥

> *"ኣነ ነቲ ንእኡ ክኸውን ብክርስቶስ የሱስ እተረኸብኩ ምእንቲ ኽረኽቦ፡ ንቕድሚት እደፍእ ኣሎኹ እምበር፡ ቅድሚ ሕጂ ኸም ዝረኸብክዎ ወይስ ቅድሚ ሕጂ ፍጹም ከም ዝኾንኩ ኣይኮነን።" (ፊሊ 3፡12)*

ጳዉሎስ፣ ሽቶኡ እኳ እንተኾነ፣ ምሉእ ፍጽምና ኣይጨበጠን ነይሩ። ንፍጽምና ዘለዎ ቃልሲ ድማ ኣብ ካልእ ክፍሊ ጽሑፍ ገሊጽዎ ኣሎ፥

> *"ነቲ ዝጸልኦ እገብሮ ኣሎኹ እምበር፡ ነቲ ዝደልዮ ኣይኰንኩን ዝገብሮ ዘሎኹ እሞ፡ ነቲ ዝገብሮ ኣይፈልጦን እየ... ነቲ ኣነ ዝደልዮ ኻብ ዘይገብሮ ግና፡ እቲ ሕጊ ሰናይ ምዃኑ እሰምር ኣሎኹ። ስለዚ እቲ ኣባይ ሐዲሩ ዘሎ ሓጢኣት እዩ እምበር፡ ኣነ ኣይኰንኩን ዝገብሮ ዘሎኹ። ፍቓድሲ ኣሎኒ፡ ምግባር እቲ ሰናይ ግና ስኢነዮ ኣሎኹ እሞ፡ ነቲ ዘይደልዮ እከይ እገብሮ ኣሎኹ እምበር፡ ነቲ ዝደልዮ ሰናይ ኣይኰንኩን ዝገብር ዘሎኹ፡ ስለዚ ኣባይ ማለት ኣብ ስጋይ፡ ሰናይ ከም ዘይነብር እፈልጥ ኣሎኹ። ነቲ ኣነ ዝደልዮ ኻብ ዘይገብሮ ግና፡ ድሕሪ ሕጅስ እቲ ኣባይ ሐዲሩ ዘሎ ሓጢኣት እዩ እምበር፡*

*ኣነ ኣይኮንኩን ዝገብሮ ዘሎኹ። እምብኣርሲ ኣነ ሰናይ ክገብር ዝደሊ እቲ እከይ ከም ዚጠብቀኒ፡ ሕጊ ኾይኑ ረኺበክዎ። ብናይ ውሽጢ ሰብሲ ብቲ ሕጊ ኣምላኽ ባህ ይብለኒ እዩ። ግናኸ ኣብ ኣካላተይ ምስ ሕጊ መንፈሰይ ዚዋጋእ፡ ናብቲ ኣብ ኣካላተይ ዘሎ ሕጊ ሓጢኣት ኣቢሉውን ዚማርኸኒ ኻልእ ሕጊ እርኢ ኣሎኹ።" (ሮሜ 7፡15-23)*

ጳዉሎስ ብመለክዒታት ናይ ኣምላኽ ክነብር ይደሊ ነይሩ እዩ፣ ግናኸ ብገዛእ ርእሱ [ኣብ ስጋኡ] ነዚ ሸቶ እዚ ክገናጸፎ ከም ዘይክእል ተገንዚቡ ነይሩ። ኣብ መንጎ ስጋኡን መንፈሱን ቀጻሊ ዉግእ ነይሩ። መንፈሱ ንሕግታት ኣምላኽ ክሕሉ ይደሊ ነይሩ (ፍቕዲ 22)። ስጋኡ ግን ክሓጥእ ይደሊ ነይሩ። ኣብ መወዳእታ እቲ እንኮ ፍጽምና ክረኽበሉ ዝኽእል መገዲ ብክርስቶስ ምዃኑ ተገንዚቡ፡

*"ክርስቶስ ኣባኻትኩም እንተ ኣልዩ ግና፡ እቲ ስጋ ብሰሪ ሓጢኣት ምዉት እዩ፡ እቲ መንፈስ ግና ሳላ ጽድቂ ህይወት እዩ። ናይ እቲ የሱስ ካብ ምዉታት ዘተንስኤ መንፈስ ኣባኻትኩም ሐዲሩ እንተ ኣልዩ ግና፡ እቲ ንክርስቶስ የሱስ ካብ ምዉታት ዘተንስአ፡ ንሱ ነቲ መዋቲ ስጋኹምውን፡ በቲ ኣባኻትኩም ሐዲሩ ዘሎ መንፈሱ ገይሩ፡ ህያው ኪገብሮ እዩ። ... ነቲ ግብሪ ስጋ ብመንፈስ እንተ ቐተልኩምዎ ግና፡ ብህይወት ክትነብሩ ኢኹም ..." (ሮሜ 8፡10,11,12-13)*

ብመንፈስ ኣምላኽ ኣቢልካ ጥራይ ኢኻ ንክፉእ ድሌታት ናይ ስጋ ክትስዕርን ናብ መለክዒታት ናይ ኣምላኽ ድማ ክትመሳሰል እትኽእልን። ዉጽኢታት ናይ ስጋ ነቲ ክንገብሮም ዘይብልና ክትገብር እንተድኣ ኮይኑ፣ ኣምላኽ ከኣ ናብ ፍጽምና ክትሕደስ ዘኽእለካ መገዲ ኣዳልዩ እዩ።

*"ሓጢኣትና እንተ ተናዘዝና፡ ንሓጢኣትና ይቕረ ኪብለልና፡ ካብ ኲሉ ዓመጻውን ኬንጽሃና እሙንን ጻድቕን እዩ።" (1ዮሃ 1፡9)*

ነዚ ሓድሽ ህይወት እዚ ብገዛእ ሓይልኻ ክትነብሮ ክትፍትን የብልካን። እትነብረሉ መገዲ "ብእምነት ኣብ ወዲ ኣምላኽ" ኣቢልካ እዩ። ብዝኾነ ምኽንያት ክትወድቕ ከሎኻ፣ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ሓጢኣትካ ብምእማንካን ይቕሪታ ብምሕታትን ናብ ፍጽምና ክትሕደስ ትኽእል ኢኻ።

ዳግም ምስ ተወለድካ ልክዕ ከም ህጻን ኣብ ባህርያዊ ዓለም ኢኻ። ብመንፈስ ክትመሃሮ ዘለካ ብዙሕ ኣሎካ። እንዳ ተመሃርካ ከሎኻ ጌጋታት ክትገብር ኢኻ። ጌጋታት ምስ ገበርካ ሓጢኣትካ ናይ ግድን ክትእመን ኣሎካ፣ ኣምላኽ ድማ ይቕረ ክብለልካ እዩ።

ከም ኣማኒ ነቲ ጸላኢኻ ዝኾነ ሰይጣን ኢኻ እትዋግኦ። እዚ ኣብ ኣእምሮኻን ብመገዲ ኣብ ከባቢኻ ዘለዉ ፍጻሚታት ናይ ህይወትን ዝካየድ መንፈሳዊ ዉግእ እዩ። ኣብ ገለ ኣጋጣሚታት ምስ ጸላኢ እትዋግኦ ዉግእ ክትስዕር ትኽእል ኢኻ። እዚ ማለት ግን ነቲ ኩናት ተዓዊትሉ ማለት ኣይኮነን። ንግዚኡ ተሳዒርካ ክትወድቕ ትኽእል ኢኻ፣ ግናኸ ሓጢኣትካ ብምእማን ናብ ፍጽምና ምእንቲ ክትቕጽል እንደገና ብጽድቂ ክትንስእ ትኽእል ኢኻ።

ኣብ ዝሓለፈ ምዕራፍ ከም ዝተመሃርካዮ፣ የሱስ ንሰይጣን ድሮ ፈሪድዎ ኣሎ። ሰይጣን ኣብ መስቀል ኢዩ ብየሱስ ተሳዒሩ። እቲ ኣባኻ ዘሎ ሓይሊ ኣምላኽ ካብ ሓይሊ እቲ ጸላኢ ይዓቢ እዩ፡

*"... ካብቲ ኣብ ዓለም ዘሎስ እቲ ኣባኻትኩም ዘሎ ዚዐቢ ስለ ዝኾነ ..." (1ዮሃ 4፡4)*

ብጽዓት ናይዚ ሓይሊ ኢኻ ናብ ፍጽምና እትሓልፍ እምበር ብጻዕሪ ሰብ ኣይኮንካን። ናብ ፍጽምና ምሕላፍ ማለት ናይ ርእስ ምምሕያሽ ስልጠና ኣይኮነን። ከም ሓድሽ ፍጥረት ብእምነት ኣብ የሱስ ክርስቶስ ምንባር ክትመሃር ከሎኻ እዩ።

## መሰርሕ ናይ ፍጽምና

መሰርሕ ፍጽምና ኣብ ህይወትካ ንኪጋጥም እዞም ዝስዕቡ ነገራት ኣገደስቲ እዮም፡

### ጽቡቕ መሰረት፡

ኣብዚ ስልጠና ከም ዝተመሃርካዮ፣ ናብ ፍጽምና ንምሕላፍ ጽቡቕ መንፈሳዊ መሰረት ኣድላዪ እዩ (እብ 6፡1-3)።

## ግብረ መልሲ ንቃል ኣምላኽ፡

ሓደ ካብ ዕላማታት ቃል ኣምላኽ፣ ፍጽምና ዝዉጽኢቱ መኣረምታ ምቕራብ እዩ፡

*"እቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ፡ ንሰናይ ግብሪ ዘበለ ፈጺሙ ተዳልዩ፡ ፍጹም ምእንቲ ኪኸውንሲ፡ መንፈስ ኣምላኽ ዝነፈሶ ዘበለ ጽሑፍ ንትምህርቲ፡ ንተግሳጽ፡ ንምቕናዕ፡ ንጽድቂ ዚኸውን ምእዳብ ይጠቅም እዩ።" (2ጢሞ 3:16-17)*

ንቃል ኣምላኽ ምጽናዑ ጥራይ ፍጹም ኣይገብረካን እዩ። ነቲ ቃል ዉልቃዊ ዝኾነ ግብረ መልሲ ክትህብ ኣለካ፡

*"ስለዚ ንርኽሰት ዘበለን ብዝሒ ኽፍኣትን ኣርሒቕ፡ ነቲ ንነፍስኹም ኬድሕና ዚከኣሎ ትኹል ቃልውን ብገርህነት ተቐበልዎ። ገበርቲ ቓል ኩኑ፡ ርእስኹም እናጠበርኩም ሰማዕቲ ጥራይ ኣይትኹኑ። ሓደ እኳ ሰማዕ ቃል ኩይኑ ገባሪ እንተ ዘይኮነ፡ ንሱ ነቲ ንገጽ ፍጥረቱ ብመስትያት ዚርኢ ሰብኣይ እዩ ዚመስል። ነፍሱ ይርኢ እሞ፡ ይኸይድ ብኡብኡውን ከመይ ምዃኑ ይርስዖ። እቲ ኣብቲ ምሉእ ሕጊ፡ ንሱ ድማ ሕጊ ሓርነት፡ ኣጸቢቑ ዚጥምትን ዚጸንዕን፡ ግብሪ ዚገብር እምበር፡ ዘይርስዕ ሰማዒ ግና፡ እዚ ብግብሩ ብጹእ ኪኸውን እዩ።" (ያእ 1:21-25)*

ንሕጊ ኣምላኽ ክትምርምሮ ጥራይ ኣይኮነን ዘሎካ፣ ግናኽ ብመሰረቱ ክትቅጽል [ክትነብር] ኣለካ። ኩሉ "ርኽሰትን ክፍኣትን" ብምርሓቕ፣ ነቲ ቃል ናይ ግድን ዉልቃዊ ግብረ መልሲ ክትህበሉ ኣለካ። ገባሪ ቃል ምዃን ርጉጽነት ናይ ምድሓን የምጽእ እዩ።

*"እቲ ንቓሉ ዚሕሉ ግና ፍቕሪ ኣምላኽ ብሓቂ ኣብኡ ትፍጸም። ኣብኡ ኸም ዘሎና፡ በዚ ኢና እንፈልጥ።" (1ዮሃ 2:5)*

## ጸሎት፡

ጸሎት ናይ ፍጽምና ዉጽኢት ኣለዎ፡

*"... ምሉኣትን ብዅሉ ፍቓድ ኣምላኽ ርጉኣትን ኴንኩም ደው ክትብሉ፡ ኵሉ ሳዕ ብጸሎት ዚጋደለልኩም ዘሎ ..." (ቆሎ 4:12)*

## ምዉፋይ፡

*"እምብኣርሲ ኣሕዋተየ፡ ንስጋኹም ህያውን ቅዱስን ንኣምላኽ ባህ ዜብልን መስዋእቲ ጌርኩም ከተቕርብዎ፡ ብምሕረት ኣምላኽ ኣምዕደኩም ኣሎኹ፡ እዚ ማለት እቲ ናይ ኣእምሮ መንፈሳዊ ኣገልግሎትኩም እዩ። እቲ ሰናይን ባህ ዜብልን ምሉእን ፍቓድ ኣምላኽ እንታይ ምዃኑ ምእንቲ ኽትምርምሩስ፡ ብምሕዳስ ሓሳብኩም ተለወጡ እምበር፡ ነዛ ዓለም እዚኣ ኣይትምሰልዋ።" (ሮሜ 12:1-2)*

ህይወትካ ንኣምላኽ ብምዉፋይካ እቲ ፍጹም ፍቓዱ ክትፈልጥ ኢኻ። ምዉፋይ ማለት ምፍላይ ማለት እዩ። ህይወትካ ንኣምላኽ ክትዉፍያ ከሎኻ ንመለክዒታት እዛ ዓለም እዚኣ ከይትመስሎም ትነጽግ ኣለኻ ማለት እዩ። ንመለክዒታት ቃል ኣምላኽ ክትመስል ትመርጽ ማለት እዩ።

## ዉህበታት መንፈስ ቅዱስ፡

ሓደ ካብ ዕላማታት ዉህበታት መንፈስ ቅዱስ፣ ነቲ ኣብ ህይወትካ ዘሎ መስርሕ ፍጽምና ምድጋፍ እዩ። ኣብ ዝሓለፈ ምዕራፍ ከም ዝተመሃርካዮ፣ ኣምላኽ ኣብ ማሕበር ናይ ኣገልግሎት ዉህበታት ኣለዉዎ፡

*"ኵላትና ናብ ሕብረት እምነት፡ ናብ ፍልጠት ወዲ ኣምላኽ፡ ናብ እኹል ሰብኣይ፡ ናብ ልክዕ ምልኣት ብጽሕና ክርስቶስ ክሳዕ እንበጽሕ፡ እቶም ቅዱሳን ነቲ ግብሪ ኣገልግሎት ንምህናጽ ስጋ ክርስቶስ ምሉኣት ምእንቲ ኪኹኑ ..." (ኤፌ 4:12-13)*

## ናብ ዝተመስከረሎም ኣገልግሎታት ርእስኻ ምግዛእ፡

ኣምላኽ ኣብ መስርሕ ፍጽምና ንመንፈሳዉያን መራሕቲ ይጥቀመሎም እዩ። ንመሪሕነት እቶም ኣምላኽ ኣብ ማሕበር ኣብ

ስልጣን ዘቐመጦም ሰባት ክትግዛእ ይግባኣካ እዩ። ኑቶም "ዝተመስከረሎም" ኣገልግሎታት ምግዛእ ማለት፣ ኑቶም ኣገልግሎቶም ምስ ቃል ኣምላኽ ስምምዕ ዘርኣዩ መንፈሳዉያን መራሕቲ ምግዛእ ማለት እዩ። ተራ መንፈሳዉያን መራሕቲ ኣብ መሰርሕ ፍጽምና ኣብ ጽሑፋት ናይ ጳዉሎስ ተገሊጹም ኣለዉ፡

*"ገጽኩም ክንርእን ካብ እምነትኩም ዝጐደለ ኽንምልእን፡ ለይትን መዓልትን መጠን ዜብሉ እናጸለና፡ ..." (1ተሰ 3፡10)*

*"ንሕና ድማ፡ ንዅሉ ሰብ ብክርስቶስ ምሉእ ጌርና ኸነቕሞ፡ ብጥበብ ዘበለ ንዅሉ ሰብ እናመዓድና፡ ንዅሉ ሰብውን እናመሃርና ንነግር ኣሎና።" (ቆሎ 1፡28)*

*"... ምሉኣትን ብዅሉ ፍቓድ ኣምላኽ ርዱኣትን ኬንኩም ደው ክትብሉ፡ ኵሉ ሳዕ ብጸሎት ዚጋደለልኩም ዘሎ ..." (ቆሎ 4፡12)*

*"... ምሉኣት ክትኮኑ፡ ንጸሊ ኣሎና።" (2ቆረ 13፡9)*

## መከራ/ስቓይ፡

ሓደ እኳ ስቓይ ዝደሊ የልቦን፣ እንተኾነ ስቓይ ኣብ ህይወት ሓደ ኣማኒ ክመጽእ ከሎ እወታዊ ዕላማ ክህልዎ ይኽእል እዩ። ዉጽኢት ስቓይ ፍጽምና እዩ፡

*"እቲ ብክርስቶስ የሱስ ናብ ናይ ዘለኣለም ክብሩ ዝጸወዓኩም ኣምላኽ ኵሉ ጸጋ፡ ቅሩብ ጊዜ ሓሳረ መከራ ምስ ጸገብኩም፡ ንሱ ኺፍጽመኩም፡ ኪበርትዓኩም፡ ኪሰርተኩምውን እዩ።" (1ጴጥ 5፡10)*

ትዕግስቲ ኣብ እዋን ናይ ስቓይ ግዜ ዉጽኢቱ ፍጽምና እዩ፡

*"ብሓንቲ እኳ ኸይጐደልኩም ፍጹማትን ምሉኣትን ምእንቲ ኽትኮኑ፡ እታ ትዕግስቲ ፍጹም ግብሪ ይሃልዋ።" (ያእ 1፡4)*

## ርእሰኻ ምግታእ፡

ኣካል ናይ መሰርሕ ፍጽምና፣ ርእሰኻ ምግታእ ክትመሃር ከሎኻ እዩ። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ከምዚ ተባሂልና ኣሎና

*"... ብፍርሃት ኣምላኽ ቅድስና እናመላእና፡ ካብቲ ሲጋን መንፈስን ዜርክስ ዘበለ ኹሉ ርእስና ነንጽህ።" (2ቆረ 7፡1)*

ሓደ ካብቶም ክትቆጻጸሮ ኣሸገርቲ ዝኾነ ነገራት ልሳን እዩ። ግናኸ ንልሳን ምቁጽጻር ናይ ምሉእ ህይወትካ ርእሰ ምግታእ መፍትሕ እዩ፡

*"ኵላትና ብብዙሕ ነገር ንስሕት ኢና እሞ፡ ሓደ ብቓል ዘይስሕት እንተሎ፡ ንሱ ንብዘሎ ሲጋኡ ኺለጒም ዚከኣሎ፡ ብቑዕ ሰብኣይ እዩ።" (ያእ 3፡2)*

## ንመንፈሳዊ መኣረምታ ግብረ መልሲ ምሃብ፡

ካብ ብጹሓት ኣመንቲ እትቕበሎ መኣረምታ ኣካል መሰርሕ ፍጽምና እዩ፡

*"ኣሕዋተየ፡ ሰብ ብሓደ በደል እንተ ተታሕዘ፡ ነዚ ኸምዚ ዘበለ፡ ንስኻትኩም መንፈሳውያን፡ ብህዱእ መንፈስ ጌርኩም ኣቕንዕዎ። ንስኻውን ከይትፍተን፡ ንርእስኻ ተጠንቀቕ።" (ገላ 6፡1)*

ንኸምዚ ዝኣመሰለ መኣረምታ ብግቡእ ግብረ መልሲ ምሃብካ ንፍጽምና ትሕደስ ኢኻ።

## መጠቓለሊ

መንፈሳዊ ብጽሕና ብሞንስ ኣምላኽ ትዓቢ ማለት ኣይኮነን። ስራሕ ድሕነት ኣይተዛዘመን ማለት'ውን ኣይኮነን። ናብ ሰማይ መእተዊ የኽስበካ ማለት ኣይኮነን፣ ምኽንያቱ እዚ ብሞት የሱስ ክርስቶስ ዝተገብረ ነገር እዩ። ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ዝጸደቕካ ብየሱስ ኢኻ። ብእኡ ኢኻ ዝደሓንካን ተስፋ ሰማይ ዝረኸብካን።

**ፍጽምና ንሓደ ጉጅለ ናይ መለክዒታት ብምሕላዉ ኣይኮነን ዝመጽእ። ሓደ ሰብ ደጋዊ መንፈሳዊ ትርኢት ዝህብዎ መለክዒታት ክዕቅብ፣ ዛጊት ግን ዘይመንፈሳዊ እረ ዘይደሓነ'ውን ክኸዉን ይኽእል እዩ።**

**መንፈሳዊ ብጽሕና ኣብ ዝሰምዓካ ስምዒታት ኣይኮነን ዝምርኮስ። ነዊሕ ዓመታት ክርስትያን ብዝኾንካሉ መጠን ወይ ብክርስትያናዊ ኣገልግሎት ብቐጥታ ዝመጽእ ኣይኮነን። መንፈሳዊ ብጽሕና [ፍጽምና] ብምወሳኽን ኣጠቓቕማን ናይ መንፈሳዊ ፍልጠት እዩ ዝመጽእ። እዚ ምዉሳኽ ናይ ፍልጠት ብመጽናዕቲ ቃል ኣምላኽ እዩ ዝመጽእ።**

**ዉጽኢት ናይዚ መጽናዕቲ ብዛዕባ መሰርሕ ፍጽምናን ትእዛዛት ናይ ጐይታና የሱስ ክርስቶስን የሰዕብ። ዉልቃዊ ኣጠቓቕማ ናይ ዝተመሃርካዮ ብሓገዝ ሓይሊ ኣምላኽ ናብ መንፈሳዊ ብጽሕና ይመርሕ።**

**ፍጽምና**

(መንፈሳዊ ብጽሕና)

መጽናዕቲ ቃል ኣምላኽ

↓

ናብዚ ዝስዕብ ይመርሕ

↓

ምዉሳኽ መንፈሳዊ ፍልጠት

↓

ብሓይሊ ኣምላኽ ምስ እተተግብሮ ናብዚ ዝስዕብ ይመርሕ

↓

መንፈሳዊ ብጽሕና (ፍጽምና)

## ኣብ መዕጸዊ ...

ናብ መደምደምታ መጽናዕትና ብዛዕባ መሰረታት እምነት ክርስትና በጺሕና ኣለና። ከም ሓቂ ግን ነዚ ስልጠና እዚ ኣይወዳእካዮን ዘለኻ። ጳዉሎስ ከም ዝበሎ፣ ሕጂ ናይ ግድን ...

*"... ናብ ፍጻሜ ንሕለፍ።" (እብ 6፡1)*

ነፍሲ ወከፍ ምዕራፍ ናይዚ ስልጠና ብዝርዝር ናይ ዕላማታት እዩ ዝጅምር። እዞም ዕላማታት ብመጽናዕቲ ናይቲ ምዕራፍ ክብጽሑ ዝነበሮም ሸቶታት እዮም ነይሮም። ሓድሽ ዕላማኻ፣ ንዝቅጽል ምዕራፍ ናይ ህይወትካ፣ ፍጽምና እዩ ...

*"... ምሉኣት ክትኮኑ፣ ንጸሊ ኣሎና።" (2ቆረ 13፡9)*

# ርእሰ ግምገማ

1. **ትርጉም "ፍጻሜ" ግለጽ**

2. **ንኣመንቲ ኣብነት ናይ ፍጽምና ዝኾነ መን እዩ፧**

3. **ትርጉም ናይ ፈለማ ፍጽምና ግለጽ**

4. **ገስጋሲ ፍጽምና እንታይ ማለት እዩ፧**

5. **ኣብ መስርሕ ፍጽምና ዝኣትዉ ትሸዓተ ረቛሒታት ዘርዝር**

6. **መሪሕ ጥቅሲ ዘኪርካ ጽሓፍ**

7. **እቲ ሓሳባት ቅኑዕ እንተኾይኑ ኣብ ቅድሚኡ ዘሎ ባዶ ቦታ "ቅኑዕ" ጸሓፍ። ጌጋ እንተኾይኑ ድማ "ጌጋ" ጸሓፍ።**

ሀ. **መንፈሳዊ ብጽሕና ክርስትያን ብዝኾንካሉ ንዉሓት ግዜ እዩ ዝምርኮስ።**

ለ. **ገስጋሲ ምጽዳቅ ማለት ምድሓን ኣይተዛዘመን ኣየስምዕን እዩ።**

ሐ. **ብዙሕ ክርስትያናዊ ኣገልግሎታት ብመንፈስ ክትዓቢ ይሕግዘካ እዩ።**

መ. **ፍጽምና ብምዉሳኽ ኣብ መንፈሳዊ ፍልጠትን ዉልቃዊ ኣጠቃቅማ ናይቲ ፍልጠትን እዩ ዝመጽእ።**

8. **መለከዒ ፍጽምና ኣብ ኣመንቲ እንታይ እዩ፧**

# ንዚያዳ መጽናዕቲ

**ነዞም ዝሰዕቡ መወከሲታት ብምጥቓም መጽናዕትኻ ብዛዕባ ፍጽምና ቀጽሎ፡**

**መወከሲታት ሓድሽ ኪዳን**

**ፍጹማት ንኽንከዉን ዝሕብሩና ትእዛዛት፡**

**ማቴ** 5፡48 **ዮሃ** 17፡23 1**ቆረ** 1፡10

2**ቆረ** 7፡1; 13፡9,11

**ቆሎ** 4፡12

**እብ** 6፡1; 13፡21 **ያእ** 1፡4

**ፍጽምና ዝኽልክሉ ነገራት፡**

**ሉቃ** 8፡14 **ገላ** 3፡3 **ፊሊ** 3፡15

**እብ** 7፡11,19; 9፡9; 10፡1

**ምኽንያታት ፍጹም ንኽትከዉን፡**

**ዮሃ** 17፡23 **ሮሜ** 12፡2 **ቆሎ** 4፡12

2**ጢሞ** 3፡16-17 **ያእ** 1፡4; 2፡22; 3፡2 1**ዮሃ** 2፡5

**ብኸመይ ኢና ፍጹማት ንኸውን**

**ማቴ** 19፡21 **ሉቃ** 6፡40 2**ቆረ** 7፡1; 12፡9 **ገላ** 3፡3

**ኤፌ** 4፡12-13 **ፊሊ** 3፡12,15

**ቆሎ** 1፡28; 3፡14 2**ጢሞ** 3፡16-17 **እብ** 2፡10; 7፡11

**ያእ** 1፡4,17,25; 2፡22; 3፡2

1**ጴጥ** 5፡10

1**ዮሃ** 2፡5; 4፡12; 4፡17-18

**መወከሲታት ብሉይ ኪዳን ኣብረሃም ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ፍጹም ክኸውን ነይርዎ፡ ዘፍ** 17፡1 **ህዝቅያስ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ፍጹም ነይሩ፡ ኢሳ** 38፡3

**መገዲ ኣምላኽ ንዓና ፍጹም እዩ፡** 2**ሳሙ** 22፡31

**መጽሓፍቲ 1ይ 2ይ ነገስት ኣንብብ። "ልቡ ፍጹም ኣይነበረን" ዝብል ሓረግ ነቶም ንእስራኤል ዝገዝኡ ዝነበሩ እኩያት ነገስታት ዝገልጽ ወትሩ ተጠቒሱ ትረኽቦ ኢኻ። ታሪኾም ከተንብብ ከሎኻ፣ ልቦም ንምንታይ ፍጹም ዘይምንባሩን ዉጽኢት ናይዚ ጉድለት ፍጽምናን ተዓዚብ ኢኻ።**

**ፍጽምና ኣብ መዝሙር ዳዊት፡**

**ዳዊት ብዛዕባ ፍጽምና ዝበሎ ኣጽንዕ ኢኻ፡**

**መገዲ ኣምላኽ ፍጹም እዩ፡ መዝ** 18፡30,32

**ሕጊ ኣምላኽ ፍጹም እዩ፡ መዝ** 197

**መወዳእታ እቲ ፍጹም ሰብ ሰላም እዩ፡ መዝ** 37፡37 **ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ብፍጽምና ክንመላለስ ኣለና፡ መዝ** 101፡2,6